NATIONAL UNION OF ERITREAN YOUTH & STUDENTS

# መንእሰይ

መጽሔት ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ

2025
86
ሕዳር

- መውዳእታ ናይ ፍቕርና ...
- ውዳበን ኣፍራይነትን
- ኣወለፍቲ ነገራትን ሳዕቤናቶምን
- ጸጥታ ባሕሪ ብደቂ ባሕሪ
- ቀያሕቲ ዕምባባ - ሓርበኛዊ ወለዶ ንጽባሕ



**ክልተ ወርሓዊት መጽሔት**
**ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ**

ሕዳር 2025 ቁ.**86**

ዋና ኣሰናዳኢ
**መስፍን ገብረሂወት**

ለይ ኣውት
**MGH**

ዲዛይን ሕብራዊ ገበር
**ከማል ዲኖ**

ስእሊ
**ዮሃንስ በረኸት**
**ኣርካይቭ ስእሊ**

ኣድራሻ
**መጽሔት መንእሰይ**
ቁ.ሳ.ጶ 1042
ቁ.ስልኪ 291-1-202592
ፋክስ 291-1-125981

**መርበብ ሓበሬታ ማሕበር**
www.eriyouth.org

ዘርጋሒ
**ቁ.ስልኪ 200454**

**መጽሔት መንእሰይ ብተወሳኺ ኣብ**
www.shabait.com (menesey magazine)
**ክትረኽብዋ ትኽእሉ።**

# ትሕዝቶ

**ቃል ኣሰናዳኢ** 2
**ደሃይኩም** 3
**ደሃይ ማሕበር** 4
- ምዕባይ ትካላዊ ዓቕሚ ሰብ
- ፋልማይ ሃገራዊ ቅነ ውዳበ ቀያሕቲ ዕምባባ
- ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ሓርበኛዊ ወለዶ ንጽባሕ
- ኣስተምህሮ ኣብ ኣወለፍቲ ነገራት
- ኣስተምህሮ ኣብ ግቡእ ኣጠቓቕማ መድሃኒት

**ጉዳያት** 24
- ቀዳምነትና ወትሩ ልምዓት’ዩ
- ውዳበን ኣፍራይነትን ኣብ ሕብረተሰብ
- ጸጥታ ባሕሪ ብደቂባሕሪ
- ቀርኒ ኣፍሪቃ ድሕሪ ዝበርዓነ ተስፋ

**ዳህሳስ ማሕበራዊ ሚድያ** 34
- ብሁላት ብዘይ ርእይቶ

**ትውፊት** 36
- መወዳእታ ናይ ፍቕርና ግን . . .

**ሓሳባት** 38
- ካብ ትማሊ ክበልጽ ጽባሕ
- ‘ምጉዳል’ ብዓይኒ ስነኣእምሮ

**ኦርያ** 44
- ጋዜጠኛ ሓሊማ ዑመር

**ኣካዳሚ** 48
- ግደ ቋንቋ እንግሊዝ ኣብ ትምህርቲ

**ባህልን ስነጥበብን** 51
- ኣርቲስት ኣማኑኤል ጐይትኦም

**ስፖርት** 62
- ኣትለት ሄኖክ ምሉእብርሃን

# ቃል ኣሰናዳኢ

ተመሃሮን መማህራንን ድሕሪ ክረምታዊ ዕረፍቲ ዳግም ናብ መኣዲ ትምህርቲ ተመሊሶም፡ ሓድሽ ዓመተ-ትምህርቲ ኣብ ዝጀመርሉ ወቕቲ ኢና ዘለና። መጽሔት መንእሰይ ምስዚ ብምትእስሳር፡ እጃም ናይ’ቶም ኣብ ምዕባለ ትምህርቲ ወሳኒ ግደ ክጻወቱ ዝኽእሉ ወገናት መዘኻኸሪ ክትህብ ኣገዳሲ ይኸውን።

ኣብ ምሕያል ብቕዓት ትምህርቲ ቀዳማይን ዝለዓለን ተራ ዘለዎም ኣመሓደርቲ ኣብያተ ትምህርትን መማህራንን እዮም። ብቕዓት መማህራን ምስ ብቕዓት ምሕደራ ትምህርቲ ተኣሳሲሩ ዝኸይድ ይኹን እምበር፡ ባዕላዊ ረጃሒ ናይ መማህራን እውን ወሳኒ እዩ። ርዝነት ተልእኾኦም ብግቡእ ተገንዚቦም፡ ስርሖም ብተገዳስነት ዝፍጽሙ፡ ብስነ-ምግባርን ህርኩትናን ዲሲፕሊንን ንተማሃሮ ኣብነት ዝኾኑ መማህራን ዘፍረይዎም ተማሃሮ ኣዝዩም ዕዉታት እዮም። ክንዲ ዝኾነ፡ መማህራን ንነብሶም ከም ቀለስቲ ሓድሽ ወለዶ ዝጥምቱ፡ መኸሰቦም ኣብቲ ዝኹስኩሶዎ ወለዶ ክርእዩ ዝብህጉ፡ ሃገርን ሕብረተሰብን ዘሰከሞም ሕድሪ ብሓላፍነታዊ መንፈስ ዝፍጽሙ ንቑሓትን ብሱላትን ክኾኑ የድሊ።

ወለዲ ብሸነኾም ኣብ ምዕባለ ትምህርትን ምሕያል ብቕዓትን ክገብርዎ ዝኽእሉ ኣስተዋጽኦ ቀሊል ኣይኮነን። ተማሃሮ፡ ኣብ ትምህርቲ ፍቕርን ተገዳስነትን ዲሲፕሊንን ከዕብዙ ዝድርኽ፡ ብቐንዱ ናይ ወለዲ ምትብባዕን ክትትልን እዩ። ኣብ ርእሲ’ቲ ውልቀ ወላዲ ኣብ ቤቱ ከበርክቶ ዝኽእል እጃም ከኣ፡ ብሓባር ኮሚቴታት ብምቛም፡ ወለዲ ምስ ኣብያተ ትምህርቲ ጥቡቕ ምትእስሳር ክፈጥሩ ይግባእ። ዕማም ኮሚቴታት ወለዲ፡ ንንጥፈታት ኣብያተ ትምህርቲ ብጥብቂ ምክትታል፡ መስርሕ ትምህርቲ ምግምጋም፡ ኣሉታዊ ተርእዮን ድኻምን ምንቃፍን መመሓየሺ ሓሳባት ምፍልፋልን እዩ። ሓለፍቲ ኣብያተ ትምህርቲ እውን፡ ተሓታትነቶም ንመንግስቲ ጥራይ ዘይኮነ እንተላይ ንኮሚተ ወለዲ ከምዝኾነ ብምግንዛብ ናይ ምትሕግጋዝ ባይታ ክፈጥሩለን የድሊ።

ተማሃሮ ብወገኖም፡ ተፈጢሩሎም ዘሎ ርሒብ ዕድላትን ብሩህ መጻኢን ብምጥማት፡ ብዛዕባ መጻኢኦም ኣስፊሖም ብምርኣይ፡ ዕድመ ምሉእ ምስኦም ዝነብር ዘሐብንን እምብዛ ዘርብሕን ሃብቲ ንምጭባጥ ክጽዕሩ፤ ተወዳዳሪ ዓቕምን ብቕዓትን ንምጥራይ ኣብ ናይ ትምህርቲ ዘመኖም ብልዑል ሓቦን ተገዳስነትን ዲሲፕሊንን ክጽዕቱ የድሊ።

ኣብ መወዳእታ ሃገር ንምዕባለ ትምህርቲ እተፍስሶ ገዚፍ ወፍሪ፡ ኣኽሳቢ ውጽኢት ዝርከቦ፡ መላእ ሕብረተሰብ ክእለትን ፍልጠትን ንምምዕባል ዝገብሮ ንሓድሕዱ ዝመላላእ እኩብ ጻዕሪ’ዩ። ስለዚ ድማ፡ ኣብ ርእሲ’ቲ ስሩዕ ኣካዳሚያዊ ትምህርቲ፡ ኩሎም መንግስታዊ፡ ህዝባውን ብሕታውን ትካላት በብዓውዶም፡ ብቐጻሊ ትምህርትን ስልጠናን፡ ሞያን ክእለትን ዝዓጠቑ ኣፍረይቲ መንእሰያት ንምፍጣር ዘየቋርጽ ጻዕሪ ክገብሩ የድሊ። ኣብ ኣገልግሎት ትምህርቲ ዝግበር ዘሎ ወፍሪ፡ ብውሁድ ጻዕሪ መላእ ሕብረተሰብ ምስዝድራዕ ከኣ፡ ብመገዲ ትምህርቲ ክንበጽሖ እንሕልን ሃገራዊ ዕላማ ሸቶኡ ከምዝወቅዕ ኣየጠራጥርን።

መጽሔት መንእሰይ ኣብ ናይ ሎሚ ሕታማ ከም ወትሩ ፖለቲካዊ፡ ውዳባዊ፡ ማሕበረ-ቁጠባውን ባህላውን ንቕሓት መንእሰያት ዘዕብዩ ዝተፈላለዩ ትሕዝቶታት ኣኣብ ዓምዱ ኣእንጊዳቶም ኣላ። ኣብዚ እዋን ቀዳምነትናን ዝዓበየ ጻዕርናን ልምዓታዊ መደባትና ስለዝኾነ፡ ኣብ ዓምዲ ጉዳያት ቀዳምነት ተዋሂብዎ ኣሎ።

# ደሃይኩም

## ኣበርክቶይ ኣብ ስነጥበብ

መጽሔት መንእሰይ እኪታተላ'የ። ብሕልፊ ኣብ ስነጥበብ ስለዝግደስ፡ ኣብ ዓምዲ ባህልን ስነጥበብን ዝወጹ ዓንቀጻትን ቃለመጠይቓትን ተቐዳዲመ'የ ዘንብቦም። ብወገነይ ነታ ዓምዲ ይኸውን'ዩ ዝበልክዎ ሓጺር ዛንታ፡ ግጥምን ካልእ ስነጥበባዊ ስራሓትን ኣዳልየ ክሰደልኩም'የ። ንሎሚ ከም መጀመሪ ክኾናኒ፡ "ልበይ ይብለኒ ኣሎ" ዘርእስታ ንታሪኽ ግንባር ናቕፋ ትድህስስ፡ ከምኡ'ውን "በሳዒ ርእሰ-ኵናት" ዘርእስታ ንቕያን ጅግንነትን ሰራዊት ኤርትራ ትገልጽ፡ ክልተ ግጥምታት ልኢኸልኩም ኣለኹ። ነዚኣን እንተ ኣውጺእኩመን፡ ኣብ ዝቕጽል ሕታማትኩም ብግጥምን ሓጺር ዛንታን ክቐስነኩም ምዃነይ ቃል እኣቱ።

*መሓመድ ማሕሙድ መሓመድ*

*ካብ ናቕፋ ኣባል ፎርኖ ክ/ሰራዊት*

## እቲ ንመምህሩ ዘኽብር ንነብሱ የኽብር

ዓመተ ትምህርቲ 2025-2026 ድሮ ተጀሚሩ ኣሎ። ኩሎም መምህራንን ተመሃሮን ድማ ብሓድሽ መንፈስን ወንን ነንዝምልከቶም ዕማም ንምፍጻም ኣብ ቦታ ስርሖ ተረኺቦም ኣለዉ። ኣብ ምቕላስ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ውህደት መምህር፡ ተመሃራይን ወላድን ኣገዳሲ ምዃኑ ብተደጋጋሚ ተገሊጹ እዩ።

ኣነ ክጸቕጠሉ ደልየ ዘለኹ ግና ንተራ መምህር ኣብ'ዚ መስርሕ እዚ እዩ። ሞያ ምምህርና ኣዝዩ ክቡር ሞያ እዩ። መምህር ድማ ነዚ ሞያ እዚ ዘመሓላልፍ ኣካል ብምዃኑ ክብሩ ኣመና ዕዙዝ እዩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ንመምህርን ሞይ ምምህርናን ዝወሃብ ክብሪ ከምቲ ዝድለ ኣሎ ክበሃል ዝከኣል ኣይኮነን። እቲ ዝኸፍኣ ኸኣ መምህር ንሞያኡ ባዕሉ ክንዕቖ እንከሎ እዩ። ብቐዓትን ዓይነትን ትምህርቲ ንምምሕያሽ ኣብ ዝግበር ጻዕሪ ንኽብርን ተደላይነትን ሞያ ምምህርና ማእከል ዝገበረ ክኸውን ኣለዎ እብል።

ወለድን ሕብረተሰብን ብሓፈሻ መምህር ክቡርን ሕፉርን ምዃኑ ኣሚኖም ነዚ ክብሪ'ዚ ዝበቅዕ ኣተሓሕዛ ክገብርሉ ኣለዎም። ተመሃሮ ድማ ፍልጠቱ እናለገሰ መጻኢኦም ውሑስ ንክኸውን ለይትን መዓልትን ንዝጽዕር ሰብ፡ ኣብ ትምህርቲ ይኹን ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ዝግብኦ ክብሪ ክህብዎ ይግባእ። ልዕሊ ኩሉ ኸኣ ንመምህሩ ዘኽብር ንነብሱ የኽብር ከም ዘሎ ክርድኦ ይግባእ። መጽሔት መንእሰይ እውን ኣብ'ዚ ኣርእስቲ ኣተኵራ ብቐጻሊ ኣብ ዓምድታታ ጎስጓስ ክተካይደሉ እምሕጸን።

*ፍረወይኒ በርሀ ካብ ኣስመራ*

## ኣገናዕ መጽሔት መንእሰይ

ናይ ዝሓለፈ ሕታም መጽሔት መንእሰይ ንህሉው ኵነታት ዝገልጽ ትሕዝቶ ብብዝሒ ምእንጋዳ ሞሳ ይግብኣ። ኣብዚ ዜስደምም ነገራት ንሰምዓሉ ዘሎና እዋን፡ ብሕልፊ መንእሰይ፡ ብዛዕባ ህሉው ኵነታትን መጻኢ ኣንፈትን ውድዓዊ ሓበሬታ ክረክብ ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ሕጂ'ውን መጽሔት መንእሰይ፡ ንዝምልከቶም ተወኪሳ፡ ማዕከናት ዜና ዓለም ዳህሲሳ ከይሰልከየት ውድዓዊ ሓበሬታ ከተስንቕና እላቦ። ጽማቕ ትሕዝቶ ቃለመጠይቕ ክቡር ፕረዚደንት ኣመና ኣገዳሲ ምንባሩ ከይገለጽኩልኩም ክሓልፍ ኣይደልን።

*መምህር ሰሎሞን ገብረዝጊ*




## ኣዛናዪ ትሕዝቶ ኣይተውሕዱ

መጽሔት መንእሰይ እኪታተላ'የ። ብኹሉ መዳያ ኣብ ጽቡቕ ገስጋስ ትርከብ ምህላዋ፡ ዘነይት'ዩ። ብዛዕባ ናይ ዝሓለፈ ሕታም ክዛረብ እንተኾይነ ግዳ፡ ዕቱብ ነገራት ኣብዚሓ ብምንባራ ከምቲ ዝድለ ኣይተበርሃትንን። ዕቱብ ነገር ቁምነገር ማለት ምዃኑ ኣይሰሓትክዎን። እንተኾነ፡ ነቲ ብቕጥታ ምስ መንእሰይ ምትእስሳር ዘለዎ ጎስያ ክኸውን የብሉን። ስለዚ ምስቲ ዕቱብ ጉዳያት፡ ኣዛናዪ ክፋል'ውን ማዕረ ዕድል ክወሃቦ ዘድሊ ኮይኑ ይስመዓኒ።

ነቲ ዕቱብ ነገር፡ ብኸመይ ብኣዛናዪ መልክዕ ተቕርብዎ ክትሓስብሉ'ውን ኣገዳሲ ኮይኑ ይስመዓኒ። ምስ ህቡባት ስነጥበበኛታትን ስፖርተኛታትን ዝካየድ ቃለመጠይቕ ነታ መጽሔት ኣዛንናዪት ክትከውን ሓጋዚ ስለዝኾነ ቀጽልዎ። ኣብ ዓምዲ ሳይንስን ተክኖሎጅን ዝእንገድ ትሕዝቶ፡ እዋናውን ምስ ግዜ ንቕድሚት ዘሰጉምን ክኸውን ዝያዳ ስራሕ ክሓተኩም'ዩ። ኣብ ዓምድታት ሕብረተሰብ፡ ኦርያ ዝእንገድ ዘሎ ጽሑፋት እውን ኣድላዪ ስለዝኾነ ብዝሓየለ ክቕጽል ኣገዳሲ'ዩ።

*ሰዩም ባህታ ካብ ገዛ ከኒሻ*







# ሃማመተኤ፡ ትካላዊ ዓቕሚ ሰቡ ንምዕባይ ይሰርሕ

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ትካላዊ ዓቕሚ ኣባላቱ ንምዕባይ ብመሰረት ኣብ ዝሓለፈ መንፈቓዊ ኣኼባኡ ዝሓንጸጾ ውጥን ስራሕ፡ ን96 ሓለፍቲ ንኡሳን ዞባታት፡ ሓለፍቲ ውዳበታትን ኣሃዱታት ማእከላይ ቤት ጽሕፈትን ንጥፈታት ማሕበርን ኣገባብ ኣተገባብራኡን ማእከል ገይሩ ናብ ሓባራዊ መረዳእታ ዝወስድ፡ ኣብ መሪሕነትን ምሕደራን ዘተኰረ ስልጠና ሂቡ።

ኣብ'ቲ ካብ 16 ክሳዕ 22 መስከረም ብሰብ ሞያን ምኩራት ናይቲ ማሕበርን ዝተኻየደ ስልጠና፡ ካብ'ቶም ኣቕዲሞም ብኮሚቴ ስልጠና ዝተለለዩ ምምሕያሽ ዝጠልቡ ብድሆታት፡ ምሕደራን መሪሕነትን፡ ሜላታት እወታዊ ጽልዋን ምምእዛንን፡ ኣገባብ ትግባረ ሲቪካዊ ስልጠና፡ ምሕደራ ዓቕሚ ሰብን ንብረትን፡ ምድላው ኦፐረሽናል ውጥን ማሕበርን ምቕራብ ጸብጻብን፡ ምክትታልን ምግምጋምን መደባት ስራሕ፡ ኣፈታትሓ ግርጭታት፡ ብልሓታዊ ኣተሓሳስባን ካልእ ኣገደስቲ ዛዕባታትን ዘጠቓለለ እዩ ነይሩ።

ኣሰልጠንቲ፡ ነቲ ዝህብዎ ስልጠና



ምስ ማሕበርን ንጥፈታቱን ንምዝማዱን ሰልጠንቲ ሓድሕዳዊ ተመክሮ ከም ዝቐስሙ ንምግባርን፡ ሓያል ስራሕ ምክያዶም፤ ብወገን ሰልጠንቲ'ውን ነቶም ብልሓታትን ክእለታትን ሜላታት ኣሰራርሓ ክጭብጥዎ ዘርኣይዎ ትግሃትን ተገዳስነትን ቅሩብነት ንናይ ኣሰራርሓ ለውጥን ዝነኣድ ምንባሩ፡ ኣብ'ቲ ኣብ ምዝዛሚ ናይ'ቲ ስልጠና ዝተኻየደ ገምጋማትን ርእይቶታትን ተገሊጹ።

ነቲ ስልጠና ከተወሃህድ ዝጸንሐት ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሓላፊት



ክፍሊ ምክትታል ዞባታት ማሕበር ብጸይቲ ሄለን ኣሚነ ንዝተኻየደ ስልጠና ኣመልኪታ ኣብ ዝሰምዓቶ ቃል፡ ማሕበር ዓቕሚ ኣባላቱ ንምዕባይ በብእዋኑ ዝተፈላለዩ ስልጠናታት ክህብ ምጽንሑ ጠቒሳ፡ እዚ ኣብ ማእከላይ ቦታ ንሓለፍቲ ማሕበር ዝተዋህበ ስልጠና፡ ሰልጠንቲ ካብ'ቲ ዝተዋህበ ስልጠና ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ሓድሕዶም ዝገብርዎ ዝነበሩ ምምልላእን ዘርእይዎ ዝነበሩ ተሳታፍነትን ብምንኣድ፡ ዝተቐስመ ፍልጠት ኣብ ባይታ ወሪዱ ተዓቃኒ እወንታዊ ለውጢ ንኸምጽእ ግቡእ ምክትታል ክግበረሉ ምዃኑ ኣረዲኣ።

ኣብ ናይ መወዳእታ መዓልቲ ስልጠና፡ ንሰልጠንቲ ተመኩሮ ከቕስም ብዝኽእል ኣገባብ ብሓለፍቲ ዞባታት ማሕበር ናይ ሰለስተ ርብዒ ዓመት ጸብጻብ ስራሕ ድሕሪ ምቕራቡ፡ ኣብ'ቶም ማሕበር ፍሉይ ኣተኩሮ ሂቡ ዝሰርሓሎም ንጥፈታት፡ ብዝለዓለ ኣድማዕነትን ጽልዋን ንምትግባሮም ኣብ ዘኽእል ነጥብታት፡ ምስቲ ዝተዋህበ ስልጠና ብምዝማድ፡ ነጥቢ ብነጥቢ ብዕምቈት ተዘትዩሎም።

ሰልጠንቲ፡ ከም ውጽኢት ናይቲ ዝወሰድዎ ስልጠና፡ ነቲ ኣብ 2021 ጸዲቑ ክሳዕ ሕጂ ዝስረሓሉ ዘሎ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ስትራተጂያዊ ውጥን ማሕበር ዝግባእ ገምጋም ብምክያድ፡ ካብ 2026 ግብራዊ ክኸውን ኣብ ምእማም ዝርከብ ናይ ሓሙሽተ ዓመት ስትራተጂያዊ ውጥን ማሕበር፡ ኣብ ኣገባብ ኣተገባብራኡን ምምሕያሽ ኣብ ዝጠልቡ ብድሆታትን ኣብ ሓሙሽተ ጉጅለታት ተኸፋፊሎም ከካይድዎም ናይ ዝቐነዩ ውጽኢት ዘተን ክትዕን፡ በብጉጅለኦም ብስላይድ ብዝርዝር ኣቕሪቦም።

ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ብጻይ ዩሱፍ ሳይቕ ነቲ ሰልጠንቲ ብጉጅለታት ተኸፋፊሎም ዘቕረብዎ



ክፉት ዘተን ክትዕን ብምምኳስ፡ ምምዕባል ዓቕሚ መንእሰያት ኣብ ምዕዋት መደባት ልምዓት ወሳኒ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ በቲ ዝተዋህበ ስልጠና ኣብ ዝመጽእ ርብዒ ዓመትን ድሕሪኡ ኣብ ዝሕንጸጽ ውጥን ስራሕን ትግባረን ናይ ሃማመተኤ፡ ርኡይን ተዓቓንን ለውጢ ከምጽእ ስለዘለዎ፡ ግቡእ መምዘኒ ክዋደደሉ ከም ዝግባእ ኣረዲኡ። ብጻይ ዩሱፍ ብምቕጻል፡ ሃማመተኤ ኣገዳሲ ኣካል ህዝባዊ ግንባር ምዃኑ ብምዝኽኻር፡ ካብ ላዕሊ ክሳዕ ታሕቲ ዘሎ ቅርጽን ጸጋታትን ናይ ግንባር፡ ናይቲ ማሕበር'ውን ስለዝኾነ፡ ሓለፍቲ ማሕበር ምስቲ ኣብ ከባቢኦም ዘሎ ቤት ጽሕፈት ግንባር ውሁድን ተመላላእን ሃገራዊ ዕማም ብምስራሕ እቲ ዝድለ ምዕባለን ገስጋስን ንምምዝጋብ ክተግሁ ኣዘኻኺሩ።

ኣቦ-መንበር ሃማመተኤ ብጻይ ሳልሕ ኣሕመዲን ብወገኑ፡ ናብቲ ዝድለ ምሉእ ብቕዓት ክሳዕ ዝብጻሕ፡ ናይ ስልጠናን መነቓቕሕን መደባት ቀጻሊ ምዃኑ ብምርግጋጽ፡ ዝተዋህበ ስልጠናን ሓድሕዳዊ ምምኽኻርን ኣብ ምምዕባል ሓድሽ ስትራተጂያዊ ውጥን ማሕበር ዝለዓለ እጃም ክህልዎ ምዃኑ ኣስሚሮሉ።




















# ፋልማይ ሃገራዊ ቅነ ውዳበ ቀያሕቲ ዕምባባ

## ብዉዕዉዕ መንፈስ ተቓኒዑ

ቀያሕቲ ዕምባባ ናይ ሎሚ ቈልዑ ናይ ጽባሕ መንእሰያት'ዮም። ሎሚ ኣብ ቈልዑ እንገብሮ ናይ ምዃስኳሶምን ምእላዮምን ወፍሪ ድማ መኸሰቡ ኣብ'ቲ ጽባሕ ክኾነልና እንደልዮ መንእሰይ ዝንጸባረቕ'ዩ። ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ ነዚ ብምግንዛብ ቈልዑ ብብሉጽ ስነ-ምግባር ክዥስኮሱን ክብርታት ህዝባዊ ግንባር ክወርሱን ሓያል ጻዕርታት ኣብ ምክያድ ይርከብ። ንቕሓት ቈልዑን ኮተቴን ክብ ንምባል ኣብ ዝበዝሓ ንኡሳን ዞባታት ውዳበታት ቀያሕቲ ዕምባባን ፈተውራርን ብምቛም፡ ፖለቲካዊ፡ ውድባዊ፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ፡ ባህላውን ታሪኻውን ንቕሓት ዘዕብዩ ዝተፈላለዩ መደባት ከካይድ ጸኒሑን ኣሎን። ሓደ ካብኡ ባህላውን ስነጥበባውን ንጥፈታት'ዩ።

ማሕበር፡ ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ኣብ ምህናጽን ምዥስኳስን ሃገራዊ ክብርታት ሒዝዎ ዝጸንሐ ኣብ ቈልዑን መንእሰያትን ዘተኰረ ዕማም፡ ቈልዑን ኰተቴን ኣብ ሃገሮምን መንነቶምን ዘለዎም ኣፍልጦን ፍቕርን ዘዕቢ፡ ብርክት ዝበሉ ጸለውቲ ሃገራዊ፡ ሞራላውን ትምህርታውን መደባት ዝሓቘፈ፡ ብዓይነት ውዳበኡ ካብቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ፍልይ ዝበለ፡ ፋልማይ ሃገራዊ ቅነ ውዳበታት ቀያሕቲ ዕምባባ፡ "ቅኒትና ነጸብራቕ ክብርታትና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ካብ 26 ነሓሰ ክሳዕ 4 መስከረም 2025 ኣብ ከተማ ከረን ብዉዕዉዕ መንፈስ ተቓኒዑ።

ኣብቲ ኣብ ኣዳራሽ ከተማ ከረን ዝተኻየደ ወግዓዊ መኸፈቲ መደብ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ኣዛዚ እዚ ህዝባዊ ሰራዊት ኤርትራ ብ/ጀነራል ተኸለ ልብሱ፡ ኣቦመንበር ማሕበር ብጻይ ሳልሕ ኣሕመዲን፡ ኣመሓዳሪ ከተማ ከረን ብጻይ ረዘነ ኣርኣያ፡ ሓለፍቲ ሃገራውያን ማሕበራት፡ ዕዱማት ገዳይም ኣባላት ቀያሕቲ ዕምባባ ከረን 1977ን ካልኦት ዕዱማት ኣጋይሽን ተረኺቦም ነይሮም።

ኣብ መኸፈቲ ናይ'ቲ መደብ፡ ኣባላት ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ብማርሺን ባንድ ሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ ተመሪሖም፡ ናብ ኣዳራሽ ብምእታው፡ ኣብ ግዜ ሰውራ ብክፍለ ሰራዊት 52 ዝተደርሰትን ዝተዘመረትን "ኩሉ ድሕሪ ሃገር'ዩ ዝስራዕ" እትብል መዝሙር ብውሁድ ቅኒትን ሰልፍን ብሓባር ዘሚሮም።



ብጻይ ኣዛዚ በረኸትኣብ

ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ዓንሰባ ብጻይ ኣዛዚ በረኸትኣብ ኣብ ዘስምዖ መኸፈቲ ቃል፡ እቲ ዕዙዝ ኣገዳስነት ዘለዎ ታሪኻዊ መደብ፡ ብደረጃ ሃገር ንፋልማይ ግዚኡ ኣብ ዞባ ዓንሰባ ክካየድ ንዝወሰኑ



ሓለፍቲ ማሕበርን ኣካያዲት ኮሚቴን ብምምስጋን፡ ነቲ ፍጻመ ምስ ታሪኻዊ ድሕረባይታ ምምስራት ቀያሕቲ ዕምባባን ማሕበርን ምትእስሳር ከም ዘለዎ ገሊጹ።

ከረን ከም መተኣሳሰሪት ድንድል ከበሳን ምዕራባዊ መታሕትን ኣብ ዘመነ ፖለቲካዊ ቃልሲ 1940ታትን 1950ታትን፡ ምምስራት ሸባብ ኣልራቢጣ፡ ምንቅስቓስ ተመሃሮ ንሓርነት ኤርትራ ከምኡ’ውን ድሕሪ 1960ታት ኣብ ምጅማርን ምድልዳልን መድረኽ ሰውራ ክሳዕ ናጽነት ከም ማእከል መናሃርያ ቃልሲ ዝነበራ ተራን ኣበርክቶ መንእሰያትን ጉሉሕን ተዘካርን እዩ።

ኣብ ቀዳማይ መድረኽ ምሕራር ከተማታት ናይ 1977፡ ከረን እታ ዝዓበየት ብሰውራ፡ ብሓይልታት ህዝባዊ ግንባር ዝተሓረረት ከተማ ሃገርና እያ ነይራ። መሰረት ሃማመተኤ ዝኾነ፡ ሃገራዊ ማሕበር ተመሃሮ ኤርትራ’ውን ኣብ ትሕቲ ጽላል ውድብ ህግሓኤ ኣብ 1978 ኣብ ከረን እዩ ተመስሪቱ። ኣብ መድረኽ ሓራ ከተማታት ሓንቲ ካብ’ተን ዝጥቀሳ ጉጅለታት ቀያሕቲ ዕምባባን ፊተውራርን ዝተመስረተላን ሓያል ውዳበ ማሕበር መንእሰያት ዝተራእየላን እያ – ከረን።

ኣብ መድረኽ ድሕሪ ናጽነት’ውን እንተ ኾነ ብደረጃ ንሃገር ዝሰፍሐ ጨናፍር ውዳበታት፡ ዝበዝሐ ዓቕሚ መንእሰያትን ዝሓየለ ውዳበን ዝተራእየላን ዝረኣየላ ዘሎን ምዃና ብጻይ ኣዛዚ ኣብ መደረኡ ጠቒሱ። ቀጺሉ’ውን ውዳበ ቀያሕቲ ዕምባባ ከም መቐጸልታን መተኣሳሰርን ታሪኽ ውድብን ክብርታት ሰውራን ዝጥመት ቀዳማይ ናይ ውዳበ ቀጻላ’ዩ። ቀያሕቲ ዕምባባ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ንዝርከቡ ምልምል ቈልዑን ኮተቴን ብምሕቛፍ፡ ብመልክዕ መዛሙር፡ ግጥምታት፡ ደርፍታት፡ ትልሂታት፡ ድራማታትን ካልእ ጥበባዊ መገድን ተጠቒሞም ናብ መዘኑኦምን መላእ ሕበረተሰብን ዝቐንዐ ጸላዊ ጎስጓሳት የካይዱ። በዚ ድማ እናመሃሩ ይመሃሩ፤ ንቕሓት እናዕበዩ ደረጃኦም የዕብዩን ተካእቲ ስነጥበበኛታትን ብቑዓት ዜጋታትን ይኾኑ” ኢሉ።

እቲ ብናይ ሽዱሽቲኦን ዞባታት ጉጅለታት ቀያሕቲ ዕምባባ ተኸታቲሉ ዝቐረበ፡ ኣዝዩ ኣደናቒን መሳጥን መሃዝነት ምንቅስቓሳትን ብቕዓት ኪርዮግራፍን ዝተራእየሉ ትልሂት፡ ቈልዑ ካብ ንሓድሕዱ ዘይበላለጽ፡ ርኢኻ ከይጸገብካ ዝውዳእ ዘሀንን ምርኢት’ዩ ነይሩ። ቀያሕቲ ዕምባባ ዞባ ዓንሰባ ክልተ ናይ ኳየር ደርፍታት ብትግርኛን ብሊንን፡ ሓንቲ ትልሂት ብዳውየትን፤ ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ትልሂት ዓፋር፤ ዞባ ማእከል መዝሙር ትግርኛ፤ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ መዝሙር ትግረ፤ ዞባ ጋሽ ባርካ ኸኣ ትልሂት ኩናማ ኣቕሪቦም። ብምሉኡ እቲ ኣልባሳት፡ ብላዛ ድምጾም ዝቐርብ ጣዕመ ዜማታት፡ ምልከት መድረኽን ምንቅስቓሳቶምን ንኹለን ብሄራትና ብዝወከለ ኣገባብ ስለዘቕረብዎ፡ ወኖም፡ ላዛ ኣዘያይማኦምን ናይ ምልሃይ ዓቕሞምን ኣብ ቀረባ መጻኢ ወሃ ዘበሉ ተካእቲ ስነጥበበኛታት ክርከቦም ዝኽእል


ካምባሳደር ዓብደላ ሙሳ

ምዃኑ ዘተኣማምን እዩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ዓንሰባ ኣምባሳደር ዓብደላ ሙሳ፡ ኣብቲ ኣጋጣሚ ተረኺቡ ኣብ ዘስምዖ መግለጺ ጦብላሕታኡን ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መልእኽትን፡ “እዚ ሎሚ ዝረኣናዮ ዘሐጉስ ምርኢት ቈልዑ፡ ነዞም ብህይወት ጸኒሕና ኣብ ዕድመ ኣቦሓጎታት በጺሕና ዘሎና ተዘክሮታትና ኣሐዲሱ ዘነይተና፡ እንቋዕ ነዚ ኣብቅዓና ዘብል’ዩ። ቀያሕቲ ዕምባባ መሰረት ናይ ንቕሓት መንእሰያትን ሕብረትሰብን ስለዝኾነ ኸኣ፡ ውዳበ ቀያሕቲ ዕምባባ ካብ ዝኾነ ድሑርን ከፋፋልን ኣተሓሳስባ ናጻ ኮይኑ ብንጹህ ሃገራውነት ዝኸስኸስ ጥርናፈ ብምዃኑ፡ እቶም ናይ 1970ታት ቀያሕቲ ዕምባባ ሎሚ ኣብቲ ዝለዓለ ጽፍሒ መሪሕነት ውድብን ሃገርን በጺሖም ኣለዉ። እዞም ናይ ሎሚ ቀያሕቲ ዕምባባ’ውን ከም ኣያታቶም ናይ ጽባሕ ተካእቲ መራሕቲ ሃገር ስለዝኾኑ፡ ብወገን ምምሕዳራት ብዝከኣለና ኣብ ምኽስኳሶም ዘድሊ ዘበለ ኩሉ ብምብርካት ኣብ ጎድኒ ሃማመተኤ ኮይንና ክንሰርሕ ድሉዋት ምዃንና መብጽዓና ነሐድስ ብምባል፡ ቀዳማይ ሃገራዊ ቅነ ቀያሕቲ ዕምባባ ኣብ ዞባ ዓንሰባ – ከረን ጻዕዳ ክካየድ ንዝወሰነ ማሕበርን ወደብቱን ኣመስጊኑ።

ቀጺሎም መድረኽ ዝተረከቡ ወከልቲ ገዳይም ቀያሕቲ ዕምባባ ከተማ ከረን’ዮም። ኣብ 1977 ኣባላት ቀያሕቲ ዕምባባ ዝነበሩ፡ ሎሚ ኣብ










ዝተፈላለዩ ትካላት መንግስትን ግንባርን ብደረጃ ሓላፍነት ዘገልግሉ ዘለዉ፡ ኣብ ዕድመ መጀመርታ ሱሳታት ዝርከቡ፡ ሽዑ ዝነበረ ኵነታት ኣወዳድባኦም፡ ጥርናፈኦምን ንጥፈታቶምን ብዝምልከት ጡብላሕታታቶምን ዝኽርታቶምን ብመልክዕ ሓባራዊ ዘተ ብመሳጢ ኣገባብ ኣዘንትዮም። ንሳቶም፡ ተጋደልቲ ክፍላይ ዓንደሚካኤል፡ ምጽላል ተስፋማርያም፡ ምጽላል ባህታ፡ ሰመረ ሊላይ፡ መርየም ተኽለየሱስን ተስፋዝጊ ሃብታይን'ዮም። ኣብ መድረኽ ክራርን ቦክስ ጊታርን ሒዞም ብምድያብ ከኣ፡ ቅድሚ 47-48 ዓመታት ቈልዑ እንከለዉ ዝደርፍዎ ዝነበሩ፡ ናይ'ቲ እዋን'ቲ ተዘካሪ ደርፍታት ጉጅለ ቀያሕቲ ዕምባባን ጉጅለ ባህሊ ውድብን ብድግማ እናተቐባበሉ ብሓባር ደሪፎም።

ናይ ምውዳብ ተመኩሮኦም ኣብ ዘዘንተውሉ፡ ከረንን ከባቢኣን ኣዝዩ ብዙሕ ግፍዕታት ጸላኢ ዘአንገደ ብምኳኑ፡ ቀቅድሚ ምሕራር ከረን ዝነበረ ፍጻመታት ጃምላዊ ህልቂት፡ ምንዳድ ዓድታት፡ ምግፋዕን ምቕታልን ሰላማውያን ሰባት፡ ምጒታትን ምስጣሕን ሬሳታት ስዉኣት ተጋደልቲ ኣብ ኣደባባያት ከተማ፡ ድንጋገ ኣዋጅ እቶ-እቶ (ኮፕሪፎኮ)፡ ብተጋደልቲ ለይተ ለይቲ ዝግበር ዝነበረ ስርሒታትን ካልእን ብሓፈሻኡ ኣብቲ ናይ ሾቕረራን ራዕድን መድረኽ፡ ኣብ እዋን ለይቲ መደቀሲኦምን መዕቈቢኦምን ትሕቲ ዓራት ምንባሩ ኣብነታት እናጠቐሱ ኣዘንትዮም። ቀጺሎም'ውን ነዚ ኹሉ ሽግራት ሓሊፎም ኣብ ምሕራር ከተማ ከረን ተጋደልቲ ስለ ዝረኣዩ፡ እቲ ዝኸሓነ ጽልኢ መግዛእቲ ዝያዳ ፍቕሪ ገድልን ተጋደልትን ከም ዝሰረጾም፡ ለውሃት፡ ሕያውነትን ልዙብ ኣቀራርባን ተጋደልቲ፡ ቁመናኦምን ዕጥቆምን ከም ዝመሰጦም፡ ንዕኦም ናይ ምምሳል ሓያል ባህግን ህንጡይነትን'ውን ከም ዘሕደረሎም ብዝርዝር እናጠቐሱ ገሊጾም።

መድረኽ ቀዳማይ ምሕራርን ንሳቶም ዝተወደብሉ እዋንን እውን ከምዚ ናይ ሎሚ ሓራን ናጽነት ዝነበሮን ኣይኮነን ነይሩ። ብቐትሪ ደብዳብ ነፈርቲ ስለዝነበረ ትምህርቲ ይኹን ውድባዊ ንጥፈታት ኣብ እዋን ለይቲ እዩ ዝዕመም ዝነበረ። ከረን ቅድሚ ምሕራራ ኣብ ዝነበረ መድረኽ ውሽጣውያን ስሩዓት ሰውራ በብወገኖኦም ናይ ተጋድሎ ሓርነትን ህዝባዊ ግንባር ውዱባትን ስለዝነበሩ፡ ከረን ብህዝባዊ ግንባር ድሕሪ ምሕራራ ብጠንቂ ናይ'ዚ ፍልልያት ሳሕቲ እዋናት ለይቲ ካብ ትምህርቲ ንገዛውቶም ክኣትዉ እንከለዉ፡ ብውዱባት ተ.ሓ.ኤ ብዝግበር ሽርሕታት ተጻብኦታት የጋጥሞም ብምንባሩ ንገዛውቶም ብተጋደልቲ እናተሰነዩ ይኣትዉ ምንባሮም ጠቒሶም። ንሕሉፍ ኵነታት ውዳበኦም ብምንጽጻር ከኣ፡ ናይ ሎሚ ቀያሕቲ ዕምባባ ኣብ መድረኽ ናጽነትን ልኡላዊት ሃገርን ይውደቡ ምህላዎም፡ እቲ ፍልልይን መድረኻዊ ዕድላትን ኣመና ገፊሕ ምኳኑ ኣዘኻኺሮም።

ኣብቲ ለይታዊ ትምህርቲ ሽዑ መምህራኖም ካብ ዝነበሩ ህቡብ ደራስን ተመራማሪ ታሪኽን ኣቶ ኣለምሰገድ ተስፋይን ህቡብ ስነጥበበኛ ድምጻዊ መምህር እስጢፋኖስ ኣብርሃም (ዘማች)ን ካልኦትን ብኣብነት እናጠቐሱ ዘኪሮም። ኣባላት ቀያሕቲ ዕምባባ ኣብ ትምህርቲ፡ ማእቶትን ካልእ ናይ ውዳበ ንጥፈታትን ልዕሊ ካልኦት መዛኑኦም ብሉጻትን ንጡፋትን ምንባሮም ይፍለጥ። ምቁር ዕላላት፡ ተዘክሮታትን ታሪኽን ቀያሕቲ ዕምባባ ከረን፡ ኣዝዩ ብዙሕን ሰፊሕን ስለዝኾነ፡ በቶም ገዳይም ኣባላት ቀያሕቲ ዕምባባ ዝቐረበ ሓባራዊ ዘተን መግለጽን ብቕርጡው ኣገባብ ብምጽማቑ እዩ ተዘንትዩ።

ስዒቡ፡ ብመሰረት ዝወጸ መደብ፡ ንተሳተፍቲ ቅነ ውዳበታት ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ኣብ ታሪኽ ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ኣገዳስነት መዛሙር ኣብ ምህናጽ መንነትን ሃገራውነትን፡ ከምኡ'ውን ድሕረባይታ ትልሂት ብሄራት ኤርትራ ዘተኰረ ኣስተምህሮ ብኽኢላታት







ተዋሂቡ።

ንታሪኽ ቀያሕቲ ዕምባባ ኣመልኪቱ ኣስተምህሮ ዝሃበ፡ ኣብ እዋን ሰውራ ኣባል ቀያሕቲ ዕምባባ ዝነበረን ኣብዚ እዋን ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ብሓላፍነት እናሰርሐ፡ “ቀያሕቲ ዕምባባ”ን “ክመሃር ድየ ክጋደል፧”ን ዘርእስተን መጻሕፍቲ ዝደረሰን ብጻይ ቶምቦሳ ኣስመላሽ'ዩ። ንሱ፡ ንታሪኻዊ ኣመሰራርታን ምዕባለን ጕጅለታት ቀያሕቲ ዕምባባ ዘድሃበ፡ ተዘክሮኡ ምርኩስ ብምግባር'ዩ ኣቕሪቡ። ብጻይ ቶምቦሳ ኣብ መግለጺኡ፡ ንኣባላት ቀያሕቲ ዕምባባ ዝጸልዎም ኵነት፡ ግፍዕታት ጸላኢ፡ ኵናት፡ ገድልን ተጋዳላይን ዓብዩ ተራ ከም ዝነበሮ መሳጢ ኣብነታት ብምቕራብ'ዩ ተዘክሮኡ ኣካፊሉ። ካብ 1978 ክሳዕ እዋን ናጽነት ኣብ ዝነበረ እዋንን ድሕሪ ናጽነትን ኣበርክቶ ቀያሕቲ ዕምባባ ኣብ ምጕስዃስ ህዝብን ሰራዊትን ዝነበሮ ተራ ኣብሪሁ።

ቀያሕቲ ዕምባባ ከም ሓድሽ ወለዶን ተቐበልቲ ሕድርን ንገዛእ ርእሶም ካብ ኲሉ ትሕተ ሃገራዊ ኣተሓሳስባን ማሪታዊ እምነታትን ናጻ ንኽኾኑ በቲ ውድብ ዝተኻየደ ጻዕርን ውጽኢቱን ተዘርዚሩ። ከም ውጽኢቱ ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ፊተውራሪ፡ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዘርኣይዎ ሓያል ሃገራዊ ስምዒት፡ ፍቕሪ ሃገርን ህዝብን ተወፋይነትን ድሉውነት ንመስዋእትን ብሰፊሑ ኣዘንትዩ።





ቀያሕቲ ዕምባባ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኣብ ምምዕባል፡ ባህልን ዘመናዊ ሙዚቃን ክሳብ ኣብ ምምስራት ቦኽሪ ሃገራዊ ወተሃደራዊ ባንድ ምረሻ ዝነበሮ ተራ ብዝርዝር ኣረዲኡ።

ብጻይ ቶምቦሳ፡ ኣስተምህሮኡ ንኽልቲኣን መጻሕፍቱ ምርኲስ ዝገበረ፡ መግለጺ ብፖወር ፖይንት ዝተዳልወ ስእልታትን መርኣያ ቪድዮታት ሙዚቃን ኣሰንዩ ስለዘቕረቦ ኣብ ተሳተፍቲ ቀያሕቲ ዕምባባ ዓብዩ ተምሳጥ ኣሕዲሩ።

ስዒቡ ዝቐረበ ኣስተምህሮ፡ ንግደን ኣገዳስነትን መዝሙር ኣብ ምስሳንን ምኲስኳስን ሃገራዊ መንነት ኣብ ቈልዑን ኰተቴን ዝምልከት'ዩ ነይሩ። እቲ ኣስተምህሮ፡ ምስ ቈልዑን ኰተቴን ኣብ ዝተኣሳሰሩ ኣብ ብርክት ዝበሉ ስራሓት ብዝለዓለ ወንን ተወፋይነትን ኣብ ምንጣፍ ዝርከብ፡ ቅድም ኣላዪ ጕጅለ ባህሊ ዋሪ፡ ኣብዚ እዋን ድማ ኣላዪ ጕጅለ ፍዮሪና ኮይኑ ዝሰርሕ ዘሎ መምህር ኤፍሬም ፍቓዱ'ዩ ተዋሂቡ። መምህር ኤፍሬም ፍቓዱ ኣብ መግለጺኡ፡ ታሪኽ ሙዚቃን መዝሙርን መፋጥርቲ ደቂ ሰባት ምዃኑ፡ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ውሽጣዊ ስምዒታት ደቂሰብ ኣብ ምግላጽ ዓቢ እጃም ከምዘለዎ ጠቒሱ፡ ቀደም ኣብ ምጽንባል ዕዉት ሃድን፡ መግለጺ ሓዘንን ሓጎስን፡ ንኽብሪ ነጋውስን ካልእን ይጥቀምሉ ከም ዝነበሩ ብዝርዝር ኣብሪሁ። መምህር ኤፍሬም ብምቕጻል፡ ጽልዋ ሙዚቃ፡ መዝሙርን ደርፍን ካብ ካልእ ዓውዲ ብዝተዓጻጸፈ ናህሪ ካብ ሕብረተሰብ ናብ ሕብረተሰብ ይልሕም ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ኤርትራ ቈልዑን ሙዚቃን፡ ምስ ሞራል፡ ትምህርቲ፡ ሰውራ፡ ስነ ልቦናን ኣተዓባብያን ዘለዎ ዝምድና ኣብሪሁ። መምህር ኤፍሬም ኣብ መወዳእታ፡ መዝሙር ቀያሕቲ ዕምባባ ኣብ ምትሕልላፍ ባህላዊ ውርሻን ክብርታትን፡ ኣብ ምዕቃብ ቛንቋን መንነትን፡ ኣብ ምትትብባዕ ሃገራውነትን



ኣብ ምሕያል ማሕበራዊ ጥምረትን ወሳኒ ግደን ኣገዳስነትን ከም ዘለዎ ዝርዝራዊ መብርሂ ሂቡ።

ንትልሂት ብሄራት ኤርትራ ዘተኰረ ኣስተምህሮ ድማ ብሞያተኛን ምኩርን ትልሂት ብሄራት ኤርትራ ስነጥበበኛ ካሕሳይ ገብረሂወት'ዩ ተዋሂቡ። ስነጥበበኛ ካሕሳይ፡ ነቶም ካብ ሽዱሽተኣን ዞባታት ዝመጹ ኣባላት ቀያሕቲ ዕምባባ ብዛዕባ ትልሂት ብሓፈሻ፡ ብዛዕባ ያታዊ ትልሂት ድማ ብፍላይ ሓባራዊ መረዳእታ ንኽህልዎም ዕላማ ዝገበረ ብግብሪ ዝተሰነየ ኣስተምህሮ'ዩ ሂቡ። ትልሂት መግለጺ ውሽጣዊ ስምዒት ወዲሰብ ኰይኑ፡ ብኣካል ወዲሰብ ዝግለጽ ትልሂት፡ ምንቅስቓስን ስምዒትን ኣጣሚሩ ዝኸይድ ምዃኑ ኣብ ዝቐረበ ኣስተምህሮ ተገሊጹ። ንትልሂት ዝመስሉ ናይ ባሕሪ፡ ናይ በረድ፡ ናይ ኣትለቲክስ፡ ናይ ምረሻ ባንድታት፡ ናይ ጂም ምንቅስቓሳት ከም ዘለዉ'ውን ኣብቲ ኣስተምህሮ በሪሁ።

ብዙሓት ዓይነት ትልሂታት ከም ዘለዉን ሓደ ኻብኦም ያታዊ ትልሂት ምዃኑ ዝገለጸ ስነጥበበኛ ካሕሳይ ገብረሂወት፡ ያታዊ ትልሂት መበቈላዊ ህርመቱን ትልሂቱን ተሓልዩ ብዘመናዊ መገዲ ከም ዝቐርብ ንምግባር ዕላማ





ናይ'ቲ ኣስተምህሮ ምዃኑ ኣረዲኡ። ነፍሲወከፍ ዜጋ ብሕልፊ ድማ ቈልዑን መንእሰያትን ናይ ትሽዓቲኡ ብሄራት ያታዊ ትልሂታት ሓላፍነት ተሰሚዕዎም ክስዕብዎ፡ ከፍቅርዎን ክመልክዎን ክጽዕቱ ከም ዝግባእን ንሃገራዊ ውህደት ዓብዪ ተራ ዘለዎ ጥበብ ምዃኑን ኣብቲ ኣጋጣሚ በሪሁ። ተሳተፍቲ ቀያሕቲ ዕምባባ፡ በቲ ዝተዋህቦም ክልሰ ሓሳባውን ግብራውን ኣስተምህሮ ሕጉሳት ምዃኖም ብምግላጽ፡ ኣብ መጻኢ እኹል ግዜ ተዋሂብዎ ብደረጃታት ክዓቢ ዘለዎም ተስፋ ገሊጾም።

ኣብቲ ቅነ ብተወሳኺ፡ ዑደት ኣብ ታሪኻዊ ቦታታት ከረንን ከባቢኣን፡ ውድድር ጉጅለታት ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ውሁድ ምርኢት ሽዱሽተኣን ጉጅለታት ናብ ህዝብን ሰራዊትን፡ ምርኢት



























ብጻይ ሽሻይ ሓይለካብ

ሃገራውን ሰነዳውን ፊልምታት፡ ኣብ ሃገራዊ ትእምርትታት ባንዴራ፡ ኣርማን ሃገራዊ መዝሙርን ዘለዎም መረዳእታኦም ዘዕቢ ሓባራዊ ዘተን ካልእን መደባት ተኻይዶም።

እቲ መደብ ኪኖ ውድድር ዝኸይድ ዕላማ'ዩ ነይርዎ። ንዝቐርብ ስነጥበባዊ ፍርያት ብመልክዕ ቪድዮ ብምስናድ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ብምዝርጋሕ ኣብ ምኹስኳስ ሃገራውነት እጃም ከም ዝህልዎ ንምግባር፡ ምኩራት ዳይረክተራትን ሰኣልትን ብምውፋር ብዕቱብ ከም ተሰርሓሉን ኣብ መጸምታኡ ንምብጻሕ መስርሕ ኣዲትን ምጽፋፍን ይካየደሉ ከም ዘሎን ካብ ኣካያዲት ኣካል ዝተረኽበ ሓበሬታ የረድአ።

ብ4 መስከረም ኣብ ዝተኻየደ መዛዘሚ መደብ፡ ኣቦመንበር ኣወሃሃዲት ኮሚተ ናይ'ቲ ቅነ ካብ ክፍሊ ዜናን ባህልን ሃግመተኤ ብጻይ ሽሻይ ሓይለኣብ ኣብ ዘቕረቦ ጸብጻብ፡ ቅነ ውዳበታት ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ልዑል ወኒ ኩሉን ዞባታት ዝተንጸባረቐሉ፡ ውህደትን ሓድሕዳዊ ምምልላእን ዝዓሰሎ ምንባሩ ብምጥቃስ፡ ብ32 ንኡስ ዞባታት ዝተዋጽኡ 120 ተመሃሮ ከምኡ'ውን 30 ኣባላት ማርሽ ባንድን ኳየር ሃግመተኤ ከተማ ከረን ከም ዝተሳተፍዎ ሓቢሩ።

ኣብቲ ቅነ ዝተፈላለየ መደባት ከም ዝተሰላሰለ ዝሓበረ ብጻይ ሽሻይ፡ መዛሙር፡ ያታዊ ትልሂትን ግጥምታትን ዘጠቓልል 48 ትሕዝቶታት ከም ዝቐረበ ብምብራህ፡ ዞባታት ዘካየድኦ ቅድመ-ምድላውን ብመጽናዕቲ ዝተደገፈ ያታዊ ትሕዝቶታትን ብልጫ ናይ'ቲ ቅነ ከምዝነበረ፡ ዝነበሩ ሕጽረታት ተለልዮም ኣብ መጻኢ ብኣተኩሮ ከም ዝሰርሓሎም ኣነጺሩ።

ብጻይ ሽሻይ ብተወሳኺ፡ እቲ ቅነ ኣብ ምኹስኳስ መንነት፡ ምህናጽ ሃገራውነት፡ ዕቤት ባህልን ምዕቃብ መበቈላዊ ያታን ልዑል ተራ ከም ዘለዎ ጠቒሱ፡ ኣብ ቀጻሊ ፍልጠት-ጠቀስ መደባት ከውሰኹን ክእለት ኣባላት ቀያሕቲ ዕምባባ ዘሰስን ስልጠናታት ብዝለዓለ ክስረሓሉን ብምዝኽኻር፡ እቲ መደብ ንኽዕወት ንዝጸዓሩ ኣካላት ሞጒሱ።

ኣቦመንበር ማሕበር ብጻይ ሳልሕ ኣሕመዲን ብወገኑ፡ ውዳበ ቀያሕቲ ዕምባባ፡ ካብ እዋን ሰውራ ኣትሒዙ ኣብ ምኹስኳስ ምዕባይን ክብርታት ዕዙዝ ተራ ከምዝነበሮ ብምዝኽኻር፡ እቲ ቅነ መቐጸልታ ናይ'ቲ ማሕበር ውዳበታት ቀያሕቲ ዕምባባ ንምሕያል ዘካይዶ ዘሎ ጻዕርታት ከም ዝኾነን ብዓወት ምቅናዑ ንቐጻሊ ኣተባባዒ ምዃኑን ኣገንዚቡ።

ኣብ መወዳእታ ንምዕዋት እቲ መደብ ኣበርክቶ ንዝነበሮም ኣካላት ናይ ምስጋና ወረቐት ምስክር ክዕደል ከሎ፡ ንኹሉን ዞባታት ናይ ምስጋናን ገንዘባውን ሽልማት ተዋሂቡ።



# ቀያሕቲ ዕምባባ
## ምድላው ሓርበኛዊ ወለዶ ንጽባሕ

መጻኢ ዕድል ናይ ኤርትራ ኣብ እንግድዓ'ዚ ዝዓቢ ዘሎ ዝመጽእን ወለዶ ክወድቕ ታሪኻዊ ግድነት እዩ። መናባብሮ ህዝባ ዝጣጥሐ፡ ባህላን ክብርታታን ዝጸረየ፡ ክብራ ዝተዋሕሰ ኤርትራ ብንጡፍ ተዋሳኢ፡ ተጋዳሊ፡ ግዱስን ብጉስን ወለዶ እንተ ዘይኮይኑ ብተራ ግዜ ሂብዎ ዝመጸ ወለዶ ዝገሃድ ራእይ ኣይኮነን። ህዝባዊ ግንባር ኣብ እግሪ ተኸሉ ኑቶም ኣብ እዋኑ እግሪ ዝተኸሉ ዝነበሩ ቈልዑ ኤርትራ ዝዓበየ ቆላሕታን ተገዳስነትን ሂቡ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ክምስርት እንከሎ ዕላማኡ ተካእን ኣቐጻልን ዝኸውን ሰውራዊ ወለዶ ንምምልማል እዩ።

እታ ኣብ 1976 ኣብ ስንጭሮታት ሳሕል ዝተመስረተት ቤት ትምህርቲ ሰውራ ኸኣ ከምቲ ትጽቢት ዝተገብረላ ንዓወት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘቀላጥፉ ኣሽሓት ሓርበኛታት ኣፍርያ። ታሪኽ ቈልዑን ኮተቴን ቤት ትምህርቲ ሰውራን ቀያሕቲ ዕምባባን ኑቲ መሪር ታሪኽ ብረታዊ ቃልስና ዘመልክዕን ፍሉይነት ዝህብን እዩ። እንታይነት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነትን መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባርን ብዝበለጸ ዝገልጽ ተመኩሮ ብምዃኑ ጥልቕ ዝበለ መጽናዕቲ ክግበረሉ ይግባእ። ኣብዚ ሓጺር ጽሑፍ፡ "ቅኒትና ነጺብራቕ ክብርታትና" ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ብሃማመተኤ ተወዲቡ፡ ኑቲ ካብ 26 ነሓሰ ክሳዕ 5 መስከረም 2025፡ ብደረጃ ሃገር ኣብ ከተማ ከረን ብዉዕዉዕ መንፈስ ዝተኻየደ ፋልማይ ቅነ ውዳበ ቀያሕቲ ዕምባባ መንቀሊ ብምግባር፡ ሓጺር ታሪኽን ኣበርክቶን ቀያሕቲ ዕምባባ ክግለጽ ተፈቲኑ ኣሎ።

ቀያሕቲ ዕምባባ ኣብ ማእከል ብረታዊ ቃልሲ ንናጽነት ኣብ ውሽጢ'ቲ ገድላዊ ኵነታት ተወሊዶም ናይ ጸወታ ቆልዓ ክጻወቱን ሕንቅቕን ዕድል ዝተነፍጎም ወለዶ'ዮም። በቲ ሰውራ ዝፈጠሮ ሓድሽ ኵነታት ኣዕሚቖም ዝተጻልዉን ከም ንቡር ዝተቐበሉን ኣብ ርእሲ ምዃኖም፡ ብሰውራዊ ስነ-ሓሳብ እናተሰራሰሩ ዝዓበዩ እዮም። ሰውራ ኤርትራ፡ ኑቲ ዝበለጸ ባህርያት ናይ ሓፋሽ ህዝቢ እናፈልፈለ፡ ብኣንጻሩ ኑቲ ኣድሓርሓርን ጎዳእን ዝኾነ ምንጪ እናድረቐ ንባህልን ኣረኣእያን ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣብ ሓጺር እዋን ቀይሩ ምስ ሰውራዊ ዓለማዊ ኣመለኻኽታ ኣሳንዩዎ'ዩ። ብጻይነት፡ ሓልዮት፡ ትብዓት፡ ቆራጽነት፡ ፍቕሪ ስራሕ፡ መሃዝነት፡ ተወፋይነት፡ ድሉውነት ንመስዋእቲ ወዘተ. ኣማዕቢሉ ኣብ ኩሉ መዳያት ተኣምር ሰሪሑ።

ቀያሕቲ ዕምባባ ኣብዚ ባህርያት'ዚ ተወሊዶም ዝዓበዩ ብምዃኖም ልዕሊ ሰቦም ናብ ውሽጦም ኣስሪጾም ዝዓበዩ ንጹሃት ሰውራውያን'ዮም። ምስ ዓበዩ ናብቲ ርሱን ሰውራዊ ኩነታት ምስ ኣተዉ ኑቲ ሰውራ ናህሪ ከም ዝወሰኸሉ ብዙሓት ይምስክሩ። ሰውራ ብባህሪኡ ኑቲ ዘዝበለጸ እናበልዐ ዝኸይድ'ዩ። ሰውራ ኤርትራ ክዕወት ዝኽኣለ - ኣብ መንጎ ብዙሓት ረቛሒታት - ቀጻልነቱ ዘረጋግጸሉ ሓድሽ ወለዶ ኣብ ምህናጽ ስለ ዝተዓወተ'ዩ።

ቀያሕቲ ዕምባባ ተካእትን ኮላዕትን ሰውራ ኤርትራ እዮም። ቀያሕቲ ዕምባባ ብብስለቶም፡ ትሮም ድስፕሊኖም፡ መሃዝነቶም፡ ድፍረቶም ዝተፈልጡ እዮም። ንሰውራ ኤርትራ ዝወፈይዎ ጥበባዊ፡ ወተሃደራዊ፡ ትምህርታዊ፡ ስነ-ሓሳባዊ ኣበርክቶ ተወሳኺ ሓይልን ድምቀትን ሂቦም እዮም። ቀያሕቲ ዕምባባ ኣብ መላእ ኤርትራን ፈቐዶ ወጻኢ ሃገራትን ተወዲቦም ዘካየድዎ ቃልሲ ኣብ ታሪኽ ሰውራታት ናይ ዓለም መወዳድርቲ የብሉን። ብቐያሕቲ ዕምባባ ዝፈረየ ንጅግንነት ህዝባዊ ሰራዊት ዘሞጉስ፡ ንግፍዕታት ጸላኢ ዝኾንን ዘቃልዕን፡ ንህዝቢ ኤርትራ ተስፋ ዘስንቕ ደርፍታትን መዛሙርን ክሳብ ሕጂ ረስኖም ዓቂቦም ኣለዉ። ኣብቲ ርሱን ወተሃደራዊ ኵነታት፡ ዘርኣይዎ ልዕሊ ዓቕሞምን ዕድመኦምን




ዝኾነ ህንዳደን ሕራነን እውን ኣብ ታሪኽ ምዝገብ'ዩ። ሓደ እዋን ተመሃሮ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ክንጋደል ኢና ብምባል ትምህርቲ ኣይንመሃርን ኢሎም ምስ ሓንገዱ ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ መጺኡ ከም ዘገንሖም ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝነበሩ ክሳብ ሕጂ ዝዝክርዎ'ዩ። ተጋዳላይ ኢሳይያስ ንቶም ዓውደ-ትምህርቲ ረጊጾም ናብ ዓውደ-ውግእ እንተ ዘይከድና ኢሎም ነቲ ልሙድ ሰውራዊ ስነ-ስርዓት ዝሃወኹ ተመሃሮ ብቑጥዐ፡ "መን'ዩ ንግራቱ ብጠበንጃ ዝሓርስ፡ መን'ዩ'ኸ ንፋብሪካ ብመድፍዕ ዘንቀሳቕስ፡ ብረት ነቲ እንደልዮ ሰላም ከምጽኣልና እንጥቀመሉ መሳርሒ ጥራይ'ዩ" ብምባል ትምህርቶም ክቕጽሉ ከቢድ መጠንቀቕታ ሂብዎም ከይዱ።

ኣብ ባህላዊ ሜዳ ብቀያሕቲ ዕምባባ ዝካየድ ዝነበረ ንጥፈታት ለዋጢ ሓይሊ ነይርዎ። ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕምባባ ዘበርክትዎ ሰውራዊ ደርፍታትን መዛሙርን ተዋስኦታትን ኣብ ርእሲ'ቲ ዝተጻወቶ ንባህሊ ሕብረተሰብ ኤርትራ ናይ ምዕንባብን ምሕዳስን ኣበርክቶ ንናይ ምቅላስ መንፈስ ኤርትራውያን እውን ኣፍሊሕዎ'ዩ። ድምጻዊ ተጋዳላይ እስቲፋኖስ ኣብርሃም (ዘማች) ኣብታ "ዋሕስ ግዙኣት" እትብል ህብብቲ ሰውራዊት ደርፉ ንህዝባዊ ሰራዊት ኣመልኪቱ፡-

**"እሙን ዋሕስ፡ ንቕድሚት ዝግስግስ**
**ምድሕርሓር ዘልምስ፡ ወራራት ዘዕግስ**
**ራህዋ ዘንግስ፡ ዓወታት ዝሓፍስ**
**ኣብ ኤርትራና ሓዳስ"**

ድሕሪ ምባሉ፡ "ንዓ እስከ ኣታ ቀይሕ ዕምባባ" ብምባል "ካብ ምንታይ እዩ እዚ ኩሉ ዓወታት ናይ ጅግና ሰራዊት" ዝብል ዓንኳር ሕቶ ምስ ደርበይሉ፡ እቲ ዝተጻውዐ ቀይሕ ዕምባባ ነቲ ቆልዓዊ ድሃዩ ብብርቱዕ ድሃይ የዕርዲዱ፡ "ካብ ንቕሓትን ጽንዓትን'ዩ" ክብሎ እንከሎ ስምዒት ዘለዎ ፍጡር ናይ ስምዒት ህዋሳቱ ክንቀሳቐሱ ግድን'ዩ። ቀያሕቲ ዕምባባ ኣብ ምምዕባል ስነ ጥበብ ኤርትራን ምዥላዕ ኤርትራዊ ክብርታትን ዝተጻወትዎ ተራ ብኹሉ መለክዒ ዓቢ'ዩ። ደርፍታት፡ መዛሙርን ድራማታትን ቀያሕቲ ዕምባባ ንሓፋሽ ኣብ ምብርባርን ፍናኑ ሓፍ ኣብ ምባልን መዘና ኣይነበሮን።

ጉጅለ ባህሊ ቀያሕቲ ዕምባባ ንድብያታት ጸላኢ ተሳጊሮም ኣብ መላእ ኤርትራ ንህዝብን ተጋዳላይን ብዛዕባ'ቲ ዘይተርፍ ዓወት ብልሳኖም ኣቃሊሖም'ዮም። ደርፍታት፡ መዛሙርን ድራማታትን ቀያሕቲ ዕምባባ ንህዝቢ ኣትቢዖምን ጎስጒሶም ኣሰሊፎምን'ዮም። ነቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ሕብረተሰብና ንቕልዑ ዘስተናዕቕ ኣበርክቶኦም ዝድርትን ዝነበረ ኣተሓሳስባ ብግብሪ ሓምሺሾም ኣገዳስነቶም ጠቓምነቶምን ኣርእዮም። ኣብ መስርሕ ምፍጻም ተልእኾኦም ከኣ ከምቲ ተጋዳላይ ዝኸፍሎ ዝነበረ መስዋእቲ ኣብ መስርሕ ምዕዋት ህዝባዊ ቃልሲ ሂወቶም ወፍዮም ንስሞም ኣብ መዝገብ ስዉኣት ሓርነት ዘስፈሩ ብዙሓት'ዮም። ቀያሕቲ ዕምባባ ኣካል ናይ'ቲ ንመግዛእትን ተሓባበርቱን ዝገላብጥ ዝነበረ ሰውራዊ ማዕበል እምበር ተኣልይቲ ኣይነበሩን።

ህዝባዊ ግንባር፡ ነቶም ካብ 9-15 ዝዕድሚኦም መንእሰያት ኤርትራውያን ዝጥርንፍ ማሕበር ቀያሕቲ ዕምባባ ኣቑሙ ንኣበርክቶኦም ቅርጽን ውዳበን ፈጢሩሉ። ማሕበር ቀያሕቲ ዕምባባ ኤርትራውያን ዝምርሓሎም ዓሰርተ መትከላት ነይሮሞ። ካብቶም ዓሰርተ መትከላት ናይ ቀያሕቲ ዕምባባ ተወፋይነት ኣብ ሰውራዊ መትከል፡ ዘይሕለል ፍቕሪ ሃገርን ብጾትን፡ ብጻያዊ ዝምድና ኣብ ነንሓድሕድካ ምድግጋፍን ምትሕግጋዝን ኣብ ስራሕ፡ ብዕድመ ዓበይቲ ንዝኾኑ ምኽባር፡ ሓድነት ምድልዳል ድስፕሊን ምኽባር፡ ኣብ ማሕበራዊ ሂወት ትሕትና፡ ቅንዕና፡ ህድኣት ምዝውታር፡ ትግሃትን ጻዕርን ኣብ ማእቶትን ትምህርትን፡ ስነ ጽሬትን ስፖርትን ብዘይምቁራጽ ምዝውታር የጠቓልል።

ሃማመተኤ ነዚ ታሪኻዊ ሓድጊ'ዚ ዝወርሱ ቀያሕቲ ዕምባባ ኣብ ናጻ ኤርትራ ከም ዝፈርዩ ንምግባር ንመንእሰያት ተመሃሮ ኣብ ውድባታት ቀያሕቲ ዕምባባን ፊተውራርን ጠርኒፉ ይሰርሕ ኣሎ። ተመሃሮ ንበሉጽ ሕብረተሰብኣዊ ባህልን ሰውራዊ ክብርታትን ተላቢሶም ክብ ዝበለ ጠባያት ከማዕብሉ ዝግበር ዘሎ ጻዕሪ ክዓዝዝን ክውርጽጽን ይግባእ። ከምቲ ምስላ ሕብረተሰብና "ንቖልዓ ዝነገርካዮን፣ ኣብ እምኒ ዝወቐርካዮን ሓደ" ዝተባህለ እዚ ዝዓቢ ዘሎ ወለዶ ሒዝዎ ዝዓቢ ጠቓሚ ምህሮ ብኣጋ ክንምህሮ ይጽንሓለይ ዘይብሃሎ ጉዳይ እዩ። ተመሃሮና ፍቕሪ ሃገር፡ ብጻያዊ መንፈስ፡ ብድስፕሊን ተቐይድካ ናይ ምኻድ ድሌት፡ ኣኽብሮት ንባህልን ዓበይትን፡ ፍትወት ስራሕን ትምህርትን ክሓድሮም ውዳቤታት ቀያሕቲ ዕምባባ ክበራብርን ክሕይልን ኣለዎ።

ከምቲ "ዉላድካ ክጐብዝን፣ እኽልኻ ክስውትን ሓለዋ ኣጽንዕ" ተባሂሉ ዝተመሰለ፡ ናብ ኩትትናን ጉብዝናን ገጾም ዝኸዱ ዘለዉ መንእሰያትና ካብ ስንፍናን ሕማቕ ባህርያትን ናይ ምሕላው ሓላፍነት ናይ ኩሉ ኣካላት እዩ። ራእይ መጻኢት ኤርትራ ዘግህድ ወለዶ እዚ ሕጂ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ዝመሃር ዘሎ ወለዶ እዩ። ባህሎምን ታሪኾምን ዘኽብሩ፡ ዕዙዝ ባህርያት ዝውንኑ፡ ተማሂሮምን ምሂዞምን ዘይጸግቡ፡ ንሕብረተሰባዊ ጽባቐ ዝውፈዩ፡ ሕመቕን ስንፍናን ዝጽየኑ፡ ንሕማቕ ካብ ጽቡቕ ዝፈልዩ ተመሃሮ ኣብ ምፍራይ እንተድኣ ተዓዊትና እታ ብሓሳብ እንርእያ ዘለና ኤርትራ ኣብ ባይታ ክንርእያ ምኳንና ዘጠራጥር የለን። ሓደ ጓሳ ነቲ ኣርሓ ዝኸውን ጌና ብብተዩ እንከሎ እዩ ዝፈልጦን ዝከናኸኖን። እቶም ናይ ጽባሕ ኣርሓታት እዞም ኣብ መጻወቲ ቅርዓትን ቀጽሪ ኣብያተ ትምህርትን ኮይኖም ከም ኣብታይ ዝዕንድሩ ዘለዉ ተመሃሮና እዮም። ውዳቤታት ቀያሕቲ ዕምባባ ኣብ ኩሉ መዳያት ሂወት ሓርበኛታት ዝኾኑ ዜጋታት ኣብ ምፍራይ ንምውዓል ተወሃሂድና ንዕየ። ጽባሕና ክጽብቕ ንተመሃሮና ከይተሓለልና ንምሃሮም፡ ነርእዮም፡ ንምዓዶም፡ ጽን ንበሎም፡ ንዓልሞም!!

# ማሕበር ሓካይም ኤርትራ ኣብ ሳዕቤናት ኣወለፍቲ ነገራት ዘተኰረ ኣስተምህሮ ኣካይዱ

ማሕበር ሓካይም ኤርትራ (ERIMA) ምስ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ብምትሕብባር፡ ኣብ ኣወለፍቲ ነገራትን ሳዕቤናቶምን ዘተኰረ ሰፊሕ ኣስተምህሮ፡ ብ4 ጥቅምቲ ኣብ ዞባ ማእከል ኣዳራሽ ዳዕሮ (ጁንየር ክለብ) ሂቡ።

ኣብቲ ካብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ንዝመጹ ወከልቲ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ዝተሳተፍዎ ኣስተምህሮ፡ ኣቦመንበር ሃማመተኤ ብጻይ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣብ ዘስምዖ መኽፈቲ ቃል፡ ንኣገዳስነትን እዋናውነትን ናይ'ቲ ዛዕባ ብምጥቃስ፡ ተመሃሮ ነዚ ተገንዚቦም ንዝቐሰምዎ ፍልጠት ናብ መዛኑኦም ከመሓላልፉ ተላብዩ።

ፕረዚደንት ማሕበር ሓካይም ኤርትራ ዶክተር ምስማይ ገብረሂወት ብግደኡ፡ ማሕበሮም ኣብዚ ዓመትዚ ምስ ዝምልከተን ሚኒስትሪታትን ማሕበራትን ብምትሕብባር ሞያዊ ኣስተምህሮታት ንምሃብ ይንቀሳቐስ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ እዚ ኣስተምህሮ ኣካል ናቱ ከም ዝኾነ ሓቢሩ።

እቲ ሰሚናር፡ ትርጉም ኣወለፍቲ ነገራት፡ ዓይነታት ጎዳእቲ ወልፍታትን ኣብ ሓንጎል ዝረኣዩ ኣሉታዊ ለውጥታት፡ ጠንቅታትን ምልክታትን ወልፊ፡ ሳዕቤናት ኣወለፍቲ ነገራት፡ መከላኸሊ ኣገባባት፡ ከምኡ'ውን መንእሰያት ክገብርዎ ዘለዎም ጥንቃቐ ዝብል ኣርእስትታት ዘጠቓለለ ነይሩ።

ኣብ ትምባኾ ልዕሊ 7,000 ቀመማት ከምዝርከቡ ዝገለጹ ኣቕረብቲ፡ ኣብ ዓለም ኣብ ነፍሲወከፍ 6 ካልኢት ሓደ ሰብ፡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ዓመት ድማ ኣስታት 8 ሚልዮን ሰባት ብሰንኪ ፍርያት ትምባኾ ከም ዝሞቱ ንዝተኻየደ መጽናዕትታት ጠቒሶም ድሕሪ ምብራህ፡ መንእሰያት ብሩህ መጻኢኦም ንምውሓስ ካብ ኣወለፍቲ ነገራት ክርሕቁ ተላብዮም። ተሳተፍቲ ተመሃሮ ብወገኖም፡ እቲ ሰሚናር ኣብ ሳዕቤናት ኣወለፍቲ ነገራን ንዘጸንሖም ፍልጠት ዘበርኽ ኮይኑ ከም ዝረኸብዎ ብምጥቃስ፡ ኣብ ኩሉ ክባጻሕን ቀጻልነት ክህልዎን ተላብዮም።



ብጻይ ሳልሕ ኣሕመዲን (ኣቦመንበር ሃማመተኤ)



ዶ/ር ምስማይ ገብረሂወት (ፕረዚደንት ማሕበር ሓካይም ኤርትራ)

ነቲ ንግሆ ካብ 7፡30 ቅ.ቐትሪ ጀሚሩ ክሳዕ ፍርቂ መዓልቲ ዝጸንሐ እዋናዊ ኣገዳስነት ዘለዎ ኣሳታፊ ሰሚናርን ኣስተምህሮን ዝመርሕዎ፡ ብወገን ሃማመተኤ ሓላፊ ፖለቲካን ውዳበን ሃማመተኤ ዞባ ማእከል ብጻይ ሮቤል ከበደ ብወገን ማሕበር ሓካይም ድማ ክኢላ ሕክምና ቈልዑ ዶክተር ሳምሶን ኣባይ ነይሮም።

ናይ'ቲ ብመልክዕ ወረቐትን ሓባራዊ ዘተን ዝቐረበ ሰፊሕ ትሕዝቶ ጽማቝ ይስዕብ፡-



# ኣወለፍቲ ነገራትን ሳዕቤናቶምን

ዶ/ር ሚልክያለ ገብረኽግዚኣብሄር

## ዓይነታት ኣወለፍቲ ነገራትን ግኑናት ጐዳእቲ ልምድታትን

ወልፊ ማለት ንጥዕና ዝጎድኡ ዝተፈላለዩ ቀመማት ብዘይግቡእ ዓቐንን ኣገባብን ምጥቃም ማለት'ዩ። ዝበዝሐ እዋን ሰባት ኮነተ-ኣእምሮ ንምቕያር ብዝብል ዕላማ'ዮም ኣወለፍቲ ነገራት ዝወስዱ። ኣወለፍቲ ባእታታት ግን ነቲ ንቡር ኣሰራርሓ ሓንጎል ወዲ-ሰብ ምሉእ ብምሉእ ይቕይርዎ። እዞም ኣወለፍቲ ባእታታት ምስ ምንዋሕ ግዜ፡ ኣብ ሓንጎል ዶፓሚን (dopamine) ዝተባህለ ነዝዒ ከም ዝፈሪ ይገብሩ። እዚ ነዝዒ ኸኣ ኣብ ሓንጎል ዘይንቡር፡ ንሓጺር ግዜ ጥራይ ዝጸንሕ ናይ ባህታ ስምዒት ብምፍጣር ነቲ ኣወላፊ ባእታ ብተደጋጋሚ ንኽትወስዶ የተባብዕ።

ገለ ካብ ግኑናት ዓይነታት ጎዳእቲ ወልፍታት ንምጥቃስ፡ ኣልኮላዊ መስተ፡ ትምባኾ፡ ማስቲሺ፡ መቃጠኒ ሕብሪ፡ በንዚን፡ ማሪዋና፡ ኮኬይንን ሄሮይንን ይርከብዎም። ትምባኾ ብመልክዕ





ዶ/ር ሚልክያለ ገብረኽግዚኣብሄር

ሽጋራ፡ ሳፋ፡ ሺሻን ኤለክትሮኒካዊ ሽጋራ (vape)ን ይዝውተር። ብዘይካ`ዚኦም፡ ኣብ ሕክምና ዝእዘዙ፡ ጸኒሖም ወልፊ ከማዕብሉ ዝኽእሉ መድሃኒታት`ውን ኣለዉ።

ዝበዝሑ ግዳያት ንፈተነ ብዝብል ምኽንያት ወይ ብጠንቀምቀም'ዮም ንወልፊ ኣብ ዕድመ ኮትትና ዝጅምርዎ። ድሕሪ ግዜ ኸኣ ኣብ ገለ ካብኣቶም ናብ ኣመል ወይ ወልፊ ይምዕብል።

ከም ጠንቅታት ወልፊ ኮይኖም ዝጥቀሱ ክልተ ረቛሒታት፡ ጽልዋታት ኣከባብን ተወርሶን'ዮም። እቲ ብጽልዋ መዛኑ፡ ወለዲ፡ ኣሕዋትን ካልኦት ኣካላት ሕብረተ-ሰብን ዝብገስ ጉዕዞ ወልፊ፡ ንወልፊ ብዝድርኹ ተወርሶኣዊ ጅራት (genes) ይጋደድ።

ጸቕጢ መዘና፡ ምህላው ወልፊ ኣብ ኣባላት ስድራቤት፡ ሓድሽ ነገራት



ከይመመኻ ናይ ምፍታን ባህሪ፡ ኣወለፍቲ ነገራት ብቐሊሉ ክትረኽበሉ እትኽእል ባይታ ምህላው፡ ብቕዓት ኣብ ትምህርትን ስራሕን ንምዕባይ ዝብል ግጉይ ኣተሓሳስባ፡ ካብ ጸቕጢ ኣእምሮ ናጻ ንምኧን ዝብል ኣጉል ኣተሓሳስባ፡ ጽልዋ ተክኖሎጂ፡ ጽልዋ ህቡባት ሰባትን ኣጋገይቲ መወዓውዒታትን ካብቶም ኣዝዮም ግኑናት ጠንቅታት ወልፊ'ዮም።

ኣብዚ እዋን ብዝሒ ተጠቀምቲ ኣወለፍቲ ነገራት ብልዑል ናህሪ እናወሰኸ ይመጽእ ኣሎ። ብመሰረት ኣብ ቀረባ እዋን ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ልዕሊ 1.3 ቢልዮን ሰባት ሽጋራ የትክኹ። ከም ውጽኢት ጥዕናዊ ጸገማት ምትካኽ ሽጋራ ኸኣ ኣብ ዓመት ኣስታት 6 ሚልዮን ሰባት ይሞቱ። ወልፊ ኣልኮላዊ መስተ`ውን ዓመታዊ ናይ ልዕሊ 3.3 ሚልዮን ሰባት ሞት የስዕብ።

ሓደ ሰብ ወልፊ ከም ዘማዕበለ ከአንፍቱ ዝኽእሉ ብዙሓት ሓበርቲ ምልክታት ኣለዉ። ገለ ካብኦም፡ ኣወለፍቲ ባእታታት መዓልታዊ ወይ ኣብ መዓልቲ ብዙሕ ግዜ ምጥቃም፡ ብዛዕባ ኣወለፍቲ ባእታታት ልዕሊ ዓቕን ምሕሳብ፡ ምስ ግዜ ተጻዋርነት ምምዕባል፡ ቀጻልነት ቀረብ ኣወለፍቲ ነገራት ንምውሓስ ምቅላስ፡ ልዑል መጠን ገንዘብ ኣብ ኣወለፍቲ ነገራት ምፍሳስ፡ ብሰንኪ ወልፊ ካብ ትምህርቲ፡ ስራሕን ሓላፍነትን ምጉንዳብ፡ ብሰንኪ ወልፊ ካብ ማሕበራዊ ምትእኽኻባት ምርሓቕ፡ ወልፍኻ ንምዕጋብ ዘድልየካ ገንዘብ ንምርካብ ምስራቕ ወይ ምኽታርን ኣወለፍቲ ነገራት ወሲድካ መኪና ምዝዋር ወይ ሓደገኛ ንጥፈታት ምክያድን ይርከብዎም።

ኣብ ከባቢና ዘለዉ ሰባት ወልፊ ከምዘማዕበሉ ንምልላይ እዞም ዝስዕቡ ምልክታት ምስትብሃል ሓጋዚ እዩ። ቀጻሊ ጸገማት ኣብ ትምህርቲ (ቀጻሊ ምብኳር፡ ተገዳስነት ምጒዳል ወይ ምንቁልቋል ነጥቢ) ወይ ቀጻሊ ጸገማት ኣብ ስራሕ (ቀጻሊ ምብኳር፡ ተገዳስነት ምጒዳል ወይ ምንቁልቋል ብቕዓት ስራሕ)፡ ሓይሊ ምድካም፡ ሃንደበታዊ ዘይንቡር ምጒዳል ወይ ምውሳኽ ክብደት ሰብነት፡ ቀጻሊ ምቕያሕ ዓይኒ፡ ኣብ ኣከዳድና፡ ክንክን ጸጉርን ሓፈሻዊ ጽባቐን ተገዳስነት ምጒዳል፡ ኣሉታዊ ናይ ባህሪ ለውጢ ምምጻእ፡ ምስጢራውያን ኣዕሩኽ ምጥራይ፡ ሕቡእ መቕመጢ ወይ ውልቃዊ ክፍሊ ንምውናን ምጽዓር፡ ምስ ስድራቤትን ኣዕሩኽን ዝነበረ ርክብ ብሃንደበት ምብታኽን ኣብ ገዛ ገንዘብ ወይ ንብረት ክጠፍእ ወይ ክለዓል ምስ ዝጅምርን ዕሙቕ ዝበለ ምክታትል የድሊ።



ዝኾነ ብወልፊ ዝተጠቕዐ ሰብ ናብ ትካል ጥዕና ንመርመራ ኣብ ዝመጽኣሉ ግዜ፡ ዕሙቕ ዝበለ ቃለ-መሕትትን ዘተን ምስ ተሓካማይ ብምክያድ፡ ሕክምናዊ ታሪኽ (ድሕረ-ባይታ) ካብ ኣባላት ስድራቤትን መዛኑን ብምውሳድ፡ ንውሕ ዝበለ ምክትታል ውልቃዊ ባህርያት ብምክያድን ኣገዳሲ ኣብ ዝኾነሉ እዋናት ከኣ መርመራ ዓቕን ኣወለፍቲ ባእታታት ኣብ ደም ብምምርማርን ግቡእ ነጸርታ ተዋሂብዎ ግቡእ ሓገዝ ክረክብ ይኽእል።



ዶ/ር ሃብቶም ክፍለ

ዶ/ር ሃብቶም ክፍለ

# ሳዕቤናት ኣወለፍቲ ነገራትን መከላኸሊኦምን

ኣወለፍቲ ነገራት ናይ ምምዛዝን ክእለትካ የዳኽሙልካ፡ ግንዘብኻ የዘንብዑልካ፡ መጠን መልሰ-ተግባርካ የቕይሩኻ፡ ኣብ ምወዳእታኡ ናብ ሓደጋን መጕዳእትን ይሸሙኻ። ሕማም፡ ስንክልና፡ ነብስኻ ዘይምቁጽጻር፡ ሓላፍነት ዘይምቕባልን ካልእ ማሕበራዊ ጸገማትን'ውን ከስዕቡልካ ይኽእሉ። እቶም ኣወለፍቲ ነገራት ዋጋኦም ቀሊል ስለዘይኮነ፡ ንዕኦም ክትረክብ ክትብል ዘይነበረካ ናይ ስርቂ፡ ምኽታርን ምጥፍፋእን ባህርያት ከተማዕብል'ውን ትኽእል። ብዘይካዚ ብሰንኪ ተደጋጋሚ ምትካኽን ኣልኮል ምስታይን ሕማም መንሽሮ፡ ምምራዝ ጸላም ከብዲ፡ ወቕዒ ልቢ፡ ወቕዒ ሓንጎል፡ ጸቕጢ ደምን ሕማማት ሰራውር ደምን፡ ምጕዳል ፍርያምነት (መኻንነት)፡ ድኽነትን ናይ ሓንጎል መጕዳእትን ከስዕቡልካ ይኽእሉ። መብዛሕትኦም ብወልፊ ዝተታሕዙ ሰባት ዘየቃልብሉ ነገር ድማ ጉዳይ ቁጠባ እዩ። ብሰንኪ ወልፊ መዓልታዊ ዘውጽእዎ ወጻኢታት ኣብ ዓሰርተ ዒሰራ ዓመት ተደማሚሩ ዓቢ ቁምነገር ክግዝእ ዝኽእል ምንባሩ ኣይግንዘብዎን።

ገለ ካብ ጠንቅታት ወልፊ ንምጥቃስ፥ ናይ ወለዲ ድሕረ-ባይታ፡ ንእስነት፡ ጸቕጢ መዛኑ፡ ኣወለፍቲ ነገራት ብቐሊሉ ናይ ምርካብ ዕድል፡ መወዓውዒ፡ ጸገም ስነ-ኣእምሮ፡ ግርጭት ስድራ ቤት፡ ተነጽሎ፡ ዓመጽን ጎነጽን፡ ወዘተ ክኾውን ይኽእል።

በፍንጫ ተሳሒቦም ናብ ሳንቡእ ዝኣትዉን ቀልጢፎም ኣብ ርእሲ ዝድዩቡን ንኾነተ ኣእምሮ ዝቕይሩን ከም በንዚን፡ ኣኳራጅያ፡ ማስቲሺን ካልኦት በነንትን ተቓጻልትን ኣወለፍቲ ነገራት'ውን ኣለዉ። እዞም ቀመማት መርዛማት ስለዝኾኑ፡ ከም ምምዝባል ስርዓተ መትኒ (ምንጽርራው፡ መኣዝን ምጥፋእ፡ ምህትፍታፍ፡ ውህደት ምስኣን፡ ምልካት ኣፍ)፡ ምምዝባል ህርመት ልቢ፡ ናይ ምስትንፋስን ስርዓተ ምሕቓቕን ጸገማት፡ ወዘተ. ኣብ ቅልጡፍ እዋን ከማዕብሉ ይኽእሉ። ኣብ ዝተናውሐ ድማ ኣካላውን ኣእምሮኣውን ጸገማት የስዕቡ።

ኣልኮላዊ መስተ'ውን ሓደ ካብቶም ኣወለፍቲ ነገራት'ዩ። ሳዕቤኑ ብመጠን ዝሰተናዮን ድግግም ናይ ግዜን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ዋላ ናይ ሓንቲ መዓልቲ ጌጋ'ውን ግዙእ ናይቲ ወልፍን ግዳይ ሳዕቤናቱን ብሰንኩ ዝስዕብ ሓደጋታትን ክንከውን ንኽእል። ብሰንኩ ናብ ዘይተደልየ ጎነጽ፡ ነብሰ ቕትለት፡ ቕትለት ሰብን ጾታዊ መጥቃዕትን ከምርሓና ይኽእል። ብዘይ ዓቕን ዝተወስደ ኣልኮላዊ መስተ ድማ ብቕልጡፍ ምምራዝ፡ ምምዝባል ስርዓተ ምስትንፋስ፡ ምምዝባል ህርመት ልብን፡ሞትን ከስዕብ ይኽእል። ደቀንስትዮ ድማ ዝያዳ ተነቀፍቲ ስለዝኾና፡ ብሕልፊ ኣብ እዋን ጥንስን ሕርስን እቲ ዝወርድ ማህሰይቲ ካብቲ ናይ ደቂተባዕትዮ ዝተዓጻጸፈ ይኸውን።

ኤለክትሮኒካዊ ሽጋራ ብባትሪ ዝሰርሕ ኮይኑ፡ ዝተፈላለዩ ጎዳእቲ ፈሰስቲ ቀመማት (propylene glycol, glycerol, and ethylene glycol...) ብመልክዕ ሃፉ ናብ ሰብነትና ብምእታው ናብ ዝተፈላለዩ ሕማማት ክሸመና ዝኽእል ሓደገኛ መሳርሒ'ዩ። ኣብ ምትካኽ ሽጋራ፡ ዳርጋ ትሑትን ልዑልን ዓቕን ዝበሃል የለን። ንሕማም ልቢ ንኽትጥቃዕ ኣብ መዓልቲ ሰለስተ ሽጋራ ጥራይ ኣኻሊ'ዩ። መርዛማት ቀመማት ፍርያት ትምባኾ ክሳዕ 7 ሽሕ ይበጽሑ። ካብዚኦም እቶም 80 ዝኾኑ ምስ መንሽሮ ቀጥታዊ






















ምትእስሳር ዘለዎም'ዩም።

ኒኮቲን ናብ ሓንጎል ኣትካኺ ኣብ ውሽጢ 7-10 ካልኢታት ይበጽሕ። ኣብ ሓንጎል ድሕሪ 30-60 ደቃይቕ ኣዝዩ ስለ ዝጎድል ከኣ ካልኣይ ጊዜ ንምትካኽ ይዕድም። ልዑል ጸቕጢ ደም የስዕብ። ኣብ ልብን ሰራውር ደምን ሃስያ የውርድ፡ ሰራውር ደም ከም ዝዕርድዱን ኣብ ውሽጦም ደም ከም ዝረግእን ይገብር። ካርቦን ሞኖክሳይድ ንደም ናይ ኦክስጂን ናይ ምስካም ዓቕሙ ኣጕዲሉ ሕጽረት ምስትንፋስ የኸትል። ከም ሳዕቤን ኸኣ ንጥፈታት ልቢ ይሰናኸል።

ካርታመ (ታር)፡- እዚ ቀመም'ዚ ኣብ መናድቕ ሰናቡእ ተለጢፉ ንተመጣጢ ባህርያት ሰናቡእ ኣጥፊኡ ንምልውዋጥ ኦክሲጂንን ካርቦን ዳይኦክሳይድን ኣብ ደም ዓጊቱ፡  ሕጽረት ምስትንፋስ ብምስዓብ ኣብ ነዊሕ ግዜ ናይ ልብን ሰራውር ደምን ሕማማትን መንሽሮን ኣኸቲሉ ዝቕትል ቀመም'ዩ። ስለዚ፡ ብኸመይ ተጀሚሩ ብዘየገድስ፡ ብኸመይ ነቋርጾ ክንሓስብን ንትግባረኡ ምስ ሞያውያን እናተማኸርና ብዕቱብ ክንሰርሓሉን የድሊ።

## ወልፊ ፍርያት ትምባኾ ብኸመይ ክግደፍ ይከኣል፤

ፈለማ ነፍሲ ወከፍ ተጠቃሚ ሳዕቤናት ፍርያት ትምባኾ ተገንዚቡ ንገዛእ ርእሱ ክመልኽን ክውስንን የድሊ። እዚ ድማ መበገሲ ናይ ባህሪ ለውጢ እዩ። ኩሉ እቲ ትምባኾ ንምጥቃም ዘበግሶ ባህርያት፡ ቦታታት፡ ሰባት፡ ግዜ ብዕቱብ ኣለልዩ ኣብ ክንድኡ እወንታዊ ባህርያት ንህይወቱ ዘገድስ ነገራት ኣብ ምንጣፍ ከውዕሎ የድሊ።

ኣብ ክንዲ ሽጋራ ማስቲካ ምሕያኽ - ማይ ምስታይ፡ ኣብ ክንዲ ምስ ሽጋራ ዘትክኹ ግዜ ምሕላፍ - መጽሓፍ ምንባብ - ሙዚቃ ምስማዕ - ጉልበታዊ ስራሕ ምስራሕን ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምግባርን፡ ሽጋራ ንምትካኽ እትጥቀመሎም ነገራት ከም መንገፊ፡ መወልዕን ካልእን ምጉሓፍ።

ኣብ ውሳነ ንምጽናዕ ዘተባብዑ ካልኦት ሰባት (ኣባላት ስድራ-ቤት፡ ዓርኪ-መሓዛ፡ ሰብ ሞያ) ሓገዝ ምሕታት የድሊ።

## መከላኸሊ ኣገባባት ኣወለፍቲ ነገራት

ኣብ መሸጣ ኣወለፍቲ ነገራት ቀረጽ ምውሳኽ፡ ተሪር ግምገማ ፊልምታት (censorship)፡ ትሕቲ ዕድመ ቈልዑ ንኸይሸጡ ምኽልካል፡ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ከይኣቱ ምክትታል፡ ዝሸየጠሉ ቦታታት ምድራት፡ ኣብ ዝኾነ ብሕታዊ፡ መንግስታዊ ናይ ስራሕ ቦታ ወይ ህዝባዊ ቦታ ካብ ሽጋራ ምትካኽ ነጻ ምግባር፡ ኣወለፍቲ ነገራት ንምቁራጽ ዝሕግዝ ምኽሪ ዝህባ ማእከላት ምኽፋት፡ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት ናይ መራኸቢ ብዙሃን ይኹን ኣኼባታት ንህዝቢ ብዛዕባ ኣሉታዊ ጽልዋ ኣወለፍቲ ነገራት ዘየቋርጽ ጎስጓስ ምግባርን ካልእን የጠቓልል።

## መንእሰያት እንታይ ክገብሩ ኣለዎም፤

መንእሰያት ሸቶታቶም ኣነጺሮም ኣብ ዓወት ንኽበጽሑ እቲ እንኮ ፍታሕ ካብ ወልፊ ናጻ ምዃን'ዩ። ስለዚ መንእሰያት ንእኦም ንዘይጠቅም ወልፊ ይኹን ባህሪ፡ ከይሓፈሩ ኣይፋል ንምባል ክለማመዱ ኣለዎም። ጸገማት ኣብ ሂወት ንኹሉ ሰብ ከምዘጋጥሞ ፈሊጦም ኣፈታትሓ ጸገማትን ናይ ምብህሃል ክእለትን ከጥርዩ ኣለዎም። ነብሶምን ኣረኣእያኦምን ክልውጥ ዝኽእል ስልጠናታት ክወስዱ፡ ምስ ስድራቤቶም ዘለዎም ዝምድና ከሐይሉ ኣለዎም።








# ሓባራዊ ዘተ

## ዶ/ር ሳምሶን ካባዩ

ድሕሪ ቁሩብ ግዜ “Brain Cloud Interface” ክጅመር’ዩ። ሓበሬታ ኣብ ሰማይ’ዩ ዘሎ፤ ብሞባይል ጌርካ ዘድልየካ ሓበሬታ ትረክብ ማለት’ዩ። እዚ ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ ክቕየር’ዩ። ኣብ ሞባይልና ብዝርከብ ‘ዊኪፒድያ’ ወይ ሰብ ሰርሖ ብልሒ (AI) ብምጥቃም ዝደለናዮ ሓበሬታ ክንረክብ ክንክእል ኢና። ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ’ውን፡ “ናኖቦት” ዝበሃል ሓደ ፍሉይ መሳርሒ ኣብ ኣእምሮና ገይሮም ሓበሬታ ኣብ ሓንጎልና ከቕምጡ ይሰርሓሉ ኣሎ። ባህርያዊ ስለዘይኮነ፡ ብዘበን ኣምጽኦ ወልፊ ናብ ዝለዓለ ደረጃ ክብጽሕ ዝከኣል ኣይኮነን። ግዳ ጅሆ ክሕዘና ይኽእል’ዩ። ብግሉጽ መንገዲ ኸኣ፡ ‘ወልፊ ተክኖሎጂ’ ክንብሎ ንኽእል።

ሓደ ሰብ ምስ ዝተፈላለየ መሳርሒታት ‘ስማርት ተክኖሎጂ’ ዘሕልፎ ግዜ፡ ኣብቲ ማሕበራዊ ሂወቱ ኣሉታዊ ጽልዋ ዝገብረሉ እንተ ኾይኑ፡ ሓሚሙ ኣሎ ማለት’ዩ። ኣብ ሓደ ቤት ማሚቕካ ትነብር ዝነበርካ፡ ሃንደበት ትፋታሕ ማለት እዩ።

ተክኖሎጂ እቲ ቀዳማይ ሳዕቤኑ ኣካላዊ’ዩ። እቲ ናይ እስክሪን ብርሃን ንዓይንና ኣዝዩ ጎዳኢ’ዩ። ምኽንያቱ ንዓይንና ክሳብ ምድቃስ ንስእን ክገብር ዝኽእል ጨረርታ ብርሃን’ዩ ዘለዎ። ኣብ ከባቢ መንደፈራ ናይ ማእከላይ ደረጃ ተመሃሮ ኣብ ዝተገብረ መጽናዕቲ፡ ካብ 300 እቶም 92 ናይ ዓይኒ ጸገም ተረኺብዎም። እቲ ጠንቂ ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ ሞባይል’ዩ ነይሩ።

ካልእ እቲ ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ እንብሎ እዩ። ካብ ሰብ ይንጽለካ፣ ኣብ ማሕበራዊ ናብራኻ ኸኣ ብኣሉታ ይጸልወካ። ተክኖሎጂ ጠቓሚ እኳ እንተኾነ፡ ብግቡእ እንተዘይተጠቒምካሉ ግና ኣዕናዊ’ዩ። ወድሰብ ምስ ከባቢኡ ብምውሳእ’ዩ ኣእምሮኡ ዝምዕብል። ሰብ ምስ ሰብ ምስ ዝቀራረብ ጥራይ እዩ ኣእምሮኡ እናዓበየ ክኸይድ ዝኽእል። ምስ ተክኖሎጂ ዝውዕል ሰብ ኣእምሮኡ እናደኸመ’ዩ ዝኸይድ። ስለዚ ብሰንኪ ተክኖሎጂ እቲ ኣብ ቈልዑን ኮተቴን ዝስዕብ ዘሎ ብድሆታት ደው ክብል ኣለዎ።

ተክኖሎጂ ኣብ ጉዳይ መመሳኽዒ ዘሕድሮ ዘሎ ኣሉታዊ ጽልዋ እውን ኣቕሊልካ ዝረአ ኣይኮነን። ንብዙሓት ደቀንስትዮ ኣብ ጸቕጢ ኣእትዩወን ኣሎ። “ኮስሞቲክ” ዝብል ቃል ካብ ኮስሞስ ዝመጸ ቃል እዩ። “ኮስሞስ” ከኣ ነዞም ኣብ ጠፈር ዘለዉ ከዋኽብቲ ዘመልክት እዩ። እዚኦም ድማ ስርዓቶም ሒዞም ዝኸዱ ማለት’ዩ። ስለዚ ንሓደ ሰብ ‘ኮስሞስ’ ኩን ክትብሎ እንከለኻ፡ ስርዓት ግበረሉ ትብሎ ኣለኻ ማለት’ዩ። እዚ ማለት ከኣ ነቲ ዘለካ ወይ ዝተዋህበካ ወሰኸሉ’ዩ ዘስምዕ። ሰብ ብተፈጥሮኡ ግሩም’ዩ። ዝኾነ ምምልኻዕ ኣየድልዮን። ምኽንያቱ ኣሉታዊ ሳዕቤኑ ኣቕሊልካ ዝረአ ኣይኮነን። ኣብ ቆርበትና ክሳብ መንሽሮ ከስዕብ ከም ዝኽእል’ዩ ዝእመነሉ። ስለዚ ጅሆ ናይዚ ቴክኖሎጂ ዘምጽኦ ሳዕቤናት ካብ ምዃን ንገላገለሉ ግዜ ሕጂ እዩ። ነዚ ግሩም ኤርትራዊ መልክዕ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ኣይነእትዎ። ብመልክዕናን መንነትናን ክንኰርዕ ይግባእ። መራኸቢ ብዙሃንና ድማ ዓቲበን ክሰርሓሉ መዘኻኸሪ ዘድልዮ ኣይኮነን።

## ዶ/ር ኬልሳ ካኽኪሉ

ኣእምሮኣዊ ሕማምን ኣልኮላዊ መስተን ንሓድሕዱ ኣዝዩ ተጸላላዊ’ዩ። ኣብ እዋኑ ምስ ዘይሕከም፡ ብቐሊሉ ናብ ወልፊ ሓሽሽን መስተን ክኣቱ ይኽእል። እዚ ኸኣ ብግጉይ መንገዲ ኣብ ዘይተደልየ ሕማም ክሸሞ ይኽእል። ምልክታት ሕማም ኣእምሮ እንተ ኣስተብሂልና፡ ግዜ ከይወሰድና ተቐላጢፍና ዝግባእ ሕክምናዊ ክንክን ከም ዝረክብ ክንገብር ኣሎና። እቶም ከነስተብህለሎም ዘለና ምልክታት ጸቕጢ፡ ቅዛነት፡ ናይ ኣእምሮ ምምዝባል፡ ወዘተ. ክኾኑ ይኽእሉ። ነዞም ምልክታት ከየስተብሃልናሎም ግዜ እንተ ወሲዶም፡ ናብ ዘይተደልየ ሓደጋታት ኪቃልዑ ስለዝኽእሉ፡ ተቐላጢፍና ናብ ሕክምና ክነርእዮ ክንክእል ኣለና። ሙብዛሕትኦም ሰባት ኣነኣኢሶም ስለ ዝርእዩዎ፡ ኣልኮላዊ መስተ ወይ ኣወለፍቲ ነገራት ብምውሳድ ግዝያዊ ፈውሲ ዝረኸቡ ይመስሎም’ሞ፡ ነቲ ጸገም መሊሶም የጋድድዎ። ስለዚ ዝኾነ ምልክታት ኪጋጥም ከሎ፡ ናብ ሕክምና ብምምጻእ ግቡእ ሓገዝ ክረኽቡ ክነተባብዖም ኣለንና።

ቀዲሙ ድዩ ናብ ኣልኮላዊ መስተ ዝኣቱ ወይስ እቲ ጸቕጢ’ዩ ናብኡ ዝወስዶ ክንፈልዮ ክንክእል ኣለና። እቲ ቀንዲ ናብ ናይ ኣእምሮ ሕማም ዝወስድ እንታይ ምዃኑ ኣለሊኻ ክትኣልዮ ኣገዳሲ’ዩ። እቲ ጠንቂ እንተ ተለልዩ፡ ፍወሳ ይኹን ካልእ ናይ



ምኽሪ (Counseling) ሓገዛት ክግበረሉ ይኽእል'ዩ። ስለዚ፡ ካብ ጽልዋ መዘና ክንጥንቀቕ፡ ንዘይንደልዮ ነገር "ኣይፋል" ናይ ምባል ዓቕሚ ክነማዕብል፡ ዝኾነ ምልክታት እንተ ኣስተብሂልና ድማ ናብ ሕክምና ብምምጻእ ሕማምና ከይሓባእና ንሓኪም ብኽፉት ብምንጋር ዝግባእ ምኽርን ኣገልግሎትን ክንረክብ የድሊ።

## ካቶ ሰለሙን ነማርያም

እቲ ቀንዲ ካብ ኣተሓሳስባ ስለዝብገስ፡ ቅድም ቀዳድም እወታዊ ኣተሓሳስባ ድዩ ዘለንና ወይስ ኣሉታዊ ክንፈልጥ ኣለንና። እቲ ኣብ መዓልታዊ ሂወትና እነሰላስሎ ሓሳባት ንጉዕዞ ሂወትና ወሳኒ'ዩ። ኣእምሮና ብኣሉታዊ ሓሳባት እንተ መሊእናዮ፡ ኩሉ ነተግብሮ ባህርያት ኣሉታዊ'ዩ ዝኸውን፤ እወታዊ ሓሳባት እንተ ቐሊብናዮ ድማ እወታዊ ባህርያት ኢና ነንጸባርቕ። ስለዚ ኣመላኻኽታና ወሳኒ'ዩ። ኣፍረይቲ መንእሰያት ክንከውን ንሓስብ እንተ ሃሊና፡ ባዕልና ክንውስን ኣለና። ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝረኣኻዮ ከየመዛዘንካ ክተንጸባርቖ ትሓስብ እንተ ኼንካ፡ ባዕልኻ ናይ ምውሳን ዓቕምኻ ተደሪቱ ኣሎ ማለት'ዩ። ስለዚ ነቲ ትእክቦ ሓበሬታ ኩሉ ናይ ምምማይ ዓቕሚ ክነጥሪ ክንክእል ኣለና።

እቲ ንሂወትና ዝጠቅም ባዕልና ክንውስኖ ኣሎና። ኣብነት፥ እዚ ናይ መመላኽዒ ጉዳይ እንተ ወሲድና፡ ብዙሕ ረብሓታት ከም ዘለዎ መወዓውዒ ስለ ዝግበረሉ፡ ኣብ ልዕሊ ነብስኻ ትሑት ዝኾነ ኣመለኻኽታ (poor self-image) እንተ ጸኒሑካ፡ ብቐሊሉ ክትደናገርን ግዳይ ናቱ ክትከውንን ትኽእል ኢኻ። ምኽንያቱ ግንዛበኻ ትሒቱ እንተ ጸኒሑ፡ ነቲ መመላኽዒ እንተ ተጠቒምካ ጥራይ ትምልከዕ ኮይኑ ከም ዝስመዕካ'ዩ ዝገብር- እቲ መወዓውዒ። ስለዚ ንነብስና እወንታዊ ዝኾነ ሓሳባት ክንቕልባ የድሊ። ኩሉ ክትገብር ከም ትኽእል ክትኣምን ይግባእ። በዚ ምኽንያት ድማ'ዩ ኣብ ነብስና ዘለና ኣመለኻኽታ ክጽብቕ ኣለዎ ንብል ዘለና።



እዚ ናይ ተክኖሎጂ ወልፊ፡ ምስ'ቲ ኣሉታዊ ባህሪ ተኣሳሲሩ ዝመጽእ'ዩ። ነቲ ኣብ ኣእምሮና ዝርከብ ዋህዮታት ናይ መትኒ ብቕልጡፍ ከዕንዎ ይኽእል። ብሰንኩ ድማ ኣብ ኣእምሮ ርኡይ ዝኾነ ድኽመት ከተርኢ ንቡር እዩ። ነእምሮኻ ብዘገምታ ስለዘዕንዎ፡ ዘይከተስተብህሎ ትኽእል ኢኻ። ምኽንያቱ ከም'ቶም ካልኦት ሕማማት ነቲ ምልክታት ኣለሊኻ ብቐሊሉ ክትፍውሶ ትኽእል ኣይኮነን።

## ዶ/ር ሳሙኤል ከበደ

ካብ ተመኩሮ ስርሐይ ተበጊሰ ክዛረብ እንተ ኾይነ፡ ኣብ ኦሮታ መወከሲ ሆስፒታል ንኣስታት 10 ዓመት ሰሪሐ 'ለኹ። ብዙሓት ድማ ብመስተ ተሰኒፎም ክመጹ ጸኒሖምን ኣለዉን። እቲ ዝበዘሐ ድማ ብኣልኮላዊ መስተ'ዩ። ኣልኮላዊ መስተ ኣብ ዝተናውሐ ግዜ ጥራይ ጽልዋ ዘምጽኣልካ ዝመስሎም ብዙሓት'ዮም። እንተኾነ፡ ኣልኮላዊ መስተ ኣቕሊልካ ክረአ ዘይግብኦ ክሳብ ናብ ሞት ከብጽሕ ዝኽእል ምዃኑ ምግንዛብ የድሊ። ብሰንኪ ኣልኮላዊ መስተ ተደፋፊኦም ማኪና ዝመርሑ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ባእስን ዕግርግርን ዝኣትዉ ብዙሓት'ዮም። ኣልኮል ናይ ምምዝዛን ዓቕምኻ'ዩ ዘነኪ። ገለ ሰባት፡ "ሰቲኻ ምዝዋር ደስ'ዩ ዝብለኒ" ክብሉ ንሰምዕ ኢና። እቲ ሓቂ ናይ ምምዝዛን ዓቕምኻ'ዩ ዘጒድል። ኣልኮላዊ መስተ ጠንቂ ሕማማት እውን'ዩ። ኣብነት፥ "ኒሞንያ" ከስዕብ ይኽእል፤ ቅልጡፍ ሕክምና እንተ ዘይተገይርሉ ናብ ሞት ከብጽሕ ይኽእል። ነድሪ ፓንክርያስ'ውን መበገሲኡ ኣልኮላዊ መስተ'ዩ። ኣብ ዓለም 70-80 ሚእታዊት ናይ ነድሪ ፓንክርያስ ብሰንኪ ኣልኮላዊ መስተ ዝስዕብ'ዩ።

ብሰንኪ ኣወለፍቲ ቀመማትን ኣልኮላዊ መስተን ዝስዕቡ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ብቐሊሉ ክግለጽ ዝከኣል ኣይኮነን። ሽጋራን ትንባኾን ይቕንስ'ኳ እንተሎ፡ ናቱ መታካእታ ግን ሓሓሊፍካ ዝረአ'ዩ። ከም ኣማራጺ ናይ ሽጋራ ዶፒን ዝበሃል ኣወላፊ ቀመማት ዝውሰድ ኣሎ። ኩሎም እዞም ኣወለፍቲ ቀመማት ዝበሃሉ ማሪዋና፡ ኮኬይን፡ መርፊንን ካልኦትን እናዓብለሉ ከም መተካእታ ናይ ሽጋራ ኮይኖም ክዝውተሩ ይረኣዩ ኣለዉ። ናታቶም ወልፊ ኣዝዩ ሓያል ኮይኑ፡ ናቱ ሳዕቤን ድማ ኣዝዩ ሓደገኛ እዩ። ስለዚ ነዚኦም ኣዚና ክንጥንቀቖም ኣለና።

***





# ግደ መንእሰያት
# ኣብ ግቡእ ኣጠቓቕማ መድሃኒት

ፋርማስቲካዊ ማሕበር ኤርትራ ምስ ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ብምትሕብባር፡ ብ6 ሕዳር ንወከልቲ መንእሰያት ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃ ዞባ ማእከል ንግቡእ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ዝምልከት ሰሚናር ኣካይዱ ነይሩ። ጽማቕ ትሕዝቶ ናይ’ቲ ብኣባላት እቲ ማሕበርን ሰብ ሞያ መድሃኒትን መንእሰያት ሳልሕ እድሪስኑርን ኑሩ ዓብዱን ዝተዋህበ ሰሚናር ስዒቡ ይቐርብ፦

### ስለምንታይ ግቡእ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ኣብ መንእሰያት፧

መድሃኒት ሕማም ንምክልኻል፡ ንምንጻር፡ ንምፍዋስ ወይ ምልክታት ሕማም ንምቕላል፡ ንሰባት ወይ ንእንስሳታት ዝወሃብ ኬሚካዊ ጥረ ነገር’ዩ። መድሃኒት ንውሑስ ህይወት (quality of life) ወሳኒ ኣበርክቶ እኳ እንተ ሃለዎ፡ ግዝያዊ ወይ ነባሪ ጎናዊ ሳዕቤናት ክህልዎ ይኽእል። ስለዚ’ዩ ኸኣ መድሃኒት ብውሕልነትን ምኽሪ በዓል ሞያ ጥዕናን ክውሰድ ዝግበኦ።

### ስለምንታይ እዩ ርትዓዊ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ኣገዳሲ ኮይኑ፧

- ጉድኣት ኣገደስቲ ክፋላት ኣካላት፡ ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ንጸላም ከብዲን ኩሊትን ጉድኣት ኣውሪዱም፣ ናብ ዘይተደልየ ጎናዊ ሳዕቤናት ከቃልዕ ይኽእል።
- ሓደጋ ወልፍን ልምድን፣ ኣብ ዝተወሰኑ ጥረ ነገራት ወልፊ ናይ ምምዕባል ርኡይ ሓደጋ ኣሎ። እዚ ሓደጋ ኸኣ ኣብ እዋን ጉብዝና ወይ ጉርዝውና ኣካላውን ኣእምሮኣውን ለውጢ ከጋጥም እንከሎ ዝዓበየ ይገብሮ።
- ጽልዋ መዘና ኣብ ተጠቃምነት መድሃኒት፡ መንእሰያት ብጽልዋ መዘና ተደሪኾም፣ መድሃኒታት ብቐሊሉ ናይ ምርካብ ዕድልን ሓደስቲ ነገራት ምፍታንን ዝያዳ ዝንባለ ስለ ዘለዎም።



ሳልሕ ኢድሪስኑር



ኑሩ ዓብዱ

### ብዘይ ኣፍልጦ ሰብ ሞያ ጥዕና ንገዛእ ርእስኻ ምፍዋስ ሓደገኛ'ዩ!

መድሃኒት ምስ ፍሉይ ጥዕናዊ ኩነታት ሓደ ውልቀሰብ ዝወሃብ ስለ ዝኾነ፡ ንዓኻ ተባሂሉ ዝተኣዘዘ መድሃኒት ምስ ካልእ ሰብ ኣይተካፍል። ንርትዓዊ ኣጠቓቕማ መድሃኒት፡ ንበዓል ሞያ ጥዕና ተወከስ።

በዓል ሞያ ጥዕና፡ መድሃኒት ክእዝዝ ከሎ ኣብዘን ዝስዕባ ሓሙሽተ መሰረታውያን መትከላት ናይ ርትዓዊ ኣጠቓቕማ መድሃኒት "The 5 Rights for medication Safety and beyond" ዝተሞርኮሰ እዩ።

1. ቅኑዕ ተሓካማይ (Right Patient)
2. ቅኑዕ መድሃኒት (Right Drug/ Medicine)
3. ቅኑዕ ዓቐን (Right Dose)
4. ቅኑዕ ኣገባብ ኣወሳስዳ (Right Route/Method)
5. ቅኑዕ ግዜ (Right Time)

### 1. መድሃኒት ጸረ-ቃንዛ

መድሃኒት ጸረ-ቃንዛ (Painkill-

ers) ኣብ ኣካላትና ንዘሎ ናይ ቃንዛ መልእኽቲ ብምዕጋት፡ ንሕማም ርእሲ፡ ረስኒ፡ ሓፈሻዊ ቃንዛ ኣካላትን ነድሪ መለጋገቦታትን ንምፍዋስ ዘገልግሉ ልሙዳት መድሃኒት'ዮም። መድሃኒት ጸረ-ቃንዛ መሰረታዊ ጸገም ሕማም ኣይፍውሱን'ዮም። ኣይቡፕሮፈን (ibuprofen) (ጸረ-ቃንዛን ነድሪን መድሃኒት) ከምኡ'ውን ፓራሲታሞልን (paracetamol) (ነድሪ ንምቅናስ ተራ ዘይብሎም ጸረ-ቃንዛ መድሃኒት) እቶም ልሙዳት ኣብነታት መድሃኒት ጸረ-ቃንዛ እዮም።

### ሓደጋታት ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ጸረ-ቃንዛ

ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ጸረ-ቃንዛ ናብ ዘይተደልየ ጎናዊ ሳዕቤናትን ጥዕናዊ ማሕለኻታትን ከስዕብ ስለ ዝኽእል፡ ካብ'ዞም ዝስዕቡ ልሙዳት ሓደገኛታት ተግባራት ንርሓቕ፥

- ዝተፈላለዩ መድሃኒት ጸረ-ቃንዛ ኣብ ሓደ እዋን ምውሳድ። ንኣብነት፥ ኣይቡፕሮፈን ምስ ፓራሲታሞል ብሓንሳብ ምስ ዝውሰዱ ናብ ከቢድ ጎናዊ ሳዕቤናት ከቃልዑ ስለ ዝኽእሉ።
- ንቕልጡፍ ውጽኢት ኢልካ ዝለዓለ ዓቐን ምጥቃም፡ ንጸላም ከብዲ ጉድኣት ኣውራዱ ናብ ምምራዝን ሞትን ከስዕብ ይኽእል።
- ቅድሚ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ንመከላኸሊ ተባሂሉ ዝውሰድ መድሃኒት ጸረ-ቃንዛ፡ እቶም ቅልጡፍ ሓገዝ ክረኽቡ ዝግብኦም ቃንዛ ከይተረኣዩ ኣብ ከቢድን ዘይተደለየን ጥዕናዊ ሕልኽላኻት ከምጽኡ ስለ ዝኽእሉን ኣብ እዋን ኣካላዊ ምንቅስቓስ ዘጋጥሙ ኣካላዊ ለውጥታት ከም ምጉዳል ማይ ናብ ተወሳኺ ጎናዊ ሳዕቤናት ከምጽእ ይኽእል።

### ሳዕቤን ዘይግቡእ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ጸረ-ቃንዛ ኣብ ኣገደስቲ ክፋል ኣካላት፥

- ሓደጋ ምቕሳል ከስዐ (ulcers) ወይ ምብሳዕ ከስዐ (perforation) ንህይወት ኣብ ሓደጋ ዘእቱ ውሽጣዊ ምፍሳስ ደም ከስዕብ ይኽእል።
- ጉድኣት ኣብ ኩሊት (acute kidney injury)፡ ሓፈሻዊ ናይ ኣካላት ሕበጥ፡ ሓፈሻዊ ድኻም፡ ካብ መጠን ንላዕሊ ጽምእን ዋሕዲ ሽንትን ኣስዒቡ ክሳብ ሞት ከብጽሕ ዝኽእል እዩ።
- መድሃኒት ጸረ-ቃንዛ ብልዑል ዓቐንን ንነዊሕ ግዜን ምጥቃም ንሓደጋ ወቕዒ ልቢ (heart attack) ወይ ወቕዒ ሓንጎል (stroke) ከስዕብ ይኽእል።

### መምርሒ ውሑስ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ጸረ-ቃንዛ

ንዝበለጸ ውሑስ ኣጠቓቕማ፡

- ብዝወሓደ ውጽኢታዊ ዓቐን ንዝሓጸረ ግዜ ምጥቃም
- ንጉንፋዕ ወይ ሰዓል ተባሂሉ ዝወሃብ መድሃኒት ተወሳኺ ትሕዝቶ ጸረ-ቃንዛ ክህልዎ ስለ ዝኽእል ምኽሪ በዓል ሞያ ጥዕና ንወከስ።
- ተደጋጋሚ ቃንዛ ወይ ረስኒ ምስ ዝህልወካ ብቕልጡፍ ናብ በዓል ሞያ ጥዕና ምውካስ የድሊ።

### 2. ርትዓዊ ኣጠቓቕማ መከላኸሊ ጥንሲ

መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ እምነ ኵርናዕ ውጥን ስድራቤት ኮይኑ፡ ውልቀሰባትን መጻምድትን ቆልዑ ክወልዱ እንተ ደልዮምን መዓስን ክውስኑ የኽእሎም። ነቶም ዘለዉ ኣማራጺታት መከላኸሊ ጥንሲ ምርዳእ ውሑስ ምርጫ ንምርካብን ቀዳማይ ስጉምቲ እዩ።

### ዓይነታት መከላኸሊ ጥንሲ

**ኮንዶም** :- ንዘርኢ ወዲ ተባዕታይ ናብ እንቋቑሖ ከይበጽሕ ብኣካል ይዓግቱ። ኮንዶም እቲ እንኮ ካብ ጥንስን ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ረኽስታትን ዝከላኸል መከላኸሊ ሜላ እዩ።

**ሆርሞናዊ ኣገባባት (Hormonal Methods)**:- ምውጻእ እንቋቑሖ ደው ብምባል ይሰርሑ። ሆርሞናዊ ኣገባባት ንሓጺርን ነዊሕን እዋን ክሰርሑ ዝኽእሉ መከላኸሊ ጥንሲ ይሓቖፉ። ንሓጺር እዋን ዘገልግሉ ሆርሞናዊ ኣገባባት ካብ ሓደ ክሳብ ሰለስተ ወርሒ ጥንሲ ዝከላኸሉ ኮይኖም ንብኣፍ ዝውሰድ ከኒና፡ ኣብ ቆርበት ዝጥቃዕን (Patch) መርፍእን የጠቓልሉ። ንነዊሕ እዋን ዝሰርሑ መከላኸሊ ጥንሲ፡ ክሳብ ሰለስተ ዓመት ጥንሲ ክከላኸሉ ዝኽእሉ ንኣብ ማህጸን ወይ ኣብ ትሕቲ ቆርበት ዝትከሉ መሳርሒታት ዘጠቓልሉ መከላኸሊ ጥንሲ'ዮም።

**ቀወምቲ ሜላታት (Permanent Methods)**:- ንመጻኢ ጥንሲ ከምዘይደልዩ ርግጸኛታት ዝኾኑ ውልቀሰባት ብመብጣሕቲ ዝግበሩ ሜላታት እዮም።

ንውሑስ ምርጫ ዓይነት መከላኸሊ ጥንሲ ምኽሪ በዓል ሞያ ጥዕና ንወከስ!!

### ጎናዊ ሳዕቤናት ሆርሞናዊ መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ

ከም ኩሉ መድሃኒት፡ ሆርሞናዊ መከላኸሊ ጥንሲ ካብ ጎናዊ ሳዕቤናት ነጻ ኣይኮኑን። ካብቶም ልሙዳት ዝረኣዩ ጎናዊ ሳዕቤናት ከም ዘይስሩዕ ወርሓዊ ጽግያት፡ ረስኒ (hot flashes)/ዕግርግር ምባል፡ ምድንዛዝ (dizziness)፡ ናይ ስምዒት ለውጥን (mood changes) ከምጽኡ ይኽእሉ። ዘይንቡር ጎናዊ ሳዕቤን (ከም ቁጥዐ፡ ሕበጥ፡ ሃንደበት ለውጢ ኣብ ኣካላት) ምስ ንዕዘብ፡ ተቐላጢፍና ናብ ጥቓኻ ዝርከብ ትካል ጥዕና ወይ ፋርማሲ ኬድና ምኽሪ ንሕተት።

### ልሙዳት ግጉይ ርድኢታት ሆርሞናዊ መድሃኒት መከላኸሊ



**ጥንሲ**

- ስሩዕ መከላኸሊ ጥንሲ ኣብ እዋን ምውጻእ እንቛቑሖ (Ovulation) ጥራይ እዩ ዘድሊ ዝብል ግጉይ ርድኢት ኣሎ። ዘርኢ ወዲ ተባዕታይ ክሳብ ሰለስተ መዓልታት ክጸንሕ ስለ ዝኽእል፣ ምክትታል ምውጻእ እንቋቑሖ (Ovulation) ክፍለጥ ኣጸጋሚ እዩ። ስለዚ፡ መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ ብስሩዕ ክውሰዱ ይግባእ።

- መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ መኻንነት የስዕብ እዩ ዝብል ግጉይ ርድኢት'ውን ኣሎ። ሆርሞናዊ መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ ዋላ'ውን ንነዊሕ እዋን ዝሰርሑ ምስ ኣቋረጽካዮም፡ ፍርያምነት ኣብ ሓጺር ግዜ እዩ ዝምለስ።

**ህጹጽ መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ (Emergency Contraceptive)**

ህጹጽ መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ፡ ድሕሪ ዘይውሑስ ጾታዊ ርክብ ወይ ዘይዕዉት ኣወሳስዳ መከላኸሊ ጥንሲ (ከም ምቕዳድ ኮንዶም፡ ምርሳዕ ስሩዕ መከላኸሊ ጥንሲ) ንህጹጽ ኩነታት ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓት ክውሰድ ዘለዎ መድሃኒት እዩ።

**ልሙዳት ግጉይ ርድኢታት ህጹጽ መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ**

- ህጹጽ መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ ካብ ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማማት ይከላኸል እዩ ዝብል ግጉይ ርድኢት ኣሎ። ኮንዶም ጥራይ እዩ ካብ ጥንስን ብጾታዊ ርክብ ዝመሓላለፍ ሕማማት ክከላኸል ዝኽእል መከላኸሊ ሜላ። መንእሰያት ካብ ዘይተደለየ ጥንስን ሕማምን ንምክልኻል ካብ ዘይውሑስ ጾታዊ ርክብ ክሕረሙ ይግባእ።

- ህጹጽ መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ ከም መነጸሊ ጥንሲ ኮይኑ ከገልግል ይኽእል እዩ ዝብል ግጉይ ርድኢት'ውን ኣሎ። ህጹጽ መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ፡ ጥንሲ ንኸይፍጠር ኣብ ውሽጢ 72 ሰዓታት ክውሰድ ዘሎዎ ንህጹጽ ኩነታት ጥራይ ዘገልግል መድሃኒት'ዩ።

- ህጹጽ መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ ከም ስሩዕ መከላኸሊ ከገልግል ይኽእል ዝብል ግጉይ ርድኢት ኣሎ። ህጹጽ መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ ንህጹጽ ኩነታት ጥራይ እዩ ክውሰድ ዝግባእ። ንውሑስ ምርጫ ስሩዕ መድሃኒት መከላኸሊ ጥንሲ ምኽሪ በዓል ሞያ ጥዕና ንወከስ።

**3. ግቡእ ኣጠቓቕማ መመላኽዒ (ኮስሙቲክስ)**

ደጋዊ ኣካላት ወዲ ሰብ ንምጽራይ፡ ንምጽባቕን ስሕበት ንምፍጣርን መሰረታዊ ኣካላት ወዲ ሰብ ከይለወጠ ብዝተፈላለዩ ኣገባብ ዝወሃብ ጥረ-ነገር እዩ። መመላኽዒ ኣብ ክልተ ዝኽፈሉ ኮይኖም፡ ንውልቃዊ ክንክን ዘገልግሉን ሓፈሻዊ መመላኽዒን (make up) የጠቓልል። ንውልቃዊ ክንክን ዘገልግሉ መመላኽዒ ንሳምና፡ ሻምፖ፡ ኮልጌትን ዴዶራንትን ንሓፈሻዊ መመላኽዒ (make up) ዘገልግሉ ከኣ ከም ልፕስቲክ፡ ኩሕሊ፡ መጥለሊ ቆርበትን ሕብሪ ጸጉሪ ርእስን ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይከኣል።

**ጎናዊ ሳዕቤናት መመላኽዒ (ኮስሙቲክስ)**

ዘይተረጋገጹ ጥረ-ነገራት ዘለዎም ፍርያት መመላኽዒ ብዘይ ኣፍልጦ በዓል ሞያ ጥዕና ምጥቃም ናብዞም ተጠቒሶም ዘለዉ ጎናዊ ሳዕቤናት ከስዕብ ይኽእል፤

- ቁጥዐን ነድሪን ቆርበት
- ረኽሲ ዓይኒ
- ምዝንባዕ ስርዓተ ሆርሞናት
- መንሸሮ ቆርበት

ዝኾነ ዓይነት መመላኽዒ (ኮስሙቲክስ) ቅድሚ ምጥቃምና ምኽሪ በዓል ሞያ ጥዕና ክንውከስ ይግባእ።

**ተጠቃምነት መድሃኒት ንምቕያሕ ቆርበት**

ከም ቤታሜታሶን (Betamethasone) ዝኣመሰሉ ብዘይ ናይ ሓኪም ትእዛዝ ክግዝኡ ዘይፍቀዶም መድሃኒት ንመቕይሒ ብዘይግቡእ ምጥቃም ናብዞም ተዘርዚሮም ዘለዉ ከበድቲ ጎናዊ ሳዕቤናት የቃልዕ።

**ጎናዊ ሳዕቤናት ኣብ ቆርበት**:- ብኽነት ቆርበት (Skin atropy), ስምብራት፡ (Striae) ተነቃፍነት ቆርበትን ማዳን የስዕብ።

**ንህይወት ዘሰግእ ከቢድ ጎድናዊ ሳዕቤናት**:- ንጥፈታት ስርዓት ሆርሞን ካብ ስራሕ ወጻኢ ጌሩ ናብ ዝተፈላለየ ሕማማት ምቅላዕን መንሸሮ ቆርበትን የቃልዕ።

**ምምርሒ ውሑስ ኣጠቓቕማ መመላኽዒ**

ብዛዕባ ውሑስን ኣድማዕን ኣገባብ ክንክን ቆርበት፡ ካብ በዓል ሞያ ጥዕና (ብፍላይ ከኣ ከኢላ ሕክምና ቆርበትን ከኢላ ስነ-መድሃኒት) ግቡእ ምኽሪ ንውሰድ። ብተወሳኺ፡ ጽሬት ኣካላት ምሕላው ኣገዳሲ እዩ።

***

## ጉዳያት

# ቀዳምነትና ወትሩ ልምዓት'ዩ

ሰለስተ ወለዶታት ኤርትራ ኣብ ኩናት'የም ኣሕሊፎም። ወለዶ ገድልን ወለዶ ጽባሕ ናጽነትን፡ ዕድመኦም ምሉእ ኣብ ኩናት'የም ኣሕሊፎም። ኩናትን ወረ ኩናትን ካብኦም ሓሊፉ፡ ነዚ ሕጂ ዘሎ ወለዶ'ውን ኣረኻኺቡሉ። ኩናት ደሊኻ ተምጽኦ ኣይኮነን። ብስልጡን ኣተሓሳስባ፡ ናብ ኩናት ከእቱ ዝኽእል ነገር የለን። ዝኾነ ነገር ብሰላማውን ሕጋውን መገዲ ክፍታሕ ይኽእል'ዩ። እዚ እምነት፡ ህዝቢ ኤርትራ እዩ። እንተኾነ ጸላኢኻ ሕጂ ዘይፈልጥ ዓማጺ እንተኾይኑ፡ ናብ ኩናት የእትወካ እሞ፡ ኣማራጺ ትስእን። ከም ሃገርን ሕብረተሰብን ምእንቲ ክትህሉን ክትቅጽልን ድማ ክትምክቶን ክትሰዕሮን ጥራይ እዩ ዘሎካ።

ዝዓበየ ዕላማ ህዝብን ሃገርን ምርግጋጽ ቁጠባዊ ልምዓትን ዕብየትን እዩ። ነዚ ድማ ሰላም ወሳኒ እዩ። ሰላም ኣብ ዘይብሉ ሃዋህው ልምዓት ከተረጋግጽ ዝከኣል ኣይኮነን። ቀዳምነት ምርግጋጽ ሰላም እዩ ኢልካ ድማ ኩሉ ነገር ኣወንዚፍካዮ ኣብ ሓለዋ ጥራይ ክትነብር ኣይትኽእልን። ምኽንያቱ፡ ቁጠባዊ ብቕዓት ንባዕሉ፡ ኣብ ምሕያል ውተሃደራውን ጸጥታውን ብቕዓት፡ ወሳኒ ግደ ኣለዎ። ስለዚ፡ ምዕባይ ቁጠባዊ ዓቕምን ብቕዓትን፡ ኣብ ግዜ ኩናት ይኹን ሰላም፡ ኩሉ ሳዕ ቀዳምነት ዝስራዕ ዕማም እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ካብ ገድሊ ንናጽነት ናብ ሓድሽ ምዕራፍ ልምዓታዊ ተጋድሎ ኣብ ዝተሰጋገረሉ፡ ብኩናት ዝዓነወ ቁጠባ ሐዚ ካብ ትሕቲ ባዶ'ዩ ተበጊሱ። እንተኾነ ሃዋህው ናጽነት ዝፈጠሮ ተስፋን ልዑል ድሌትን፡ ቅኑዕ ፖሊሲታት ተወሲኽዎ፡ ኣብተን ቀዳሞት ሸውዓተ ናይ ናጽነት ዓመታት ቁጠባ ኤርትራ ርኡይ ለውጥን ቅልጡፍ ግስጋሰን ከመዝግብ ክኢሉ ነይሩ። ዘራጊ እንክሎ ጽሩይ ማይ ስለ ዘይስተ ግዳ፡ ስዒቡ ዝመጸ ከቢድ ግዳማዊ ተጻብኦታት፡ ካብ ቅሉዕ ወራር ክሳብ ዝተፈላለየ ቁጠባዊ ሸርሕታት ንናህሪ ገስጋሱ ዓንቂጽዎ። ምስናይ ኩሉ ጸገማት ግዳ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኢዱ ኣይሃበን። ቡቲ ዘጋጠሞ ተጻብኦታትን እገዳታትን ጀሆ ከይተታሕዘ፡ ጎድኒ ጎድኒ መኸተ ምውሓስ ልዑላውነት፡ ልምዓታዊ ስርሓቱ ኣየወንዘፈን። ቁጠባ ኤርትራ ድማ፡ ምስ ኩሉ ዝተወርሰ ናይ ሓርነታዊ ኩናት በሰላታቱ፡ ከቢድ ጸቕጢን ምሕንኳልን ተጻዊሩ እናመረሸ፡ መጠናዊ ዕብየት ካብ ምምዝጋብ ኣይበኾረን።

ህዝቢን መንግስትን ኤርትራ፡ ኣውራ ድማ ሓላፍነት ህንጸት ሃገር ዝተሰከሙ መንእሰያት እዛ ሃገር፡ ኣብ ዝሓለፈ 34 ዓመታት ናጽነት፡ ንብዙሕ ሰውርን ግሁድን ግዳማዊ ተጻብኦታትን ጸንከር ኩነታትን ተጻዊሮም፡ ተወፋይነት ኣዕሪጎም ሃገራዊ ራኢይ ንምጭባጥ ክረባረቡ ጸኒሖም ኣለዉ።

ከም ውጽኢት ናይዚ ውፉይ ጻዕሪ መንእሰያት፣ ኤርትራ ኣብ ምኽዕባት ሕርሻዊ ምህርቲ ብዘሰላስሎ መሰረታዊ ዕማም ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ ብዙሕ ስራሕ ኣሰላሲላ፡ ጥሜት ዘይብሉ ሃዋህው ኣብ ምፍጣርን ብምዕዋት ካብ ተመጻዋትነትን ክትገላገል ክኢላ እያ። ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ቀጻሊ ኩናትን ሸርሒን ተጻብኦታትን እናነበረት፡ ኣብ ኣፍሪቃ እታ እንኮ ረድኤት ወይ ሓገዝ ናይ ወጻኢ ዘይትቕበል ሃገር ክትከውን ምኽኣላ ንሓይሊ ህዝባን መንግስታን ዝምስክር እዩ።

ኤርትራ፡ ከዘንቲ ማይ ትሕተ-ቅርጺታት ብምህናጽ ውሕስነት ማይ ኣብ ምርግጋጽ እውን ዓቢ ስራሕ ኣሰላሲላ እያ። ኩልና ከም እንፈልጦ፡ ብደረጃ ሃገር ማይ ናይ ምኽዛን ዓቕሚ ንምዕባይ፡ ዓበይቲን መጠነ ንኡሳን ፕሮጀክትታት ክትገብሩ ጸኒሖም እየም። ህንጸት ዲጋታት፡ ገርሰት፡ ፋንኮ ጽሙእ፡ ፋንኮ ራዊ፡ ከርከበት፡ ባደሚት፡ ጠቖራ፡ ገርገራ፡ ጋሕቴላይ፡ ከምኡ'ውን ኣበየ ከባቢኡ ክህነጹ ዝጸንሑ ማእከሎትን ንኣሽቱን ትሕተ-ቅርጺታት ክዘና ማይ ውሑዳት ኣይኮኑን።

ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር፡ ጽርግያታትን ካልእ ትሕተ-ቅርጺታትን ንምህናጽ፡ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ፡ ጸዓትን ኤለክትሪሲቲን፡ ኣገልግሎት መጓዓዝያን መራኸቢታትን ብምዕሩይነት ንምብጻሕ ዝተኻየደ ስራሕ እውን ኣቃሊልካ ዝርአ ኣይኮነን። ኣብቲ ርሑቕ ዝበሃል ዝነበረ ከባቢታት ልምዓታዊ ንጥፈታት ኣበራቢኑ፡ ንቀጻሊ ምዕባለ ባይታ ክጸርገሉ ክኢሉ እዩ። ኣብ ምምዕባል ጽላት ዕደና ዝካየድ ዘሎ ስራሕ እውን ቀሊል ዘይኮነ ገስጋስ ኣመዝጊቡ እዩ።

ኩሎም ዜጋታት ብሕልፊ ድማ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ዝርከቡ፡ ዕድል ትምህርቲን መሰረታዊ ኣገልግሎት ጥዕናን

ዝረኸቡሉ ኩነታት ኣብ ምፍጣር ዘረጋገጽናዮ ዓወታት፡ ብደረጃ ኣህጉርናን ዓለምን ናእዳ ዘትረፈ እዩ። ብመንጽር ሽቶታት ልምዓት ሚለንዮም፡ ኤርትራ ዘመዝገበቶ ገስጋስ፡ ብኣብነት ክጥቀስ ምጽንሑ ዝፍለጥ እዩ።

እዚ፡ ኣብ ምውዳድ መሰረታውያን ትሕተ-ቅርጺታት፡ ምዕማር ሕርሻዊን ማዕድናውን ኣፍራይነት፡ ምርግጋጽ ምዕሩይ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ተመዝጊቡ ዘሎ ገስጋስ፡ ኣብ ጽንኩር ግዜ፡ ብውሽጣዊ ዓቕምና ዘመዝገብናዮ ብምዃኑ፡ እቲ ክነድቕ ክኢሉ ዘሎ ናይ ምግባር ዓቕሚን ርእሰ-ምትእምማን፡ ንበሩህ መጻኢ ናይዚ ህዝቢን ሃገርን ዝምስክር እዩ።

የግዳስ እቲ ተመዝጊቡ ዘሎ ልምዓታዊ ገስጋስ ምስ ጥሙሕናን ራእይናን ክዛመድ እንከሎ ገና ንእሽቶ እዩ። ድልዱል መሰረት ኮይ ጽባሕ ዝኸሰት ዕድላትን ወፍርታትን ምዃኑ ክስሓት ኣይግባእን።

ኣብዚ ዝተጠቕሰ ልምዓታዊ ገስጋስ ንላዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ክውንኖ ዝበቕዖ ንልምዓትን ቁጠባዊ ዕቤትን ውሕስነት ዝኾነ ካልእ ዝዓበየ ጸጋ፡ ብሓያል ጥምረቱን ሃገራዊ ሓድነቱን ኮይ ብፍቕሪ፡ ሰኒትን ሓድሕዳዊ ሓልዮትን ዝልለ ባህሉን ክብርታቱን መሰረት ዝገበረ፡ ርጉእ ስርዓተ-ምንብባር ክፈጥር ምኽኣሉ እዩ። ሳላ ጽንዓቱን ክምህ ዘይብል መኸተኡን፡ ውሽጣዊ ሰላሙን ርግኣቱን ዓቂቡ ብምውጻእ፡ ኣብ ዞባና እታ ዝሓየለት ሃገር፡ ዘይድፈር ስራዊት እትውንን፡ ኣብዚ ተሃዋሲ ዞባ እንኮ ደሴት ሰላም ክፈጥር በቒዑ እዩ። እዚ ረቛሒታት እዚ እቲ ቀንዲ መሰረት ምዕባለ ስለዝኾነ ድማ ዓቢ ጸጋ እዩ።

ሕጂ'ውን ጉዕዞና ብደሆታት እናኣለኻ ንልምዓት ቀዳምነት ሰሪዕካ ካብ ምምራሽ ካልእ ኣማራጺ የለን። ልምዓታዊ ገስጋስ ውሕስነት ናይ ኩሉ ነገርን ድርዒ መኸተን ስለዝኾነ። እዚ ሕጂ ዘለናዮ መድረኽ ከኣ ካብ ዝሓለፈ ጽንኩር መድረኻት ኣዝዩ ዝሓሸ እዩ። ምኽንያቱ እቲ ከቢድ ዝበሃል ብደሆታት ሰጊርናዮ ኢና። ኮይ ዝኸበደ ንምግጣም ክንብል ዝሃነጽናዮ ናይ ምክልኻል ዓቕምና ድማ፡ ቀጻሊ ጉዕዞና ዘተኣማምን ከምዝኾነውን ገይሩዎ እዩ። ስለዚ ድማ፡ ዘለናዮ ግዜ፡ ኣብቲ ተነጺፉ ዘሎ ድልዱል ባይታ ረጊጽና ቁጠባዊ ብቕዓት ኩብ ንምባል፡ ብዓጸፋ ክንሰርሓሉ ዘለና፡ ናይ ዕዮን ምዕዛዝ ኣፍራይነትን መድረኽ ምዃኑ ብዕምቈት ተገንዚብና፡ ወኒን ናይ ስራሕ ተሃንን ዝያዳ እነበራብረሉ እዋን እዩ። እቲ ክንፍጽሞ ዘለና ዘቤታዊ ዕማም ክሳብ ክንደይ ዓቢ ምዃኑ ክንገምቶ ንኽእል ኢና። ዕዮ-ግዛና ሕጂ እውን ክንዲ እምባ እዩ። ዓቕሚን ክውንነትን ናቱ ደረት ስለዘለዎ ከኣ፡ እቲ ክፍጸም ዘለዎ ዕዮታት፡ ቀዳምነታት እናሰራዕካ ዝትግበር እዩ።

ብመሰረት ሃገራዊ ልምዓታዊ ውጥን መንግስቲ ኤርትራ ናይ ቀረባ ዕማማትና እዚ ዝስዕብ እዩ፤

ብምዕቡል ሜላን ቴክኖሎጂን ዝተደገፈ ንኹሉ መዳያዊ ልምዓት ዝድርኽ ዘተኣማምን ቀረብ ማይ ናይ ምዃዘን ዓቕሚ ብቐጻሊ ምዕባይ፣ መርበብ ጽርግያታትን ካልእ ትሕተ ቅርጺታትን ኮይ ዝጸንሐ ብምሕዳስ፡ ንዚያዳ ስሉጥነት ምምሕያሽ፡ ብብደረጃኡ ድማ ሓደስቲ ፕሮጀክታት ምትግባር፣ ምስዚ ተኣሳሲሩ ኣብ ኣገልግሎት መጓዓዝያ ዘሎ ጸገማት ንምፍታሕ ወፍሪ ምዕባይ፣ ወደባትን ገማግም ባሕርን ንምምዕባል፡ ኣብ ውሽጢ ግዚፍ ሽርክነታዊ ምትሕግጋዝ ምዕያይ፣ ኣብ ጸዓትን ኣገልግሎታት ኤለክትሪክን ኮይ ናብ ዕንወት ተገምጊሙ ዝጸንሐ ኣገልግሎታት ናብ መጽንሒ መድረኽ ኣሳጋጊርካ፡ ጠለባት ብዘይ ስክፍታ ዘዕግብ ዝተዳቐለ (ረስናውን ተሓዳስን) ምንጪታት ጸዓት ምውዳድ፣ ህንጻት መንበሪ ኣባይቲ፡ ብዝተሓደሰ ውጥናትን ዝሓሸ ቴክኖሎጂን ብቕዓትን ደሪዕካ ትግባረኡ ምቅልጣፍ፣ ኣገልግሎት ትምህርቲን ጥዕናን ብዓይነቱ እናመሓየሽካ፡ ዲናሞ ልምዓትን ህንጸትን ሃገርን ዝኾነ ጸጋ ሰብና ንምጉልባት ዘኽእል ኩሉ ጎድናዊ ወፍሪ ምቕዳም፣ ጽላታዊን ኢንዱስትሪያውን ዕቤት ንምቅልጣፍ፡ ዝተመሓየሸ መርሓ ጎደና ወፍሪ ኣርቂቕካ ምትግባር፣ ሓቀኛ ልምዓታዊ ናይ ሽርክነት ሃዋህው ምፍጣር፣ ኣድማዕነት ኣፈጻጽማ ስራሕ ምሕያል፣ ኣብ ኩሉ መዳያት ልምዓት ዘሎ ናይ ትግባረ መካኒዝም ምሕሳን።

እዚ ቀዳምነታት ተባሂሉ ተሰሪዑ ዘሎ ሃገራዊ መደባት ልምዓት፡ መቐጸልታ ኣብ መስርሕ ዝጸንሐ መደባት ወይ ድማ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ክኩላለፍ ዝጸንሐ ፕሮጀክትታት እዩ። ብሓጺሩ መበገሲ ዝኾውን ባይታ ክምድመድ ጸኒሑ እዩ። እቲ ዝቕጽል ስራሕ ከኣ ኣብቲ ተመድሚዱ ዘሎ ባይታ፡ ብውሽጣዊ ዓቕሚ ይኹን ብጥምረት ምስ መሻርኽቲ ልምዓት፡ ወሰንቲ ዝኾኑ ፕሮጀክትታት ብምትግባር፡ ንቁጠባዊ ዕቤት ዝድርኽ ሃዋህው ምፍጣር እዩ።

መንእሰያት እምበኣር እቲ ዘሎ ብደሆታት ግዚያውን በናኒን ምዃኑ፡ ንዝኾነ ብደሆ ናይ ምስጋር ዓቕምና ድማ፡ ካብ ዝኾነ እዋን ንላዕሊ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ከምዝርከብ ተገንዚብና፣ ኣድህቦና ከይተገዘዐ፣ ልምዓት ኩሉ ሳዕ ቀዳምነት ዝስራዕ ሃገራዊ ዕማም ምዃኑ ብምግንዛብ፡ ኣብ ኩሉ ዝተዋፈርናሉ ስራሕ ብንጥፈት ክንዋሳእ ከድልየና እዩ። እቲ ዝጸንከረ መድረኽ ተሰጊሩ እዩ፣ ካብ ሕጂ ንደሓር ክህሉ ዝኽእል ብደሆታት እቲ ዝኸኣሰን ዝደኸመን እዩ።



# ውዳበን ኣፍራይነትን
## ኣብ ሕብረተሰብ

### ትርጉም ውዳበን ታሪኻዊ ድሕረባይታኡን

ደረጃ ምዕባለ ሓደ ሕብረተሰብ፡ ብመጠን ኣፍራይነቱ'ዩ ዝምዘን። ኣፍራይነቱ ድማ፡ ኣብ ዓይነት ኣወዳድባኡ ይምርኰስ። ብዘይ ጽፉፍን ቅርጥውን ኣወዳድባ ኣድማዒ ኣፍራይነት የለን። ብኡ መጠን'ውን ስልጣነኡን ዕብየቱን ይድረት። ስለ'ዚ ኸኣ፡ ጥበብ ውዳበ፡ ኣብ ህይወት ሓደ ሕብረተሰብ፡ ከም ግድነታዊ ቅድመ-ኹነት ምዕባለን ድሕረትን፣ ምዕዋትን ዘይምዕዋትን ጌርካ ክረአ ይክኣል።

ብመሰረቱ፡ ምንጪ ስልጣነ ሕብረተሰባት ኣብ ዝምስርቱዎ ውዳበታት ይምርኰስ። ንታሪኽ ወዲ ሰብ ምልስ ኢልና ምስ እንምልከቶ'ውን፡ ዝተፈላለዩ ሕብረተሰባት ብዘማዕበሉዎም ዝተፈላለዩ ዓይነት ኣወዳድባታት ዝተፈላለየ ደረጃ ኣፍራይነትን ስልጣነን ከም ዘመዝገቡ ንግንዘብ። ወዲ ሰብ፡ ካብ ሃዳንን ማእራርን ተፈጥሮኣዊ ፍርያት፡ ናብ ዝተወሳሰበ ብዓበይቲ ማሽነሪ ዘፍሪ፣ ካብ ምልኪ ናይ ባህሪ፡ ናብ ሓውሲ መላኺ ባህሪ ዘሰጋገሮ ኣገባብ ኣወዳድባ ኣማዕቢሉ ይርከብ። ከም ውጽኢቱ ኸኣ፡ ካብ ተጸባዪ ተፈጥሮኣዊ መስርሕ ኣፍራይነት፡ ናብ ሓደገኛን ዝቕቡብን ኣህላኽነት፤ ካብ ሰብኣዊ ጉልበት፡ ናብ መካኒካዊ ጉልበት ተሰጋጊሩ ይርከብ። እዚ ኸኣ፡ ኣብ ሕቶ ኣወዳድባ ማእቶት፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ብዘማዕበሎ ሓንሳብ ሰውራዊ፡ ካልእሳብ ድማ ጽገናዊ መልክዕ ዝባህሪኡ ዘገምታዊ ፍልቀት ኣወዳድብኡ ዝነቕል'ዩ። ናይ ኤርትራ ሰውራ'ውን እንተ ተመልከትና፡ እቲ ቐንድን መሰረታውን ረቛሒ ዓወቱ፡ እቲ ዝፈጠሮ ቅርጥውን ኣድማዕን ዝባህርያቱ ኣወዳድባ'ዩ ነይሩ።

### ውዳበ ግን እንታይ'ዩ፧

ውዳበ ማለት፡ ሰባት ዕላማታቶም ንምዕዋት፡ ኣብ ሓድሕዶም ዝምስርቱዎ ስሩዕ፡ ርጉእን ፍሉጥን ዝምድናታት'ዩ። እዚ ስሩዕን ፍሉጥን ዝምድናታት'ዚ ኸኣ፡ ሰባት ዕላማታቶም ንምፍጻም ዝጥቀምሉ ውሑስ መሳርሒ ይኸውን። ብሕጽር ዝበለ፡ ውዳበ ዘይጭበጥ ግን ከኣ ህላውነቱ ብውጽኢቱ ጥራሕ ዝረጋገጽ መሳርሒ ማእቶት'ዩ። እዚ ማለት፡ ውዳበ ልክዕ ከም ባዴላ፣ ኣፍራዛ፣ ወይ ተሽከርካሪት መኪና ዝጭበጥ ኣይኹን'ምበር፡ ወድሰብ ሓደ ሽቶ ንኽሃርም ዘገልግል ረቂቕ ናውቲ ማእቶት'ዩ። ከም ዝኾነ መሳርሒ ድማ፡ ዝምድናታት ናይ ሰባት ስሪዕ ናብ ሓደ ክውቃዕ ዝድለ ዕላማ ንምብጻሕ የገልግል። እቲ ሰብ ንዝተፈላለየ መዓላታት ዝግልገለሉ፡ ዝጭበጥ ግዙፍ መሳርሒታት ማእቶት'ውን እንተኾነ፡ ብዘይ ውዳበ ክሰርሕን እቲ ዝድለ ውጽኢት ከምጽእን ኣይክእልን'ዩ። ስለዚ ውዳበ፡ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ንጥፈት፡ ኣብ ዝተወሰነን ዝተደልየን ዕላማ ንምብጻሕ ሰብኣዊ ጥቕምታት፡ ምስ ናውቲ ዕዮን መሳለጥያታትን ከም ዘዋስብ ማሕበራዊ ቀለቤት ጌርካ ክረአ ይክኣል። ሰባት ናይ ሓባር ሽቶ ክሃርሙ ምስ ዝደልዩ ናይ ሓባር ውድብ ክፈጥሩ ግድን ይኸውን። እዚ ኣወዳድባ ፍሉጥን ስሩዕን ርጉእን ምስ ዝኸውን ድማ ኣድማዒ ናይ ምዃን ተኽእሎኡ ርሑብ'ዩ።

ንሓድሕዱ ዝወሳሰበ ማእቶታዊ ህይወት ሕብረተሰባት፡ ንፖለቲካዊ ህይወቶም ስለ ዝቖርጾን ዝጸልዎን፡ ዘይፖለቲካውያን ክኾኑ ከም ዘይክእሉ ግሉጽ ኰይኑ፡ ውዳበ ኸኣ ከም ሓደ ጥርኑፍ ስርዓት








ናይ ዝተፈላለዩ ባእታታት፡ ካብ ድምር ምዃኑ ሓሊፉ፣ ኣብ ማእቶት ኣራባሒ ተራ ዘለዎ ቁመና ኣፍራይነት ይፈጥር። ድምር ናይ'ቶም ኣብኡ ዝተሓቑፉ ኣባላት'ኳ እንተኾነ፡ ኣብ ውጽኢት ግን ንዓቕሚ ኣባላት ኣራቢሑ ዝሓሸ ወጽኢት ይህብ። ሓደ ሕብረተሰብ ብማሕበራዊ ዝምድናታት ስለ ዝቖውም፡ ሕብረተሰብ ከም ኣድማስ ኩሎም ሰብኣዊ ዝምድናታት ጌርካ ክግለጽ ይከኣል። ውልቀሰብ ንዘለዎ ማሕበራዊ ተራ፡ ዝምድናን ንጥፈትን የማእዝን። ውዳበ ነዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ፍልልይ ንዘለዎ ናይ ወዲሰብ ባህሪ፡ ጠባይን ግብርን ይሰርዕን የርግእን። ስለዚ፡ ብዘይ ወዳበ ዝካየድ ጻላውን ኣድማዕን ሰብኣዊ ንጥፈት የለን ናብ ዝብል መደምደምታ የብጽሓና።

ብዘይ ኣፍራይነት ቀጻልነት ሓደ ሰብ፡ ስድራ፡ ወይ ሕብረተሰብ ክወሓስ ስለ ዘይከኣል፡ ኣፍራይነት ሓደ ካብ ወሰንቲ ዕማማት ደቂ ሰብ'ዩ። ኣብ ጥንታዊ ይኹን ዘመናዊ ኢንዱስትርያዊ ሕብረተሰብ፡ ኣፍራይነት ቀጻልን ቀንድን ዕማም እዩ። እንተኾነ፡ ብሰንኪ ኣብ ዓይነት ኣወዳድብኡ ዘሎ ፍልልይ፣ ውጽኢት ኣፍራይነቱ'ውን ብኡ መንጽር ይጽሎን ደረጃ ምዕባለኡ ይፈላለን። በዚ ኸኣ፡ ካብ ስድራቤት ጀሚሩ ክሳብ ዓበይቲ ትካላት ዘለዉ ኣወዳድባታት ንቕርጥውን ኣድማዕን ኣፍራይነት ዝሕግዝ ኣወዳድባ ክሰርዑ ኣብ ዘየቋርጽ ቃልሲ ይጽመዱ። እቶም ኣብዚ መስርሕ ዝተዓወቱ ድማ፡ ዝለዓለ ናይ ኣፍራይነት ብቕዓት ብምድላብ፡ ምዕባለ ኽረጋግጹ ይርኣዩ። በዚ፡ ገለ ዓብላሊ ገለ ኸኣ ተዓብላሊ፣ ገለ ኣፍራይ፡ ገለ ኣህላኺ፤ ገለ ህጡር፡ ገለን ድማ ነዛ ድራር-እለት ንምርካብ ዝሸገር ኰይኑ ንረኽቦ።

## ውዳበ ምስ ምዕባለ ዘለዎ ምትእስሳር

እቲ ዝዓበየ ብልጫ ውዳበ፡ ሕብረተሰብ ፋሕ ንዘበለ ጉልበትን ካልኦት ጸጋታትን ጠርኒፉ ብመካኒካዊ ኣምሳል ኣፍራይነቱ ከምዝዓቢ ክገብር ምኽኣሉ'ዩ። ታሪኽ ብቐንዱ'ውን፡ ብዝምድና ሕብረተሰብን ወልቀሰብን እዩ ዝስራሕ። ክልቲኦም ነንሕድሕዶም ይመላልኡ። ሕብረተሰብ ብወልቀሰብ፡ ውልቀሰብ ብሕብረተሰብ'ዩ ማሕበራዊ ህላውነት ዝህልዎ ውሕሉል ኣወዳድባ ድማ ይሓትት። እዚ ዝምድና'ዚ ቀጻልነት ክህልዎ እንተኾይኑ፡ ክልቲኦም ብውልቅን ብደረጃ ሕብረተሰብን ቀኍጠባዊ/ነገራዊ ኣፍራይነቶም ክዕብዩ ኣለዎም። ኣፍራይነት ግን ኣብ ዓይነት ኣወዳድብኦም እዩ ዝህነጽ። ስለዚ ከም ታሪኽን መንነትን ክቕጽሉ እንተኾይኖም ክፍርዩ ኣለዎም። ክፍርዩ እንተኾይኖም ክውደቡ ኣለዎም። እዚ ኸኣ፡ ሕርያ ዘይኮነ ግዴታ'ዩ። ሕብረተሰብ ቀጻልነቱ ከረጋግጽ እንተኾይኑ፡ ውዳበኡ ምስ ግዜን መድረኽን ክሳነዮ ኣለዎ። ምኽንያቱ፡ ለውጢ ቀንዲ ባእታ ናይ ቀጻልነት ስለዝኾነን ምስ ግዜን ኩነታትን ዘይለወጥ ኣወዳድባ ድማ ቀጻልነቱ ከውሕስ ስለዘይክእልን።

ኣፍራይነት ግን ብነገራዊ ዓይኒ ጥራይ ክርኣ የብሉን። ምኽንያቱ ሕብረተሰብ ንዝበልዖን ዝሰትዮን ጥራሕ ኣይኮነን ዘፍሪ። ካብ ዝብላዕን ዝስተን ወጻኢ ካልኦት ብዙሓት ዘድልይዎ ነገራት ኣለዉዎ። ንኣብነት፡ ሓሳባት፡ ኣምራትን መንቋሕቋሒታታትን'ውን ኣገደስቲ ባእታት ስለዝኾኑ፡ ከምቶም ካልኦት ዝፈርዩ ነገራት'ዮም ዝሕሰቡ። ኩሉ ግዜ ነገራዊ ፍርያት፡ ንመሰረታዊ ጠለባት ህይወት ደቂ ሰብ ንምምላእ ዘድልዩ ክኾኑ ከለዉ፡ እቶም ከም ሓሳባት፡ ኣምራትን ዝኣመሰሉ ዘይነገራዊ ፍርያት ግን ነቲ ዘይነገራዊ ጠለባት ወዲሰብ ዝምልሱ'ዮም። ምኽንያቱ ወዲ ሰብ ብእንጌራ ጥራይ ኣይኮነን ዝነብር፤ ማዕረ ቐለብ ከስዐ፡ ቀለብ ኣእምሮን መንፈስን'ውን የድልዮ'ዩ። እንተኾነ ቀረብ ኩሎም እዞም ጠለባት እዚኣቶም ብቐጻልን ስርዑን ኣገባብ ንምፍራይ፡ ግድን ግቡእ ኣወዳድባ ይጠልብ። ስለ'ዚ፡ ምውህሃድ ቍጠባዊ፡ ፖለቲካውን ባህላውን ኣወዳድባ ግድነታዊ ይኸውን።

ስለዚ፡ ኣፍራይነት ሕብረተሰብ ብቍጠባዊ ኣወዳድብኡ ጥራይ ኣይኮነን ዝውሰን ወይ ዝልካዕ። ኩሉ ግዜ፡ ፖለቲካውን ባህላውን ኣወዳድባታት'ውን ዘይንጸሉ ረቛሒታት፡ ኣካል ቍጠባዊ ኣፍራይነት ኣብ ሕብረተሰብ'ዮም። ክልቲኦም ዝምድና መሰረትን ጽላልን'ዩ ዘለዎም። ቍጠባዊ ውዳበ፡ ሰረት ባህላውን ፖለቲካውን ውዳበታት ክኸውን ከሎ፡ ፖለቲካዊ ውዳበ ብግደኡ፡ ሓባራዊ ውሳኔታት ብምፍራይ፣ ባህሊ ድማ ነቶም ውሳኔታት፡ ትርጒምን መረዳእታን ብምፍጣር ንቍጠባዊ ንጥፈታት ጽላል ይኾኑ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ፖለቲካውን ባህላውን ወዳበታት ዋላ'ኳ ብተዘዋዋሪ ይኹን ብኻልእ ደረጅኦም ንኣፍራይነት ሕብረተሰብ ብዝገብርዎ ኣበርክቶ፡ ቍጠባዊ ጠባያት ኣለዎም። እቲ ቁጠባዊ ኣፍራይነት'ውን ፖለቲካዊ ጠባያት ዝሓዘለ እዩ። ብኸምኡ፡ ኩሎም ኣብ ሕቶ ኣፍራይነት ዘይነጻጸሉ ዓበይቲ ረቛሒታት ኰይኖም ንረኽቦም።

ቀጻልነት ምዕባለ፡ ብቐጻሊ ልውጠት(mutation) ኣብ ዝጓዓዝ ኣወዳድባ'ዩ ዝምርኰስ። ስለዚ፡ ሕብረተሰብ ኣብ ኣወዳድባኡ'ውን ውድባዊ ልውጠት (organizational mutation) እንተዘየካይዱ፡ ዘመዝገቦ ዓወት ክዕቀብ ኣጸጋሚ እዩ። እቶም ኣብዚ መዳይ'ዚ ዝተዓወቱ'ዮም 'ምበኣር ኣፍራይነት ብምርግጋጽ፡ ቀጻልነት ዘለዎ ምዕባለ ዘውሕሱ። እዚ ማለት፡ ውድባዊ ልውጠት ኣብ ምርግጋጽ ውሑስ ኣፍራይነት ኣገዳስን ክስገር ዘይብሉን ባእታ'ዩ። ስለዚ ኵሉ ግዜ፡ ውዳበ፡ በብግዜኡ ዝመሓየሽን ንእዋኑ ዘገልግልን ኣብ መሰርሕ ለውጢ ክህሉ ዘለዎ ግድነታዊ መሳርሒ እዩ። ብኣረዳድኣ ፍልቀት፡ ዕምሪ ዘርኢ ናይ ዝኾነ ፍጡር ቀጻልነቱ ኣብ ምውሓስ ኣብ ዝገብሮ ጻዕሪ እዩ ዝምርኰስ። ብኸምኡ፡ ወትሩ እቶም ዝፈለቑ ቀጻልነቶም የረጋግጹ። ሓደ ውዳበ ዓቃባውን ነቓጽን ባህሪ ምስ ዝህልዎ ንሓደገኛ (ኣንፈቱ ዘይፍሉጥ) ለውጢ ባብ እናኸፈተ'ዩ ዝኸይድ። እዚ ማለት ከኣ፡ ብንጹር፡ ናብ ዘይተፈልጠ መጻኢ ስለዝወስድ፣ ሓደገኛ ታሪኻዊ ክስተት ይፈጥር። ሓደ ንነዊሕ እዋን ዘገልገለ፡ ምስ ግዜ፡ ንእሽቶ ምቅይያር እናገበረ ቀጻልነቱ ከውሕስ ዝግብኦ ኣወዳድባ፡ እንተድኣ ኣብ ሓደ ናይ ኣወዳድባ ደውታ ተዓኒዱ፣ ከምዝኾነ ሰብኣዊ መሳርሒ ክበሊ ግድን ይኸውን። ኣብ ግዚኡን ከም መጠኑን እቲ ዘድልዮ ምቅይያር ምስ ዘይግበረሉ ኸኣ፡ በልዩ ካብ ስራሕ ወጻኢ ይኸውን።

ወድባዊ ለውጢ ዝመጽእ ግን ካብ ታሕቲ ወይ ካብ ላዕሊ ድፍኢት ምስ ዝህሉ'ውን'ዩ። ብኻልእ ኣገላልጻ፡ እቲ ዓያዪ ጉልበት፡ "ካብ ሎሚ ንንዮው፡ በዚ ኣረጊት ናውቲ ዕዮ ኣይቀውምን ወይ ንረብሓይ ኣየገልግልን'ዩ" ምስ ዝብል፣ ወይ'ውን እቲ ኣላዪ ውዳበ ነቲ ክውንነት ተረዲኡ ኣቐዲሙ ምስቲ ግዜ ዝኸይድ ምትዕርራይ ምስ ዘተኣታቱ'ዩ። እዞም ዝብሃሉ ዘለዉ ኽልተ ኣገደስቲ ናይ ለውጢ ተዋሳእቲ ግቡእ ዕማሞም ምስ ዝዘንግዑ ግን፡ እቲ ወዳበ ከም ዝኾነ ተጨባጢ ናውቲ ዕዮ፡ በልዩ ዕንቅፋት ኣፍራይነት ይኸውን። በዚ ድማ ኣፍራይነት ሕብረተሰብ ይቐጽ። እዚ ሃዋህው'ዚ ከኣ ንኻልእ ተኸእሎ ታሪኻዊ ሓደጋ፣ ንኣብነት፡ ንከቢድ ድኽነት፡ ፖለቲካዊ ዘይርጉእነት፡ ኵናትን ማሕበራዊ ቅልውላውን ባብ ይኸፍት።

ብኻልእ መልክዑ ክርአ ኸሎ ከምዝኾነ ካልእ ክስተታት ሕብረተሰብ፣ ውዳበ'ውን ክህነጽን ክኹስኰስን ኣለዎ። ምኽንያቱ፡ ብዘይ ብቑዕን ቀጻሊ ዝኹስኰስን ውዳበ ዝህነጽ ምዕቡል ወይ ስልጡን ሕብረተሰብ የለን። እዚ ማለት ከኣ፣ ውዳበ ኣብ ሓደ እዋንን ብሓደ ወለዶን ጥራይ ዝህነጽ ኣይኮነን። ከምኡ ምስ ዝኸውን ግን፡ ናይቲ ዝህነጽ ወለዶ መሳርሒ ጥራይ




ኰይኑ፡ እቶም ዝስዕቡ ወለዶታት ንድሕሪት ተመሊሶም ከም ብሓድሽ ካልእ ክቡር ዋጋ ንምኽፋል፡ "ሓደ" ኢሎም ንኽጅምሩ ምፍራድ እዩ ዝኸውን። እዚ ድማ ነቲ ተካኢ ወለዶ ጾርን ዘየድሊ ሃልኪ ዳግመ-ምጅማርን ጥራሕ ዘይኮነ፡ ንሕብረተሰብ ኣብ ሓደ መስርሕ ዓኒዱ ማሕበረ ቁጠባዊ ምዕባሌኡ የደስክሎ። ንሱ ጥራይ ዘይኮነ፡ እዚ ኣገባብ'ዚ ንሕቶ ቅኑዕ ምትኽኻእ ጎስዩ፡ ነቲ ሕብረተሰብ ጸጋታቱ ኣብ ቀጻሊ ናይ ምጅማር ሃዋሁ የንብሮ። ስለዚ ኣብ ሕብረተሰብ ምቅባባል ኣወዳድባታት ምስ ዝደክም ኣፍራይነቱ ጥንታዊ ኮይኑ ይተርፍ። ብስነህይወታዊ ሕጊ፡ ኣብ እንስሳታት (ወዲ ሰብ ሓዊስካ)፡ ፍልቀት ማለት ዝጠንከረ ዘርኢ ምትኽኻእ ማለት'ዩ። ብባህላዊ ሕጊ ሕብረተሰብ ምስ ዝጥመት ከኣ ፍልቀት ማለት፡ ዝጠንከረ ውዳበ ናብ ዝቕጽል ወለዶ ምቅብባል ማለት'ዩ። እዚ ንርእሱ ግን ቅርዑይ ውዳበ ዝሓትት መስርሕ'ዩ።

ኣብ መደምደምታ፡ ሕብረተሰብ ስርዓትን ዝምድናታትን'ዩ። እቲ ነዚ ዝምድናታት ብስሩዕ፡ ፍሉጥን ርጉእን ኣገባብ ዝወደበ ዝሓሸ ናይ ምፍራይ ሜላ ፈጢሩ፣ ዘመናዊ ምዕባለ ከረጋግጽ ዝእግሞ የለን። ብኣንጻሩ፡ እዚ ዝምድና'ዚ ምስ ግዜን ብድሆታትን ናይቲ ሕብረተሰብ ክልወጥ ምስ ዘይክእል፡ ይትረፍ ሓድሽ ነገር ክፍሪ ነቲ ዘለዎ ደረጃ ኣፍራይነት ክዕቅብ'ውን ክሰሓግ ክግደድ'ዩ። ብኣንጻሩ እቲ ነዚ ዝምድናታት'ዚ ክውድብ ዘይክእለ ሕብረተሰብ ከኣ፡ ካብ ኣፍራይነት በኹሩ ግዳይ ድሕረትን ግዙእ ናይ ካልኦት ዝያድኡ ዝተወደቡ ሕብረተሰብን ኰይኑ ይተርፍ።

ER Media



## ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ

# ጽኑዕ ዕርዲ መኸተ!

ከም ኩሉ ምዕራፋት ታሪኽና፡ ዛንታ ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ብዕቱብ ክጸናሸን ክሰኣድን ዝግባእ ኮይኑ፣ ኤርትራውያን ዝተፈላለየ መጠነሰታት ከም ጉስነት፡ ማሕረስ፡ ምግፋፍ ዓሳ፡ ሸቕለት፡ ባሕረኛነት፡ ዕስክርና፡ ትምህርቲ፡ ግፍዕታት ጸላኢቲ፡ ሓርበኛነት... ዝጠንቁ ንወጻኢ ክኸዱ ካብ ዝጀምሩ ኣስታት 150 ዓመት ሓሊፉ ከምዝኾነ ይግመት። ኣብ ወጻኢ ዝነብር ህዝብና ዓቢ ግምጃ ሃገር'ዩ፡፡ ንሃገሩን ህዝቡን ዝነብሮ ዘሎ ወጹብን ልዑልን ኣበርክቶ ብዘውሓደ ካብ ቅድሚ 80 ዓመት ጀሚሩ ዘዩቋረጸን ዝቕጽል ዘሎን'ዩ፡፡

ኣብ ዝኸድዎ፡ ኤርትራውያን ምስ ዝጸንሑዎ ህዝቢ ተሳንዮምን ተኸቢሮምን ዝነበሩ፣ ብመንነቶም ዝሕበኑ፡ ታሪኾምን ባህልታቶምን ዘኽብሩን ኣጸኒዖም ዝሕዙን፣ ናብ ደቆም ንምስግጋር ዝተግሁን ዝጸዕሩን ህዝቢ ምኻኖምዎም ዝፍለጡ፡፡ ኣብ ርእሲኡ፡ ኩሎም'ኳ እንተ ዘይበልና እቶም ኣዝዮም ዝበዝሑ፡ ሳላ'ቲ ውርዙይ ኤርትራዊ ባህልን ክብርታትን ኣብ ዝወፈርዎ ዝጽዕቱን ዝዕወቱን'ውን'ዮም፡፡ እዚ ክልቲኡ ረቛሒታት፡ ማለት ሃገራውነቶምን ጻዓተኛነቶምን ንኤርትራ ዓቢ መኽሰብ'ዩ፡፡

ኣብ ወጻኢ ዝነብሩ ኤርትራውያን ኣብ'ዚ ከይተሓጸሩ፡ ኣብ ቃልሲ ንሓርነትን ምውሓስ ልኡላውነትን ጥራሕ ከይተደረቱ፣ ንህንጻት-ሃገር'ውን ዓቢ ኣበርክቶ ጌሮም ኢዮም፡፡ እዚ መልክዑ-ብዙሕ ተጋድሎ፡ ንዓሰርተታት ዓመታት ዝቐጸለን ኣብ ምዕዋት ሃገራዊ ዕላማታትና ልሉይ እጃም ዝበሮን ረቛሒ'ዩ፡፡

ከም ዝፍለጥ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዘጠኮ ወጹብ ፖለቲካዊ ቃልሲ ንናጽነት፣ ኣብ 1941 ምስ ምምስራት 'ማሕበር ፍቕሪ ሃገር' እዩ ፈሊሙ፣ ክሳብ መወዳእታ 1950ታት ኣብ ዝነበረ ግዜ ድማ ብሓያል መኸተ ሰራሕተኛታትን ተመሃሮን ተደሪዑ ኸበረሰ፡፡ እቲ ከቢድ ማስዋእቲ ዝተኸፍሎ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዝተኻየደ ቃልሲ ዝቐስቀሶ ሃገራውነትን፣ ንሱ ዝፈጠሮ ንቕሓትን መሰረት ብምግባር፣ ኣብ ሱዳን ዝነበሩ ሃገራውያን ኤርትራውያን ኣብ ምምስራትን ምምራሕ ናይ'ቲ ኣብ 1958 ዝቘመ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ (ሓርካ ወይ ማሕበር ሸውዓተ) ዓቢ ተራ ተጻዊቶም እዮም፡፡

ካብ መጀመርታ 1950ታት ጀሚሩ ኣብ ካይሮ፡ ኤርትራውያን ተመሃሮ ዘቖምዎ ክሉብ ከም ዝነበረ'ውን ይፍለጥ፡፡ እዞም ኣብ ግብጺን ኣብ ሱዳን ድማ፡ ኣብ ሰራዊት ሱዳን ዝነበሩ ኤርትራውያን ወተሃደራትን ተመሃሮን ኢዮም፣ ቀዳሞት መራሕቲ ናይ'ቲ ኣብ 1961 ቃልሲ ብዕጥቂ ብረት ዝፈለመ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝነበሩ፡፡

ካብ መፈለምታኡ ኣትሒዙ፣ ክሳዕ ኣብ 1991 ብናጽነት ዝዛዘም፣ ካብ ሱዳን፡ ካብ ኢትዮጵያ፡ ካብ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ፡ ካብ ኣፍሪቃ፡ ካብ ምዕራብ ኤውሮጳ፡ ካብ ሕብረት-ሶቭየትን ምብራቕ ኤውሮጳን፡ ካብ ኣመሪካን ካናዳን ናብ ሜዳ ዝመጹ ኣሽሓት ዜጋታት፡ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተሰሊፎም ኢዮም፡፡ ከም'ቲ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝነበረ ህዝብና ዝገበሮ፣ ንኣቶም'ውን ትምህርቶም፡ ስርሖም፡ ንግዳዊ ትካላቶም፡ ስድራቤቶም ጉዳፎም'ዮም ተሰሊፎም፡፡ ካብ'ዚ ፍልይ ብዝበለ ድማ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ብምስጠር ተወዲቦም ዝተጋደሉን ዝተሰወኡን፣ ከምኡ ድማ ዝተፈላለየ ሃገራዊ ዋኒናም ጉዳፎም፡ ምሉእ ግዜኦም ወፍዮም ዝተጋደሉ ወሓሉዋት ኢይኮኑን፡፡

ከም'ቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ኣብ ሓራ መሬትን ድሕሪ ማስመር ጸላእን፣ ጸላኢ ኣብ ዝቈጻጸሮ ከባቢታትን እናነበረ ብማሰረት፣ 'ሓፋሽ ይንቃሕ፡ ይወደብ፡ ይተዓጠቕ' ዝብል መርሓ ህዝባዊ ግንባር ዘየደዱ ቃልሲ፣ ካብ ሃገር ወጻኢ ዝነብሩ ኣባላት ሓፋሽ ወድባት'ውን ኣብ ፖለቲካዊ፡ ዲፕሎማሲያዊ፡ ዜናዊ፡ ፍናናውን ማሕውን ቃልሲ ዘየደድዎ ዘየባትኽን ተወፋይነት፣ ንዓወት ሰውራና ዓቢ ኣበርክቶ ጌሩ እዩ፡፡

ኣብ ወጻኢ ዝነብር ህዝብና፣ ኣብ ምዕቃብ ናጽነትን ልኡላውነትን ይረባረብ ኣሎ፡፡ ወራር ወያነ ተጻቢኡ ሓያላት መሓዙታን ብወረን ጸገማትን መኪቱ፣ ሃገራዊ ዓቕሚ ምክልኻልና ንምሕያል ብቐሊል ዘይትመን ፖለቲካውን ማሕውን ኣበርክቶ ጌሩ፡፡ ኣብ መደባት ህንጻት ሃገር እናተሳተፈ፣ ንልምዓታዊ ፕሮጀክትታት ማሕውን ሞያውን ኣበርክቶ ጌሩ፣ ብሓንሳሉን ጉልበቱን ዘጥረዮ ገንዘብ ከየሰግገረ ንዘተጉበረሉ ሓጹራት ጥሒሱ ስድራቤቱ ጠዊሩ፣ ንስድራ-ስውኣት ሓብሒቡ፣ ደርቂ መኪቱን ለቡዳ ኮቪድ ኣብ ምምካት ግደኡ ፈጺሙ፣ ኣብ ወጻኢ ድምጺ ሃገሩ ኣገሊሑ ኣምባሳደር ሃገሩ ምኻኑ ቀጺልዎ፡፡

ሎሚ'ውን ኤርትራዊ ኣብ ወጻኢ፡ ተቓለሱ ንዘሃጸ ውዲቤታቱ ብምሕያል፡ ኣብ መኸተን ልምዓትን ሃገሩ ሱታፌኡ ብምዕዛዙ ዘይንደል ጽኑዕ ዕርዲ ኤርትራ ኣብ ወጻኢ ምኻኑ ደጊሙ ብምርግጋጽ፡ ታሪኹ የጽንዕ፡፡

ER Media

# ጸጥታ ባሕሪ
## ብደቂ ባሕሪ

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ግብጺ ኣብዚ ቀረባ እዋን፡ ኣብ ሓደ ቃለ-መጠይቕ፡ ብዛዕባ ዋንነት ኣፍደገ ባሕሪ ኢትዮጵያ ተሓቲቱ ኣብ ዝሃቦ መልሲ፡ “ኢትዮጵያ ንዘልኣለም ኣፍደገ ባሕሪ ክትረክብ ኣይኮነትን” ክብል እንከሎ፣ ንሃገራት ስዑዲ ዓረብ፡ ከዉየት፡ ቀጠር፡ ባሕረይን፡ ዖማን፡ ኢማራት ዓረብ ዝሓቑፍ “ቤት-ምኽሪ ምትሕብባር ወሽመጥ ዓረብ” (Gulf Cooperation Council - GCC) ኣብ ሪያድ ካብ ዝርከብ ቤት ጽሕፈቱ፡ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዝኾነ ተራ ክህልዋ ከምዘይክእል፡ ነቲ ፍሉጥ ጂኦግራፊያዊ ክውንነት ዘይቅበል ምዉስዋስ ስርዓት ብልጽግና ድማ ክእደብ ከምዝግባእ ዘተሓሳስብ መግለጺ ኣውጺኡ ነይሩ።

ምርኡይ ስርዓት ብልጽግና፡ ናይ ኣፍደገ ባሕሪ ጠለቡ ብመገዲ ሩስያ፡ ናብ ባይቶ ጸጥታ ክቕረበሉ እውን ፈተነታት ኣካዪዱ ነይሩ እዩ። እንተኾነ፡ ሩስያ ባዕላ እቲ ጠለብ፡ ኣህጉራዊ ሕግታት ዝጥሕስ ብምዃኑ ነጺጎሞ። ብርግጽ ድማ ኣብዚ ዘለናዮ እዋን፡ ነቲ ዘሎ ዓለማዊ ጂኦግራፊያዊ ቅርጺ ምቕያር ዝከኣል ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡ ካብ ሕቡራት ሃገራት ጀሚርካ ኩሉ ትካላት ማሕበረሰብ ዓለም፡ ነቲ ኣብ ምቛም ዘመናውያን ሃገራት (ብውሽጣዊ መስርሕ ድዩ ብመግዛእቲ) ዝተነጸረ ዶብ፡ ከም ዘይትንከፍን ብጹእን ወሲዱ፡ ንምኽባር ልዑላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነት ሃገራትን ከም መትከል ተቐቢሉ እዩ ዝነባበር ዘሎ።

ገለ ኢትዮጵያውያን፡ ሃገሮም ናብ ባሕሪ 60 ኪ.ሜ. ጥራይ ተፈንቲታ ስለ እትርከብ “ዋንነት ኣፍደገ ባሕሪ




ይግባኣ እዩ” ክብሉ ይስምዑ’ዮም። እንተኾነ ኣብ ኣህጉራዊ ሕጊ ከምኡ ዝብል ዓንቀጽ የለን። ብዝሒ ህዝቢ እውን ከም ምኽንያት ክቐርብዎ ይፍትኑ’ዮም። እንተ በዚሕካ ካብ ልኡላዊ ግዝኣት ካልእ ሃገር ክትማቕል ትኽእል ኢኻ ዝብል ሕጊ እውን የለን። ብሓጺሩ፡ ኣቋውማ ዘመናውያን ሃገራት “ኣቦኻ መርቕ፡ ኣቦኻ ርገም” እዩ። ሃገራት ብውዕል ኣብ ዝቘማሉ እዋን ዘይነበረካ ግዝኣት፡ ኣብዚ እዋን’ዚ ክትሓትት ኣይትኽእልን ኢኻ፣ ኣሕሊፉ ክህበካ ዝኽእል እውን የለን። ሂብካ ምቕባል ዝብል ሃጠው ቀጠው ዘረባታት ይለዓል’ዩ። ሓቂ እዩ፡ እቲ ቀደም ዘመን ግዝኣት ብገንዘብ ይሸየጥ ነይሩ እዩ። ድሕሪ ምቛም ዘመናውያን ሃገራት ግን፡ እቲ ተርእዮ ኣብቂዑ’ዩ።

## ምውሓስ ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ

“ጉዳይ ጸጥታን ድሕነትን ቀይሕ ባሕሪ ንኢትዮጵያ ብቕጥታ ይጸልዋ እዩ” ዝብል ዘረባ እውን ኣሎ። ሎሚ ኣብ ዓለምና ጉዳይ ጸጥታን ድሕነትን ቀይሕ ባሕሪ ዘይጸልዎ ህዝቢን ሃገርን ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን። ጸጥታዊ ውሕስነት ቀይሕ ባሕሪ ካብ ዓለማዊ ጸጥታን ድሕነትን ፈሊኻ ዝርአ ኣይኮነን። በዚ ምኽንያት ድማ እየን፡ ብዙሓት ሃገራት ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ልዑል ኣተኩሮ ዝገብራን ኣብ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ ወተሃደራዊ መዓስከር ክህልወን ዝደልያን።

ከምዝፍለጥ ቀይሕ ባሕሪ፡ ንኣርባዕተ ማእዝናት ዓለምና (ምብራቕ፡ ምዕራብ፡ ሰሜን፡ ደቡብ) ዘራኽብ ማእከልን መሳግሮን ብምዃኑ፡ ኣዝዩ ስትራተጂያዊ ማያዊ መስመር ዓለምና’ዩ። ጸብጻባት ከም ዘመልክትዎ፡ ንኣሽቱን ማእከሎትን መጓዓዝያታት ከይወሰኽካ፡ በዚ መስመር’ዚ፡ ኣብ ዓመት ክሳብ 20,000 ዓበይቲ ናይ ንግድ መራኽብ ይመሓላለፋ። በቲ ቀጢን መትረብ ባብ ኤል-መንደብ መዓልታዊ ዝሓልፍ ጽዕነት ነዳዲ ድማ፡ ካብ 3.3 ሚልዮን በርሚል ንላዕሊ ምዃኑ ይፍለጥ።

ቀጻልነትን ድሕነትን ናይ’ዚ 700 ቢልዮን ዶላር ኣብ ዓመት ዝግመት ዋሕዚ ንግዳዊ ምንቅስቓስ’ዚ፡ ኣብ ጸጥታን ርግኣትን ቀይሕ ባሕሪ’ዩ ዝምርኮስ። ቀይሕ-ባሕሪ ከም መተሓላለፊ መስመር ጥራይ ዘይኮነ፡ ነዚ ባሕሪ’ዚ ኣማእኪሉ ኣብ ዝርከብ ዞባ ዘሎ ሃብቲ ነዳዲን ካልእ ማዕድናትን ባህርያዊ ጸጋታትን እውን ንስትራተጂያዊ

ኣገዳስነቱ ዘዕዝዝ እዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ፡ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብፍላይ ድሕሪ ምኽፋት ስዌዝ-ካናል (1869)፣ ናይ በርሊን ዋዕላ ምጉዛዛይ ኣፍሪቃ (መወዳእታ 19-ዘመን)፣ ከምኡ'ውን ኣብ ክልቲኡ ኲናት ዓለም፣ ኣብ እዋን ዝሑል-ኲናትን ድሕሪኡን፣ ማእከል ዓለማዊ ጥሙሓትን ውድድራትን እዩ ነይሩ። እቲ ንህዝቢ ኤርትራ መሰል ናጽነቱ ብምግሃስ፡ ነዊሕን ደማዊን ኲናት ዘስዓበ ጂኦ-ፖለቲካዊ ስትራተጂ እውን ኣካል ናቱ እዩ።

ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዝጸንሐ ገዚፍ ምትእትታው ዓበይቲ ሓይልታትን ሕንከራ መሻርኽቶም ዘባውያን ጉበላላትን ነቲ ልክዕን ዝግባእን እጃም ህዝብታትን ሃገራትን ናይዚ ዞባ ኣጓንዩ፡ ንድኹና ወተሃደራዊ መደበር ግዳማውያን ሓይልታት ዕድል ምኽፋቱ ዝፍለጥ እዩ። ምስቲ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዓሰረ-ዓመት ኣብ ሶማል ዝጸንሐ ናይ ስርዓት ባዶሸን ሓፈሻዊ ዘይምርግጋእ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕሪን ተኣሳሲሩ ድማ፡ ሽበራን ቅርሰናን ንምግታእን ምእላይን፡ ኣሲጋገርቲ-ኣጽዋር፡ ዕጸ-ፋርስን ኣፍለስቲ-ሰባትን ንምቁጽጻር እናተባህለ፡ ምትእትታዋት እናሰፍሐ፡ ምትሕልላኻቱ እናዓሞቔ ክመጽእ ጸኒሑ ኣሎ።

ኣብ ፈለማ ናይዚ ሒዝናዮ ዘለና ወርሒ (ሕዳር) ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ግብጺ ዑደት ኣብ ዘካየደሉ፡ ንጸጥታን ድሕነትን ቀይሕ ባሕሪ ኣመልኪቱ ዝቐረበሉ ሕቶታት መሊሱ ነይሩ። ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ጉዳይ ምውሓስ ጸጥታ ቀይሕ-ባሕሪ፡ ዝያዳ ኩሉን ቅድሚ ኩሉን፡ ነተን መዳውቢቲ ቀይሕ ባሕሪ ዝኾና ሃገራት ከም ዝምልከተን ብመግደን ጥራይ ውሕስነት ከምዝረክብን እዩ ገሊጹ። ኣህጉራዊ ምትሕብባር ዝህልዎ ደገፍ ኣገዳሲ ምዃኑ ጠቒሱ ድማ፡ መተካእታ ሃገራት ናይዚ ዞባ ክኸውን ግን ፍጹም ከም ዘይክእል፡ ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ፡ ብዘላቕነት ምውሓስ ዝከኣል ብቐንዱ፡ በተን ምስቲ ባሕሪ ዝዳወባ ሃገራት ጥራይ ምዃኑ ኣስሚርሉ። ብርግጽ ድማ፡ ኣብ ዝኾነ ከባቢ ናይ ዓለምና ጸጥታ ብብቕዓት ምውሓስ ዝከኣል ብደቂ መሬት ጥራይ እዩ። ደቂ መሬት ኣዋሲንካ ጸጥታ ምውሓስ ዝሕሰብ ኣይኮነን።

መርገጺ ኤርትራ ኣብዚ ጉዳይ'ዚ ካብ ነዊሕ ኣትሒዙ ንጹርን ዘየሻሙን እዩ። ኤርትራ፡ ኣብ ጉዳይ ምውሓስ ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ካልእ ዞባውን ዓለማውን ጉዳያት እውን፡ ዋላ ኣብ ዘቤታዊ ብድሆታት ውልቀ-ሃገራት፡ ፍታሕን ብቐንዱ ብሰብ ጉዳይ'ዩ ዝብል መትከላዊ ኣረኣእያ ዘለዋ ሃገር እያ። ካብዚ መትከል'ዚ ብምብጋስ ድማ፡ ምትእትታው ግዳማውያን ሓይልታትን ምእህዳር ዘቤታዊ ጉዳያትን ኩሉ ሳዕ ኣኽሪራ ምስ ተቓወመት'ያ። ኣብ ጉዳይ ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ ብተመሳሳሊ፡ ሰብ ጉዳይን ሰብ መሬትን ባሕሪን ብምጉናይ ዝግበር ወተሃደራዊ ምትእትታዋት፡ ዝያዳ ምትሕልላኽ ፈጢሩ ዝሩግ ሃዋህው ዘንግስ እምበር፡ ዘላቒ ሰላምን ጸጥታን ዘረጋግጽ ከምዘይኮነ ጽኑዕ እምንቶኣ እዩ።

ጉዳይ ሰላምን ርግኣትን ቀይሕ-ባሕሪ "ይምልከተና'ዩ" ወይ "ይጸልወና'ዩ" ዝብሉ ወገናት እምበኣር፡ ቅድሚ ኩሉ፡ ብልዕልና ሕጊን ኣህጉራዊ ሕጊን እናተማእዘዙ፡ ንልኡላውነት ህዝብታትን ሃገራትን ናይዚ ዞባ፡ ክብረት ክህብዎ ዝግባእ'ዩ። እተን መዳውብቲ ቀይሕ ባሕሪ ዝኾና ሃገራት ከኣ፡ ሰላምን ጸጥታን ዞባአን ናይ ምውሓስ ሓላፍነት ባዕለን ክስከማ ክኽእላ ኣለወን። ነዚ ንምግባር፡ ናይ ባዕለን ብቑዕ ትካላት ምክልኻልን ጸጥታን ብሓፈሻ፡ ድልዱል ሓይሊ ባሕሪ ድማ ብፍላይ ክሃንጻን ከማዕብላን የድሊ። ኣብኡ ከይተሓጽራ እውን፡ ኣብ ምውሓስ ጸጥታ ዞባአን ብናይ ሓባር መረዳእታ ክጸምዳ፡ ሓባራዊ ጿጋታተን ተመላሊኡ ዝሰርሓሉ መካኒዝም ክፈጥራ፡ ኣድማዕነት ዘዕዝዝ ኣገዳሲ ረቛሒ እዩ። ልዕሊ ዓቕመን ኣብ ዝኾነ፡ ናይ ደገ ሓይልታት ምትሕግጋዝ ኣብ ዘድልዮ ተልእኾ ወይ ዕማም ከኣ፡ ኩለን ብዝተሰማምዓሉ መሰረት፡ ምስ ፍቓደኛታት ናይ ምትሕብባር ባይታ ፈጢረን ክሰርሓ ይኽእላ።

ቅድሚ ሽዱሽተ ዓመት ካብ 21-22 ሚያዝያ 2019፡ ኣብ ሪያድ ስዑዲ ዓረብ ኣብ ዝተኻየደ፡ ላዕለዎት ሰብ መዚ ኤርትራ፡ ግብጺ፡ ዮርዳኖስ፡ ስዑዲ-ዓረብ፡ ሱዳን፡ ጅቡቲ፡ የመንን ሶማልያን ዝተሳተፍዎ፡ ኣብ ጉዳይ ጸጥታ ቀይሕ-ባሕሪ ዝዘተየ ዋዕላ፡ ላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራ ነዚ መትከልን መርገጺን ኤርትራ ከም እማመ ኣቕሪብዎ ነይሩ እዩ። ርግጽ'ዩ እቲ መንግስቲ ኤርትራ ዘቕረቦ 12 ነጥቢታት ዝሓዘ እማመ ንኽትግበር ዝሓቶ ደረጃ ብቕዓትን ምትሕብባርን ቀሊል ኣይኮነን። ብቕዳምነት ኣብ ኩለን ሃገራት ተመሳሳሊ መረዳእታ፡ ኣመለኻኽታን ርድየትን ክምዕብል የድሊ። ትግባረኡ ድማ፡ በዚ መንፈስ'ዚ ኣብ ዝወስድኦ ተበግሶ፡ ዘማዕብልኦ ሓባራዊ ጽምዶን መካኒዝምን ይምርኰስ። ብደረጃ ዓለም ኮነ ብደረጃ ዞባ ብናይ ገዛእ ርእሶም ሕሳባት፡ ከምዚ ዓይነት ጥምረት ዘይድግፉ ወገናት ክህልዉ ከምዝኽእሉ እውን፡ ከም ብድሆ ኣብ ግምት ክኣቱ ዝግባእ እዩ። የግዳስ፡ ካብኡ ወጻኢ ሰላምን ጸጥታን ቀይሕ ባሕሪ ብዘላቕነት ከውሕስ ዝኽእል መተካእታን ሕርያን ስለዘየለ፡ ሕጂን ንሓዋሩን ግድን ብዕቱብ ክሰርሓሉ፡ ኩሎም ሓይልታት ዞባናን ዓለምናን ነዚ ሓቂ'ዚ ንኽግንዘብዎ ብቐጻሊ ምጉስጓስ ዘድልዮ እዩ።

ትንታነ

# ቀርኒ ኣፍሪቃ

## ድሕሪ ዝበርዓነ ተስፋ

ኣብ 2018 ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኸስተ ናይ ስርዓት ለውጢ፡ ጸቢብን ከፋፋልን ፖለቲካ 'ዒቕ!' ዝበሎ ህዝቢ፡ ብፍኑው ተላዒሉ ዘምጽኦ'ዩ። ጠለቡ ድማ፡ ፍትሕን ማዕርነትን ኣብ መንጎ ኩሎም ህዝብታት ኢትዮጵያ እዩ ነይሩ። በዚ ትጽቢት'ዚ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ፡ ነቲ ሓድሽ መንግስቲ፡ ቅድሚኡ ኣብ ታሪኽ ኢትዮጵያ ተራእዩ ዘይፈልጥ ሰፊሕ ደገፍ ሂቡዎ። መራሕቲ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ኣብ መንጎ ክልቲኦን ሃገራት ን20 ዓመታት ዝጸንሐ ኩነተ-ተጻብኦ ከብቅዕ 5 ዓምድታት ዘለዎ፡ ኣዋጅ ሰላምን ምሕዝነትን ኣስመራ ድሕሪ ምኽታሞም ድማ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣዝዩ ዘተስፉን እምብዛ ዘሐጉስን ሃዋህው ተፈጢሩ ነይሩ።

የግዳስ ብኣንጻር'ቲ ኣብ ህዝብታት ኢትዮጵያን ዞባናን ዝተፈጥረ ባህታን ዝሓደረ ተስፋን፡ ስልጣን ዝተረከበ ጉጅለ፡ ነዛ ኣደ ብዙሓት ብሄራት፡ ዓባይን ተኣፋፊትን ሃገር ኢትዮጵያ ዝምጥን ኮይኑ ኣይተረኽበን። ብናይ ተረኛነት ስምዒት ሕነ ሕሉፍ ጭቆና ናይ ምፍዳይ ሕቡእ ሕማም ዝዓቖረ፣ ብፋንታዝያዊ ሰረተ-እምነትን ዕሸላዊ ሕልምታትን ዝምራሕ፣ ካብ ሃገራዊ ዕላማታት፡ ውልቃዊ ጥሙሓት ዝያዳ ዝዓጦ፣ ቅሩብ ቊራቦ ዶላራት ተቐቢሉ ንናይ ግዳም ሓይልታት ክሸቅል ድልው ዝኾነ፣ ፖለቲካዊ ብቕዓትን ብስለትን ዘይብሉ ጉጅለ ኮይኑ'ዩ ጸኒሑ።

ሽግር ኢትዮጵያ ኮነ ሶማል፡ ሱዳን፡ ደቡብ ሱዳን፡ የመን ኮነ ካልኦት ሃገራት ዞባና ብመሰረቱ፡ ፍሽለት ህንጸት ሃገር (Nation building) እዩ። እቲ ፍታሕ ድማ ንጹር'ዩ። ዜግነት መሰረት ዝገበረ ምዕቡልን ሓቛፍን ፖለቲካ። እንተኾነ ብልጽግና ነዚ መገዲ'ዚ ኣይመረጾን። ብናይ ተረኛነት ስምዒት፡ ንፖለቲካውን ቁጠባውን ዕብለላ ሓደ ወገን ኣንቂዱ። ተሓጺብካ ኣብ ጭቃ ከምዝበሃል፡ ኣብቲ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝፈንፈኖ፡ ንህዝቢ ኦሮሞ እውን ዘይውክል፡ ጸቢብ ናይ ቁሽት ፖለቲካ ጥሒሉ። እዚ ፖለቲካዊ ውድቀት'ዚ ድማ፡ ንኢትዮጵያ ካብ እዋን ኢህወደግ ንላዕሊ ኣብ ከቢድ ጸገም ሸሚሙ፡ ናብ ሓደጋ ምብትታን ኣገምጊሙዋ ኣሎ።

ደድሕሪ'ቲ ኣብ ሓምለ 2018 ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተበጽሐ ስምምዕ፡ መራሕቲ ሃገራት ኤርትራ፡ ኢትዮጵያን ሶማልያን ኣብ ኣስመራ ተራኺቦም፡ ንኣጠቓላሊ ዞባዊ ምትሕብባር ስሉሳዊ ኣዋጅ ምኽታሞም ኣይርሳዕን። እቲ ተበግሶ ኣብ ሰለስቲኦን ሃገራት ከይተሓጽረ ንካልኦት ሃገራት ናይዚ ጎደቦ ክጽንበር እሞ፡ እቲ ዞባ ካብቲ ዘሳቕዮ ዘሎ ጸቢብ ፖለቲካ ወጺኡ፡ ብዞባ ደረጃ ናይ ምትሕብባር ጥምረት ክፈጥር፡ ናይ ኤርትራ ከምኡ'ውን ናይ ብዙሓት ደለይቲ ሰላምን ምትሕብባርን ትጽቢት እዩ ነይሩ።

የግዳስ፡ እዚ ምዕባለታት'ዚ ንኹሉ ዘሐጉስ ነይሩ ክበሃል ኣይከኣልን። ኣብቲ እዋን'ቲ ፍሉይ ልኡኽ ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝነበረ ኣለክሳንደር ሮንዶስ፡ ኣብ ሓደ ፍሉጥ ጋዜጣ፡ "ኤርትራ፡ ኢትዮጵያን ሶማልን ፈጢሮሞ ዘለዉ ኪዳን እንተ ደልዲሉ፡ ንምብራቓዊ ገማግም ቀርኒ ኣፍሪቃ ክቆጻጸሮ ተኽእሎ ኣሎ።" ክብል ምዕራባውያን በቲ ሓድሽ ምዕባለ ዝሓደሮም ስግኣት ኣነጺሩዎ ገሊጹዎ ነይሩ። እቲ ኣብ 2020 ዝተወልዐ ኲናት ትግራይ ድማ፡ በቲ ሓድሽ ምዕባለ ናይ ዝሰግኡ ሓይልታት ድርኺት ዝነበሮ እዩ። ኣብ መስርሕ ናይቲ ውግእ ዝነበረ፡ ገዚፍ ምትእትታውን ናይ ምሕንካር ግደን ኩሉ ዝተዓዘቦ እዩ። ቀንዲ ዕላማኡ ድማ ንመንግስቲ ብልጽግና ብኸቢድ ጸቒጢ ምስ ሓይልታት ትግራይ ዓሪቕካ፡ ኣሰላልፋ ሓይልታት ብምቕያር፡ ነቲ ኲናት ናብ ኤርትራ ምቕናዕ እዩ ነይሩ። እቲ ውዲት ግን ከምቲ ዝተሓሰበ ኣይከደን።

እቲ ንኤርትራ ዝተኣልመ ውዲት እኳ እንተበርዓነ፡ እቲ ኣዕናውን ቀዛፍን ኲናት ኣብ ኢትዮጵያ ዝሓደጎ በሰላ ቀሊል ኣይነበረን። ኢትዮጵያ፡ ብሓድጊ ናይቲ ኲናትን ስንፍናን ዘይብቕዓትን መንግስቲ ብልጽግናን፡ ድሕሪ'ቲ ኲናት፡ ኣብ ከቢድ ፖለቲካዊ፡ ጸጥታዊን ቁጠባዊን ጸገማት ተሸሚማ ትርከብ። እቲ ተኸሲቱ ዘሎ ሽግር፣ መትሓዚ ዘለዎ እውን ኣይመስልን።

ኣብ ኢትዮጵያ ከምዚ ዝዓይነቱ ሕንፉሽ ኩነታት እናሃለወ፡ ኣብ ሚያዝያ 2023 ኣብ ሱዳን ኲናት ተወሊዑ። እዚ ናይ ሱዳን ግጭት እውን እንተኾነ ቀንዲ ጠንቁ ናይ ደገ ምትእትታው'ዩ። ከምቲ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ብቐጻሊ ክገልጾ ዝጸንሐ፡ ሱዳናውያን ብዘይ ናይ ደገ ምትእትታው ሽግሮም ክፈትሑ፣ ናብ 'በሪ ኣማን' ንምብጻሕ ዘኽእሎም መገዲ ክፈጥሩ ይኽእሉ ነይሮም እዮም። እንተኾነ ግን፡ ናይ ወጻኢ ምትእትታው፡ ጸጋታት

ሱዳን ናይ ምዝማት ሃነፍነፍ፡ ነቲ መሰጋገሪ መድረኽ ብምትሕልላኽ ኣብ ሱዳን ከቢድ ሽግር ፈጢሩ፡ ገና እውን ይቕጽል ኣሎ። በዚ ዘሎ ጠገለ ዝሰኣነ ምትእትታዋት ድማ ሽግር ሱዳን ብቐሊሉ መዕለቢ ዝርከብ ኣይመስልን።

ኣብ ሶማል ኮነ ኣብ የመን ዘሎ ዝርገት ሃገራትን ናይ ልዑላዊ ትካላት ሃጓፍን፡ እቲ ካልእ ንሰፊሕ ምትእትታው ዞባውያንን ዓለማውያንን ሓይልታት ዝዕድም ዘሎ እዩ። ጸጥታ ቀይሕ ባሕሪ ንምሕላው፣ ውሕስነት መራኸብ ንምርግጋጽ እናተባህለ ኣብ ጅቡቲ ክድኮን ዝጸንሐ መዓስከራት ኩሉ ዝፈልጦ እዩ። ኩነታት ደቡብ ሱዳን እውን ዘቐስን ኣይኮነን። ውልዕ ጥፍእ ኣብ ትሕቲ ዝብል ፖለቲካውን ወተሃደራውን ቅልውላው እያ ትጓዓዝ ዘላ።

ምስቲ ኣብ ኢትዮጵያን ሱዳንን ብህዝባዊ ናዕብታት ዝመጸ ለውጢ ተኣሳሲሩ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ተኸሲቱ ዝነበረ ሓድሽ ተስፋ እምበኣር ጨሪሱ ጸልሚቱ እዩ እኳ እንተዘይተባህለ፡ ከምቲ ትጽቢት ዝተገብረሉ፡ ቅርዕው ሃዋህው ኣይፈጠረን። ብዝተፈላለየ መልክዕ ዝቕጽል ዘሎ ግዳማዊ ምትእትታዋትን ሕንከራታትን ኣብ ግምት ኣእቲኻ ድማ፡ ኩነታት ኢትዮጵያ ኮነ ሱዳን ናበይ ገጹ ከም ዘምርሕ ምትንባይ ኣሸጋሪ እዩ። እዘን ክልተ ዓበይቲ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ እምበር'ዶ ጥሙራት ሃገራት ኮይነን ክቕጽላ እየን ዝብል ሕቶ ድማ፡ ምላሽ ዝጽበ እዋናዊ ብድሆ እዩ።

## ምፍልላይ ዝሓሸ ኣማራጺ'ዶ ኣይምኾነን፧

ኣብ ዞባና ዘሎ ሃዋህው ሃገር ብሃገር ብሓቂ ተስፋ ዝህብ ኣይኮነን። ኣብዚ ዞባ ሃገራት ኢልና ክንጠቕሰን ንኽእል ኤርትራ፡ ግብጽን ሱዕድያን'የን። ኬንያ ንባዕሉ ፖለቲካዊ ርግኣት ዘለዎ ሃገር ኣይኮነን። ኣብ ዝኾነ እዋን ጸገማት ኪጋጥሞ ዝኽእል እዩ።

ህዝብን መንግስትን ኤርትራ፡ ልኡላውነቶም ካብ ዘረጋግጸሉ ግዜ ጀሚሮም፡ ሰላማዊ፡ ርጉእን ተመላላእን ጉደቦ ናይ ምፍጣር ዕላማ ሒዞም ብዙሕ ጽዒሮምን ዋጋ ከፊሎምን እዮም። ምእንቲ'ዚ ቅዱስ ዕላማ ዝተሰከምናዮ ውጽዓታት ብምጽብጻብ ከኣ፡ ምብታን ሃገረ ኢትዮጵያ ንኢትዮጵውያን ኮነ ንኣና ኤርትራውያን ሰላም ዝህብ እዩ፣ ጥምረት እንተዘይተኻእለ ብታነ ፍታሕ'ዩ ዝብል ርእይቶታት ካብ ብዙሓት ይስማዕ እዩ። ካብ ብልጽግና ጀሚርካ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ዘለዉ ፖለቲካውያን ሓይልታት'ውን ንባዕሎም፡ በዚ ማንታ ኣተሓሳስባ'ዚ ዝምርሑ ዘለዉ ይመስሉ።

እሞ'ኸ ድኣ ንሕና ኤርትራውያን ንሓድነት ኢትዮጵያ ክንብል ምስ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ሓይልታት ናይታ ሃገር ሓቢርና ሰሪሕና ክነብቅዕ ተደጋጋሚ ዝተጠለምና፡ ብታነ ኢትዮጵያ ንምንታይ የጨንቐና፧ ብሕጂ እንምስርቶ ዝምድናታት'ኸ እንታይ ውሕስነት ኣለዎ፧

ግደ ሓቂ እቲ ንሰላማዊ ጉርብትናን ሓድነት ህዝብታት ዞባናን ዝኸፈልናዮ ዋጋ ከጣዕሰና ዝግባእ ኣይኮነን። ብተደጋጋሚ ስለ ዝተጠለምና፡ "ፈጺሙ ውጽኢት ኣይነበሮን፡ ጻዕርና ንከንቱ እዩ ነይሩ" ኢልና ክንድምድም ኣይንኽእልን። ሳላ'ቲ ዘዘይሕለል ቃልስና ኣብ ህዝብታት ኢትዮጵያ፡ ንቕሓት እናዓበየ ክመጽእ ዘይክሓድ ሓቂ እዩ። ንኣብነት ብልጽግና ዘዕባ ካብ ውሽጣዊ ጸገማት ናብ ግዳም ንምቕናዕ ዘልዓሎ ጉዳይ ወደብን ኣፍደገ ባሕርን፡ ኢትዮጵያውያን ዕላማኡ ተረዲኡዎም፡ ባዕሎም ክምልስሉ ንዕዘብ ኣለና። ኩናት ምስ ኤርትራ ኣየድልየናን'ዩ እውን ይብሉ ኣለዉ። ከምዚ ዓይነት ንቕሓት ትማሊ ኣብ ኢትዮጵያውያን ኣይነበረን። ህዝቢ ኢትዮጵያ ቅድሚ ሕጂ፡ "ኤርትራ ንዓረብ ክትሸየጥ እያ፣ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ኣካል ኢትዮጵያ ዝነበረት እያ፣ ናጽነት ኤርትራ ማለት ክሳድ ኢትዮጵያ ምብታኽ ማለት እዩ" ተባሂሉ እናተነግሮ፡ ብተደጋጋሚ ኣብ ሓዊ ተጠቢሱ፡ ብዙሕ ከሲሩን ደምዩን እዩ። እንተኾነ ተማሂሩሉ እዩ። ድሕሪ ሕጂ ብኸምዚ ዓይነት ዘመተ ከታልሎ ዝኽእል የለን። እዚ ውጽኢት ናይቲ ዝተኸተልናዮ ቅኑዕ መትከልን ንሃናጺ ጽምዶ ዘርኣናዮ ግብራዊ ተወፋይነትን እዩ ኢልካ ክግለጽ ይከኣል'ዩ።

ኣብ ሱዳን እንተርኢና፡ ዝበዝሑ ሱዳናውያን ብመርገጺናን ኣብ ጽንኩር እዋን ብዝገበርናዮ ምድግጋፍን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራን መንግስቱን ዘለዎም ኣመለኻኽታ ኣዝዩ ኣወንታዊ እዩ። ሶማላውያን እውን ብተመሳሳሊ። ክንዲ ዝኾነ፡ ሕጂ እውን፡ ንፖለቲካውያን ሓይልታት ከይርኣና፡ ነቲ ኣብ ህዝቢታት ዞባና ዝምዕብል ዘሎ ንቕሓት ዝያዳ ምስፋሕ ብዘይምስልካይ ክንሰርሓሉ ዘለና'ዩ። እቲ ዘሎ ኩነታት ተስፋ ዘቑርጽ እኳ እንተመሰለ፡ ዝኹስኩሶ ዘሎ ንቕሓት ቀሊል ኣይኮነን። በዚ ምኽንያት ምስ ኩሎም ህዝብታት ከባቢና ምድግጋፍን ዝምድናታት ምምስራትን ምምዕባልን ብቐጻሊ ክሰላሰል ዘለዎ ስራሕ እዩ።

ኣብ መወዳእታ እዚ ዘሎ ኩነታት ተሰጊሩ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ናብ ርግኣት ምዕላቡ ዝተርፍ ኣይኮነን። እቲ ሕቶ ክንደይ ግዜ ይወስድ ጥራይ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ቀጻሊ ኩናትን ሕንፍሽፍሽን ምንባር ዝከኣል ኣይኮነን። ዘይምሃር ህዝቢ ድማ የለን። ስለዚ ነቲ ዘሎ ሃዋህው ንምቕያር ሕጂ እውን ከይሰልከና፡ ምስ ህዝብታት ዞባና ጸሚድና ክንሰርሕ ሓላፍነትና እዩ። ርግኣትን ሰላምን ዞባና ኣብ መወዳእታ ንረብሓና ስለዝኾነ።

# ዳህሳስ ማሕበራዊ ሚድያ

## ብሁላት ብዘይ ርእይቶ

እዚ ጥቕስታት ካብ ማሕበራዊ ሚድያ ዝተኣከበ ናይ ዝተፈላየኡ ኢትዮጵያውያን ርእይቶ እዩ፣ ገሊኡ ብሱል መግለጺ ኮይኑ፣ ገሊኡ ድማ ነቲ ኣብ ብልጽግናን ልኡኻቱን ዘሎ ኩነተ ጽላለን ጭንቀትን ዘንጸባርቕ ስለዝኾነ፡ መጽሔት መንእሰይ ከምዘለዎ ብዘይ ርእይቶ (no comment) ከተቕርቦ መሪጻ።

"ብኲናት ወደብ ከነምጽእ ዓቕሚ የብልናን። ፈጺምና ኣብ ከምኡ ዓይነት ቁመና የለናን ጥራይ ዘይኮነ ዘይከውን ነገር እውን እዩ። ምስ ኤርትራ ዝሓለፈ 70 ዓመታት ብዙሕ ተዋጊእና ኢና። ብኲናት ዝኣኽለና ዝደመና ሃገር ኢና፣ ዓጽሚ ኢና ተረፍና። ብዘይካ ድኽነትን ድሕረትን እንታይ ኢና ከሲብና፣ ነዚ ክንግምግም ኣይንኽእልን፡ እዚ ዘይከውን ሃጠው ቀጠው ንግደፎ። ካብኡ ኲናት ርሒቕና ካልእ መገዲ፡ ካልእ ኣማራጺታት ንጠምት። ኣብ ክንዲ ኲናት እስከ ምትሕብባር ንፈትን። ከምኡ እንተገይርና ምናልባት ንዝመጽእ ወለዶ ደሓን ባይታ ክንፈጥረሉ ንኽእል ንኸውን።"

*ፖለቲከኛ ጀውሃር መሓመድ*

♦♦♦

"ኢትዮጵያ፡ ኣፍደገ ባሕሪ ክትረኽበሉ እትኽእል ዝኾነ ይኹን ሕጋዊ ባይታ የብላን። ናይ ባሕሪ ጉዳይ ዘብቅዐ ጉዳይ እዩ። ምስ ጐረባብትና ብፍላይ ድማ ምስ ኤርትራ ተረዳዲእና ብኽመይ ኣፍደገ ባሕሪ ንጥቀም ኢና ክንሓስብ ዘለና። ብሓይሊ እሞ ኾኣ ዘይክኣል እዩ። ኣቢይ ኣሕመድ በዚ ዝሓስቦ ዘሎ መገዲ፡ ብሓይሊ ድዩ ብሕጊ ንኢትዮጵያ ናይ ባሕሪ ኣፍደገ ከምጽኣላ እንተ ኾይኑ፡ ኣነ ልደቱ ፖለቲከኛ ኣይኮንኩን። ፖለቲካ እውን ጠቕሊል ክገድፎ እየ።"

*ፖለቲከኛ ልደቱ ኣያሌው*

♦♦♦

"ናይ ባሕሪ ኣፍደገ ዝብል ዛዕባ ናይ ህዝቢ ኦሮሞ ጉዳይ ኣይኮነን። ንሕና ኤርትራ ልዑላዊት ሃገር ምዃና ንፈልጥ ኢና። ካብ ሓደ ልዑላዊ ሃገር፡ ኣፍደገ ባሕሪ ብሓይሊ ክትምንዝዕ ኣህጉራዊ ሕጊ ዘፍቅዶ ኣይኮነን። ተረዳዲእካ ጥራይ ኢኻ ክትጥቀመሉ እትኽእል። ካብኡ ወጻኢ ካልእ ኣማራጺ የለን። ነቲ ሓቂን ዓለም ለኻዊ ሕግን ክትቅበሎ ጥራይ እዩ ዘለካ።"

*መራሒ ግንባር ሓርነት ኦሮሞ*

*ጃል ማሮ*

♦♦♦

"ናይ ህዝቢ ኢትዮጵያ ሕቶ ቀይሕ ባሕሪ ኣይኮነን። ቀይሕ ባሕሪ ናይ ኤርትራ እዩ። ምስ ኤርትራውያን ተረዳዲእና ክንጥቀመሉ ድማ ጸገም የብልናን። ናትና ናይ ህዝቢ ኢትዮጵያ ሕቶ ቀይሕ ባሕሪ ዘይኮነ ብቐንዱ 4 ኪሎ እዩ። ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጡ ሰላም ክረክብ፡ ምስ ጐረባብቱ ብሰላም ክነብር፣ እዚ ኣብ 4 ኪሎ ዘሎ ኣረሜን መንግስቲ ክጠፍእ ኣለዎ።"

*የኣማራ ድምጽ*

♦♦♦

"ኤርትራ ብመግዛእቲ ጣልያን ዝቘመት ሃገር እያ። ምስ ኢትዮጵያ ዘለዋ ዶብ ድማ ምንሊክ ፈሪሙ ዝተቐበሎ እዩ። ነዚ ዶብ'ዚ ሓሊፍካ ባሕሪ ይግብኣና እዩ ምባል፣ ዝኾነ ሕጋዊ ተቐባልነት የብሉን። ዶብ ልኡላዊት ሃገር ጥሒስካ ወደብ ብሓይሊ ክንሕዝ ኢና ዝብል ጽላለ፡ ንህዝቢ ኦሮሞ ይኹን ንህዝቢ ኢትዮጵያ ዝውክል ኣይኮነን። ዋላ ናይ መንግስቲ ብልጽግና ዛዕባ እውን ኣይኮነን። ኣብ መንጎ ስዑዲ ዓረብን ኢማራት ዓረብን ዘሎ ውድድር ዝደረኾ እዩ። ብልጽግና ልኡኽ ናይ ደገ ሓይሊ ኮይኑ እዩ ነቲ ጉዳይ ኣልዒሉዎ።"

*ጃል ጅረኛና ጉደታ ሓደ ካብ ላዕለዎት መራሕነት ግንባር ሓርነት ኦሮሞ*

♦♦♦

"ሚእቲ ካብ ሚእቲ ርግጸኛ ኮይነ ዝነግረኩም፣ እዚ ናይ ዓሰብ ጉዳይ፡ ናይ ኢማራት ጉዳይ እዩ። እዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ጉጅለ ንኢትዮጵያ ምዝማት እዩ ዕላማኡ። ካልእ ዕላማ የብሉን። ንኽዝርፍ ድማ ሓይሊ የድልዮ። ሓይሊ ድማ ብዲፕሎማስያውን ገንዘባውን ወተሃደራውን ደገፍ'ዩ ክረኽቦ ዝኽእል። ኢማራት ነዚ መንግስቲ'ዚ ብዶላር ዓዲጋቶ'ያ። ዕላማኣ ድማ ንዓሰብ ብሓይሊ ምሓዝ'ዩ። እዚ መንግስቲ'ዚ ነቲ ንሳ ዝሃበቶ ተልእኾ ክፍጽም እዩ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ናብ ሓዊ ክጠብሶ ዝሓስብ ዘሎ።"

*ኣክቲቪስት ሃብታሙ ኣያሌው*

♦♦♦

"ኢትዮጵያ ባሕሪ ነይሩዋ ዝብል ትረኻ ፍጹም ሓሶት እዩ። ኣበየናይ ግዜ፡ ቀይሕ ባሕሪ እኮ ን400 ዓመታት ኣብ ትሕቲ ቱርኪ፡ ግብጺ፡ ጣልያን እዩ ነይሩ። ኣበየናይ እዋን እዩ፡ ንኢትዮጵያ ዝገዝእ ንጉስ ናብ ባሕሪ ተጸጊዑ ዝፈልጥ። ኣብ ግዜ ሃይለስላሰ፡ ኢትዮጵያ ብፌደረሽን ምስ ኤርትራ ምስ ተቘርነት ኣፍደገ ባሕሪ ክትረክብ ክኢላ ነይራ። ፈደረሽን ድማ ባዕሉ ሃይለስላሰ ኣፍሪሱዎ። ድሕሪኡ ኤርትራውያን ተቓሊሶም ሃገሮም ናጻ ኣውጺኦም። እቲ ባሕሪ ኾኣ ብመግዛእታዊ ውዕል ናይ ሃገረ ኤርትራ እዩ። ኢትዮጵያ ብኽመይ መገዲ

ባሕሪ ናተይ ክትብል ትኽእል፣ ኢትዮጵያ ብታሪኽ ኮነ ብሕጊ ዝግብኣ ኣፍደገ ባሕሪ የለን።"

*ፕሮፈሰር ህዝቅኤል ጋቢሳ - ዛራ ሚድያ*

◆◆◆

"እዚ ሎሚ ቀይሕ ባሕሪ ዝበሃል ዘሎ፡ ግሪኻውያን ዝሃቡዎ ሽም እዩ እምበር፣ ቀደም እዋን 'ባሕሪ ሓበሻ' ተባሂሉ እዩ ዝጽዋዕ ነይሩ። ሽዑ ግዜ ኣብዚ ከባቢ ሓያል ዝነበረ መንግስቲ ናይ ኣኽሱም ስለዝኾነ፡ እቲ ባሕሪ ናቱ እዩ ነይሩ፣ ብሽሙ እዩ ዝጽዋዕ ነይሩ። ዑስማናውያን ኮነ ሱዑዳውያን ሽዑ ግዜ መንግስቲ ዝበሃል እውን ኣይፈልጡን ዝነበሩ። ፋሕ ፋሕ ዝበሉ ጐሳታት እዮም ነይሮም።

*ፕሮፌሰር ኣደም ካማል - ቃለ መሕትት ምስ ኤን.ቢ.ሲ. ኢትዮጵያ*

◆◆◆

"ኣነ ካብ ቀደም ኣትሒዘ፡ ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ክትረክብ ኣለዋ እየ ዝብል ነይረ። ኣብቲ ሽዑ እዋን (ግዜ ኢህወደግ) ኣፍደገ ባሕሪ ይግብኣና እዩ ምባል፡ ኲናት ከም ምጽሕታር እዩ ዝሕሰብ ነይሩ። ሕጂ ግን መንግስቲ ባዕሉ ናብቲ ናተይ ሓሳብ ምምጽኡ ኣዝየ ሕጉስ'የ።"

*መራሒ ሰልፊ ዓረና ዝነበረ - ገብሩ ኣስራት*

◆◆◆

"ኤርትራውያን፡ ብቕልጽምና ናጽነትና ረኺብና እዮም ዝብሉ። ዓሰብ ናይ ኢትዮጵያ ኣካል እያ። ብጉልበት እዮም ኣሕዲጎምና። ሕጂ ድማ 'ከምቲ ንሳቶም ብጉልበት ዘሕደጉና፡ ንሕና'ውን ብጉልበት ክንመልሶ ኢና፡' ዝብል መንግስቲ ኣብ ኢትዮጵያ መጺኡ ኣሎ። ክንመልሶ ድማ ኢና። ንሕና ንኲናት እንተ ተበጊስና፡ ከመይ ከም እንዋጋእ ኤርትራውያን ጽቡቕ ገይሮም ይፈልጡና እዮም። ንፋለጥ ኢና።"

*ብሻዕብያ ተማሪኹ ናጻ ዝተለቀ ብሪጋዴር ጀነራል ባጫ ደበሌ*

◆◆◆

"ጸዓዱ ንህወሓት ኣይትኽእልዎምን ኢኹም፣ እዚኦም ዝከኣሉ ኣይኮኑን፣ ቀደም ንደርግ ስዒሮሞ እዮም። ይትረፍኩም፡ 250 ሺሕ ሰራዊት ኣዳልዮም ኣለዉ፣ ኢድኩም እንተሃብኩም ይሓይሽ - ኢሎምና። ኢድ ምሃብ እሞ ናይ ኣቦታትና ዘይኮነ፣ ኢድካ ምሃብ ኣብ ባህልና የለን ኢልና ኢና፡ ናብ ውግእ ዝኣተና።"

*ምሩኽ ነበር ፊልድ ማርሻል ብርሃኑ ጁላ*

◆◆◆

"ኣብ ትግራይ ዘካየድናዮ ውግእ ምስቲ ኣብ ወለጋ ዝተኻየደ ውግእ ክነጻጸር እንከሎ ኣዝዩ ንእሽቶ እዩ። ከይጋነነ ኢለ እየ። ኣብ ወለጋ ብዙሕ ሰብ እዩ ጠፊኡ። ኣብ ትግራይ ግን፡ መጀመርታ ሰለስተ ቅነ ተዋጊእና መቐለ ኣቲና። ድሕሪኡ ሸሞንተ ወርሒ ጸኒሕና፡ ካብ ትግራይ ለቒቕና ምስ ወጻእና፣ ደድሕረና ስዒቦም ክሳብ በዓል ከምሴ ሰሜን ሸዋ ተዋጊእና፡ ናብ ዶቦም መሊስናዮም። እዚ ካልኣይ ውግእ ብቐንዱ ኣብ ክልል ኣምሓራ እዩ ተኻዪዱ። ኣብቲ ሳልሳይ ውግእ ድማ፡ ሰለስተ ቅነ ተዋጊእና ዓዲ ግራት ምስ በጻሕና፡ ስምምዕ ፕሪቶርያ ተፈሪሙ። ኣብ ትግራይ ዝተዋጋእናዮ ተደሚሩ ካብ ክልተ ወርሒ ዝሓልፍ ኣይኮነን፣ እቲ ዕንወት ከምቲ ዝጋነኖ ኣይኮነን።"

*ኣቢይ ኣሕመድ ንፓርላማ ኢትዮጵያ*

◆◆◆

"ህወሓት፡ ቀቢሩ ሓቢኡዎ ዝጸንሐ ከበድቲ ኣጽዋራት ረሻሻት፡ መዳፍዕን ሞርታራትን ፍሒሩ የውጽኦም ኣሎ። ብዙሕ ኣጽዋር እዮም ሓቢኦም ጸኒሖም። ንእኦም ኮይኖም ንሻዕብያ ይህቡዎ ኣለዉ። ሰራዊት ሻዕብያ፡ ናይ ትግራይ ሰራዊት ናይ ምውጋእ ድሌት ከምዘይብሉ ስለዝገምገመ፡ ዩኒፎርም ናይ ትግራይ ሰራዊት ለቢሱ ኣትዩ ኣሎ፣ ኣብ ሱዳን ዝነበረ ኣርሚ 70 ስለ ዝተዳኸመ እውን ሰራዊት ሻዕብያ ናቱ ዩኒፎርም ለቢሱ፡ ብኦምሓጀር ኣቢሉ ሱዳን ኣትዩ ኣሎ፣ ንፋኖ መራሕቲ ኮይኖም ዘዋግኡዎም ዘለዉ ብደረጃ ጋንታታትን ሓይልታትን ናይ ሻዕብያ ሓለፍቲ እዮም።"

*ኣክቲቪስት ኤርምያስ ለገሰ*

◆◆◆

"መንግስቲ ኤርትራን መንግስቲ ሱዳንን ብሓባር ኮይኖም ዘሰልጠኑዎ ኣዝዩ ብዙሕ ቁጽሪ ዘለዎ፡ ብኣጽዋውዓ ህወሓት ኣርሚ 70 ዝበሃል ሓይሊ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ሽብር ንምፍጣር መደብ ተዋሂቡዎ፡ ኣብ ምቅርራብ ከም ዝርከብ ዘርኢ ናይ ቪድዮ ስእሊ ኣብ ኢድና ኣትዩ ኣሎ።"

*የኔ ኢትዮጵያ*

◆◆◆

"ህወሓት ቀቢሩዎ ዝጸንሐ ማእለያ ዘይብሎም ከበድቲ ኣጽዋራት ተፋሒሮም ወጺኦም፡ ናብ ዶብ ክልል ዓፈር ይጓዓዙ ኣለዉ። እዚ ኲነታት ከቢድ ጸጥታዊ ስግኣት ፈጢሩ፡ ኣዛራራቢ ኮይኑ ኣሎ፣ ኲነታት ቀልጢፉ እናተቐያየረ እዩ። እዞም ኣጽዋራት ክጓዓዙ እዮም ተራእዮም እምበር፡ ብርግጽ ኣበይ ከምዝኣተዉ ዝፍለጥ የለን። ብወልቃይት ሸነኽ እውን ኣስጋኢ ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ ናይ ህወሓት ከምዘሎ ዝፍለጥ ኮይኑ፣ ስምረት ፓርቲ ብጥብቂ ይከታተሎ ከምዘሎ ገሊጹ።"

*ፈታ ሚድያ*

◆◆◆

"ሰራዊት ምክልኻል ኢትዮጵያ ኣብ ክልል ዓፋር ኣብ ልዕሊ ዕጡቓት ህወሓት ወሰኒ መጥቃዕቲ ፈጺሙ። በቲ መጥቃዕቲ ንሰራዊሕ ህወሓት ዝመርሑ ዝነበሩ ብዙሓት ናይ ሻዕብያ ላዕለዎት ኣዘዝቲ ውግእ ተቐቲሎም ኣለዉ።"

*ኢትዮ ሚድያ*

◆◆◆

"ግብጺ፡ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብኢትዮጵያ ዝተሓድገቶ ዓብላሊ ተራ ንምምላስ ትንቀሳቐስ ኣላ። ግብጺ ጐረባብቲ ሃገራት ንምሓዝ፡ ብዙሕ ፖለቲካውን ወተሃደራውን ዲፕሎማስያውን ምንቅስቓሳት እኳ እንተገበረት፡ ኢትዮጵያ ብዘካየደቶ ብሱል ዲፕሎማስያዊ ምንቅስቓስ ንጐረባብቲ ሃገራት ብምእማን ወደብ እትረኽበሉ ኲነታት እናተቓረበ ይመጽእ ኣሎ። በዚ ምኽንያት ግብጺ፣ ብጭንቀት ዝኣክል፡ ምስ ኤርትራን ሱዳንን ጅቡቲን ብምትሕብባር ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክትወስድ ትኽእል እያ ዝብል ግምት ኣላ። ወተሃደራዊ ሓይላ ግን ምስ ኢትዮጵያ ዝመጣጠን ከምዘይኮነ ወተሃደራውያን ተዓዘብቲ የረድኡ።"

*የኔ ኢትዮጵያ*

◆◆◆

## ትውፊት

# “መወዳእታ ናይ ፍቕርና ግን ካልእ ኮይኑ”

*ስምኦን ወልደሚካኤል*





ሃገራውነት ንሃገርካ- መሬታ፡ ሰባ፡ ታሪኻ- ፈሊጥካ፡ ብሓቀኛ መንፈስ ተላዒልካ ንዕብየታ፡ ድሕነታን ክብረታን ንምዕያይ ዘለዓዕል ስምዒት እዩ። ኤርትራውያን ብኤርትራዊ ሃገራውነት ተለዓዒሎም ሃገረ ኤርትራ ክምስርቱ ዝበቕዑ ብግዜን ኩነታትን ዘይቅየር ጽኑዕ እምነት ስለ ዝነበሮምን ንእምነቶም ከኣ ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ ክኸፍልሉ ስለ ዝተቐረቡን እዩ። ኤርትራ እቲ ብኤርትራ ኣሚኑ፡ ኣብ ኤርትራ ሱር ሰዲዱ፡ ኣብ ኤርትራ ዝተጋደለ እዩ ኣምጺእዋን ዓቂብዋን። ኤርትራ ብኤርትራውያን፡ ኤርትራውያን እውን ብኤርትራ እንተዘይኮይኑ ብኻልእ ድሕነት፡ ህንጸት ኮነ ክብረት ክርከብ ከም ዘይከኣል ካብ ዝፍለጥ፡ ዝእመንን ዝሰዓብን ቀሊል ኣይገበረን። ኤርትራ ብስጋን ደምን ኤርትራውያን ስለ ዝተረኽበት ኣብቶም ስጋኦምን ደሞምን ዝሃቡ ኣላ። እቶም ስጋኦምን ደሞምን ሂቦም ዝሓለፉ ከኣ ከም ስጋኦም ስጋ፡ ከም ደሞም ከኣ ደም ዘለዎም ስለ ዝሓደጉ፡ ኤርትራ ኣብቶም ዝሓለፉ፡ ዘለዉን ዝመጹን ኤርትራውያን ሰፊራ ምቕጻል ክትቅጽለሉ’ያ።

ሰብ ብባህሪ (ተፈጥሮ) እምበር ብግብሪ ሓደ ስለ ዘይኮነ ዝተፈላለየ መጸውዒታት ኣለዎ። ሓርበኛ፡ ጅግና፡ ዉፉይ ዝብሉ መጸውዒታት ኩሉ ሰብ ኣይጽወዓሎምን እዩ። ኣብ ኤርትራ፡ እዞም መጸውዒታት እዚኦም ኣብ ኤርትራ ኣሚኑ ንእምነቱ ከኣ ክሳብ መወዳእታ ብግብሪ ንዝዓጀበ ሰብ እዮም ዝወሃቡ። ጀጋኑ ኣብ ክንዲ ህዝቦም ንሂወቶም በጃ ኣሕሊፎም ዝህቡ ስለ ዝኾኑ ንፍቕሮም ዝዳረጎ የለን። ንስለ ናጽነት ኤርትራ ኣብ ዓውደ ውግእ ዝወደቑ፡ ብኢድ ጸላኢ ዝተሓንቁ፡ ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ዝሓቐቑ ኤርትራውያን ብዝሖም፡ ኣስማቶም፡ መልክዖም ንፈልጦ ኢና። ንሎሚ ንሓደ ካብኦም ከልዕል’የ። ዛንታ ንሓደ ዕላማ ዝወደቑ ጀጋኑ ሓደ ስለ ዝኾነ ሓደ ክለዓል እንከሎ እቶም ኣሽሓት እዮም ዝለዓሉ። ስዉእ ኣፍወርቂ ተወልደመድህን ኣብ ናይ ከተማ ስለያዊ ስራሕ ሰውራ ኤርትራ ካብ ዝፈጠሮም ግኑናት ዝኾነ ንስለያ ስርዓት ኢትዮጵያ ከም ቁንቁነ ኣብ ውሽጡ ኣትዩ ዘበኽቦኹ ጅግና። ኣፍወርቂ ወለዱ ዘውጽእሉ ካብ ምኺን ሓሊፉ መጸውዒቱን መፍለጢቱን ክትከውን ዕድል ኣይረኸበትን። እታ ኣብ ገድላዊ ሂወት ምስ ኣተወ ዝተጠምቀላ “ቢሮክራሲ” እትብል ስም ስዒራ ብእኣ ተፈልጠ። ቢሮክራሲ ብሓደ እዋን ስም፡ መንፈስ፡ ጋኒን፡ ሓሳብ፡ ትእምርቲ ብምኳን ነጊሳ። ኣብ ትካላት ስለያ፡ ወተሃደራዊ እዝታት፡ ኣብያተ ጽሕፈት ምምሕዳር፡ መፈተሺ ነቑጣታት፡ ጎደና፡ ባራት፡ ብዓቢኡ ከኣ ኣብ ልቢ ሰባት ተተኺላ ንገለ መርዓዲት ንገለ ከኣ መሐበኒት ኮይና።

እዚ መልክዕኛን ሓርበኛን ኤርትራዊ መንእሰይ ምንቅስቓሳቱ ከምቶም ዝበዝሑ ተጋደልቲ በረኻ ዘይኮነስ ኣስመራን ኣዲስ ኣበባን ብምኳኑ ከምቲ ኣብ መትኒ ጸላኢ ኣትዩ ምስ ዑደት ደሞም ዝወሓዘ ኣብ ልቢ ጎራዙ ኣትዩ’ውን ተኾድጨ’ዩ። ገመድ ፍቕሪ ንእስነት ግን ካብቲ ምእንቲ ሓርነት ኤርትራ ዝጀመሮ ጉዕዞ ስሒቡ ክኣስሮ ዓቕሚ ተሳእኖ። ንጻውዒት ሃገር ዝስዕር ካልእ ጻውዒት ዝሰምዕ እዝኒ ኣይነበሮን።

ንሂወት እቶም ዝፈልጥዋ ይንዕቅዋ እዮም። እቶም በቲ ናይ ብሓቂ መዳያ ዝነብርዋ ከኣ እቶም ዝነዓቕዋ እዮም። ቢሮክራሲ ከም ዕባይ ከተማ እዋኑ ዝፈቕዶ ጣዕሚ ሂወት ኣጸቢቑ ዝፈልጥ’ዩ። ንሓላፊ ጣዕሚ ሂወት ንዒቑ ዘይሓልፍ ሓወልቲ ሓርነት ክተክል ዝተሰለፈ ብምኳኑ ግን ንድሕሪት ግልጽ ኣየበሎን። ብመልክዑን ግብሩን ተሳሒበን ካብ ሰቡ ፈልየን ኣፍቂረንኦ፡ ፍቕሪ ጀጋኑ ግን ንኹሉ ዝዕደል ብምኳኑ ከም ህዝበን ኣፍቀረን። ፍረወይኒ ገብረስላሴ- ምጭውቲ ጓል ኣስመራ- ብፍቕሪ ቢሮክራሲ ተታሒዛ ምስኡ ንነዊሕ እዋን ተጓዒዛ። ፍቕሪ ክሳብ ዝወሰዶም ክጎዓዙ ብዛዕባ “ፍቕርና ኣበይ’ዩ ክበጽሕ” ከይሓሰቡ ኣብ ኣስመራን ኣዲስ ኣበባን ተዛወሩ። ቢሮክራሲ ቅድሚ ስለያዊ ስራሑ ዝሰርዖ ስለ ዘይነበሮ እቲ ስራሕ ዝጠልቦ ምጋሽን ምስዋርን የብዝሕ ብምንባሩ ንፍረወይኒ ይርደኣ ኣይነበረን። ብዛዕባ

ስርሑ ከኣ ክነግራ ስለ ዘይነበሮ ትፈልጦ ኣይነበራን። ሓደ እዋን ኣብ ኣስመራ እንከሎ ንነዊሕ እዋን ተሰወራ። ኣብ ጎደና ንሓደ ካብ ኣዕርኽቱ ምስ ረኸበቶ ድሃይ ቢሮክራሲ እንተሃባ ሓተተቶ። ገይሹ ከም ዘሎ ጥራይ ምስ ሓበራ ደብዳበ ሃበቶ። እታ ብምጥፋእ ሃለዋቱ ኣብ ሰንፈላል ዝቐነየት ኣፍቃሪት ኣብ ደብዳቤኣ "ከምታ ነቢዪ መሓመድ ንሱ ነታ ጎቦ እንተዘይከዳ እታ ጎቦ ባዕላ ትኸዶ ዝበሃል ኣነውን ንስኻ እንተዘይመጸእካኒ ባዕለይ ክመጸካ ኣበይ ኣለኻ" ኢላ ጸሓፈትሉ። ኣብዚ እዋን ቢሮክራሲ ትምህርትን ታዕሊምን ንምውሳድ ንሜዳ ወጺዩ ነበረ።

ካብቲ ተሰዊሩ ዝወርሓሉ ምስ ተመልሰ ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ንኣዲስ ኣበባ ብምስጢር ስለ ዝኸደ ደጊሙ ተሰወራ። "ሓደ መዓልቲ (ነሓሰ 1980) ግን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኮይኑ ደወለለይ። ተቐላጢፈ ንኣዲስ ኣበባ ተበገስኩ። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ቀዋሚ ቦታኡ ኣየርኣየንን" ብምባል ከኣ ነዚ ድሒራ ትምለሶ ድሕሪ ኣስታት ወርሒ ናብ ኣስመራ ከም ዝተመልሰት ትዝክር። እዚ ኩሉ ክግበር ናብቲ ንሱ ዝዋስኣሉ ዝነበረ ሂወት ኣየእተዋን፣ ብግልጺ'ውን ኣይሓበራን። ብዘይጥንጡን ዕላማ ዝተወጠጠ ጅግና ምንባሩ ከይፈለጠት "ኣፍወርቂ ዝጥንጠን ኣፍቃሪ ስለ ዘይኮነ እምበር ናተይ ናይ በይነይ ከይብሎ ናበይ ከም ዝገይሸ፡ ስለምንታይ ከም ዝሰወር፡ ንዓይ ጥራይ ድዩ ዝደሊ ወይስ ካልኦት ውን ከማይ ኣለዉኦ ክበርሃለይ ኣይከኣለን" ትብል ከም ዝነበረት ትዝክር።

ቢሮክራሲ ፍቕሪ ሃገሩን ልቢ ኣፍቃሪቱን ሒዙ ኣብ 14 መስከረም 1985፡ ሃገሩ ብምፍቃሩን ንፍትሓዊ ዕላማ ብምውፋዩን ከም ሓጥያት ተቖጺርዎ ብስለያ ስርዓት ደርግን ከድዓት ደቂ ሃገርን ተታሒዙ ድሕሪ ምስቓዩ ኣብ ቤት ገርግሽ ምስ ካልኦት ዉፉያት ብጾቱ ተረሸኑ። ደሙ ናብታ ዘፍቐራ ምእንታኣ ከኣ መከራ ክቐበል ድሉው ዝኾነላ መሬት ተኻዕዩ። መርድእ ሕልፈቱ ናብ ኣስመራን ኣዲስ ኣበባን ተላኢኹ ብነበርቲ እዛን ክልተ ከተማታት ብዓቢ ዓጀባ ሓመድ ኣዳም ክለብስ ዝግብኦ ብቐተልቱ ምስ 11 ብጾቱ ኣብ ጋህሲ ተደፈኑ። መሬት ዓቢጣ ኣጽኒዓ ሒዛቶ እምበር ብፍቕሩ ንቐረብቱ፡ ብድፍረቱ ንጸላእቱ፡ ብብልሓቱ ንለኣኽቱ ዘዕበደ ጅግና እዩ ነይሩ። ንኹሉ ዝኸውን ፍቕሪ ዝዓቐረ ሰብ ንፍርሒ ዝኸውን ቦታ ከም ዘይብሉ ኣብነት ክኸውን ተባሂሉ ካብ ስድራ ኣቶ ተወልደመድህን ንኤርትራ ዝተወልደ ክበሃል ይከኣል። እታ ንዝተጠምቀሉ ስም ደርብያ ዝነገሰት ቢሮክራሲ እትብል መጸውዒኡ ግን ምስቲ ሓመድ ኣዳም ዝለበሰ ኣካሉ ኣይተደብየትን። ስሙን መንፈሱን ንትካል ስለያ ስርዓት ደርግ ምብህራር ቀጺሉ። ቢሮክራሲ እቲ ምልኩዕ ፍቑር፡ እቲ ኩሩዕ ኤርትራዊ፡ እቲ ተባዕ ስለያ፡ እቲ በጃ ሓርነት፡ እቲ ኣብነት ተወፋይነት ድሕሪ 40 ዓመት መስዋእቱ "ቢሮክራሲ ምስ ቃልሲ ከተማ" ዝብል መጽሓፍ ተጻሒፍዎ ታሪኹን ታሪኽ ስርሒታት ከተማን ኤርትራውያን ከንብብዎ ተቐሪቡ።

ኣነ ኣብ ኩሉ ኣይነበርኩን። ኣብቲ ቢሮክራስን ብጾቱን ንኣስመራን ኣዲስ ኣበባን ከም ኣብ ብኬሪ ሻሂ ዝኣተዋ ሽኮር ከኹስወን እንከለዉ ኣይነበርኩን። ከምኡ እውን ኣብ መበል 31 ዓመቱ ኣብ ክፍላ መስከረም 1985 ምስ 11 ብጾቱ ክረሸን እንከሎ ኣይተወለድኩን። ቢሮክራሲ ንኣስመራን ኣዲሳበባን ከኹሰን እንከሎ ክዘርገን፡ ዘሪጉ ከኣ ዝግ ክብለን እምበር ከሕቕቐን ኣይኮነን። ብዛዕባኡ ዝሰምዖ ዝነበርኩ ስብሒ ጤል ዝኾነ ዛንታ ከም ሓቂ ይወስዶ ኣይነበርኩን። ታሪኽ ዝጋልሆ እንተዘይረኺቡ ተደብዩ ስቕ ከም ዝብል ካብዛ ኣብ መበል 40 ዓመት ድሕሪ መስዋእቱ ዝተጻሕፈት መጽሓፍ ተማሂረ። ቡቲ ካልእ ከኣ ታሪኽ ተደብዩ ዘይሓቅቕ ወይ ዘይምርት ንበረት ምዃኑ ኣስተውዒለ።

እዛ መጽሓፍ፡ ወለዶ ገድሊ እቲ "ንእስነት ዕዳ" ዝብል ብሂል ዘይምልከቶ ወለዶ ምዃኑ ትነግር መጽሓፍ'ያ። ደራሲ ነታ መጽሓፍ ኣንቢቦም ርእይቶ ካብ ዝሃብዎ ሰባት ነቲ "ንእስነትካ ተንዕቕ መጽሓፍ" ኢሉ ጡብላሕታኡ ዝገለጸሉ መንእሰይ ቢንያም— ጠቒሰዎ ኣሎ። ወለዶ ገድሊ ብርግጽ ኣብ ህዝቡ ዝወረደ ዕዳ ዝኸፍል ከፋሊ ዕዳ። ቢሮክራሲ ኣካል እቶም ዓሰርተታት ኣሽሓት መግዛእቲ ንምጽራግ ሂወቶም ከፈሉም ንህዝቢ ኤርትራ ናጻ ስለ ዝገበርዎ ከም ትእምርቲ ጅግንነት ክውደሱን ክነግሱን ዝነብሩ ሰማእታት ኤርትራ እዩ። ስዉኣትና ንኹሉ ገዲፎም፡ ኩሉ ከኣ ኮይኖም። ስለ ኤርትራ ንእስነቶም ደብዮም፣ ክድበዩ እንከለዉ ከኣ ብዙሕ ነገር ተማሊኦም ከይዶም። ኣብ ኣንጉዕ ስርዓት ደርግ ኣትዮም ሰንሰን ዘበሉ ኣብ 14 መስከረም 1985 ምስ ኣፍወርቂ ተወልደመድን ኣብ ቤት ገርግሽ ዝተረሸኑ ገብሩ ተስፋጋብር፡ ገብረሂወት ተኽሉ፡ ዮውሃንስ ወልደሚካኤል፡ ሻምበል ሙብራህቱ ኣበበ፡ ወ/ት ማና ሓጎስ፡ ሙብራህቱ ተስፋይ፡ ተክሉ ኣፍወርቂ፡ ወልደገርግሽ ሰሎሞን፡ ወልዱ ግደይ፡ ሃብተጼን ሃብተማርያም፡ ገብረስላሴ ኣርኣያ እዮም።

ኣብ መጽሓፍ ቢሮክራሲ፡ እቲ ጅግና ንሃገሩ ዝነበሮ ፍቕሪ ጥራይ ዘይኮነ ንልቢ ኣፍቃሪቱ ውን ሒዙ ከም ዝተደብየ ዝገልጽ ንበዓት እናንጠብካ ዝንበብ ታሪኽ ሰፊሩ ኣሎ። ብቓላት ፍረወይኒ "ኣብታ ዝዓረበላ ህሞት ዉነይ፡ ጥሙሓተይን ስምዒተይን ጠጠው ምስ በለ ኣይተነቓነቕን" ብምባል ፍቕሪ ኣፍወርቂ ክሳብ ሕጂ ከም ዘይሰደዳ ትገልጽ። ንደራሲ መጽሓፍ ማና ባህረ ክትገልጸሉ እንከላ እቲ "ዘይጥንጠን ኣፍቃሪ"፡ "ኣፈ ምቁር ምኡዝ ሰብ" እናበለት ውሽጣዊ ስምዒታ ገሊጻትሉ። ብፍላይ እታ "ወሊደሉ ኔረ እንተዝኸውን ብመንፈስ ምሃብተምኩ፡ ሕልመይ ምተኻሕሰ ኔሩ፣ መንግሞ ክህበኒ ከምዚ ዝበለ ዕድል!" እትብል ምልእቲ ሓሳብ ኣፍቃሪት ምስቲ ብስለያዊ ስራሕ ሽርብ ምስ በላ "ንስኻ እንተዘይመጺእካኒ ባዕለይ ክመጸካ ኣበይ ኣለኻ?" ኢላ ዝጸሓፈትሉ ደብዳቤ ምስ ኣንበብኩ ከብደይ ብብርቱዕ ማዕበል ተነቓኒቑ። ንበዓት በጨቕ ምስ ኣበልኩ ግን ሃዲኡ፣ ንባበይ ቀጺለ። ፍረወይኒ ኣብ መወዳእታ "መወዳእታ ናይ ፍቕርና ግን ካልእ ኮይኑ" ብምባል እያ ዝኸሰረ ትዓጹ። ፍቕሮም ተጣዒሙ ዘይተጸገበ ኣሽሓት ጥዑማት መንእሰያት ስዉኣት ተራእዮምኒ/ተርእየናኒ። ፍቕረን/ፍቕሮም ቀቢረን/ቀቢሮም ንግማሉቱ ዝዛውና/ዝዛውኑ ፍቕራት ከኣ ተርእየናኒ/ተርእዮምኒ። ስዉኣትና ወትሩ ይዘከሩ!!

# ካብ ትማሊ ክትበልጽ ጽባሕ

ተስፋኣለም ገብረስላሴ (ጫረ)

ኣብዚ እዋንን ፈቐዶ ከባቢታት ዓለምን ረጽሚ፡ ምትፍናንን ታህዲድን ሃገራት ምርኣይን ካብ ጸቢብን ንኡስን ናብ ዝተሓላለኸን መጠነ ሰፊሕን ኲናት ብምብራዕ፡ ንዘባውን ዓለማውን ጉዳይ ኣተሓሳሳብን ኣሻቓልን ክስተት ተፈጢሩ ይርከብ። ብዘይካ'ቲ ቕሉዕ ውግእ፡ ግብረ-ሽበራዊ መጥቃዕቲ፡ ህዝባዊ ናዕብን መፈንቅለ መንግስትን፡ ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝበኣሰ ይዓርግ።

ኣብ ውሽጢ ሃገራት ዝስዕብ ዘሎ ማሕበረ-ቁጠባውን ስነ-ኣእምሮኣውን ዕንወት ኣዝዩ ከቢድ እዩ። ጻት ንጻት ዓለም ዝካየድ ኲናትን ዝስማዕ መርድእ ሰለማውያን ሰባትን ዝምቡዕ ዜናኡ ብዘየገድስ፡ ናይ ስብርባር ደቓይቕ ስራሕ ዜና ይኸውን ኣሎ። ብእኩብ ድምር እዋናዊ ሓበሬታ፡ ሎሚ ህዝቢ ዓለም፡ ሰብ ብዝሰርሖን ዝመሃዞን ረቂቕ ተክኖሎጂያዊ ኣጽዋር፡ ኣደዳ ሞት፡ ስንክልናን ብዓቢኡ ሰላም፡ ቅሳነትን እፎይታን ስኢኑ ኣብ ስግኣት ይርከብ። ጠንቂ ናይ ከምዚ ዝኣመሰለ ህውከትን ብርሰትን ብዙሕ ምኽንያት ክዝርዘር ይኽእል እዩ። ሕሉፍ ስስዐን ዘይናተካ ምጥማትን ብዓቢኡ ዕብለላ ኣተሓሳስባን ምዝመዛ ጸጋታትን ካብቲ ብዙሕ ውሑድ ምኽንያት ክብሃል ይከኣል። ግን ክሕተት ዝግብኦ ወነንቲ ናይ'ቲ ቕልውላው፡ "ኣመስራሕትን ኣመሓደርትን መንየም?" ምባል'ዩ። እዚ ክተርፍ ዘይግብኦ ሕቶ'ዩ። ነዚ ኣተሓሳስባ ንምግጣም ሕብረተሰብ ዓለም ብሓፈሻ ንቕሓት መንእሰያት ድማ ብፍላይ ብኣስተውዕሎን ርድኢትን ክምጉትዎ ይግባእ። መጒት ሓድሽ ክስተት ኣይኮነን።

መንእሰይን ተካእን ወለዶ፡ ንዓለማዊ ኲናትን መጻኢ ኣመታትን ብዕምቈት ክርድኦን ክፈልጦን መድረኻዊ ሓላፍነት ኣለዎ። ወትሩ ድሕሪ መጋረጃ ምጥማት፡ ቅኑዕ ንባብ ክህሉ፡ ንቕሓት ምብራኽን ፍልጠት ምኽዕባትን ዝጠልብ ግዜ እዩ። ዓለም ኣብ ውግእን ጥርዚ ውግእን'ያ ተሸሚማ ትርከብ። ካብቲ ብዙሕ ውሑድ ምጥቃስ ይከኣል'ዩ።

2014 ዝጀመረ ምትፍናን ሩስያን ዩክሬንን ኣብ ለካቲት 2022 ናብ ዝለዓለ ጥርዚ ደይቡ። እቲ መጠነ ሰፊሕ ኲናት፡ ሳልሳይ ዓመቱ ተሚሙ ይቕጽልን ኣሎ። እዚ ኲናት እዚ፡ ሩስያ ምስ ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ'ዩ። ዩክሬን ገንሸል ምኽና ዝተፈልጠ ሓቂ'ዩ። ዛጊት ኣብዚ ኲናት እዚ ኣመሪካን ሕብረት ኤውሮጳን ንዩክሬን ብኣማኢት ቢልዮን ዶላር ሓገዝ ክጉብራ ጸኒሐንን ኣለዋን። እቲ ኲናት ብግሩህ ኣጣምታን ብሓበሬታ ሃገራት ምዕራብ ዝውንኖኦ መራኸቢ ብዙሓንን ዓለም ከይተጸለኻ፡ ብሚዛናዊ ኣመለኻኽታ፡ ብነቐፌታዊ ኣተሓሳስባ ምትንታን የድሊ። ቅድም ቀዳድም ስለምንታይ እዚ ኲናት ተፈጢሩ? ብቐጥታን ብተዘዋዋርን "ንመላእ ህዝቢ ዓለም ብሓፈሻ ንኤርትራን ጎደቦታት ቀይሕ ባሕርን እንታይ ጽልዋ ክኸትል ይኽእል?" ዝብል ሕቶ ክልዓል ይግባእ። ንስትራተጂያዊ መስመር ቀይሕ ባሕሪ ክጸሉ ከም ዝኽእል ብጥንቁቕን ኣስተውዕሎን ሕቶታት ክምለስን ብዓይኒ ዑፍ ምጥማትን ምክትታልን ዝጠልብ እዩ። ምኽንያቱ ዓለማውን ተኣፋፍን ጉዳይ ናብ ሳልሳይ ኲናት ዓለም ከየምርሕ ዘስግእ እዩ።

መኸተምታ ዝሰኣነን ናብ ማእከላይ ምብራቕ ዝለሓመን ኲናት እስራኤልን ፍልስጤምን ኣውራን ኣተሓሳሳብን ጉዳይ እዩ። ድሕሪ ምብቃዕ ካልኣይ ኲናት ዓለም፡ ኣብ 1948 ዝጀመረ ውግእ እስራኤልን ፍልስጤምን ናብ ሃገራት ኣዕራብ ብምልሓም፡ ዛጊት ፍታሕ ከይረኸበ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ኣብ ሕዳር 2023 ናብ መጠነ ሰፊሕ ኲናት ዓሪጉ ይርከብ።

ቅሉዓትን ስዉራትን ተዋሳእቲ ናይ'ዚ ኲናት፡ ናብ ዝኸፍአ ኣንፈት ብምጥምዛዝ ዓለማዊ ዛዕባ ካብ ምቕያር ኣይበኾሩን። ጐኒ ጐኒ ኲናት እስራኤልን ፍልስጤምን ዝቕጸለን እምብዛ ዘተሓሳስበን ካልእ ናብ ዓለማዊ ኲነታት ዝተቓየረ ኲናትን እስራኤልን ኢራንን እዩ። እቲ ንኹሉ ኣካል ሕብረተሰብ ዓለም ብሓፈሻ ንጎዶቦታት ቀይሕ ባሕሪ ኸኣ ብፍላይ ተሃዋሲ ዝቐየረን

ኲናት፡ ኣብ ዝሓለፈ ክልተ ዕቝድ ዝያዳ ክውጠር ምጅንሑ ይፍለጥ። ረጽሚ ብውክልና ሓማስ፡ ሕዝቡላህን ሑቲን ክካየድ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ንእስራኤልን ኢራንን ካብ ምትፍናን ናብ ዝበኣሰ ቀጥታውን ንዩክሌራዊ ኲናትን ኣብጺሕወን።

13 ሰነ 2025 ዝጀመረን ግዜያዊ ተኹሲ ደው ብምባል ተደጕሉ ዘሎ ምትፍናን፡ ንምሉእ ዓለም ኣብ ሓደ ደው ከብል ዝኸኣለን እዩ። ኲናት እንተድኣ ዳግማይ ደጊሱ፡ ንምግማት ዘሸግር ሳዕቤን ከኸትል ምኧኑ ፍሉጥ'ዩ። እዚ ኲነታት'ውን ናይ ርሑቕን ማዕዶን ተባሂሉ ዝሕለፍ ኣይኮነን። ብቐረባን ብቐጥታን ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ኣሉታዊ ጽልዋኡ ቀሊል ኣይኮነን።

እቲ ዝዓበየ ኲናት ሓድሕድ ሱዳን፡ ካብ 1955 እዩ ዝፍልም። ብፍላይ ኣብ እዋን መግዛእቲ እንግሊዝ፡ ህዝቢ ሱዳን ብሃይማኖትን ከባብን ክተፋነንን ክናቑትን ተራእዩ። ከፋፊሊ ፖሊሲ ምዕራባዊ ዓለም ኣብታ ሃገር ዝዘርኦ ነታጒ ጽልኢን ቅርሕትን ንዝያዳ ሰብዓ ዓመታት እዩ ቀጺሉ። ሱዳናውያን ድሕሪ ናጽነት ሃገሮም ኣዕናዊ ኲናት ሓድሕድ ኣካይዶም። እቲ ኲናት ሓድሕድ ኣብ ሰለስተ መድረኻት'ዩ ዝኽፈል። ተዛማዲ ደም ምፍሳስ ዘይነበሮ ግን ከኣ ፖለቲካዊ ምርግጋእ ዝሰኣነ ቀዳማይ ገጽ ካብ 1972 ክሳብ 1983 ዝነበረ ዓመታት'ዩ። ካብ 1983 ክሳብ 2005 ዝነበረ ካልኣይ ገጽ ግን ሃይማኖታውን ወተሃደራውን ዕልዋ መንግስቲ ዝነበሮን ህልቂት ኣማኢት ኣሽሓት ሰባት ዘኸተለ ዓቢ ግርጭት'ዩ ሓሊፉ። ጐኒ ጐኒ ናይ'ቲ ኲናት፡ ሓያለ ፈተነ ዕርቅን ስምምዕ ሰላምን ተኻዪዱ። ኣብ 2005 ዝተኻየደ ስምምዕ ሰላም፡ ነታ ሃገር ኣብ ክልተ ዝስንጥቕ ውሳነ ሓሊፉ። ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ብኣሉታ ዝጸሉ ስምምዕ ምንባሩ፡ ሓያሎ ተንተንቲ ፖለቲካ ይሰማምዑ። ምኽንያቱ፡ ንሓደ ህዝቢ ሓድነት ዋሕስ ራህዋኡ፡ ሰላሙን ገስጋሱን ስለዝኾነ፡ ንኸም ሱዳን ዝኣመሰላ ዓበይቲ ሃገራት፡ ጉዳያት ኣብ ጣውላ ብርትዕን ብሕድገትን ናብ ሓደ ክመጹ ዝኽእሉ ህዝብን፡ ሓድነት ቀኒልፊ ዓወት'ዩ። ንህዝባዊ ዕላማ ተላዕሊና ንዝብሉ ኲሎም ሓይልታት፡ ምርግጋጽ ሓድነት ህዝቢ ስትራተጂያውን ኣማራጺ ዘይብሉን ሕቶ ክኸውን ኔሩዎ። ግን ብሰሪ ግዳማዊ ምትእትታዋትን ሽርሒታትን ሰሜንን ደቡብን ብዘይምሉእን ወይ ተረፍ ዓንቀር ብዘለዎ መገዲ ተፈላልዮም። ንኽልተአን ሃገራት ናብ ኲናት ክሸምም ዝኽእልን ናይ ረብሓ ከባቢ እናተሰግአ፡ በንጻሩ ኣብ ደቡብ ሱዳን ሓድሕድ ክበላልዑ ግዜ ኣይወሰዱን። ካብኡ ዝሽፍአ 2019 ብህዝባዊ ናዕቢ ዝተኣለየ መንግስቲ ሰሜን ሱዳን፡ እቲ ንግዜኡ ከመሓድርን ስልጣን ናብ ህዝቢ ከረክብን ሕድሪ ዝተዋህቦ ወተሃደራዊ ሓይሊ ኣብ ክልተ ብምግምማዕ፡ ካብ 2021 ክሳብ እዚ እዋን ኲናት ውክልና ይቕጽል ብምህላዉ ህዝቢ ግዳይ ሞት መቕዘፍቲ ምፍንቓልን ስደትን ኮይኑ ይርከብ።

ካብ ድሑር መስፍናውን ወተሃደራውን ስርዓት ሓራ ድሕሪ ምውጻእ ናብ ዓሌታዊ፡ ፖለቲካዊ ምሕደራ ብምእታው በብግዜኡ ክትሕመስን ክትመናናህን ዝጸንሐት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ታሪኻ ርእያቶ ዘይትፈልጥ ናብ ኣዝዩ ሓደገኛ ኣንፈት ተምርሕ ኣላ። ብዝተፈጥረ ህዝባዊ ናዕቢ እታ ሃገር ሓድሽን ተስፋ ዝህብን ኣንፈትን ሒዛ እኳ እንተ ጸንሐት፡ ኢትዮጵያ ብዝነበራ ባህሪ ተገዛእነትን ክድምናን ነታ ሃገርን ጐደቦታትን ዝርብሽ ልኡኽ ትፍጽም ኣላ። ኲነታት ኢትዮጵያ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክውጠር ብዝጸንሐን ዝተጻወደ ነታጒ ጥፍኣት፡ እታ ሃገር ናብ ጫፍ ምብትታን በጺሓ። ካብ ሰሜን ናብ ደቡብ ካብ ምብራቕ ናብ ምዕራብ ብዘይካ ድምጺ ተኹስን ዘየዕርፍ ምፍሳስ ደምን ሰላም ዝተሓረመ ህዝቢ፡ ኣብ ከቢድ ስግኣት ይርከብ። ተስፋ ሰላም ሒዙ ዝተበገሰን መሪሕነት ሰልፊ ብልጽግና፡ በንጻር ናይ'ቲ ተስፋ ዝተነብረሉን ህዝባዊ ማዕበል ዝኸፈቶን መጋረጃ ለውጥን፡ ኣብ ገደል ጥፍኣት ተሸሚማ ትርከብ። ኣብ ዝሓለፈ ሽውዓተ ዓመት፡ ካብ ባህሪ ኣምሰሉነት ተገላጊሉ ኣብ ውሽጢ ሃገር ህዝቢ ምስ ህዝቢ ኣብ ርእሲ ምትፍናኑን ደማዊ ኲናት ምኽፋቱን፡ ባርዕ ውሽጢ ሃገሩ ካብ ደገ ብዝነጽጎ መጥፍኢ ሓዊ ክጥቀም ብምምራጽ ምስ ኲላተን ጎድቦታት ክምለስ ናብ ዘይክእል ረጽሚ ኣትዩ ይርከብ። ብቐጥታን ነዚ ጉዳይ እዚ ዝያዳ ካልእ ዕቱብ ምክትታልን ድልውነት ንኹሉን ዝጠልብ።

ክንዮ መድረኻዊ ኲነታት ኣሳጊርካ ምጥማት የድሊ። ዝረአን ዘይርአን ክጥምት ዝኽእል ኣእምሮ ሰብ፡ ብዝግባእ እንተድኣ ሓሲብሉን ሰሪሕሉን መጻኢ ክትንበ ኣይሽገርን። ኲል ግዜ ግን ነገራትን ፍጻሜታትን ብዕምቈት ክከታተልን መረዳእታኡ ክሰፍሕን ይግብኦ። ንመስመር ግዜ፡ ምዕባለታትን ኣመታቶምን ብመድረኽን ብኹሉ መዳያትን ምጥማት'ውን ርድኢታት ከዕሙቑን ሚዛናዊ ውሳነ ክህልዎን ይሕግዝ። ካብ ግጉይ ቅማረታት ዘናግፍ መገዲ ልቦና'ውን ክፈጥር ይኽእል። ሰብ፡ ቅድም ንገዛእ ርእሱ፡ ካብኡ ሓሊፉ ከባቢኡ፡ ስግሩ ንዞባኡን ዓለምን ብዝግባእ ክከታተልን ክፈልጥን መረዳእታኡ ክሰፍሕን እንተ ዘይክኢሉ ብሰሪ ዋሕዲ ሓበሬታ ኪጋገ ባህርያዊ'ዩ። ካብ ዝነፈሰ ንፋስን ካብ ዝተላዕለ ማዕበልን ዝከላኸለሉ ዋልታ ፍልጠት ኣይረክብን። ብፍልጠትን ምልኣት ሓበሬታን ዝምዕብል ብነቐፌታዊ ኣተሓሳስባ ንጉዳያትን ፍጻሜታትን፡ ቅኑዕን ልክዕን መገዲ ከጓዕዝ ይኽእል።

ኻብዚ ብምብጋስ፡ ንዝኾነ ፍጻሜ “እንታይ፡ ኣበይ፡ ብመን ስለምንታይን ብኸመይን ንምንታይን?” ዝብል ሕቶታት ክትንትን ይግባእ። ስለዚ፡ መንእሰይ ወትሩ ብዓለማዊ ዞባውን ከባብያውን ምዕባለታት ብምሉእ ርድኢትን ንቕሓትን ክከታተሎን ንዝበለጸ ጽባሕ ንኹሉ እንተታት ድሉውነቱ ከረጋግጽን ግዜኡ ዝጠልቦ መድረኻዊ ግዴታ እዩ።



## ኣብ ስነ-ኣእምሮ

# ‘ምጒዳል ‘ ልቢ ምዕባይ’ዩ

**ኣሚራ ሰናይ**

ሂወት ሓጻር’ያ። ንዘልኣለም ክንበር እንተ ዝከኣል፡ ኩሉ ነገር ምዕማም ዘሸግር ኣይምሃለዎን። ግዳ ኣብዛ ምድሪ ዘለንና ዕምሪ ውሱን ብምዃኑ እንታይ ክንዓምም ይግባእ፧ ግዜና’ኸ ኣበየናይ ምዓላ እንተ ኣውፈርናዮ ይሓይሽ፧ ዝብል ሕቶ ብዝግባእ ምምላሱ ኣገዳሲ’ዩ። ምናልባት ካብ ግዜ ክንምሃሮ እንኽእል ነገር እንተ ድኣ ሃልዩ ምጒዳል’ዩ። ምጒዳል ማለት ኩሉ ነገርን ዝኾነ ነገርን ክትዓምም ከም ዘይከኣል ምግንዛብ ማለት እዩ። ንኹሉ ነገር ደረት ከም ዘለዎ ተረዲኣካ፡ ነገራት ዘድልዩን ዘየድልዩን፡ ኣገደስትን መጥፍኢ ግዜን፡ ከምኡ’ውን ህጹጻትን ዘይህጹጻትን ኢልካ ምክፍፋል’ውን ይውክል። ምጒዳል ኣምር ናይ ግዜ ምርዳእ ማለት’ዩ። ኣምር ናይ ግዜ ምርዳእ ማለት ከኣ ቀዳምነታትካ ምንጻር ማለት’ዩ። ምጒዳል ብዙሕ ነገር ብኸመይ ትዓምም ዘይኮነ፡ ነቶም ኣገደስቲ ነገራት ብኸመይ ትዓሞም ምፍላጥ እዩ። ንነብስኻ እሞ ሕተታ፡ ግዜኻ ኣበይ ተጥፍእ ኣለኻ፧ ግብረመልሲ እናሃብካ ዘይኮነ ብምርጫ ሂወትካ እናሃንደስካ ንበር። እቲ ኣገባብ ካብቲ ብዙሕ ኣማራጺ እቲ ውሑድ ዘድልየካ ምፍላይ እዩ።

ኣብዚ ዘለናዮ እዋን፡ እዋን ምውሳኽን ምድማርን፡ ምእካብን ምርባሕን፡ ልዕሊ ዓቕምኻ ምውሳእ ድማ ብፍላይ ብሚድያን ካልእን መንፍዓት መሲሉ ኣብ ዝራኣየሉ ዘሎ እዋን፡ ኣገዳስነት ኣምር ምጒዳል ዓዚዙ ንረኽቦ። ከምቲ ማደለይን ል’ኢንግል፡ “ሰብ ናይ ምምራጽ ክእለቱ እዩ ሰብ ዘብሎ”፡ ማለት ክትመርጽ ስለ እትኽእል ኢኻ ሰብ ትብሃል ዝበሎ፡ ኣማራጺታት ይወስኹን ይጒደሉን፧ ናይ ምምራጽ ክእለትና ግዳ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን እዋን፡ ምሳና ምህላዉ ክንርስዖ ኣይግባእን። ኣመና ምምጣጥ ንኣፍራይነት ብኣሉታ ከም ዝጸሉ ሕቶ ኣየድልዮን’ዩ። ኣይረድ እምበር ተመንጢስካ ኮፍ ምባል’ውን ኣሎ። ብዘይካ’ዚ ብዋኒን ምጽማድ (busy) ከም ውጺኢታዊ ምዃን፡ ዝሓስብዎ ውሑዳት ኣይኮኑን። ኣብዚ ግን ኣካይዳኻ ካብቲ ክትዓሞ ዝግብኣካን ክትዓሞ ትደልን ነገራት ዘሰናኽል፡ ወይ’ውን ካብቲ ቀንዲ ክትሰርሖ ዝግበኣካን ክትሰርሖ ትደልን ነገር ከም መህደሚ ወይ ጉልባብ ይኾነካ ከይህሉን ኣዕሚቝካ ምፍታሽ የድሊ።

ኣምር ምጒዳል ኣብ ሓደ እዋን ብዙሕ ነገርን ኩሉ ነገርን ክግበር ዘይከኣል ምዃኑ’ዩ ዝሕብር። ብተወሳኺ ዘለና ግዜ፡ ጸጋን ጸዓትን ድማ ብፍላይ ድሩት ብምዃኑ ከም ሓሳብ ወሳኒ ይገብሮ። ምጒዳል ድምጺ ዉሽጥካ ጽን ኢልካ ድሕሪ ምስማዕካ’ዩ ዝብገስ። እንታይ ኢኻ ትደሊ ዘለኻ፧ ቀዳምነታትካ እንታይ እዮም፧ ፈሊኻ ኣለሊ። ናይ ብሓቂ ምንባር ምጒዳል ይጠልብ’ዩ። ጂም ኮሊን፡ ኣብታ “How the mighty fall” እትብል ጽሕፍቱ ጠንቂ ውድቀት ናይ’ተን ዓርሞሸሸ ዝብሃላ ዝነበራ ኩባንያታት ዓለምና ብዙሕ ነገር ክገብራ ይፍትና ምንባረን’ዩ ዝዛረብ። ዓወት፡ ሓጎስ፡ ጥዕናን ቅሳነትን ምስ ኣጉደልካ’ዮም ዝርከቡ።

ምጒዳል ብዘይካ’ዚ፡ ንኹሉ ሰብ



ብማዕረ ምሕዳስ ስለ ዘይከኣልኣገዳሲ’ዩ። ሓደሓደ እዋን፡ ብትብዓትን ክብረት ብዝተሓወሶ ኣበሃህላን ይቕሬታ ኣይክእልን’የ፡ ኣይጥዕመንን’ዩ፡ ካልእ እዋን ድሓን እስከ መዓልቲ ንቕይረላ ወዘተ. ናይ ምባል ክእለት ምውናን ኣድላዪ እዩ። ንዝመጸካ ሕቶ ወይ ጠለብ ኣሉታዊ ምላሽ ምሃብ ግን ነቲ ሕቶ እምበር ነቲ ሰብ ነጺግካዮ ኣለኻ ማለት ከም ዘይኮነ ምርዳእ የድሊ። ምጉዳል ሰብን ሕቶን ፈላሊኻ ክትርእዮም ከምዘለካ እዩ ዝምህር። ኣብ መንጎ ምኽባርን ምፍታውን ዘሎ ፍልልይ ከኣ ብንጹር እዩ ዘቕምጠልካ።

ምጉዳል ሓላፍነት ናይ ነብስኻ ንምስካም’ውን ሓጋዚ’ዩ። ምጉዳል ምስ ተላመድካ ህላወኻ ትርጉም ንምልባስን ሕጉስ ንምኧንን፡ ካብ ነብስኻ ሓሊፈን ናብ ካልኦት ዝወጣወጣ ኣጻብዕ ኣይህልዋኻን። ኩሉ ሳዕ ኣየናይ እዩ እቲ ዝሓሸ፡ ኣየናይ እዩ ኣገዳሲ፡ ኣየናይ እዩ’ኸ እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢልካ ብምሕሳብ ውሑድ ካብቲ ብዙሕ ፈሊኻ ከተውጽእ ስለ ዘገድደካ ድማ፡ ካብ ነብስኻ ኣይትፍለን ከምኡ’ውን ኣብ ቀጻሊ ምስ ነብስኻ ናይ ምዝርራብ ኵነት ትጽመድ።

ብሰንኪ ብዙሕ ናይ ምእካብን ምሕፋስን ድላዮም ወይ’ውን ብሰንኪ’ቲ ንኹሉ ሕራይ ጥራይ ዝብል መልሓሶም፡ ኣደዳ ማእለያ ዘይብሎም ሕማማትን ናይ ኣእምሮ ጸገማትን፡ ኣደዳ ዘይተደልየ ጸቕጥን ጭንቀትን፡ ኣደዳ ቅዛነትን ብስጭትን ኮይኖም ኣብ ዝኸፍኣ ደረጃኡ ድማ ነብሶም ቀቲሎም ከይተዓወቱ ዝተረፉ ብዙሓት’ዮም። ከምኡ’ውን ኣብ ብዙሕ ተመጢጦም ከየፍረዩ፡ ወይ ዘፍርዩ ዘለዉ እናመሰሎም ዝምንጠሱ ዉሑዳት ኣይኮኑን። ብዙሕ ክገብሩ ደልዮም ዓለም ዘርከበቶም፡ ብኻ ነቢረ ዝብሉ‘ውን ማእለያ የብሎምን።

ግዜ እንዲና እሞ ስኢንና እናበሉ ነቲ ዝደልይዎን ዘፍቅርዎን ቦታ ዘይህቡ ኸኣ ኣዲኦም ትቕጽሮም። ካብዚ ዝኸፍእ ግን ኣሳሰይትን ኣተግበርትን ኣጀንዳ ካልኦት ብምኳን፡ መሳርሒ ዝኾኑ፡ ብሂወት እንከለዉ ዝቕበሩ ብዙሓት ኣለዉ። ዝበዝሕ ካብ ጠንቂ ጸቕጥን ስሕተት ኣእምሮን፡ ምስ’ዚ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ነገራት ተኣሳሲሮም ከም ዝመጹ’ዮም መጽናዕትታት ዘመልክቱ። ዘይነጉድል ብምኳንና ጥራይ ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ዝያዳ ዝተጠቓዕና ንኸውን፡ ቅዛነት፡ ዘይዕጉብነት ኣብ ናብራን ህይወትን ብሓፈሻ፡ ዘይትደልዮ ምግባር፡ ከይተዓወትካ ምትራፍ፡ ዉሽጣዊ ሕማማት ከም ጸቕጢ ደም ሽኮርያን ድኻም ልብን፡ ናይ መትኒ ጸገማት፡ ክቱር ድኻምን ጽምኢ ሰብነትን፡ ድርቀት፡ ማሕበራዊ ጸገማት ከም ምስ ሰብ ዘይምርድዳእን ምቅይያምን ምብኣስን (ብፍላይ ክገብራ እየ ኢልካ ዘይምግባር ወይ ፍርቂ ዝተወደአ ስራሕ ብምቕራብ) ወይ መሳርሒ ወይ መጋበርያ ካልኦት ብምኳንን ገበንን ወዘተ. ገለ ካብቲ ብዙሕ ሳዕቤናት ዘይምጉዳል’ዮም። ብሕጽር ዝበለ እምበኣር፡ “ጥዕናና ከይጎድል፡ ነጉድል!” ክብሃል ይከኣል።

ጠንቂ ናይ’ዚ ኩሉ ጸገማት ምናልባት ሓደ እቲ ንኹሉ ሰብ ብማዕረ ክተሐጉስ ናይ ምድላይ ባህግና ክኸውን ይኽእል’ዩ። እዚ ዘይንቡር ተርእዮ ኣይኮነን። ክንፍቶ ስለ ንደሊ ወይ ምስ ሰባት ክንበኣስ ወይ ክንቀያየም ስለ ዘይንደሊ ንኹሉ ነገር ሕራይ ክንብል ንግደድ ውሑዳት ኣይኮናን። ዝኾነ ይኹን ነገር ግን ካብ ፍርቂ ምዕያይ ወይ ባህ ከይበለካ ካብ ምስራሕ ወይ ሕራይ ኢልካ ካብ ምጥላም መጀመርታ ከም ዘይትኸውን ኣጥዒኻ ምሕባር ይሓይሽ። ብዘይካዚ’ውን ኣብ ማሕበራዊ ብዙሃን ዝመጹ ኩሉ ክትገብር ይከኣል እዩ፡ ኩሉ ክትውንኖ ይከኣል እዩ፡ ወዘተ. (You can have it all!) እናበሉ ዘይቅኑዕ ስእሊ ብዛዕባ ህይወት ወይ ምንባር ዝህቡ ኣበሃህላታት ኣለዉ። ኩሉ ነገር ዘይኮነ ግን እቲ ዘድልየካ ጥራይ እዩ ክግበር ዝከኣል። ብተወሳኺ ብብዝሒ ሓበሬታ ምርካብ (Information overload) ንናይ ምውሳን ብቕዓትና ብኣሉታ ስለዝጸልዎ ከይወሰንና ንተርፈሉ እዋን ኣሎ። ኣብ ከምዚ ሰባት ይውስኑልና እሞ፡ ሂወትና ድማ እናረኣናያ ካብ ቁጽጽርና ወጻኢ ትኸውን።

ኩሉ ዝፍኖ ድምጺ፡ ጥዑምን ደስ ዝብል ሙዚቃን ኣይኮነን። ሙብዛሕትኡ ረባሽን ዕግርግር ዘምጽእን’ዩ። ብፍላይ ኣየናይ ድምጺ’ዩ ምሉእ ኣተኩሮ ሂብካ ክስማዕ ዝግብኦ፡ ኣየናይ እዩ’ኸ ጸማም እዝኒ ዝውሃቦ ከይመመኻ ምስማዕ፡ መኣዝንካ ኣስሒቱ ኣብ ለውጢ ዘይተምጽኣሉ ዓንኬል ዝሸምም’ዩ። እቲ ዉሩይ ጸሓፍን ተዓዋቲ ሽልማት ኖቤል ስነጽሑፍን ዝኾነ ደቡብ ኣፍሪቃዊ ጆን ማክስ ዌል ሓደ እዋን፡ “ኣብ ዓለም ዘሎ ብዝሒ ናይ ዘየገድሱ ነገራት ክግመት ኣይከኣልን” ኢሉ ነይሩ፡ ከምኡ‘ውን እቲ ዉሩይ ስጳኛዊ ስነጥበበኛን ቀባኣይን ዝኾነ ፓብሎ ፒካሶ፡ ብሕትው ከይበልካ ዓቢ ስራሕ ክስራሕ ከም ዘይከኣል ገሊጹ ነይሩ። ስለዚ ንኹሉ’ቲ ኣብ ከባቢና ዝፍኖ ድምጺ፡ ክንሰምዖ ከይበልና፡ መሚና ነቲ ዘየድሊ ድምጺ ብምትሓት ብኸመይ ጉዕዞና ንቅጽል ምልማድ እዋኑ ዝኣኸለ ይመስል። ብዝሒ ድምጺ ምስ ነብስና ንዘራረበሉ ግዜ ኣስኢኑ ቀዳምነታትና እንታይ እዮም፡ እንታይ ኢና’ኸ ንደሊ

ዘለና ብንጹር ንኽንፈልጥ ይዓግት እዩ። ካብ መደቀሲና ተንሲእና እንታይ እየ ዝገብር ዘለኹ ኢልና ነብስና ምስ ሓተትና መልሲ ንስእን ወይ ዘየዕግብ መልሲ ንረክብ ዉሑዳት ኣይኮናን። ኣብ ልምድታትና ተዓቊብና ዓይንና ዓሚትና ብዕድል ንጉዓዝ ዘለና'ውን ከምኡ። ክኢላ ምሕደራን መሪሕነትን ከምኡ'ውን ኣብ ገሊኡ መጽሓፍቲ ብኣቦ ዘመናዊ ምሕደራ ዝፍለጥ ፒተር ድራከር፡ ኣብ ብዙሓት መጻሕፍቱ "ሰባት 'ኖ ምባል ምስ ጀመሩ'ዮም ውጽኢታውያን ዝኾኑ" ኢሉ ነይሩ። ዓይንና ቋሕ ኣቢልና ነቲ ዘድሊ ካብቲ ዘየድሊ፡ ዝጠቕመና ካብቲ ዝጎድኣና፡ ዘዕብየና ካብቲ ንድሕሪት ዝመልሰና፡ ወዘተ. ክንመሚ ኣገዳሲ'ዩ። ምኽንያቱ እቲ ኣገዳሲ ነገር፡ ነቲ ኣገዳሲ ነገር ኣገዳሲ ምግባሩ ስለዝኾነ። ምስ ነብስና ቀጻሊ ብምዝርራብ ድማ ናይ ቀዳመንት ቀዳማንነትና ምቕዳም ዝበለጸ ይኸውን።

ኣብ መንጎ'ቶም ደመርትን ኣጕደልትን ተባሂሎም ዝፈላለዩ ዓይነት ሰባት ኣብ ማሕበራዊ ህይወቶም ይኹን ጥዕንኦም፡ መንፈሶምን ሓፈሻዊ ደረጅኦምን፡ ወዘተ. ርኡይ ፍልልይ እኳ እንተ ሃለወ፡ ንዝያዳ ግን ገለ ካብቲ ፍልልይ ከምዚ ዝስዕብ ጌርካ ክዝርዘር ይከኣል፥

ንምጕዳል ዝሕግዙና ብዙሓት ኣገባባት እኳ እንተ ሃለዉ፡ ቀንዲ ምስጢር ምጕዳል ግን ኣብቲ ንሓቶ ዓይነት ሕቶ እዩ ዝምርኮስ። ንኣብነት ኣርማድዮና ብዝሒ ዘይንኽደኖን ዘየድልየናን ዓይነት ክዳውንቲ መሊኡ ኣሎ 'ሞ ከነጻርዮ ወሲንና ኣለና ንበል። ብኸመይ ኣገባብ ምፈላለናዮ፧ እዛ ክዳን እዚኣ ንመጻኢ ክኽደና ተኽእሎ ኣለኒ ድዩ ወይ ኣብ መጻኢ ተድልየኒ ዶ ትኸውን ኢልካ ምሕታት ዋጋ የብሉን። ብኣንጻሩ እኳ ደኣ ርጉጽ መልሲ ስለዘይህብ መሊስካ ትእከቦ ክዳውንቲ እዩ ክዛይድ። ኣብ ክንድኡ ግን፡ እዛ ክዳን እዚኣ ይፈትዋ ድየ፧ ተጸብቐለይ



ድያ፧ ብብዝሒ ድየ ዝኽደና፧ እንተ ዘይትህልወኒ ኔራ ምግዛእክዋ ዶ፧ ወይ ክንደይ ከፊለ ምስ ገዛእክዋ፧ ኢልካ ንነብስኻ ምሕታት ዓቢ ፍልልይ እዩ ዘለዎ።

ስለዚ እምበኣር ንምጕዳል ክሕግዙና ዝኽእሉ ገለ ክንሓቶም ዝግበኣና ዓይነት ሕቶታት እዞም ዝስዕቡ ኣለዉ፡

1 **ኣየናይ ጸገም ይሕሸኒ፧** ከምዚ ኢልካ ምሕታት ግዜኻን ጸዓትካን ኣበይ ከተውፍሮ ከም ዘለካ ብቐሊሉ ንምውሳን ዝሕግዝ እዩ።

2 **እቲ ኣዝየ ዝደልዮ፡ ዝድርኸኒን ዝቕስቕሰንን ነገር እንታይ እዩ፧** እዚ ድምጺ ዉሽጥኻ ንምስማዕ ብተወሳኺ ድማ ድላይካ ክተነጽርን፡ ክትዓብን ወሳኒ እዩ።

3 **ኣነ ኣበይ እየ ንቶዕ፧ ክእለተይ ኣበይ ይዛይድ፧** ጂም ኮሊንስ ኣብታ "Good to great" ትብል መጽሓፉ፡ "ኣብ ዉሽጥኻ ከም ነበልባል ሓዊ ዘቃጽለካ፣ ኣዚኻ ትፈትዎ ከተድምዓሉን ክትዓብየሉን ትኽእልን ሓደ ነገር እንተ ድኣ ሃልዩ፡ ንዕኡ ጥራይ ግበር" ይብል። ከምዚ ኢልካ ንነብስኻ ምሕታት ብደገ ከይተጻለኻ ዝያዳ ኣበይ ከተተኩር ከምዘለካ ንኽትውስን ይሕግዘካ።

4 **ንዓለም ከባብየይ ድማ ብፍላይ ኣነ ከበርክተሉ ዝኽእል ነገር ኣየናይ እዩ፧** ደቂ ሰባት ክንዮ ነብስና ብዛዕባ ካልኦት ምሕሳብን ምግዳስን ክንሕግዝ ምድላይ ድማ ኣካል ናይቲ ክቡር ሰብኣዊ መንነትና ብምኳኑ፡ ብኽእለትና ጌርና ንሰብ ክንጠቕመሉ ንኽእል ዓውዲ ኣብ ምልላይ ይሕግዘና።

5 **ኣብዚ ዘለኽዎ ስራሕ ወይ ንጥፈት እንተ ዘይህሉ ነይረ፡ ንኽረኽቦ ክንደይ ምኽፈልኩ፧** እዚ ኣገዳስነት ናይቲ ዘለናዮ ቦታ ይኹን ስራሕ ክንመዝን የኽእለና።

6 **"ኖ" ክብሎም ዘለኒ ነገራት ኣየኖት እዮም፧** እዚ ኣብ ዘየድልዩኻን ዘየዕብዩኻን ነገራት ዕግሽግሽ ንኸይትብል ብምክልኻል፡ መጥፍኢ ግዜ ዝኾኑ ነገራት ከተለልን ክትዳለወሎምን የኽእለካ።

7 **እዚ ዕድል እዚ እንተ ዘይገጥመኒ፡ ንኽረኽቦ ኢለ እንታይ ምገበርኩ፧** ዘዝመጸና ዕድል ካብ እወንታዊ ምላሽ ምሃብ ክንቁጠብን ናይ ብሓቂ እቶም ዘድልዩና ክነለልን ክይንሽስርን የኽእል።

8 **ብተወሳኺ እዚ ነገር እዚ፡ ኣብዚ ዘለኒ ግዜን ምስዚ ዘለኒ ጸጋን ክዓሞ ይኽእል ዶ፧** ኢልና ንሕሰብ። ኩሉ ነገር ክንገብር ምፍታን ገዲፍና፡ ኣብቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ዝኾነ ነገር ጥራይ ከነተኩር መታን።

ብተወሳኺ፥

◆ ምጉዳል ትብዓትን ንቕሓትን ዝጠልብ መስርሕ እዩ። ነብስኻ ምፍላጥን ራእዩ ምውናንን የድሊ።

◆ ደረት ምግባር ኣድላዪ እዩ። ናይ ሰብ ጸገም ኣብ ዉሽጥኻ ከየእተኻ፡ ምሕጋዝን ምርድዳእን፡ ሰብ ባዕሉ ድማ ሽግሩ ንኽፈትሕ ምትብባዕን ክኣል።

◆ ካባኻ ካብ ግዜኻን ጸዓትካን ልዕሊ መጠን ኣቓልቦ ዝጠልቡ ሰባት ከይህልዉ ኣለልዮም።

◆ ዳርጋ ፍርቂ ካብ ጸገማት ህይወት ቀልጢፍካ ሕራይ ብምባልን፡ ከምኡ'ውን "ኖ" ካብ ዘይምባልን እዩ ዝመጽእ። ስለዚ ንኹሉ ዝመጸካ ጠለብ ሕራይ ኣይትበል። ንዘዝመጸካ ሕቶ ግድን ኣይኮነን ሽው ንሽው ክትምልስ፡ እስከ መደባተይ ርእየ ክምለሰካ፡ ክሓስበሉ ምባል ይከኣል እዩ።

◆ ኣየን ኣየናይ ዋጋ ይጠልብ ኣሎ ኣስተውዕለሉ። ኣብ ዘይትደልዮ፡ ዘይጠቕመካን ዘየዕብየካን ነገር ገዚፍ ዋጋ ትኸፍል ዘይምህላውካ ኣረጋግጽ።

◆ ኩሉ ሰብ ይሸቕጥ ከምዘሎ ጌርካ ምውሳዱ ኣይጽላእን እዩ። ሰባት ወትሩ፡ ሓሳብ ይኹን ኣረኣእያ ወዘተ ክሸጡ ምስ ደለዩ እዮም። እቲ ባጤራ ድማ ግዜኻ እዩ። ስለዚ እንታይ ኢኻ ክትገዝእ፣ ብልክዕ ከ እንታይ እዩ ክሸየጥ ተደልዩ ዘሎ፣ ናይ ብሓቂ'ኸ የገድሰካ ድዩ ሕሰብ፣

◆ ካብ ግዜኻ ዝዓቢ ጸጋ የብልካን። ገንዘብካ ክንዲ ፍርቒ ዋጋ ግዜኻ ዋጋ የብሉን። ስለዚ ኣብ ትመርጸሉ እዋን ግዜኻ ኣቐድም። ብተወሳኺ 'ዉን ዋጋ ከፊለላ እንድየ እናበልካ ኣብ ትጸልኦን ዘየዕብየካን ንጥፈት ተጸሚድካ ዘቀጽል የብልካን።

◆ ንዕላማታትካ ንምትግባር ዝሕግዙኻ ኣካይዳታት (systems) ፍጠር። ምስ ዲስፕሊን ተመሓዞ። ስምዒታትካን ትፈትዎም ነገራትን ሓደ ሓደ እዋን ቅተሎም።

◆ ብዝያዳ ኩነታት ኣዝዮም እናቐልጠፉናን ካብ ቁጽጽርና ወጻኢ ድማ ዝኸዱ ዘለዉን ኮይኖም ኣብ ዝስምዑና እዋን፡ ዝያዳ ምስ ነብስና ንሕልፈሉ ግዜ ከምዘድልየና ዝሕብር ምልክት ምዃኑ ክንስሕት የብልናን።

◆ ግዜ እንተዝህልወኒ ኣሕጺረ ምጸሓፍክዎ ድዩ ዝተባህለ፡ ጀርናል ሓዝ እሞ ኣገደስቲ ነገራት ጥራይ ብኸመይ ትጽሕፍ ክትምህረካ እያ።

◆ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን እዋን ምርጫ ከም ዘለካን፡ ክትመርጽ ከም ትኽእል ኣይተረስዕ። ኣማራጺታት እምበር ናይ ምምራጽ ክእለትና ካባና ክጭወ ኣይክእልን።

◆ ዉነኻ ሰሊቡ ሰዓት ከይረኣኻ ብምልኣት ትሰርሓሉ፡ ዓይነት ስራሕ ጥራይ ስራሕ።

◆ እቲ መልሲ ሕርኽርኽ ዘይብሉ "እወ!" ወይ "ሕራይ ብርግጽ!" እንተ ዘይኮይኑ፡ ኖ እዩ እቲ መልሲ። ዝኾነ ነገር ኣብ ዝመጸካ እዋን ቅድሚ ምዕያይካ ኣገዳስነቱ ካብ 1 ክሳብ 100 ቁጽሪ ሃቦ እሞ፡ ልዕሊ 90 ዝሃብካዮም ነገራት ጥራይ ዕመም።

◆ ብዙሕ ቀዳማይ ኣይትግበር። ኩሉ ነገር ብማዕረ ኣገዳስነት ክህልዎ ኣይክእልን እዩ።

◆ ናይ ሂወትካ ሓላፍነት ባዕልኻ ተሰከም።

ናይ ቻይና ናይ ጥንቲ ጽሑፋት ላኦ-ትዙ፡ ፍልጠት ንምርካብ መዓልታዊ ገለ ነገር ክንዉሰኽ፡ ልቦና ንምርካብ ግን መዓልታዊ ገለ ነገር ክነጉድል ከምዘለና እዮም ዝመኽሩ። ከምቲ ዉሩይ ጸሓፋይ ስቴቨን ኪንግ፡ "ምጽሓፍ ንቡር እዩ፡ ኢዲት ምግባር ግን ናይ ኣማልኽቲ እዩ!" ዝበሎ ግን፡ ገለ ክፋል ሂወትና ዓሚቅን ስምዒታውን ዝኾነ ሰረት ስለ ዘለዎ፡ ምጉዳል ቀሊል መስርሕ ከምዘይከውን ጥርጥር የለን። ኣብ መደምደምታ ምጉዳል ሰብ ጽላእ ወይ ኣይትቕረብ ማለት ከም ዘይኮነ ንጹር እዩ። እንታይ ደኣ፡ ሓላፍነት ሂወትካ ንምስካምን፡ ብምልኣት ንምንባርን ንምግላብን ዘድሊ ወሳኒ መስርሕ ደኣ እምበር።




Reference;

"Essentialism; the disciplined pursuit of less" by Greg Mckeown

"The 80/20 principle; the secret to achieving more with less" by Richard Koch

"The seven habits of highly effective people" by Stephen R.Covey

"Atomic habits" by James clear

"Good to great" by Jim Collins

# “ኩሉ ዋያ ናይ ሓባር ዕዮ ይጠልብ እዩ’ሞ፡ ኣይከም ናይ ጋዜጠኛነትን”

# ጋዜጠኛ ሓሊማ ዑመር

ሳምራዊት ሊቨየ

**◆ ኣቐዲመ ኣዝየ የመስግነኪ። ሓሊማ መን እያ ብዝብል ወግዕና ኽንፍልጦ።**

ኣነ’ውን ንዝተዋህበኒ ዕድል ኣመስግን። ኣብ 1997 ካብ ስዉእ ኣቦይ ዑመር ዓሊ ካብ ኣደይ ዓሻ ሳልሕ፡ ኣብ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ከተማ ዓሰብ ተወሊደ፡ ኣቡኡ ድማ ዓብየ። ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ናይ ቅድመ ትምህርቲ ድሕሪ ምክታትል፡ መባእታ ኣብ ቤት ትምህርቲ ዝኸረ ስዉኣት፡ ናይ ማእከላይን ካልኣይ ደረጃ ድማ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሓምድ እድሪስ ዓዋተን ወልደኣብ ወልደማርያምን ተኸታቲለ። ምስ መበል 27 ዙርያ ኸኣ ሃገራዊ ግቡኣይ ንምፍጻምን ናይ 12 ክፍሊ ትምህርተይ ንምዝዛምን ናብ ሳዋ ወሪደ። ኣብ ሃገራዊ መልቐቒ ፈተና ናይ ዲግሪ ነጥቢ ስለዘምጻእኩ፡ ናብ ኮለጅ ቢዝንስን ማሕበራዊ ስነፍልጠትን ዓዲ ቐይሕ ተሰጋጊረ ብዓውዲ ጋዜጠኝነትን ማሕበራዊ መራኸቢታትን ትምህርተይ ተኸታቲለ።

ድሕሪኡ ናብ ሚኒስትሪ ዜና ተመዲበ። ኣብ ክፍሊ ተለቪዥን ኣብ ጨንፈር ምዝንጋዕ መደብ ሞዛይክ ተመዲበ፡ ኣብ ንጡፍ ስራሕ እርከብ ኣለኹ።

**◆ ኣብቲ ፈለማ ትምህርቲ**



**ዝጀመርክሉ እዋን፡ ኣብ ትምህርቲ ዝነበረኪ መረዳእታ ከመይ ትዝክርዮ?**

ሓቂ ዘረባ፡ ከምዚ ብትምህርቲ ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ክበጽሕ ኣለኒ ዝብል ነዊሕ ዝጠመተ ሓሳብ ኣይነበረንን። ከም ኩሉ ሕጻን ኣብቲ መጀመርታ ትርጉም ትምህርቲ ተረዲእኒ ኣይኮንኩን ኣብ ትምህርቲ ግድስትን ኣንባቢትን ዝነበርኩ። ወላዲተይ ድሕሪ መስዋእቲ ናይ ኣቦይ፡ ኩሉ እቲ ሓላፍነት ናይ ስድራ ተሰኪማ’ያ ትጉዓዝ ነይራ። ስለዚ ኣነ ድማ ንዓኣ ንምሕጓስ ኢለ፡ ኣብ ትምህርቲ ብልጽቲ ክኸውን ካብ ኩሎም ተመሃሮ በሊጸ ብልጫ ክወስድ ኢለ ይጽዕር ነይረ። ኣብ ርእሲ’ዚ ድማ ኣደይ መምህር ብምንባራ ናታ ጽልዋ ከይኮነ ኣይተርፍን፡ ኣብ ትምህርቲ ካብቶም ኣብ ከባብየይ ዝነበሩ መሳቶይ ጸብለል ኢለ ክወጽእ ክኢለ። ናብ ማእከላይ ደረጃ ኣብ ዝሰገርኩሉ እዋን ግን ኣገዳስነት ትምህርቲ ብዝሰፍሐ መንገዲ ክርደኣኒ

ኸኢሉ። ካብቲ ንወላዲተይ ከሐጉሳ ኣለኒ ኢለ ዝጽዕሮ ዝነበርኩ ንላዕሊ ድማ ኣብ ትምህርቲ ክግደስን ኣብርቲዐ ክጽዕርን ጀሚረ።

ወላዲተይ ኣብ ታሪኻ ኣዝያ እያ ትግደስ ነይራ። ጽልዋ ናይ'ቲ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ዝነበረቶ ድማ፡ ታሪኽ ሃገርና ክንፈልጥ ብዝግባእ'ያ ትሰርሕ ነይራ። ኣነ ድማ ካብዚ ናታ ዝተበገሰ ከይኮነ ኣይተርፍን ኣብ ታሪኽ ኣዝየ እየ ግድስቲ፡ ክሳዕ እዚ እዋን ማለት እዩ። ይዝከረኒ ቈልዓ እንከለኹ መምህር ክኸውን እዩ ነይሩ ባህገይ፡ መምህር ብመምህሩ ኸኣ ናይ ታሪኽ መምህር። ምስ ግዜ ድሌታተይ እናተቐየረ ኸይዱ፡ ኣብ መወዳእታ ድማ ጋዜጠኛ ኰይነ (ሰሓቕ) ።

**◆ በቲ ትኸደዮ ዝነበርኪ ውጽኢታዊ ዝኾነ ጉዕዞ፡ ኣብ ትምህርቲ ንኣሕዋትኪ'ኺ እንታይ ጽልዋ ክትፈጥረሎም ክኢልኪ?**

ሓንቲ ሓፍቲ እያ ዘላትኒ። ኣብታ ዝዓበኹላ ገዛ ግን ኣኮታተይ'ዉን ምሳይ ስለ ዝነበሩ፡ ንሳቶም'ውን ኣብ ትምህርቲ ኣዝዮም ጕዱሳት'ዮም ነይሮም። እዚ ኸኣ ኣደይ ብግቡእ ስለ ትከታተለና ዝነበረት'ዩ። ናብ ሕቶኺ ክምለስ ግን እዛ ምንኣስ ሓፍተይ በቲ ኣነ ኣብ ገዛ ዝህባ ዝነበርኩ ደገፍ ጥራይ ዘይኮነት፡ ኣብቲ ንሳ ትመሃረሉ ዝነበረት ቤት ትምህርቲ፡ ኣነ ኣቐዲመ ኣብኡ እመሃር ስለ ዝነበርኩ፡ እቶም ኣብኡ ዝጸንሕዋ መምህራን ከም ሓፍትኺ ኣዚኺ ንፍዕቲ ክትኮኒ ኣለኪ እናበሉ፡ ብዘይርድኣ መንገዲ ሓይሊ ይኾንዋ ነይሮም። ከም ውጽኢቱ ድማ ኣብ ትምህርቲ ጽቡቕ ዝኾነ ደረጃ ነይርዋ። ኣብ ኣብ ቤት ትምህርቲ ቴክኒክ ኣትያ ብዓውዲ ንግዲ ድማ ትምህርታ ዛዚማ። ስለዝስ ደሓን ዝኾነ ጽልዋ ገዲፈላ እየ ዝብል።

**◆ ኣብቲ ዝዓበኽሉ ከባቢ ባህልን ልምድን ናይ'ቲ ሕብረተሰብ፡ ኣብ ትምህርቲ ዘለዎ ኣረኣኣያ ከመይ'ዩ ዝመስል? ኣብ ጉዕዞ ትምህርትኺ ኸ ሓጋዚ ዶ ነይሩ ትብሊ?**

ብሓፈሻ ክርአ እንከሎ እቲ ኣነ ዝዓበኽሉ ከባቢ ደሓን ዝኾነ ርድኢት ኣብ ትምህርቲ ዝነበሮ ከባቢ'ዩ። ርእሲ ኹሉ ድማ ሳላ ጻዕሪ ናይ ወላዲተይ እዩ ክብል ዝኽእል እምበር፡ ኣብቲ ከባቢና ብፍላይ ድማ ኣብቲ ናትና ብሄረ ዓፋር ኣዝየን ውሑዳት ደቂ ኣንስትዮ ኢኻ፡ ኣብ ትምህርቲ ደሓን ዝኾነ ደረጃ በጺሐን ትርእየን። ስለዝስ ምሒር ጻዕሪ እዩ ዝሓተካ። ዝገርመኪ ኣብቲ ኣነ ናብ ሳዋ ዝወረድኩሉ፡ ኣብ ናትና ቦጦሎኒ ካብ ብሄረ ዓፋር ክልተ ደቂ-ኣንስትዮ ጥራይ ነይርና። እዚ ግን እተን ደቂ-ኣንስትዮ ትምህርቲ ይጸልኣ ማለት ዘይኮነ፡ እቲ ሕብረትሰብ ኣብ ትምህርቲ ጓል-ኣንስተይቲ ዘለዎ ጽልዋ ከምቲ ዝድለ ኣይማዕበለን ስለ ዘሎ'ዩ። ኣብዚ እዋን ግን ደሓን እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። ሳዋ ምውራድ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ላዕለዋይ ትካላት ትምህርቲ ብጽቡቕ ዝቕጽላ ኣለዋ።

**◆ ሕራይ ሓሊማ ናብ ትምህርቲ ክንምለስ። ህይወት ኮለጅን ብድሆታቱን ከመይ ሰጊርክዮም?**

ኮለጅ ንዓይ ካልእ ዓለም እዩ ነይሩ። ብሳዋ ብምምጽኣይ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ሕብረተሰብን ከባቢታትን ዝመጽኡ ሰባት ኣፍልጦ ነይሩኒ'ዩ። ግን ካብ ስድራ ምፍላይ ዝፈጠሮ፡ ኣብቲ መጀመርታስ ቅሩብ ክብድ ኢሉኒ ነይሩ። ልዕሊ ኹሉ ድማ ናይ ክሊማ ለውጢ ንባዕሉ ብድሆ እዩ ነይሩ ንዓይ። ብሕልፊ ነቶም ኣብ ምዉቕ ከባቢ ተወሊድና ዝዓበና፡ ቊሪ ዓድቐይሕ ኣሸጋሪ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ጉያ ኢልካ ትኸዶ ስለዘይኮነ፡ ካብ ዝዓበኽሉ ከባቢ'ውን ንውሕ ንዝበለ ግዜ ክፍለ'የ። ዋላ ኣብ ናይ ሰሚስተር ዕረፍቲ ናብ ዓሰብ ክኸይድ ከጸግመኒ ይኽእል'ዩ።

ኣብ ከባቢየይ ዝነበሩ ተመሃሮ ኣዝዮም በላሕቲ ተወዳደርቲ ስለዝኾኑ ግዳ ፍሉይ ሓይሊ ክረክብ ክኢለ'የ። ናይ ትምህርቲ ሸውሃተይ መሊሱ ተኸፊቱ። ምስኣቶም ከጽንዕ፡ ክመሃር፡ ክትዓት ኣልዒልና ሓሳባት ክነወርድን ክነደይብን ንጉብሮ ዝነበርና ህልኻት፡ ሓደ ካብቲ ኣብኡ ምህላወይ መሳጢ ዝገበሮ'ዩ ነይሩ። ኣብቲ ፋልማይ ዓመት፡ ደቂ ገዛይ ዝነበራ ክሳዕ'ዚ ሕጂ እዋን መሓዙት ኢና ዘለና። ካብ ዝተፈላለየ ቦታን ሕብረተሰብን ዝመጻእና ኢና። እዚ ኸኣ ነቲ ጽቡቕ ኣተሓሳስባን ብሱል ኹነተ ኣኣምሮን'ዩ ዘርእየካ። ኣብ ኮለጅ ካብ ስድራኻ ወጻኢ ኢኻ ትመሃር ዘለኻ። እዚ እዩ ኸኣ ሓደ ካብቲ ከቢድ ዝገብሮ። ምሉእ ናጽነት ስለ ዘለካ ኣልያ ዝገብረልካ፡ መኣዝንካ ዘትሕዘካ ሰብ ኣዝዩ እዩ ዘገድሰካ። እዚ ኸኣ ሓደ ካብቲ ንናይ ኮለጅ ህይወት ከቢድ ዝገብሮ'ዩ። ኣነ ግን ሳላ እዘን ዝበልኩኺ ደቂ ገዛይ፡



ከይተሸግርኩ እየ ሓሊፈዮ። ኵላተን ኣዝዩ ብሉጽ ዝኾነ ነጥቢ ሒዘን እየን መጺአን። ስለዚ ኣብ ኵሉ ዓይነት ትምህርቲ ኣዚና ንተሓጋገዝ ነይርና። ዝገርመኪ ሳምሪ ኣብቲ ናይ ምምራጽ ዓውዲ እውን ከይተረፈ ኵላትና ርእይቶታት ኢና ተወሃሂብና። ኣብ ዓውዲ ጋዜጠኝነት ክኣቱ ድርኺት ካብ ዝገበራለይ ጓል ገዛይ ዝነበረት ሃና መዓሾ እያ ትብሃል'ያ። ሕጂ ብዓውዲ ሕጊ ትምህርቲ ወዲኣ ኣላ። ኣብቲ ንመርጸሉ ዝነበርና

እዋን፡ "ሓሊማ ንስኺ ብዙሕ ቋንቋታት ስለ ትመልኪ፡ ኣብ ታሪኽን ቦታታት ምርኣይን ድማ ግዳሰ ስለዘለኪ፡ ኣብ ዓውዲ ጋዜጠኝነት ተትኣትዊ ዝያድ መድማዕኪ፡" ኢላትኒ፣ ሓቃ ድማ እያ። ስለዝስ ህይወት ኮለጅ ሽሕ ግዜ ከቢድ ይንበር፡ ሳላ'ዘን ዝበልኩኺ ደቂ ገዛይ፡ ኣሕዋተይ ክብለን ዝደፍር ብዓወት ክሰግሮ ክኢለ።

**◆ ኣብ ዓውዲ ጋዜጠኝነት ምስ ተጸንበርኪ ኸ ከመይ ነይሩ እቲ ጉዕዞ?**

ቀዳማይ ዓመት ሰጊርና ናብ ካልኣይ ዓመት ምስ ሰገርኩ ኣብዚ ዓውዲ ዝመረጹ ኵሎም፡ ኣዝዮም ጉዱሳት ተመሃሮ ብምንባሮም፡ ካብቲ ዝነበረኒ መንፍዓት ኣብ ትምህርቲ፡ ክንኪ ኣይከኣልኩን። ምኽንያቱ ምስቲ ናትካ ጻዕሪ እቲ ኣብ ከባቢኻ ዘሎ ሰብ ድማ ወሳኒ እዩ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ላዕለዋይ ደረጃ ትምህርቲ። ስለዚ ኣዝዮም ንፉዓት ብምንባሮም ሓጊዞምኒ እዮም። ኣብዚ ብፍሉይ ክርስዓ ዘይክእል፡ ምርያም ትብሃል መማህርትና ነይራ። ኵሉ እቲ እንመሃሮ ዝነበርና ዓይነታት ትምህርቲ ኣብ ሓደ ጾሚቋ ተምጻእልና እሞ፡ ኵላትና ድማ ብሓንሳብ ብምዃን ንረዳድኣሉ ኔርና። ስለዚ ኣብዚ'ውን ኣዝዩ ጽቡቕ ዝኾነ ግዜ'የ ኣሕሊፈ። ከም ውጺኢቱ ድማ ኣብ መዛዘሚ ዓመተ ትምህርተይ ጽቡቕ ውጽኢት ሒዘ ወዲአ።

**◆ ትምህርቲ ምስ ዛዘምኪ ናብ ሚኒስትሪ ዜና ኢኺ ተመዲብኪ። እቲ ብክልሰ ሓሳብ ትፈልጥዮ ትምህርቲ ኣብ ተግባር ማለት ኣብ ስራሕ ከመይ ረኺብክዮ?**

ቅድሚ ትምህርቲ ምውዳእና ተመሃሮ 3ይ ዓመት ከለና፡ ከምዚ ነቲ ብክለሰ ሓሳብ ንመሃሮ ብግብሪ ክንርእዮ ተባሂሉ፡ ንዝተወሰነ እዋን ናብ ሚኒስትሪ ዜና መጺእና ነይርና። ኣብዚ ድማ ኣብ ክፍሊ ሬድዮ መደብ ኑማ ሰሪሐ ነይረ። ኣብዚ እቲ ክርስዖ ዘይደሊ ናይ መጀመርታ ደስ ዝበለኒ ስራሕ እንታ ነይሩ፡ እቲ ናይ ሓባር ስራሕ (team work) እንብሎ እዩ። ኣዝዩ ደስ ኢሉኒ። ብሓፈሻ ኵሉ ሞያ ናይ ሓባር ዕዮ ይጠልብ እንድዩ፡ ኣብ ሞያ ጋዜጠኝነት ግን ሓለፋ ኣለዎ። ኣዝዩ እዩ ኣገዳሲ። ጽቡቕ ዝኾነ ተመኩሮ ቐሲምና ኢና ናብ ትምህርቲ ተመሊስና። ትምህርቲ ምስ ወዳእኩ ድማ ከም እንደገና ናብ ሚኒስትሪ ዜና ተመሊሰ ኣብ ክፍሊ ተለቪዥን ኣብ ጨንፈር ምዝንጋዕ ተመዲበ።

**◆ ተመኩሮኺ ኣብ ዓውዲ ጋዜጠኝነት ክትገልጽልና?**

ኣብዚ ኣብቲ መጀመርታ ናይ ስራሕ ተመኩሮይ ኣብ ንኡስ መደብ ዜና ሞዛይክ እየ ዝሰርሕ ነይረ። እዚ ድማ ኣብ ቋንቋ ትግርኛ ዘለኒ ምልከት ጽቡቕ ገይረ ከዕቢ ሓጊዙኒ። ኣብ ዝኾነ ዓይነት ስራሕ፡ እቲ ኣቐዲምካ ኣብ ትምህርቲ ትመሃሮ ናይ ክልሰ-ሓሳብ ትምህርቲ ደሓር ኣብ ባይታ ምስ መጻእካ ግድን'ዩ ዝፍለየካ። እዚ ኸኣ ነፍሲ ወከፍ ስራሕ ናቱ ኣካይዳን ድስፕሊንን ስለ ዘለዎ'ዩ። ኣብቲ መጀመርታ ንዓይ'ውን ከምኡ ዓይነት ባህሪ ኣጋጢሙኒ ነይሩ። ሳላ ደገፍን ምትብባዕን ናይ ሓላፍየይን መሳርሕተይን ግዳ፡ ነቲ ስራሕ መሊኸዮ። ኣብ ቋንቋ ትግርኛ'ውን ጽቡቕ ዝኾነ ብቕዓት ኣጥርየ። ኣብ ኵለን ኣብ'ተን ጨንፈርና ዘለዋ ንኡሳን መደባት ይሰርሕ ኣለኹ።

**◆ ካብዚ ዘለኪ ተመኩሮ ተበጊስኪ፡ ኣገዳስነት ትምህርቲ እንታይ እዩ ትብሊ?**

ካብቲ ደስ ዝብለካ ናይ ትምህርቲ ነገር፡ ዕደመ፡ ጾታ፡ ባህሊ፡ መንነት ኮታስ ኵሉ እቲ ወድ-ሰብ ከም መፈላለዪ ኢሉ ዝሓስቦ ነጥቢ፡ ኣብ ትምህርቲ ፍጹም እዩ ዘየለ። ብቓ ሰብ ምዃን፡ ዝሓስብ ኣእምሮ ምህላው ጥራይ ኣገዳሲ። ካብ ምንታይ እየ ከምዚ ዝብል ዘለኹ፡ ኣብ ዓሰብ ገና ተመሃሪት መባእታ



ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን፡ ኣብቲ ንመሃሮ ዝነብርና ቤት ትምህርቲ ዓበይቲ ኣዴታት ትምህርቲ ንዓበይቲ ይመሃራ ነይረን። ኣብቲ መጀመርታ እኳ ቅሩብ ግር እንተበልኒ ደሓር ግን ምስ ፈለጥኩ ለካ ኣብ ትምህርትስ ተቀባልነት እንተዘይኮኑስ፡ እንታይነትካን ኣይደልን እዩ ዝብል ሓሳብ ኣብ ኣእምሮይ ሰፊሩ። ስለዚ ካብ ፍልጠት ነጻ እንተኾይንካ፡ ኣብ ኵሉ ጉዕዞኻ ድኹም፡ ተጸባይ ኢኻ ትኸዉን፣ ብፍላይ ኣነ ከም ጓል ኣንስተይቲ ክዛረብ እንተኾይነ፡ ዋላ ኣብታ ትመርሓ ስድር ኢኻ ተጸቃጢ፡ ሓሳብትካ ዘይስማዕ ኮታስ ኣብ ኵሉ ዕድላት ናይ ህይወት ተጎሲኻ ኢኻ ትነብር። ስለዚ በዚ መንጽር ክሓስቦ ከለኹስ ኣብ ህይወይት ትምህርቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ብፍላይ ድማ ንጓል ኣንስተይቲ። ንምንታይ ኣብኣን ጸቒጥኪ ግን ኣይትበልኒ፡ (ሰሓቕ)። ምኽንያቱ ከምቲ ኩሉ ሰብ ዝርዶኦ ሓቒ፡ እታ ጓል ኣንስተይቲ እያ ቐላሲት ሕብረተሰብ። ስለዚ ድልዱል ዝኾነ ባይታ ናይ ትምህርቲ እዩ ክቕረበለን ዘለዎ'የ ዝብል። ምስዚ ኣብዚ ከይጠቐስክዎ



ክሓልፍ ዘይብለይ፡ በዛ ረኺበያ ዘለኹ ዕድል ክዛረብ፡ ነዚ ክብሎ ዝጸናሕኩ ኣገዳስነት ትምህርቲ ተርዲአወን እሞ ብግቡእ ሰሪሐናሉ ብትምህርቲ ኣብ ጽቡቕ ዝኾነ ደረጃ ምስ በጽሓ ሓዳር ገይረን ግን በቲ ዝተመሃራሉ ዓዉዲ ካብ ምፍራይ ዝትቖጠባ ኸኣ ብዙሓት ኣለዋ እሞ፡ ነዚአን ከኣ ሃያ ዓቕምና ነበርክት ክብለን ይደሊ።

**◆ ሕራይ ሓሊማ ዑመር ኣብቲ ዝዓበኽሉ ከባቢ በዚ በጺሕክዮ ዘለኺ ደረጃ እንታይ ጽልዋ ፈጢረ ትብሊ?**

(ሰሓቕ) እዋኣ ማለትሲ ጽልዋ ተለካዒ ክሳብ ዘይኮነ ክድንዚ ጽልዋ ገይረ ክብል ኣይክእልን እየ። ግን ናብ ዓሰብ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ካብ ዝሰምዖ፡ እቶም ናይ ቀደም መምህራነይ ይኹኑ ደቂ ገዛዉተይ፡ ኣዝዩ ጽቡቕ ዝኾነ ጽልዋ ከም ዝገደፍኩ ይነግሩኒ እዮም። ገለ ካቡኡ ክገልጽ ክፍትን ቀደም ተመሃሪት ካልኣይ ደረጃ ኣብ ዝነበርኩ እዋን እዩ ዝኸዉን ዘሎ፡ ኣብ ቤት ትምህርትና ከምዚ ብተመሃሮ ዝምራሕ ኮሚተ ተመሃሮ ነይሩና፡ ኣብኡ ድማ በቲ ዝነበረኒ መንፍዓት ናይ ትምህርትን ከምኡውን ኣብ ዉድድር ክትዕ ኣዝየ ብልጽቲ ስለ ዝነበርኩ፡ ከም ኣደ መንበር ናይታ ኮሚተ ኮይነ ተመሪጸ ክሳብ ትምህርቲ ዝዉድእ ድማ ሰሪሐ እየ። ክሳዕ ሕጂ ድማ በቲ ሽዑ ዝገበርናዮ ንጥፈታት ተዘከርቲ ኢና። ከም ናትና ክገብሩ ድማ እዞም ሕጂ ዘለዉ ተመሃሮ ኣብነት ከም ዝኾኖም ይጠቅሱለይ። ገለ እዉን ኣብ ዕረፍቲ ኣብ ትመጽሉ እዋን ካብ ናትኪ ተመኩሮ ብፉሉይ ንደቂ ኣንስትዮ ብፍላይ ከኣ ነተን ካብ ከተማታት ምሕድግ ኢለን ዘለዎ ተመሃሮ ኣስተምህሮታት ክንህብ እዉን ይሓቱኒ እዮም። ምስ ካልኣየይ ኣባል ጉዳያት ወጻኢ መንእሰይ ኢስማዒል ዒሳ ብምኻን ኣስተምህሮታት ክንህብ መደብ ወጺኡ ድማ ነይሩ። ግን ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ኣይተተግበረን ዘሎ። ኢንሻላህ ሓደ መዓልቲ ይሰልጥ ይኸዉን። ስለዝስ ጽልዋታት እዚ ይመስል ማለት እዩ። ግን ንሰብ ብልክዕ ጸልየዮ እየ ክትብል ከቢድ እዩ መስለኒ። ምኽንያቱ ኣነስ ገና እየ ጸላዊት ጓል ኣንስተይቲ ክኸዉን፡ ኣይበጻሕክዎን ኢለ እየ ዝሓስብ (ሰሓቕ)።

**◆ ሕራይ ሓሊማ፡ ካብ ሞያ ጋዜጠኝነት ወጻኢ ኣብ ምንታይ ትነጥፊ?**

ክሳዕ ሕጂ እኮ ኣብ ብዙሕ ንጥፈታት የለኹን። ግን ብፍሉይ ከምዚ ምስ ትምህርቲ ምትእስሳር ዘለዎም ንጥፈታት ክሳተፍ ይደሊ'የ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተኻየደ ዋዕላ ናይ ክኢላታት መጽናዕቲ ተሳቲፈ ነይረ። ኣብኡ ድማ ነቶም መጽናዕታዊ ጽሑፋት ዘቕርቡ ዝነበሩ ካብ ዝተፈላለየ ሃገራት ዝመጹ ኣጋይሻ፡ ኣብ ምውህሃድ ይነጥፍ ነይረ። ካብዚ ዝቐሰምክዎ እንተ ነይሩ ድማ፡ ኣብዚ መጽናዕታዊ ዋዕላ ዝመጽኡ፡ ዳርጋ ኹሎም እቶም ብሉጻት ምሁራን ናይ ሃገርና'ዮም። ካብኦም ከኣ ነቲ ዘለኒ ሞያ ዝያዳ ከዕብዮን ኣብ መጻኢ ድማ እንታይ ክገብር ከም ዘለንን'የ ተማሂረ ወጺአ ክብል እደፍር። ብፍላይ ድማ እተን ኣቡኡ መጽናዕታዊ ወረቐት ዘቕረባ ደቂ ኣንስትዮ ብፍሉይ እየን መሲጠናኒ። ብዙሕ ከኣ ተማሂረ። ብተወሳኺ፡ ከም ዝፍለጥ ሃማመተኤ ኣብ ትካላት ወረዱ ይሰርሕ'ዩ። ኣብ ኩሉ ትካላት ድማ ጨናፍራት ውዳበ ናይ መንእሰያት ኣለዎ። ኣነ ድማ ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ዘሎ ዉዳቤ ናይ መንእሰያት፡ ፈለማ ከም ተሓዚት ሕሳብ ነይረ፡ ኣብዚ ሕጂ እዋን ድማ ከም ኣደ መንበር ኮይነ እሰርሕ ኣለኹ። እቶም ካብ ስራሕ ወጻኢ ዝገብሮም ንጥፈታት ነዚኦም ይመስሉ ማለት'ዩ።

**◆ ኣብ መወዳእታ ናይ መጻኢ መደባትኪ እንታይ ምኧኑ ክተዕልልና**

ካብዚ ዘለኽዎ ደረጃ ትምህርቲ ክውስኽን በዚ ዝሰርሓሉ ዘለኹ ሞያ ድማ ብዝለዓለ ክዓቢ'የ ዝደሊ። ኢንሻኣላህ ድማ ክበጽሖ'የ ።

**◆ ኣብ መወዳእታ ክትብልዮ ትደልዩ እንተሃልዩ፡ ዕድል ክህበኪ?**

ንኹሉ ኣካል ሕብረተሰብና ክብሎ ዝደሊ፡ እቲ ኣብ ልዕሊ ጓል ኣንስተይቲ ጸቓጢ ዝኾነ ባህሊ ዋላኳ እናተረፈ ይኸይድ እንተሎ፡ ዝያዳ ካብ ስሩ ክመሓ ግን ጻውዒት ዘየድልዮ ዕዮ ገዛ'ዩ። ኩሉ ዜጋ ብሕልፊ ድማ፡ እቲ ትምህርቲ ዝቐሰመን ዝነቕሐን ካባይ ጀሚርካ ጸቒጡ ክሰርሓሉ እላቦ።

ኣብ መወዳእታ ኣብዚ ደረጃ ክበጽሕ ፍሉይ ናብዮትን ክንክንን ዝገበረትለይ ወላዲተይ ድማ ካብ ልቢ ኣመስግና። ኩሉ ኣባል ስድራቤት፡ ብፍላይ ድማ ኣኮታተይን ሰይተኮይን ዓቢ ተራ እዩ ዘለዋም እሞ ከመስግኖም እፈቱ። ንዓኽን ንመጽሔት መንእሰይን'ውን፡ ነዚ ዕድል ብምሃብኩም ኣመስግን።

◆ የቐንየልና ጋዜጠኛ ሓሊማ ዑመር።

ሱራፌል ተ.

# ቋንቋ እንግሊዝ
## ኣብ ጉዕዞ ትምህርትና

ምንፋዕ፡ ዕላማ ናይ ዝኾነ ተመሃራይ'ዩ። ጽባሕ ጽባሕ ናብ ትምህርቲ ዝመላለስ ሰብ ክምሃር ኢሉ'ዩ ዝኸይድ። ጽባሕ ጽባሕ ፍልጠት ይድልብ። ካብኡን ናብኡን ከኣ ዝሓልፎ ከይርከብን ዕውት ኰይኑ ክወጽእን ይጽዕር። ተመሃራይ ካብ መባእታ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ዘሎ ጉዕዞ ትምህርቱ፡ ኣብ ኵሉ ዓይነት ትምህርቲ ዝበለጸ ውጽኢትን ርድኢትን ክህሉዎ ኣለዎ። ምኽንያቱ መሰረት ናይቲ ድሒርካ ትመርሖ ህይወት ክኸውን ስለ ዝኽእል። ኵሉ ዓይነታት ትምህርቲ፡ ንሰብ ጠቓሚ ዝኾነ ቀ'ምነገር ኣሎዎ። ስለዝኾነ ከኣ ኢና እንምሃሮም።

ኣብ መባእታ ትምህርትና ብቛንቋ ኣደና ዝጀመርናዮ ትምህርቲ። ንእግረ-መገዱ ቋንቋ እንግሊዝ ይማልእ እዩ። ኣብ መባእታ ምሳና ሰለይ ክብል ጸኒሑ ኣብ ማእከላይ ደረጃ ባዕሉ ይብሕተና። እዚ ማለት ኣብ መባእታ እንከለና ብዘይካ ቋንቋ እንግሊዝ። ኵሉ ዓይነታት ትምህርቲ ብቛንቋ ኣደና ኢና እንምሃሮም። መባእታ ወዲእና ናብ ማእከላይ ደረጃ ምስ ሰገርና ግን ኵሉ ዓይነታት ትምህርቲ ብቛንቋ እንግሊዝኛ ኢና እንምሃሮም። ዝስዕብ ደረጃታት ትምህርቲ'ውን ብምልኡ ብቛንቋ እንግሊዝ እንምሃሮ እዩ። ስለዚ፡ ቋንቋ እንግሊዝኛ ምምላኽ ኣብ ጉዕዞ ትምህርትና። መፍትሕ ዝበዝሐ ዓይነት ትምህርቲ ዝኾነ ኣገዳሲ መሰረት ሒዝና ኣለና ማለት'ዩ።




እዚ ማለት ግን ቋንቋ ጥራይ ስለ ዝመለኽካ ኵሉ ነገር ቀሊል ማለት ኣይኰነን። እንታይ ደኣ ካብቲ ካልእ ሰብ ነቲ ቋንቋ ዘጥፍኦ ጸዓት ድሒንካ ኣለኻ። ብዓቢኡ ከም ሓደ ፈላጥ ናይ ሓደ ዓውዲ ኴንካ ትምህርትኻ ኣብ ትዛዝመሉ፡ ምስ ዝኾነ ሰብ ከረዳድእካ ዝኽእል ዓቕሚ ናይ ቋንቋ ክድልየካ እዩ።

እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት እምብኣር ኣብ ምምሃር ቋንቋ እንግሊዝ ዝሕግዙ እዮም፥

### ንእሽተይ ክጭብጥ ዝኽእል ሸቶ ምስራዕ

ኣብ ፈለማ'ኻ ዓቢ ሸቶ ምስራዕ፡ ዓቢ ህንጡዩነት ዘንቀሎ ክኸውን ይኽእል እዩ። ሓደ ክትሃርሞ እትደሊ ዓቢ ሸቶ ምስራዕ ጽቡቕ እዩ። ግን በቲ እዋናዊ ውድዓዊ ዓቕምኻ ክመቓቐልን ቀዳምነታት ክስረዓሉን ኣለዎ። ከምዚ ናብ ሓደ በሪኽ ገዛ ክትድይብ እትረግጾ ደረጃታት መሳልል ገይርካ ክምቀል ይግብኦ። ኣብ ቋንቋ እንግሊዝኛ ንኽተጽንዕ ድማ ከም ሸቶ ክትሕዞን በቲ ዝደቐቐ ክትጅምርን የድልየካ።

ንኣብነት፥

- ኣብ መዓልቲ ሓሙሽተ ቃላት ክትምሃር ትኽእል፣

- ካብ መዓልቲ 30 ደቒቕ ጥራይ ኣብኡ ኣተኲርካ ክትምሃር ትኽእል፣

- ብእንግሊዝ ናይ ዝድረፉ ደርፊታት ሕደማኡ (lyrics) ጸጸኒሕካ ከትጽንዕ ምፍታን፣

- መዓልታዊ ሓጻርቲ ብቛንቋ እንግሊዝ ዝተጻሕፉ መልእኽትታት ምንባብ።

ኣብ ሓደ ክትጭብጦ ካብ ዘይትኽእል ሸቶ ሒዝካ ካብ ምውሓላል፡ ክትገብሮ እትኽእል ብንእሽተይ ሸቶ ምብጋስ ኣጸቢቑ ይሓይሽ። ነጠብጣብ ናይ ማይ ንቐላይ ከም ዝመልኦ ምዝካር ኣገዳሲ እዩ።

### ንመጽናዕትኻ መደብ ምግባር

ነቲ ክትምሃሮ ወይ ከተጽንዮ ደሊኻ ዘለኻ ምፍላጥ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ማለት ናይቲ ተጽንዮ ዝደለኻ መደብ ምስራዕ

ኣገዳሲ'ዩ። ነቲ ክትበጽሖ፡ ክትወቕዮ ዝሓሰብካ ሸቶ። በብደረጃኡ ብምጽሓፍ መደብ ስርዓሉ። ንሸቶኻ ሓንቲ ሕምባሻ ምብላዕ እንተ ኰይኑ፡ ብሓደ ግዜ ኰሊስካ ክትብላዕ ኣይትኽእን ኢያ። እናቘረስካ፡ ዓቕምኻ እናኾለስካ ግን ክትበልዓ ትኽኣል ኢያ። በየን ጀሚርካ ኣበይ ክትውድእ ኢኻ ኣብ መዝገብካ ጽሓፎ። ሸቶኻ ብጥቕሉሉን ብምቃሉን ምስ ተጻሕፈ ንጹር መደብ ሸቶኻ ሒዝካ ኣለኻ።

## ገዛእ ርእስኻ ምድራኽ

ንገዛእ ርእስኻ ንኽትምሃር ምድራኽ ሓደ ካብ ሚስጢራት ዓወት እዩ። ገዛእ ነብስኻ ንምድራኽ ከኣ ኣብቲ ክትገብሮ ዝሰራዕካዮ መደብ እወታዊ ኣተሓሳስባ ክህልወካ ይግባእ። ንቛንቋ እግሊዝኛ ብእወታዊ ሸነኹ ክትጥምቶ ይግባእ። ነዚ ንምሕጋዝ እዚ ዝስዕብ ንጥፈታት ከተትግብሮ ይከኣል፥

- ንኣኻ ዝምሰጠካ ወይ ዝንባለኻ ኣብ ዘተኰረሉ ኣርእስትታት ኣንብብ፣

- ደስ ዝብለካ ብቛንቋ እንግሊዝኛ ዝተዓየ ፊልምታት ተዓዘብ፣

- ደስ ዝብለካ ብቛንቋ እንግሊዝኛ ዝተደርፈ ደርፊታት ስማዕን ትሕዝቶኡ ፍለጦን፣

- ዳየሪኻ ብቛንቋ እንግሊዝኛ ጽሓፎ፣

- ብቛንቋ እንግሊዝኛ ዝተጻሕፈ ታሪኽ ናይ ዝምስጡኻ ሰብ ኣንብብ።

ብዊንታና ክንምሃሮ ንእንደሊ ነገራት፡ ልዕሊ ዝኾነ ግዜ ቀልጢፍና ከም እነጽንዖ ዘክር።

## ግዜኻ ምምሕዳር

ግዜ፡ ኣብ ንኣሽቱ መደባትና ጥራይ ዘይኰነ ኣብ ምሉእ ህይወትና ኣገዳሲ ባእታ እዩ። ኵሉ ነገር ብግዜ ዝተሰርዐ እዩ። ኵሉ በብግዜኡ ክግበር ዝተመደበ ነገር እዩ። ኣብ ግዜኡ ዘይተገብረ ነገር ከኣ ንጽብሒቱን ድሕሪ ጽብሒቱን ጾር እናወሰኸ ይኸይድ። ኣቐዲምና ዝተንከፍናዮ ነጥቢታት ግዜኻ ንምምሕዳር ሓጋዚ እዩ። ግዜኻ ብግቡእ ንኽተማሓድር፡ ንሸቶኻ ብግቡእ ምርዳእን ቀዳምነታትካ ብተርታ ምስራዕን የድልየካ። ግዜኻ ምምሕዳር። ንኣኻ በቲ ዝጥዕመካ ስለ እትሰርዖ፡ ናብ ነብስኻ ዝያዳ ከቕርበካ'ውን ይኽእል። ኣብ ህይወትካ ዘድልየካ ካልእ ንጥፈታት ሓዊስካ ክትከይድ ድማ የኽእለካ። ግን ኵሉ ብግዜ ስለ ዝዕቀን፡ መጀመርታን መወዳእታን ናይቲ ትሃርሞ ዝደለኻ ሸቶ ዘነጽር ናይ ግዜ መቓን ኣዳሉ። ስንኻ ነኺስካ ተኸተሎ ድማ።

## ንገዛእ ነብስኻ ምትብባዕ

ሓደ ነገር ምስ ገበርካ ንገዛእ ነብስኻ ሓደ ሽልማት ወይ መተባብዒ ኣዳልወላ። ንኣብነት፡ ዝሓሰብካዮ መደብ ኣብ ግዜኡ ከምቲ ትደልዮ ገይርካ ኣብ እትዕወተሉ፡ ማለት ሸቶኻ ኣብ እትሃርመሉ፡ ብዝተፈላለየ መገዲ ነብስኻ ኣተባብዓያ።

- ፊልም ክትዕዘብ ትኽእል፣

- ነብስኻ ክትጋብዛ ትኽእል፣

- ምስ መሓዙትካ ክትዘናጋዕ ትኽእል፣ ወዘተ።

◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇◇

# ቛንቛ ስነ-ቍጽሪ

ዕላማ ናይ ሓደ ቛንቛ - ከም ኢንግሊዝ፡ ዞሉ፡ ትግርኛ ዝኣመሰለ - ሰባት ንሓድሕዶም ክረዳድኡ ንኽኽእሎም እዩ። ወዲ ሰብ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ ንሓድሕዱ ዘረዳድኦ ዝተፈላለየ መገዲታት ክፈጥር ጸኒሑ። ቀስ እናበለ ከኣ ክጽሓፍ፡ ክንበብን ክትርጐምን ዝኽእል ቛንቛ ኣማዕቢሉ። ኵሎም ቛንቛታት ፊደላት ኣለዎም። እኩብ ፊደላት ከኣ ቃል ንምስራሕ የኽእል። ዝተኣከቡ ቃላት ከኣ ምሉእ ሓሳብ የቕሙ። ቃላት ምሉእ ሓሳባት ዝፈጥረሉ ኣገባብን ሕግን ኣለዎ፣ ስዋስው። እዚ እቲ ነቲ ምሉእ ሓሳብ ዘንብብ ዘሎ ሰብ፡ ነቲ ዝተጻሕፈ፡ ሰብ ብቐሊሉ፡ ብንጹርን ብልክዕን ክርድኦ የኽእሎ። ስርዓተ-ነጥቢ ከኣ ነቲ ጽሑፍ ኣዝዩ ንጹር ክኸውን ይገብሮ።

ቍጽሪ'ውን ቛንቛ እዩ፣ ቛንቛ ስነ-ፍልጠት። ከም ዝኾነ ካልእ ቛንቛ ፊደላት ኣለዎ፣ ቍጽርታት። እዚ ቍጽሪኣዊ ፊደላት፡ ንቕጽሪኣዊ ቃላት (መግለጺታት) ይሰርሑ። ድምር ክልተኦም ከኣ ምሉእ ሓሳብ (ቅማረ) የቕሙ። ቍጽሪኣዊ ስርዓተ-ነጥቢ ከኣ ዝተፈላለየ ምልክታትን ውከላታትን እዩ። ንኣብነት፡ ምልክት ምድማር (+)፡ ምልክት ምጒዳል (-)፡ ምልክት ምርባሕ (×)፡ ምልክት ማዕረ ማዕረ (=)። ቍጽርታት ከመይ ገይሮም ይጥመሩ፣ ምስቶም ምልክታት ሓቢሮም ከመይ ኢሎም ቅማረ ይሰርሑ፣ ብኸመይ ይንበቡን ካልእን ዝገልጽን ዘፍልጥን ሕጊ ድማ ኣለዎ።

ሓደ ጽሑፍ ንኽትርድኦ ብልክዕ ብዝተሰርዐ ፊደላትን ቃላትን፡ ንእኡ ኣዋሃሂዱ ንጹር ምሉእ ሓሳብ ዝጉብሮ ስርዓተ-ነጥቢ ዘይብሉ ጽሑፍ ንኽትርድኦ ኣሸጋሪ እዩ። ናይ ቍጽሪ ፊደላት፡ ቃላት፡ ምሉኣትን ሓሳባትን ምልክታትን ምጽናዕ ንስነ-ፍልጠት ብቐሊሉ ምርዳእ የኽእል። ቍጽሪ ዝዓበየ ቛንቛ ስነ-ፍልጠት ብምዃኑ ብዓቢ ተገዳስነት ክርአ ይግባእ። ቍጽሪ ክንምሃር እንከለና፡ ክንጽሕፍ እንከለና፡ ቅማረታት ከነቕም እንከለና፡ ብፊደል ዝተጻሕፉ ግድላት ክንትርጉም እንከለና፡ ወዘተ ብንጹር ንኽንሕዞ፡ ቍጽሪ ከም ዝኾነ ቛንቛ ንሕግታቱ ክንርድኦን ከነማልኦን ይግባእ።



# ኣጸናንዓ ዓውደ ትምህርቲ ቊጽሪ



ዓውደ-ትምህርቲ ቊጽሪ ካብ ካልኦት ዓይነታት ዓውድታት ፍልይ ዝበለ'ዩ። ምኽንያቱ እዚ ዓውደ-ትምህርቲ'ዚ ኣብ ክንዲ ፊደል ጥራይ፡ ዝተፈላለየ መወከሊታት፡ ቅመራታት፡ መስርሓት፡ ምዕሪታት ስለ እንጥቀም'ዩ። እዚ ዝስዕብ ኣገባባት እምብኣር፡ ኣብ ዓውደ- ትምህርቲ ቊጽሪ ዕውት ክትከውን ዝሕግዝ'ዩ።

**#1** ዓውደ-ትምህርቲ ቊጽሪ፡ ብምንባብን ናይ መምህር መግለጺ ብምስማዕን ጥራይ ክጽናዕ (ክምለኽ) ዝከኣል ስለ ዘይኰነ፡ ንጡፍ ተዋሳእነት የድሊ። እዚ ማለት፡ ነፍሲወከፍ ዝወሃበካ ዕዮ ገዛ፡ ዕዮ ክፍሊ ክትሰርሕ ኣለኻ። ነዚ ዕዮታት'ዚ ምስራሕ፡ ነቲ ዝተፈላለየ መወከሊታት፡ ቅመራታት ክትመልኮ የኽእለካ።

**#2** ኣርእስታት ናይ ዓውደ-ትምህርቲ ቊጽሪ፡ ዝተሓሓዝ እዩ። ስለዚ፡ ናይ ትማሊ መግለጺ እንተ ደኣ ዘይተረዲኡካ፡ ናይ ሎሚ ንኽርደኣካ ኣጸጋሚ ይኸውን። ስለዚ፡ ኣብ ነፍሲወከፍ ክፍለ-ግዜ (ፐሬድ) ብመምህር ዝወሃበካ መግለጺ ኣቓልበሉ። ብተወሳኺ፡ ገዛ ምስ ከድካ፡ ካብ ዝተፈላለየ መጽሓፍቲ ዝተፈላለየ ሕቶታት ስራሕ።

**#3** ዓውደ-ትምህርቲ ቊጽሪ ካብቲ ካልእ ዓውድታት ትምህርቲ፡ ዝያዳ ልምምድን ኣተኲሮን ዝሓትት ስለዝኾነ ዝበዝሐ ናይ መጽናዕቲ ግዜ ሕዝኣሉ።

**#4** ዓውደ-ትምህርቲ ቊጽሪ ብምሽምዳድ ከተጽንዕ ኣይትፈትን። እቲ መስርሓት ሓደ ብሓደ ከመይ ከም ዝስዕብ፡ ነቲ ፎርሙላታት ከመይ ከም ንጥቀመሉ ብዕምቈት ተረድኣዮ። ከምዚ ምግባር፡ ካብቲ ብመምህር ዝተዋሃበካ ኣብነታት ፍልይ ዝበለ ሕቶታት ምስ ዘጋጥመካ፡ ብዘይ ገለ ጸገም ክትፈትሖ የኽእለካ።

**#5** ዓውደ-ትምህርቲ ቊጽሪ፡ ምስኡ ዝኸይድ ቃላት ስለ ዝጥቀም፡ እንታይ ስለምንታይ ይብሃል ኣሎ ብጥንቃቐ ኣጽንዓዮ። ኣብ ዓውደ-ትምህርቲ ቊጽሪ እንጥቀመሉ ቃላት ንኣብነት፡ ሳይን፡ ኮሳይን፡ ታንጀንት፡ ሃይፖተንስ፡ ኳድራቲክ፡ ፖሊኖሚያል፡ ... ፈሊኻ ብምጽሓፍ ትርጒሙ ብንጹር ፍለጦ። ከምዚ ምግባር ነቲ ትምህርቲ ንኽትመልኮ ኣዝዩ ሓጋዚ'ዩ።

**#6** ቅድሚ ናይ ቊጽሪ ክፍለ-ግዜ ምእታውና ወይ መጽናዕቲ ምጅማርና ብዝተኻእለ መጠን ክንዛነ ኣለና። ብዙሕ ግዜ "ዘይቊጽሪ'የ ክጽንዕ" ኢልና ኣብ ህድኣት ዘይብሉ፣ ሙዚቃ ዝዓብለሎ፣ በቲ ካልእ ወገን እናኣዕለልና፡ ተሌቭዥን እናረኣና፡ ነጽንዕ ኢና። እንተኾነ ቊጽሪ ከም ኵሉ ዓይነታት ትምህርቲ ምሉእ ኣድህቦ ስለ ዘድልዮ፡ ህዱእ ሃዋህው ፈጢርና ከነጽንዕ ይምረጽ። ቊጽሪ ልዕሊ ዝኾነ ዓይነት ትምህርቲ ክፉት ኣእምሮ ዝጠብ ብምዃኑ፡ ተዛኒና መጽናዕትናን ትምህርትና ክንከታተል ኣለና።

**#7** ሓደ ኣርእስቲ እናተማሃርና ኣብ ጥራዝና እንጽሕፎ ኖት ደጊምና ከነምብቦ ዘየሸግር ክኸውን ኣለዎ። ማዕረ-ማዕረ መምህርና ምእንቲ ክንከይድ ክንብል፡ ደጊምና ክርእዮ ዘይብርሃናን ዘይንበበልናን ጽሒፋት ኣይኹን። ብተሃዋኺ ክንጽሕፍ ክንብል እቲ ዕዮ ዝፍተሓሉ ደረጃ (ስተፕ) ክይንዘልል'ውን ምጥንቃቕ የድልየና። ብጽቡቕ ጽሒፈትን ጽፈትን ዝተጻሕፈ ኖት ደጊምካ ንኽተምብቦ ይብረሃካን ናይ ምስራሕ ሸውሃትካን ይኸፍት'ዩ።

**#8** ቊጽሪ ዕቱብ መጽናዕቲ'ውን የድልዮ እዩ። ኣብ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትና ኲነ ኣብ ኮለጃት፡ ቊጽሪ እቲ ዓቢ ግምት ዝወሃቦ ዓውደ-ትምህርቲ እዩ። ስለዝኾነ ከኣ ትብዕ ኢልና ክንሕዞ ንግደድ። ኲሉ'ቲ ዝተመሃርናዮ ተመሊስና ነጽናዓዮ። ካብ ዝተፈላለየ መጽሓፍቲ ምስ ደረጃናን ኣርእስትናን ዝኸይድ ሕቶታት ንስራሕ፣ ከቢድ ሕቶ ምስ ዘጋጥመና ከኣ ናብ መምህርና ኬድና ንሕተተሉ።

**#9** ብጒጅለ ኴንና እነጽንዓሉ ናይ ሓባር ናይ መጽናዕቲ ግዜ ንፍለ። ብሓባር ምጽናዕ ብዙሕ ረብሓታት ኣለዎ። ቅድሚ ናብ ብጻይና ወይ ጒጅለና ምኻድና ግና፡ እቲ ብሓባር ከነጽንዖ ዝሓሰብናዮ ኣንቢብናዮ ክንጸንሕ ኣለና። ሚዛን እቶም ብሓደ ዘጽንዑ ክመጣጠን ስለ ዘለዎ ከኣ ናይ ሓባር መደብን ኣካይዳን ክህሉ ኣለዎ። ብሓባር ኴንካ ምጽናዕ ነቲ እትፈልጦ ፍልጠት የራጒዶ፡ ሓድሽ ፍልጠት ትረክብ፡ ክይሓፈርካ ሓሳብካ ክትለዋወጥ፡ ... ትኽእል።

## ባህልን ስነጥበብን




# “ኣምባሰደር ባህሊ ሃገረይ ክኸውን’ዩ ጻዕረይ”

## ኣርቲስት
# ኣማኑኤል ጎይትኦም

ኣርቲስት ኣማኑኤል ጎይትኦም ሓደ ካብቶም ኣብ ዓውዲ ባህላዊ ደርፍታት ደሚቖም ዝወጹ ድምጻውያን ሃገርና‘ዩ። ኣብ ያታዊ ጉጅለ ባህሊ ዞባ ደቡብ ካብ ተራ ኣባል ጀሚሩ፡ ከም ተለሃያይ፡ ተቐባሊ፡ ድምጻዊ፡ ኣቀናባሪ ሙዚቃ፡ ኣጽናዒ ያታዊ ባህልን ደርፍታትን፡ ዘያሚ፡ ተዋሳእን ኣላዪ ጉጅለ ያታዊ ትልሂትን ሙዚቃን ዞባ ደቡብ፡ ኣብ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ ምክትታል ባህሊ ብምዃን ብድምር ን19 ዓመታት ዝሰርሐን ኣብ ሓፈሻዊ ናይ ስነ ጥበብ ጉዕዞኡ ድማ ልዕሊ 100 ደርፍታት ኣፍርዩ ናብ ህዝቢ ዘቕረበን’ዩ። ኣብ ናይ ስነ ጥበብ ጉዕዞኡ፡ ተመክሮኡ ከካፍለና ዓዲምናዮ ኣሎና።

**ሽሻይ ሓይልኣብ**

**◆ ምስ ድሕረ ባይታኻ ክንላለ?**

ኣብ 1988 ዓመተ ምህረት ኣብ ንኡስ ዞባ ማይምነ ተወሊደ። ህጻን እንከለኹ ድማ ምስ ስድራይ ናብ ማይድማ ግዒዝና። ናብ ዓዲ ኣስመሩን ዓዲ ጋባን (ከባቢታት ማይዱማ) እናበልኩ ድማ ዓብየ። ከም’ዚ ይኹን’ምበር ካብ ማይዱማ ናብ ማይ ምነ እናተመላለስኩ ስለ ዝዓበኹ ኣብ ማይ ምነ ማዕረ ማይዱማ ኣሕዋት፡ ስድራ፡ ኣዕሩኽ ከጥሪ ስለ ዝኸኣልኩ ናይ’ቲ ኸባቢ ዝኸርታት ንእስነት ኣለኒ። ክሳብ ሕጂ’ውን ኣሕዋተይ ኣብ ማይምነ ስለ ዘለዉኒ ምስ’ታ ዝተወለድኩላ ማይምነ ዝተኣሳሰር ቀለቤት ኣለኒ።

**◆ ናይ እዋን ቁልዕነትካ ትዝክሮም ጸወታታ እንተለዉ...**

ባህሉ ኣብ ዘየህሰሰ ከባቢ ስለ ዝዓበኹ ብዙሕ ዝኸርታት ኣለኒ። ንእግረ መገደይ ማይዱማ ብሩባን ጎቦታትን ዝተኸበት ከተማ’ያ።





ኣብ'ቲ ሩባታት ሑጻ ስለ ዘለዎ ሕንቆ፡ ኣገጫጫብ ማይ፡ ምሕምባስ፡ ሸታሕታሕ፡ ኣዅድር (ኲርትሒትን ካልእን ንጻወት ኔርና። ብፍላይ ምስ ኣዕርኹተይ ጃዕፈር፡ ካሕሳይ፡ ምሉእኣለምን ኢዮብ ኣማረን ካልኦት መተዓብይተይን ካብ ናብ እናበልና ንጻወቶም ብዙሓት ጸወታታት ነይሮም።

**◆ ኣብ'ቲ ግዜ እንታይ ዓይነት ኣልባሳት ኢኹም ትወድዩ ኔርኩም?**

ጸጉርና ቑንጮቁንጮ እናተላጸና፡ ምስ ተሓንጋጥ ዘለዎ ቁምጣ ስረ፡ ሳርያን፡ ብነዊሕ ስረ ዝተሰፍየ ሽቦሸ ንኸደን ኔርና። እንተኾነ ካብ ኲሎም ኣዕሩኸተይ ዝቐጠነ ዳንግኡ ኣነ ስለ ዝነበርኩ ይሓፍር ነይረ። ድሓር ግን ዋላ ኣብ ሕንቆ'ውን ይፍትን ነይረ'የ። ቀጢን ኢልካ ተመን ኣይትርገጽ'ዩ።

**◆ ናብ ናይ ትምህርቲ ድሕረ ባይታኻ በል ክንሰግር...**

መባእታ ኣብ መባእታ ደረጃ ማይዱማ'የ ተማሂረ። ሻዱሻይ ክፍሊ'ውን ኣብ ማይዱማ'የ ተማሂረ። ብድሕሪኡ ግን ኣብ'ቲ እዋን ናይ 7ይ ክፍሊ (ጁንየር) ኣብ ማይዱማ ስለ ዘይነበረ ድማ ናብ መንደፈራ ሰጊረ።

**◆ ስለምንታይ ድኣ ንዓረዛ ሓዲግካ ንመንደፈራ ሰጊርካ?**

በቲ ሓደ ኣብ መንደፈራ ኣኮይ ስለ ዝነበረኒ ምስኡ ኮይነ ክመሃር። በቲ ካልእ ድማ ብንእሽቶየይ እንከለኹ ኣብ ማይዱማ ናይ ጽርበት ዕንጨይቲ ሞያ ተማሂረ ስለ ዝነበርኩ፡ ነቲ ናይ ጽርበት ዕንጨይቲ ሞያይ ንኽዕቢ ንመንደፈራ ክኸይድ መሪጸ። ኣብ ማእከላይ ደረጃ ኦሮታ ድማ ናይ ሻብዓይ ደረጃ ትምህርተይ ተኸታቲለ። ኣብ ትምህርቲ ግዱስ ስለ ዝነበርኩ ሽልማት ረኺበ። ኣብ'ቲ እዋን ዝተሰመዓኒ ሞራልን ዝተራእየኒ ተስፋን ላዕሊ'ዩ ነይሩ። ኣብ ትምህርቲ ልዑል ተገዳስነት ስለ ዝነበረኒ ዶክተር ክኸውን እብህግ ነይረ (ስሓቕ)። ብድሕሪኡን ብዝተፈላለየ ምኽንያት ኣብ መንደፈራ ኮይነ ክመሃር ኣይጠዓመንን።

**◆ እንታይ ድኣ ተረኺቡ?**

ሕጂ ኮይነ ክርእየ እንከለኹ ኣመና ዝጥቀስ ጸገም ኣይነበረን። ፈለማ ኣብ መንደፈራ ምስ ኣኮይ ኮይነ'የ ዝመሃር ነይረ። ድሓር ግን ስራሕ ስለ ዝጀመርኩ ተኻርየ ክነብር ይኽእል'የ ብምባል መነባብሮይ ፈልየ። እንተ ኾነ ካልእ ጸገም ስዒቡ፡ ናብራ ኣይተኻእለን። እቲ ዝጀመርክዎ ስራሕ ስለ ዘይቀጸለ ንገዛ ክራይ ዘኽፍል ዓቕሚ ኣይተኻእለን። ዝተዓጻጸፍ ዓቕሚ ድማ ኣይነበረንን። ድሓር ቅልጥፍ ኢለ ምስ ሰባት ክሕወስን ሓሳባተይ ክገልጽን ይኽእል ኣይነበርኩን - ሓፋር'የ ነይረ። ብኻልእ መዳይ'ውን ቅልጥፍ ኢለ ምስ ባህልን ኣነባብራን ከተማ መንደፈራ ኣይተላለኹን። ካልእ'ውን ኣብ ማይዱማ ዝገደፍክዎም ኣዕሩኽተይን መተዓብይተይን ናፊቐ ናብ ዓደይ ተመሊሰ። እዚ ባህሪ'ዚ ዋላ ክሳብ ሕጂ'ውን ኣይሓደገንን። ካብ ዝለመድክዎም መተዓብይተይን ኣዕሩኽተይን ክፍለ ኣይደልን'የ። ብናፍቖት ተጠቃዒ'የ፡ ከምኡ ስለ ዝኾንኩ'የ ሕጂ'ውን ካብ መንደፈራ ናብ ኣስመራ ክመጽእ እንከለኹ ስርሐይ ኣጻፊፈ ቀልጢፈ ናብ መንደፈራ ዝምለስ። ሽው ኣነ ናብ መንደፈራ ምስ ሰገርኩ ናይ 8ይ ክፍሊ ትምህርቲ ኣብ ማይዱማ ስለ ዝተኸፍተ፡ 8ይ ክፍሊ ንኽመሃር ናብ ማይዱማ ተመሊሰ። ጀነራል ኣብ ማይዱማ ጌረ ማለት'ዩ። ብድሕሪኡ ናብ 9ይ ክፍሊ ምስ ሓለፍኩ ድማ ናብ ዓረዛ ቀጺለ። ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርተይ ኣብ ዓረዛ'የ ወዲአ።

**◆ ናይ ካርፔንተር (ጽርበት**



**ዕንጨይቲ) ሞያኻ ኸ ኣበይ ገደፍካዮ?**

(ስሓቕ)፡ እቲ ኣብ ማይዱማ ዝተማሃርክዎ ደረጃን እቲ ናይ መንደፈራን ኣይተጋጠመን። ምኽንያቱ እቲ ተመክሮን ትምህርትን ናይ ማይዱማ ንእሽቶይ'ዩ ነይሩ። ብዝኾነ ጎኒ ጎኒ ትምህርተይ ኣብ መንደፈራ ናይ ፈለኞም ስራሕ ጀሚረ ነይረ። ካብ እንዳ ኣኮይ ስራሕ ምስ ጀመርኩ'የ ናብ ሓድሽ ዓዲ ዝብሃል ከባቢ ያኢ ነብሰይ ክኽእል ግዒዘ። ንእሽቶ ገዛ ተኻርየ ድማ ናብራ ፈሊመ ነይረ። እንተኾነ ኣጋጣሚ ኮይኑ እቲ ዘስርሓኒ ዝነበረ ሓያል ሰብኣይ'ዩ ነይሩ። ኣነ ኸኣ ሰሪ እኹል ፍልጠትን ተመክሮን ነቲ መሳርሒታት ሰባቢረ ወዲአዮ። ክኢላ'ዩ ተባሂለ ንሰሙን ብ250 ናቕፋ'የ ስራሕ ተቖጺረ ነይረ። ኣብ ማይዱማ ካርታቤትራ ዝብሃል ነይሩ። ነቲ ካርታቤትራ ብኢድካ ኢኻ ትሕዞ። ነቲ ሓርፋፍ ዘለዎ ዕንጨይቲ ብኡ ጌርካ ኢኻ ተልምጾ። ኣብ መንደፈራ ግን ሞላ (ማሽን)'ዩ። ነቲ ሞላታት ሰባቢረ ምስ ወዳእክዎ ኣኺሲርካና ተባሂለ ካብ ስራሕ ተሰጒገ። ፈለማ ኣኮይ ለሚኑ መሊስኒ ነይሩ። ብድሕሪኡ'ውን እቲ ጌጋ ቀጺሉ ካልኣይ ግዜ ተሰጒገ። በዚ ድማ ብስምዒት ተደፋፊአን ሓሪቐን ናብ ማይዱማ ተመሊሰ። (ስሓቕ) እንተኾነ ግን ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝበልኩኻ፡ ካብ ኦሮታ ቤት ትምህርቲ (ካብ ክላሰይ) ቀዳማይ ኮይነ ተዓዊተ ስለ ዝነበርኩ ንእሽቶ ናይ ዓወት መንፈስ ነይሩኒ።

**◆ ኣብ'ቲ እዋን ንፉዕ ተማሃራይ ከም ዝነበርካ ፈሊጠ ኣለኹ። ከመይ ቀጺልካ?**

ኣተዓባብያና ኩሉ ግዜ ናይ ናብራ ጸገምን ብድሆታትን ነይርዎ'ዩ። ስለዚ ኣተዓባብያይ ስለ ዝጸለወኒ ኣብ ርእሲኡ'ውን ናይ ገዛና በኹሪ ስለ ዝኾንኩ ሓላፍነት ምእላይ ስድራ ኣብ እንግድዐይ'ዩ ነይሩ። ኣካል ማሕበራዊ ህይወተይ ሽግራትን ብድሆታትን ንምፍታሕ ኣብ ትምህርቲ ተጸሚድካ ናይ ምዕዋት መንፈስ'ውን ነይሩኒ'ዩ። ኣብ ኩሉ ክፍልታት ብልጫ እወስድ ነይረ። ኣብ ዓረዛ እንከለኹ'ውን ኣብ ቀዳማይ ሰሚስተር ናይ 9ይ ክፍሊ 3ይ ወጺአ። እዛ ናይ 9ይ ክፍሊ እታ ናይ መወዳእታ ናይ ትምህርቲ ሽልማተይ'ያ። ብድሕሪኡ ግን እቲ ናይ ባህሊ ዝምባለታትን ናይ ስነ ጥበብ ወንን ስለ ዝሰዓረ ናብ ባህልን ደርፍን ዘምቢለ። ትምህርቲ ግን ጠቕሊለ ኣይገደፍክዎን። ምስ ቀዳሞት ዓሰርተ ተማሃሮ እናተሰራዕኹ'የ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርተይ ዛዚመዮ።

**◆ 'ኮርሳተረ' ከም ዝነበርካ'ውን ዕላል ሰሚዐ'ለኹ....**



ከም'ቲ ኣቐዲመ ዝበልኩኻ'ዩ። ኣብ ገዛኻ ጸገማት እንተልዩካ ብዙሕ ሞያታት ኢኻ ትፍትን። ኣብ'ቲ ግዜ ውድድር ኮርሶ ብሃገር ደረጃ ውዕዉዕ'ዩ ነይሩ። ኣብ ማይዱማ'ውን ውድድራት ይስራዕን ጽልዋታት ፈጢሩን ነይሩ'ዩ። ቆልዑ፡ ኣዴታት፡ ኣቦታት ይዕዘብዎ ከም ዝነበሩ እዝክር። ኣነ'ውን ተጸልየ 'ሰከንድ ሃንድ' ብሽግለታ ገዚአ። ምስ ኣዕሩኽተይ ብስምዒት ተደሪኽና ሃንደበት ክንወዳደር ወሲንናን ጀሚርናን። ይዝከረኒ እታ ፈለማ ዝተወዳደርኩላ መዓልቲ ብዘይ ልምምድ'የ ናብ ውድድር ኣትየ። ኣብ እንዳ ኣቦይ ዓንደ ትብሃል ቤት ቁርሲ ፋታ በሊዕና ኢና ናብ ውድድር ኣቲና። እታ ናይተ ብሽክለታ ጸገማት ስለ ዝነበራ ካብ ዩኤል ዝብሃል ዓርከይ ለሚነ ጀሚረ። ኖርማል ሓጺር ስረን ካምቻን'የ ጌረ ነይረ። እቲ ጅሮ ካብ ማእከል ማይዱማ ጀሚሩ ንመንደፈራ ኣንፈትና









ተጓዒዝና፡ ንሞልቂ ኣንፈትና ተመሊስና ኢና ንውድኦ። እንተኾነ ኣነ ልምምድ ብዘይ ምግባር ስለ ዝጀመርኩ፡ ነቲ ዝተዋህበና ርሕቀት ውድድር ይትረፍ ዶ ክውድኦስ 2 ጅሮን’ኳ ክውድእ ኣይከኣልኩን። ስለዚ ልምምድ ክገብር ስለ ዝነበረኒ ካብ ማይዱማ ተበጊስና ንዓረዛ፡ ካብኡ ንኣንፈት ሞልቂ እናቐጸልና እንከለና ሓደጋ ኣጋጢሙኒ።

**◆ እንታይ ሓደገኡ?**

ድሓን’ዩ። እቲ ኣጋጣሚ ኣንፈተይ ንኽልውጥ ደራኺ’ዩ ነይሩ። ሓሙስ መዓልቲ ዕዳጋ ማይዱማ’ዩ። ልምምድ እናገበርና እንከለና፡ ካብ ሞልቂ ምስ ዝመጻ ዝነበራ ጢለ በጊዕ ንራኸብ’ሞ ሓንቲ ጤል ኣትያትኒ። ኣነ ወዲቐ እታ ጤል ድማ ነታ ሳይክል ሒዛታ ናብ’ቲ ጎቦ ገጻ ኸይዳ። በዚ ምኽንያት ካብ ዝወድቕክዎ ምስ ተሳእኩ፡ ምስ’ቲ ዋና ጤል ሓደን ክልተን ተባሂልና ናብ እንዳ ፖሊስ ኬድና። ብድሕሪ’ዚ እቶም ኣባላት ፖሊስ “ሓናቒ ጤል” ኢሎምኒ፤ ግዳ ተረዳዲእና ብሰላም ተፈላሊና። ብድሕሪኡ ኣብ ዝቐጸለ ሰንበት ክወዳደር ምስ ከድኩ ኩሎም ተዓዘብቲ “ሓናቕ ጤል- ሓናቕ ጤል” እናበሉ ምስ ጸውዑኒ ካብ ብሽክለታ ወሪደ -ተፋንየ- ብዘይ ዓሚቕ ድሌትን ጻዕርን ዝጀመርካዮ ኩሉ ግዜ ከምኡ’ዩ። (ስሓቕ)

**◆ ኣብ እዋን ቁልዕነት እንታይ ክትከውን ኢኻ ትሓስብ ኔርካ?**

ከም ዝኾነ ቆልዓ እንታይ ኢኻ ክትከውን ትደሊ ክብሃል እንከለኹ ኣብ ኣፈይ ዝመጸለይ እብል ነይረ። ብንጹር እዚ’የ ክኸውን ዝብሎ ግን ኣይነበረንን። ድሓር ኣተዓባብያና ካብ ናይ ከተማ ፍልይ ዝበለ ስለ ዝኾነ ውርጻጸ ኣይነበረንን። እናዓበኹ ክኸይድ እንከለኹ ግን ናይ ስርሓት ጽርበት እናተማሃርኩ እንከለኹ ክራር እሰርሕ ነይረ። ምናልባት እዛ ክራር ብሰዉር ምሳይ ኪዳን ኣሲራ ትኸውን። ብተወሳኺ ምስ መተዓብይተይ ቆልዑ ኣብ ሩባታት ማይዱማ ተኣኪብና ጀሪካናት፡ ታኒካታት፡ ቴኖታትን ካልእን ሒዝና ንጸወት ነይርና። ኣነ ሽዑ “ጃዝጃዝ” ብናይ ሕጂ ኣጸዋውዓ ላይፍ ድራም ማለት’ዩ፡ ክራር ብናይ ቆልዑ ኣጸዋውዓ “ምንምንም” ይሕዝ ነይረ። እቶም ደረፍቲ ኸኣ ካብ ዓይነት ሳዕሪ “ዓዊል” ከም ማይክሮፎን ሒዞም ይደርፉ ኔሮም። በቲ ሽዑ እዋን ጉጅለ ባህሊ ኢና ነይርና ማለት’ዩ። ስለዚ ብቛንቋ ተፈጥሮ ደራፋይ ንኽኸውን ይሓስብ ነይረ ማለት ዶ ይኸውን ይብል’የ።



**◆ ናይ ንእስነትን ፍቕርን እዋንን ከ ከመይ ትዝክሮ፤ ሓቂ ተዛረብ!**

ናይ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ነናቱ ዝኽርታት ኣለኒ። ሽዑ ንዝጠመትናያ ጓል ደብዳበ ኢና ንጽሕፈላ። ኣብ ርሑቕ ከም ዘላ “ትኺድ ትብረር...” እናበልና ንጽሕፍ። ብዝተፈላለዩ ሕብርታት ናይ ፒሮ ፍዮሪታት ስኢልና ንህባ። እቲ ደብዳበ ኣዕሩኽ ብሓባር ኴንና ኢና ንጽሕፎ። ሽዑ እታ ጓል ሕራይ እንተ ኢላትና ዋላ ሓንቲ ኣይንገብርን ኢና - በቃ’ሞ ኢልና ኢና ንቕጽል (ስሓቕ)። መቸም ግርህነት፡ ቅንዕናን ካልእን ስለ ዘዘኻኽረና ጽቡቕ’ዩ። እቲ ሽዑ ዘሰክፈና ዝነበረ ግን ምናልባት እንተ ሓቲትካያ ንስድርኣ ወይ’ውን ንሰባት ከይትነግረግረልካ’ዩ። ምኽንያቱ እንተድኣ ነጊራትልካ ኩሉ ሰብ ብሽም’ታ ጓል’ዩ ዝጽውዓካ። ስለዚ ብፍቕሪ ንእትሓታ ጓል ኣቐዲምካ ከም ትግደሰልካ ወይ ከም ዘይተሕፍረካ ኣጸቢቕካ ክትንብባ ኣለካ ማለት’ዩ።

**◆ ሕራይ ኤማ ናብ ቀንዲ ዕላልና ክንሰግር፡ ንደርፊ ብወግዒ መዓስ ኢኻ ከም ሞያ ተተሓሒዝካዮ?**

ኣመጻጽኣይ ናብ ስነ ጥበብ ዝተተሓሓዘ’ዩ። ማለት ኣብ ማይዱማ ጉጅለ ባህሊ ምድሪ ወዲ ሰበራ ትብሃል ነይራትና ኢለካ ነይረ። ንክራር ሙሴ ዝብሃል ወዲ ሓትነይን በረኸት ሓወይን ቀዲሞም’ዮም መሊኾማ። ብድሕሪኦም ኣነ’ውን ብእኦም ተጸልየ- ኣብ ሓጺር ግዜ ለሚደያ። ኣብ ጉጅለ ባህሊ ምድሪ ወዲ ሰበራ ተጸምቢረን ቀጺለን። ብድሕሪኡ ናብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ምስ ሰገርኩ ነቲ ሞያ ተተሓሒዘዮ። ኣብ 2006 ኣብ ፌስቲቫል ዞባ ደቡብ ምስ ተሳተፍኩ፡ ኣባል ጉጅለ ባህሊ ዞባ ደቡብ ኮይነ ተመሪጸ። እዚ እቲ ዝዓበየ ዕድለይ’ዩ ነይሩ፡ ምስ ዝተፈላለዩ ሰባትን መድረኽን ስለ ዘራኸበኒ። ኣብ ጉጅለ ባህሊ ዞባ ደቡብ ፈለማ ተላሂያይን

መጣቓዓይን'የ ነይረ። ከም ደራፊ ኣይተፈለጥኩን ነይረ። ሚኒስትሪ ዜና ብኣጋጣሚ ብዓል ትንሳኤ ኣብ መንደፈራ መደባት ክመልኡ ምስ መጹ፡ እናተቐበልኩ እንከለኹ፡ ጋዜጠኛ ኢሳቕ መሓሪ “ካብ ውሽጢ ጥዑም ድምጺ ይሰምዕ ኣለኹ” ምስ በለ ኣብ ቅድሚት ኮይነ ክደርፍ ዕድል ረኺበ። ብድሕሪኡ'ውን ኣብ 2009 ብስዉእ ስነ ጥበበኛ ኢሰይያስ ጻጋይ እናተኣለና ባህላዊት ኣልቡም ዘባ ደቡብ እናሰራሕና እንከለና፡ “እዚ ቆልዓ ፍሉይ ድምጺ ኣለዎ” ብምባል ደርፍታት ክሕዝን ከም ደራፋይ ክቕጽልን ዕድል ከፊትለይ። በዚ ኣጋጣሚ ነቶም ናይ ሽዑ ኣለይተይን ንድምጻይ ኣለልዮም ዕድላት ንዝኸፈቱለይ ሞያውያንን የመስግኖም። ብፍላይ ከኣ ካብ ፈለማ ኣመጻጽኣይ ተራ ዝነበሮም ኣቶ ፍስሃየ ገብረሚካኤል (ዋሪ)፡ ኢያሱ ወዲ መነባብሮ፡ ወይዘሮ ገነት ሰለሞን (ጓል ሰሌ)፡ ካፒተን ኤልሳ (ላውንቸር)ን ካልኦትን በዚ ኣጋጣሚ የመስግኖም። ብድሕሪ'ዚ ኣባል 22 ዙርያ ኮይነ ትምህርተይን ሃገራዊ ግቡኣይን ንምፍጻም ንሳዋ ወሪደ።

**◆ ኣብ ሳዋ ኸ ከመይ ቀጸልካ?**

ኣብ ሳዋ ናይ ትምህርቲ ብቕዓተይ ክመልሶ ፈቲነ ነይረ። ግዳ ኣይተዓወትኩን፣ ድሕሪኡ ግዜ ሂበ ናብ ስነ-ጥበብ ጉዕዞይ ቀጺለ። ኣብ 2009 ድማ ኣብ'ዛ ኣቐዲመ ዝበልኩኻ ብስዉእ ስነ-ጥበበኛ ኢሳይያስ ጻጋይ ዝተኣልየት ባህላዊ ኣልቡም ዞባ ደቡብ ተሳቲፈን ተመክሮ ቀሲመን።

**◆ ፈለማ ናይ ስቱድዮ ግዜኻ'ሞ ከመይ ትዝክሮ?**

ኣብ 2009 ናይ ዞባ ደቡብ ኣልቡም ክንመልእ ናብ ኣስመራ ምስ መጻእና፡ ብዓል ፊዮሪ ጸሃየ የዐሽየናና። ድምጺ እናመላእና እቲ ናይ ስእሊ መስርሕ








ዝካየድ መሲልና፡ ጫማ፡ ክዳውንቲ ተለቂሕና ጨና ጌርና ኣቲና (ሰሓቕ)። ኣብ ስቱድዮ ድምጺ ጥራሕ ከም ዝምላእ ድሒርና ኢና ፈሊጥና።

**◆ ብድሕሪኡኸ?**

ብድሕሪኡ እቶም ኣብ ውድድር ሽንግርዋ ዝነበሩ ደያኑ ኣብ መንደፈራ ክርእዩናን ክኣልዩናን ዕድል ስለ ዝረኸብና፡ ኣብ 3ይ ዙርያ ሽንግርዋ ምስ ትሓይሽ ኣሰፋ ክንሳተፍ ዕድል ረኺብና። ኣብ'ቲ ፈለማ ከም ተቐባላይ ድየ ከም ደራፋይ ከይተረድኣኒ'የ ኣትየ። ናተይ ፓርት ውሑድ'ዩ ነይሩ። እታ ደርፊ ኣሰራርሓኣ ከምኡ'ያ ነይራ። ንትሓይሽ ኢላ ስለ ዝተሰርሐት ንዓኣ ምችእቲ'ያ ነይራ። ብድሕሪኡ ግን ኣብ 2ይ መድረኽ ነንበይንና ደርፊ ሂቦምና። ሓንቲ ብውልቅና፡ ሓንቲ ድማ ናይ ክልቴና ተዋሂብና።

ብድሕሪኡ እቶም ደያኑ'ውን ኣድህቦ ክህቡኒ ምስ ጀመሩ ሞያይ ክቕጽሎን ክዓብን ከም ዝኽእል ተስፋ ረኺበ። ይዝከረኒ ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ እቶም ደያኑ ዝገብሩልና ዝነበሩ ሓለፋታት ፍሉይ ነይሩ። ኣብ ከተማ'ውን ክልቴና ባህላዊ ክዳውንቲ ለቢስና ኢና ንጎዓዝ ነይርና። ብዝኸድናዮ ጎደና ህዝቢ የተባብዓና ነይሩ። በትርና፡ ጀዲድና ተኸዲንና እናኸድና፡ ኣብ ዝኾነ መሳኸቲ (መስትያት) ናይ ኣባይቲ ጽግዕ ኢልና ንርኢ፡ ሰብ'ውን ይስሕቐና ነይሩ። ብድሕሪ ሽንግርዋ ዓበይቲ ዕድላት ክኸፈተልና ክኢሉ'ዩ።

**◆ እንታይ ዓይነት ዕድላት ...**

ኣብ 2011 ኢሳቕ ሜጋሚክስ ንዓይን ንትሓይሽን ካሴት ምልእቲ ከስርሓና ተሰማሚዕና። ብዓል ማንዲብል፡ ብዓል ሰለሙን፡ ፋኑኤልን ወዱ

ፉኖን ካልኦትን ዝተሳተፍዎ'ዩ ነይሩ። ናይ ስእሊ መደብ ኣብ ፍልፍል'ዩ ተሳሊጡ። ኩሉ ናይ ኣውድዮን ስእልን መስርሓት ብዓወት ከም ዝተዛዘመ እፈልጥ'የ። እንተኾነ እዛ ኣልቡም ምስ ተዛዘመት ኣበይ ከም ዝኣተወት ድሃያ የብለይን። እቲ ዘሕዝን ዋላ እቲ ኣውድዮ'ውን ስለ ዘይሓዝናዮ ክሳብ ሕጂ ኣብ ህዝቢ ኣይበጽሐትን። ብድሕሪኡ እንደገና ኢሳቕን ስነ ጥበበኛ ሰለሙን ፋኑኤልን ተረዳዲኦም ኣቐዲማ ብሰለሙን ፋኑኤል ንዝተሰርሐት ኣልቡም ክደግማ ዕዮ ተዋሂብኒ። እዚኣ'ውን ተሰሪሓ- እዚኣ'ውን ከም'ታ ቀዳመይቲ ኣይተዘርግሐትን። እንታይ ኮይነን'የን ዘይተዘርግሓ ክሳብ ሕጂ ዘይተፈትሐ ግድል'ዩ። እቲ ዝሰርሓናዮ'ውን ካብ'ዚ ዓዲ ስለ ዝወጸ ድሃየይን የብለይን። ቀጺለ ባዕለይ "ኳሲ" ዘርእስታ 12 ደርፍታት ዝሓዘት ሳልሰይቲ ኣልቡም ሰሪሐ። ብዙሕ ወጸኢታት ዝፈሰሳ ኣልቡ'ያ። እዚኣ'ውን ከም ኣሕዋታ ኣብ መዓልቦኣ ኣይበጽሐትን። እዛ ሳልሰይቲ ናተይ ናይ ምክትታል መስርሕን ናይ ኣርትዖት ምድንጓያትን ሕጽረት ባጀት'ዩ ኣሰናኺልዋ። ኣብ መንጎ ፍላሽ ምስ ኣርከበ ዩትዩብ ድማ ኣጸቢቔ ዕድላት ከይሃበ'ያ ኣብ መንጎ መንጎ ተሪፋ። ድሕሪ ግዜ ኣነ'ውን እቲ ናይ ስእልን ኣርትዖትን ዝነበረ ኣገባብ ስለ ዘይዓገበኩ ናይ ምዝርግሓ መስርሕ ኣቋሪጸያ። ናይ ኣልቡም መስርሓት ተልእኾይ ከይፈጸምኩ ብኽሳራ ተዛዚሙ። እዚ ማለት ናይ 35 ደርፍታት ክሳራ'ዩ ማለት'ዩ። ካብ'ዚኣን ሓንቲ እያ ምስ ህዝቢ ዘላለየትኒ እያ "ገዓተይ ሽሊቖትለይ" ትብል'ያ። ካብ ውድቀተይ ግን ተማሂረን ተነክሮ ቀሲመን'የ።

**◆ ናብ ኣልያ ያታዊ ጉጅለ ትልሂትን ሙዚቃን ዞባ ደቡብ ክንሰግር...**

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ካብ 2006 ክም ኣባል፡ ካብ 2011 ድማ ከም ጠርናፍን ኣላዪን ጉጅለ ባህሊ "ትንሳኤ" ሃግመተኤ ዞባ ደቡብ ክሳተፍ ጀሚረ። ብድሕር'ዚ ኣባል ኮሚተን ኣላዪ ጉጅለን ኮይነ ክሳብ ሕጂ እሰርሕ ኣለኹ። ከም ኩሉ ኣባል ድማ ን19 ዓመታት ከም ተራ ኣባል፡ መጽናዕቲ፡ ኣብ ምጽፋፍ ባህላዊ ደርፍታት፡ ኣብ ምምእዛን ትልሂታትን ምቅንባር ሙዚቃን ምስ ብጾተይ ኮይነ ዓቕመይ ዘፍቅዶ እሳተፍን እሰርሕን ኣለኹ።

**◆ ብድሕርዚ ጠፊእካ እናተባሃልካ "ተሓምበለ" ሒዝካ ኢኻ ብሓድሽ ሓይሊ መጺእካ። ኣሰራርሓ ተሓምበለ እስከ ኣዕልለና...**

ቅድሚ ተሓምበለ ኣብ ግዜ ኮሮና ካብ መንደፈራ ብብሽክለታ እናመጻእኩ'የ ልምምድ ዝገብር ነይረ። ኣብ መጋርያ ኢንተርተይንመንት ዝተጻዕና "ኣቦይ ቀሺ"ን "ደቂ ዓደይ"ን ዝብላ ደርፍታት ድማ ተዘርጊሐን። ጽቡቕ ተቐባልነት ድማ ረኺበን። እዘን 'ሽዋት' እተን ናብ ብቕዓት ዝመለሳኒ ስርሓተይ'የን። ቀጺለ ካብ ጓይላ ወጺአ'የ ንተሓምበለ ሰሪሐያ። እቲ መዋሊ ግን ኣይፈተዋን። ነቲ መዋሊ ካልእ ጓይላ ሰሪሐሉ። ጉጅለ ትልሂት ዓዲ ቐይሕ ኣብ ኤሪትረያ ጋት ታለንት (ፍርቱና ሸው) ክንወዳደረላ ምስ በሉ፤ ሕራይ ኢለዮም። ኣብ ዩትዩብ ድማ ቅልጡፍ ተቐባልነት ረኺባ። ጎኒ ጎኒ'ውን እቲ ናይ ስእሊ መደባታ ተጻፊፉ። ካብ ትጽቢተይ ወጻኢ ብዝኾነ ቅልጣፈ ድማ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ኣብ ዩትዩብን ድምጺ ረኺባ። በዚ ኣጋጣሚ ድማ ንኹሎም ኣብ'ዛ ደርፊ ዝተሳተፉ ሞያውያን ኣመስግኖም። ብድሕሪኡ "እንኪ ሕርካም፡ እንኪ ቐርሺ፡ መቜነኒ፡ መጸበቔ..." ተሰሪሓ። እዚኣ'ውን ልዕሊ ትጽቢተይ'ያ ተቐባልነት ረኺባ። ምናልባት ንኣሰራርሓኣ ዝምልከት ኣቐዲመ ኣብ ርእሰይ ክትመላለሰኒ ዝጸንሐት'ያ። ኣርማና ኢንተርተይንመት ምስ ብጾተይ ድምጻውያን ዕድል ምስ ሃቡና ድማ ነዚኣ ኣማዕቢለ ሰሪሐያ።



**◆ ኣበርክቶኻ ኣብ ሃገራዊ ደርፍታት**

ኣብ'ዚ ዝሓለፈ 15 ዓመታት ኣብ መዓልቲ ናጽነት፡ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት ሳዋን ካልኦት ሃገራውያን ብዓላትናን ልዕሊ 20 ዝኾኑ ሃገራዊ ደርፍታት ሰሪሐ ኣለኹ። ገለ ካብኣን "ኣነ ክትኩስ ንስኻ ሕረስ፡ በትሪ ሓቂ፡ ሕብርታትና፡ ናጽነት፡ ኣሕፈሮምን" ዝብላ ይርከባአን።

**◆ ዛጊት ክንደይ ዝኸውን ደርፍታት ኣፍሪኻ ኣለኻ?**

ብሓፈሻ ልዕሊ 100 ዝኸውን ደርፍታት ኣፍርየ ኣለኹ።

**◆ ዝበለጻ ሓሙሽተ**

**ደርፍታትካ?**

ገዓተይ ሾሊቛትለይ (ሑብ)፡ ተሓምበለ፡ እንኪ ሕርካም፡ ሰለሙን፡ ኣነ ክትኩስ ንስኻ ሕረስ፡ ኣሕፈሮምን ካልኦትን'የን።

**◆ ኣብ ተዋስኦ ኸ መዓስ ኢኻ ጀሚርካ?**

ኣብ ፊልም ምውሳእ፡ ኣብ መረገኛ ዘርእታ ብሰለሙን ፋኑኤል ዝተደርሰት ብመምህር ጠዓመ ኣረፋይነ ድማ ዝተኣልየት ፊልም'የ ክዋሳእ ጀሚረ። ብድሕሪኡ ኣብ ፊልም ኳልባ ከም ተነጻፊ ሙዚቃ ሰሪሐ፡ ኣብ ጅሮም ቆቛሕ፡ ካብ ሓሙስ ናብ ሓሙስ፡ ኣብ ጽዋ ጎቦና፡ ፍርዲ መሬት፡ ዋልታ ሓርማዝ፡ ፋኑሰይን ክልተ ጸሎትን ካልኦት ብሕጂ ዝወጻን ተሳቲፈ።

**◆ ኣብ ተነጻፊ ሙዚቃ**

ዓቕመይ ብዘፍቅዶ ኣብ ዝተፈላለዩ ፊልምታት ተነጻፊ ሙዚቃን መሰነይታ ደርፍታትን ሰሪሐ 'ለኹ። ጽቡቕ ተቐባልነት ዝረኸበት "ኣዛርያ" ዘርእስታ ናይ ፍርዲ መሬት መሰነይታ ደርፊ'ውን ዜማን ድምጽን ናተይ'የን።

**◆ ናይ መገሻ ዕድላትን ዝቐሰምካዮ ተመክሮን**

ከም ውጽኢት ውህሉል ስርሓተይ ናብ ኣሜሪካ ክገይሽ'የ ዕድል ረኺበ። ካብ'ዚ መገሻ ዝቐሰምክዎ ተመክሮ፡ ኣበርቲዐ ክሰርሕን ክጽዕርን፡ ኣገዳስነት ባህሊ ኣብ ምልላይ ሓደ ሃገርን ህዝብን፡ ፍቕሪ ኣብ ደገ ዘሎ ህዝብና ንሃገሩን ባህሉን ክፈልጥ ኣኽኢሉኒ። ሕልምታተይ ኣዕብየ ንኽርእዮን ክዓየሉን ተመክሮ ቀሲመ። ኣብ ደገ ዘሎ ህዝብና ዝገበረልና ኣቀባብላን ዘሰከመና ሓላፍነትን ፍሉይ'ዩ። ከም ውጽኢቱ ድማ ራእዩየይ ኣነጺረ ብሓያል ተስፋ'የ ድፍኢት ኣበርቲዐ'የ ዝሰርሕ ዘለኹ። በዚ ኣጋጣሚ ድማ ንሞያይን ጻዕረይን ኣለልዮም ናይ መገሻ ዕድል ንዝፈጠሩለይ የመስግን።

**◆ መጻኢ መደባትካ እንታይ'ዩ?**

ኣብ ባህሊ ኣተኩረ ክሰርሕ'የ። ባህሊ መሰረቱ፡ መበቆሉ ህዝቢ'ዩ። ኣጸባቢቀ ድማ ናብኡ ክመልሰሉ'የ። ልክዕ ከም'ቲ ኣባላት ሓይልታት ምክልኻልና ኣብ ዶባት ኮይኖም ዝሰርሕዎ ቅያታት፡ ኣነ ድማ ኣብ ባህሊ ሃገረይ ኣተኩረ ንኽብርታት

ሃገረይን ሕብረተሰበይን ክሕልዎን ክዕቅቦን ክቃለሰሉን'የ። ኣብ ዝኾነ ግዜ ኣብ ባህሊ ሃገረይ ኣምብሳድር ኮይነ ንኽሰርሕ ክጽዕር'የ።

**◆ ንመንእሰያት ተመሓላልፎ መልእኽቲ...**

ካባይ መልእኽቲ ዝጽበ'ኳ ክንደየናይ ከይህሉ፡ እንተልዩ ግን ኩልና መንእሰያት እታ እንኮ ንዋሕድና ናብ ብዝሒ ትቕይረልና ብሓደኮይንና ክንሰርሕ እንከለና'ዩ'ሞ ተመላሊእና ክንሰርሕ ይላቦ። ኣኣብ ዘለናዮ ሞያታት ኣምባሳደራት ሃገርና ምዃንና እናዘከርርና ብትብዓት፡ ብወኒ፡ ብተስፋን ብንጹር ራእዩን ክንሰርሕ የዘኻኽር...

**◆ ኣብ መወዳእታ ትብሎ እንተሎ?**

በዚ ኣጋጣሚ ንኹሎም ኣብ ዕብየተይ ተራ ዝተጻወቱ የመስግን። ቀጺለ ንኽብርቲ ወላዲተይ ሳባ ባህታን ኣሕዋተይን፡ ንኽብርቲ ብዓልቲ ቤተይ ወይዘሮ ሉና ኣብርሃምን ደቀይን፡ ንማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማመተኤ፡ ቀጺለ ስለ'ቲ ዝሃቡኒ ዕድላት ንሓላፊ ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ደቡብ ኣቶ ኣብርሃም ዮሃንስን ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ ኣቶ ግርማይ ገብሩን የመስግኖም። መጽሔት መንእሰይ ድማ ስለ'ቲ ዝሃብሉምኒ ዕድል ክብረት ይሃበልይ።



ፉኽባየ

# መንእሰያት ቀውዒ

መሓሪ ዑቕባሚካኤል (ጠዊል)



“ቀውዒ ትወልዳ ንጥሪ

ዓውድን ብሸኣኹና ይፈሪ” ይብሃል። ወላ’ኳ ወርሓት ቀውዒ ዘይጸልዎ ኽፋል ናይ ዓመት ኣይሃሉ፡ ከም ወርሒ ጥሪ ገይሩ ብቐውዒ ዝጽሎ ግና ኣይህሉን። እቲ ሓደን ክጽሎ እቲ ሓደን ይነድድ ከም ዝብሃል። እዚ ኣበሃህላ ንቐርበት ወይ ተጸላውነት ናይ ሓደ ነገር ንምብራህ ዝዝውተር እዩ። ቀውዒ ኸም መጋርያ እንተ ተሓሲቡ፡ እተን ኣብ ዙርያ መጋርያ ቐውዒ ኹይነን ዝስሕና ኣዋርሕ ዘዘድልየን ምቼት ክወስዳ እንከለዋ፣ ወርሒ ጥሪ ግና ካብ ክቱር ጽልዋ መጋርያ ቐውዒ፣ ክትነድድ ትኽእል’ያ። ብበርከትን ሽላን ዓውዲ። በርከት፣ ዓውዲ ብእኽሊ ኽጥርዘም እንከሎ እዩ። ሽላ ኸኣ ዓውዲ ንጥጥቖ ዝኸውን ዕማኾ እኽሊ ኽሰኣኖ እንከሎ። ብኻ ዘየልዓልካዮዶ በልኩም!!! ሕዪ’ውን ክሓድጎ።

ካብ ዕላላት መጋርያ ግና ሓደ ዋዛ ወስ ከብል። ነብሱ ይምሓሮ ሓወቦይ ኣስገዶም ኣብርሃ ሃንፈፍ መንእሰይ እንከሎ ዝናብን ቁርን ክራማት ምስ በርትዖ ዳዓይና ሸይጡ ሓሙሽተ ሜትሮ ነጸላ ገዚኡ። ንሳልስቲ ዝኸውን ምስ ተኸድና ግና ነጸላኡ ግዳይ መጋርያ ኾነት። ብኸምዚ፡-



ሓወቦይ ኣስገዶም ንወያ ምሳኡ ዝናብ ተወቒዓ ዝጠልቀየት ነጸላ፡ ኽዳን ለይቱ እውን ስለዝኾነት ከብቱ ኣጣብዩን ሓሊቡን ንነጸላኡ ኻብ ዝጠልቀየቶ ኸንቅጺ ምስ ነብሱ ኸምቿ፣ ኣብ ኣእዳዉ እናዘርግሐን እናገማጠለን ይጸልዋ ነበረ። እንተ ኾነ ንድኻሙ፣ ብሓዊ ዝተፈጥረ ምቼት ተወሲኹዎ ሓወቦይ ተታኸሰ። ነታ ኸንቅጺ ኢሉ ኣብ ኣእዳዉ ዘርጊሑዋ ዝነበረ ነጸላ፡ በብቑሩብ ናብ መጋርያ ፈነዋ። ነጸላ ተሃመኾት። ሓዊ ኻብ ምጽላው ሓሊፉ ኸንድዶ ምስ ጀመረ፡ ሓወቦይ ተበራበረ። ነጸላ ድራር መጋርያ ኹይና ንምስክር ዝኸውን ብኽልተ ጫፍ ናይ’ቲ መጋርያ ተረፍ ሓዊ ናይ ነጸላኡ ረኸበ። ነቲ ዘጋጠመ ኽኣምን ዘይከኣለ ሓወቦይ፡ “ሕልሚ ይግበረለይ” በለ። ነገር ሽላ ዓውዲ እውን ሕልሚ ይግበሮ። ወዮ ድኣ ዓውዲ ኣብ ሕልሚ ሽል እንተይሉስ እኽሊ ጥርዝም ከም ዝበለ’ዩ ዝትርጎም እናተባህለ እምበር።

መንእሰያት ቀውዒ ብደዎም ይድቅሱ ይብሃል። ንቡር መደቀስን ኣዳቕሳን ኣይረኽቡን፡ እንተረኸቡ እውን ኣየርክቡሉን ንምባል። ካብዚ ብምንቃል ድማ’ዩ ሕብረተሰብና “ባይቶ እንክዕሹ መንእሰይ ቀውዒ ይኸስስ” እናበለ ዝምስል። መንእሰይ ቀውዒ ስገም ረገፈ፡ መሽላ ሃነተ፡ ጥረታት ነጠረ ኽብል ንኹሉ ኻልእ ነገር ኣየርክበሉን። ይትረፍ ክብድልን ከጒድልን ስረሑ ኽፈትሕ እውን ግዜ ኣይረክብን። ወዮ’ኳ እተን ብቐውዕን ጽዑቕ ስራሕን ሕቑፎ ሰባኡተን ዝናፈቓ መረውዕ

“ግራት ምጽቢ እንተትሕድር

ምስ ሰብኣየይ ክሓድር” ኢለን ዝደረፉ። ምጽቢ(ኣብ ካልኦት ከባቢታት እውን ብኸምኡ ዝጥቀስ ከባቢታት ኣሎ) ኣኺሉ ዝተርፍ እቶት ዝርከቦ ዝነበረ ናይ ሕርሻ ቦታዩ። ካብ ምሕላው ዑፍ ክሳዕ እኽልን ሓሰርን ዝፈላለ ሰባኡተን ዝሰኣና መርዑ፡ ምጽቢ ክትሕድረለን እንተደለያ ፍቕሪ እዩ ኽኸውን ዝኽእል።

“ፍቕሪ ‘ታይ ዘይገብር፡

ብደይ በትሪ ኣብራኽ ሰብ ይሰብር” ድዩ ዝብሃል። መንእሰይ እቲ ዓመት ምሉእ ዘየዕርፍ ክፋል ናይ ሕብረተሰብ እዩ ኽብሃል ይከኣል። በዚ ምኽንያት እውን’ዩ



መንእሰይ ኽጕዱ ይተዓንቀፍ ክበልዕ ይሰርነቕ ዝብሃል። ካብ ወቕቲ ናብ ወቕቲ፡ ፡ ካብ ቦታ ናብ ቦታ፡ ካብ ጉዳይ ናብ ጉዳይ ወዘተ እናበለ ዝሓልፎ ግዜ ብዙሕ እዩ። ከምኡ እንተዘይገይሩ ስንካ

ካብ ምስታር ሚዶ
ኣይትሓርስንዶ።
ካብ ምስንታር ጋዕሲ
ኣባዑርካ ኣማሲ።
ጉሰስ ክብል ነጸላኻ
ባሕሪ ወሪዶም መሳቱኻ

ወዘተ እናተባህለ ኽድረፈሉ እዩ። ያታዊ ደርፊ ኸዓ ህየሳ እዩ ዝነበረ። ሎምኸ ዲኹም ዝበልኩም፤ ድሓን መዓልቲ ንፍለየሉ።

"ኣይትኳሓላ
ከይኣተወ መሸላ"

ይብሃል። "ሃምን ቀልብን ኅበዝ ቀውዒ፡ ምስ ዘራእቲ እዩ" እዩ ዘስምዕ እዚ ኣበሃህላ። ኅበዝ ቀውዒ ብኣካልን ኣእምሮን ኣብ ንጥፈታት ቀውዒ ጽሙድ ምዃኑ እውን የብርህ። ነትን ዓጺዱ ነትን ቅሚጦ ኽሰርሕ፡ ነትን ጐኒኡ ነትን ጕንሒ ኽኽምኩም፡ ንሓደ ዓውዲ ነጊፉ ንኻልእ ዓውዲ ኽኹስትር፡ ዳስ እናሰርሐ ምምሕሳር(እንዳ ሓሰር) ክምድምድ፣ ቀውዒ በረኻ ኽይወድአ ቓውዒ ዓዲ ኽርክቦ፡ ነገረ ቓውዒ ኽይወድአ ነገረ ጽግኢ ደበኽ ክብሎ ወዘተ ልቡ ብን እዩ ዝብል። ኣካ ኣነ እውን ብዝርዝረ ምውዳኡ ሰኣንኩ። ንምጽሓፍ ክጥዕመንን ንንባብ ክቐለልኩምን ንንጥፈታትን ወግዕታት መንእሰያት ቀውዒ ኣብ ሰለስተ ኽመቕሎ።

ቅድም ቀዳድም መንእሰይ ቀውዒ ንቖፎኡ እኽሊ፡ ንዳሱን እንዳሓሰሩን ቀለብ እንስሳኡ ዝመልኣሉ ግዜ ምዃኑ ኣጸቢቑ ኻብ ምርዳእ፡ ሓሪሱ ምሒሱ ንዘእከሎ ዘራእቱ ኣብ ግዜኡ ይዓጽድን ይጕንእን። ዝምሖን ዝቕርነብን እውን ይዓምም። ልዕሊ ዝኾነ ግዜ፡ ንዝኾነ ኻብዚ ስራሕ ክዕንቅፎ ንዝኽእል ምኽንያት ይኣልን የጕድልን። ኣብ ግዜ ቓውዒ ንፍርያቱ ብሰላም ከእቱ ኻብ ነገርን ቅርሕንትን ይእለ። ዘይተባረኸ ቓውዕን ዘይቅድዊ ምህርትን ክህሉዎ ኣይደልን። ብነገርን ቂምን ዝስነ ግዜ ምህርቲ ኽህሉ ኣይደልን። ኣይብርክተሉን እይምእኩተሉን ስለዝኾነ። ምብርካት ኣብ ዓውዲ ኽበዝሓሉ እንከሎ እዩ። ምምእኳት ከኣ ኣብ ቆፎ ምስ ተዓቀበ ኽበዝሓሉ እንከሎን፡ ምስ ማይ ተሓዊሱ እንጌራ ማይ ክኾነሉ እንከሎን እዩ። ወዮ እኽሊ ኣብ ቆፎ ምስ ተቐመጠ ይምእኩት እዩ ኽበሃል ከኣ ኣይሰማዕኩምን ትኾኑ። ኣደታት ሳላ እምነተንን ጽሩይ ልበንን እኽሊ ኣብ ቆፎ ምስ ዓቀባኦ ይብርክተለንን ይምእኩተለንን እዩ። እምነት እዩ ዝኸውን ዲኹም ዝበልኩም። ብዓል ዓባየይ ንግሳን ኣሞይ ርግበይን ከይሰምዓኹም። ብፍላይ ካብቲ ኻብ ቆፎ ዘውጽኣኦ ሰለስተ ሳዕ ቍንጥር ኣቢለን ናብ ቆፎ እንተመሊሰን እማን ዝብርክተለን።

መንእሰይ ቀውዒ ንምህርቱ ምስ ጸያቕ ማዕጺድ ተቐዳዲሙ ይእሩ። ስዋ ኽሰትን ዳንጋኣን ምስ ዘቕይሓ ኸዋግዕን ኣይደልን። ንኸተማን ፈረቓ ኸተማን ዕድል ኣይህቦምን። ብጽዕዲትን ስጋን ተደናጊሩ ኻብ ግራቱ ኣይሕክልን። ሓደ እግሩ ኣብ ግራቱ ሓደ እግሩ ምስ እንስሳኡ ይገብር። ልዕሊ ዝኾነ ግዜ ምስ ስድራኡን ደቂ ዓዱን ዘለውዎ ጉዳያት ንጐኒ ገዲፉ ውራይ ቀውዑ ይገብር። ክዓጽድን ከኽይድን።

ጐራዙ እውን ኣብዚ ስራሕ ብማዕረ ይሳተፉ። ወላኳ ዝበዝሑ ተብዓትዮ ኻብ ክብሪ ዝተላዕለ ንደቀንስትዮ ኻብ ስረሓት ቀውዒ ኽዕርፋወን ዝደልዩ እንተኾኑ፡ ንሳተን ግና ኻብ ዓጺድ ክሳዕ ዓውዲ፡ ካብ ሓሰር ክሳዕ ምምጋብ እንስሳ ኻብኦም ኣይፍለያን። ክዓጽዱ፡ እናዓጸዳ ይነስዓኦም፡ ከኺዱን ሕቖኦም ይኾና። ብዓቢኡ ኸዓ ንወዮ ኻብ ዓውዲ ዝኣተወ ምህርቲ የማሕድራ። "ንፍዕቲ ሰበይቲ ተካውን ምህርቲ" ዲኹም ዝበልኩም። ሕጅስ'ባ ቕድመይ ምስላ ኣምጺእኩም።

እቲ ኻልኣይ መንእሰያት ቀውዒ ዘሰላስልዎ ስራሕ፣ ወፈራን ገርሁ ጽጉማት ምዕማምን እዩ። ወፈራታት ብዙሓትን፡ ንብዙሕ ምኽንያታትን ይግበሩ። መንእሰይ ቀውዒ ኣብቲ እንዳ ጓል ንኣቦ ወዲ ዝእዝዞ ወፈራ ኽሳተፉ ይደልዩ። ዓርኮም ከኹርዑን ሕጻበን ዝስተ ኽርእዩን። ብዛዕባ እቲ ሕጻበን ዝስተ ምርኣይ ይትረፍ ዝጽሕፎ ኣፉ መሊኡ ዝነግሮ እውን ኣይርከብን። ኣነ እውን ሰሪ ዕሽነተይ እንድኣለ። እቲ ኸምኡ ዝደሊ መንእሰይ ግና ኣብቲ ወፈራ ሸላ ኽኸውን ኣለዎ። ወየን ሕጻበን ዝስተ ኣውላድ ቅድሚ ጽባቕ መንፍዓት ክርእያ ግድን እዩ ዝነበረ። ኣፍሪኻ እምበር ጸቢቕካ ዝንበሮ ግዜ ስለዘይነበረ።

እቶም ወፈራ ተባሂሎም ተመሪጾም ዝወፍሩ ኣጕባዝ ብዕዮን ደርፍን ንግራት ልምጽ የብሉዎ። ኣረ ኸም ሰለጦምስ "ሰብኣይ ጓል እንዳ እከለ ዝወዓሉ ወፈራ ለኪሞሞ ኽብሃሉ" ኣብ ጥቓ እቲ ዝወፈሩዎ ግራት ንዘሎ ዝበጽሐ ዘራእቲ የካውኑዎ። ኣጻብዕቶምን ቀላጽሞምን ክሳብ ዝስሉብን ደም ዛሕዛሕ ዝብልን ይዓዩ። ወፋሮ እንዳ ጓል ክኣትዉ እንከለዉ ሓይሎምን

ጽባቐኣምን ንኸርእዩ ብደባሊትን ሆይታን ይኣትዉ። ዓድን ስድራን እንዳ ጓል ልቦም ክመልኣሎም ግዲ።

ነብሲ ወከፍ መንእሰይ ቀውዒ ኣብ ዓዱ ዝገብሮ፣ ወፈራ ሓገዝ እውን መሊኡ እዩ። ግራውቲ ሹመኛ፡ ኣገልገልቲ እምነት፡ ጽጉም፡ ብዓል ሰፈሕ ሕርሻ ወዘተ ብወፈራ ይዕመም። ርኹብ ዘበለ፣ ወፈራ ምሉእ መዓልቲ ገይሩ ዘራእቱ ይእክብ። ምሸት ድማ እኹል ትሩፍ እኽለ ማይ የዳሉ። ድሕሪ እኽለ ማይ ጨፈራን ሳዕስዒትን ይስዕብ። ብፍላይ መንእሰያት ዕድመ ዝደፍኡ መዳቕሶኦም ምስ ሓዙ ብምሕሽ፡ ጨፈራ፡ እዋኑ ዘፍቅደሎም መሳርሒታት ሙዚቃን ስዕስዕ ይሓድሩ። ብፍላይ ወፈራ ዓርቢ ምስ ዝኸውን ወኖም ንግፍ ይሓድሩ። እቶም ሎሚ ዓርቢ መጽአ ኣብ ኣብያተ ምዝንጋዕ ወንኹምን ንዋይኩምን ንግፍ እትሓድሩ እውን ነዚ ኣብ ምፍላጥ እንድኣልኩም ትኾኑ።

ስኡንን ዝርካቡ ንምድላው ዓቕሚ ዝሓጽሮን ወገን ናይቲ ዓዲ ርፍዖት ወይ ምስዮት ይገብር። ርፍዖት፡ ክሳዕ ዝረፍድ ኣብ ግራት ጽጉም ክትዓዩ ምርፋድ እዩ። ብድሕረኡ ነናብ ግራትካ ወይ ናብ ካልእ ወፈራ ምኻድ ይኸውን። ምስዮት እውን ኣኣብ ግራትካ ወይ ኣብ ካልእ ወፈራ ድሕሪ ምውዓል ቅድሚ ዕራብ ጸሓይ ንግራት ጽጉም ምክዋን እዩ። ብርፍዖት ወይ ምስዮት ግራቱ ዘካወነ ጽጉም ዝቕርቦ እኽለ ማይ ኣይህሉን። እንተቐረበ እውን ኣመና ውሑድ እዩ። ግዳ ይምርቕ፡ እንተ ናብ ግራቱ ወይ እውን ናብ ገዛ እቶም ሰናይ ግብሪ ዝፈጸሙ ብምኻድ። ጽጉም ናብ ግራት ወይ ገዛውቲ ገበርቲ ሰናይ ክዛወር ዘይክእል እንተኾይኑ፡ እቶም ግራት ጽጉም ዝዓመሙ ብሓባር፡ ወይ ኣኣብ ዝጠዓሞም ክምረቑ ኢሎም ይኸዱሞ ሕልናዊ ዕረፍቲ ዝፈጥር ምርቓ ይቕበሉ። ዕድመን ጥዕናን ይሃብኩም፡ ጸሓይ ጽላልኩም ቁሪ ኽዳንኩም ኩኑ፡ ብር ክትብሉ ተሓጐሱ፡ ንእስነትኩም የምንኹም፡ ብኽብረት ብለዩ፡ ጥጡሕ ናብራ ይፍጠረልኩም ወዘተ ዝብሉ ምረቓታት።

ብኸምዚ ቕድም ክብል ኣገባብ ክዕጹድ ወይ ክጕናእ ብሓፈሻ ኽኣቱ ንዘይክኣለ ምህርቲ፡ መንእሰያት ናይ ባዕሎም ተበግሶ ብምውሳድ ነቲ ድሕሪ ሰቡ(ድሕሪ ኹሉ ግራውቲ) ዝተረፈ ዘራእቲ ይጥርንፉ። ወላ እውን ዋና ግራት ከይፈለጠ ዘራእቱ ይእከብ። እዚ ኸምዚ ዝበለ ኣገባብ ኩሉ መንእሰይ ቀውዒ ኸም ዝምስገንን ዝምረቕን ይገብር።

እቲ ሳልሳይዶ ኽውሰኸኩም፡ ነበብቲ ሎሚ ነዊሕ ጽሑፍ ኣይፈትዉን ዝብል ሰኽፈ ኣብ ብዙሓት ጸሓፍቲ ይስማዕ ኣሎ። ነዚ ጽሑፍ እንተ ወዲእኩሙዎ እቲ ሰኽፈ ኣሻቓሊ ዘይምኳኑ መርትዖ ኽሕዝ እየ።

ኣብ መወዳእታ መንእሰይ ቀውዒ ኣብ ጉልበቱ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ዘእተዎ ምህርቲ እውን ዕሽር ይህብ። ካብ ኩሉ ዘእተዎ ምህርቲ ናብ ኣብያተ ጸሎት፡ ገዛውቲ ዓዲ ውዒል፡ ኣገልገልቲ ዓዲ(ልምዳውያን ሓካይም፡ ሰብ ፍልጠት፡ ሰብ ሕሉፍ ኢድ ወዘተ) ካብ እቶቱ ይመቕል። ለባማት ከምዚ ኸማኹም ንኸምዚ ዝበለ ሰናይ ተግባር ጸልማት ተኸዲኖም ይገብሩዎ። ከም ወዮ የማነይቲ ኢድ እትገብሮ ጸጋመይቲ ኣይትፍለጦ ዝብሃል። መንእሰይ ነዞም ኣብ ቀውዒ ዘሳልጦም ንጥፈታት ኣብ ርእሲ እቶም ዓመት ምሉእ ካብ መንኩቡ ዘይወርዱ ስረሓትን ማሕበረሰባዊ ሓላፍነታትን እዩ። ካብ ምሉእ ሕብረተሰብ ኣካሉን ኣእምሮኡን ዘየዕርፍ ንሱ መንእሰይ ስለዝኾነ።

## እንቋዕ ኢኻ ኣብኩ

### ድጋፍ ማዕጾ

**“ሳላ ድጋፍ ማዕጾ፡ ንሓጋይ ንወጾ።”** ምስላ ቀዳሞት

መንእሰይ ቀውዒ ኣብ ዘዘውትሮም እወታውያን ልምድታት ሓደ ድጋፍ ማዕጾ እዩ። እቲ ሸሻይ ናይ ምምቓል ልምዲ ኸምዚ እዩ ዝነበረ።

ሓደ ጐበዝ በይኑ ይኹን ምስ ስድራኡ ኣብ ዓውዲ ምስ ወዓለ፡ ሓደ ጽዕነት ዝኸውን እኽሊ ኣብ ዓውዲ የትርፍ። ወይ እውን ንቤት ምስ ኣተወ ንኣደኡ እዛ እኽሊ እዚኣ ድጋፍ ማዕጾ እያ ኣይትተንክፍያ ይብላ። ኣደኡ እውን ከምኡ ትገብር። እቲ ጐበዝ ንወያ ዘቐመጣ እኽሊ ንመንን ብኸመይን የካውና ኣብ ልቡ ይውድኣ። ዓዲ ባዝሖቱ ምስ ደቀሰ ድማ ንወዮ ዝኸፋፈሎ እኽሊ ብዘይ ረኣይን ሰማዕን የብጽሖ። ኣብ ማዕጾ እቲ ኽብጽሓሉ ዝወሰነሉ ገዛውቲ ድማ ኣጸግዕ፣ ኣጸግዕ ኣቢሉዎ ይኸይድ። ኣብቲ ገዛ እኽሊ ኸም ዘብጽሐ ብዘይካ እቲ ማዕጾ ናይቲ ገዛ ካልእ ኣይርእዮን፡ ኣይሰምዖን። ዝበልዕን ዝጸያይቕን እንስሳ ኣብቲ ገዛ እንተሃልዩ ኣብ ብርኽ ዝበለ፡ ወይ እውን “እንዳቦይ እከለ ከመይ ኢልኩም ኣምሲኹም” ኢሉ ንውህበቱ ኣጸጊዑ ይኸይድ። እቲ መትሓዚ ሸሻይ ዝነበረ ንብረት ብጥበብ ናይ’ተን ኣደታት ናብ ገዛኡ ይምለስ። ተቐባል ሸሻይ ንወይ ውህብቶ ሒዙ ዝመጸ ንብረት ከም ጥበቡ ዝፈልጦ እንተኾይኑ፡ ምስጋናን ምረቓን ኣሰንዩ ይመልሶ። ካብኡ ተረፈ ዋና እቲ ንብረት ዝኾነ ሰብ፡ ንዓይነት ናይቲ መትሓዚ ሸሻይ እናጠቐሰ “ኣቱም ቤት ከምዚዶ ይህልወኩም” እናበለ ኣብ ሰናይ ተግባር ንዝነበረ ንብረቱ ይእከብ። እቲ ናይ ምምስጋንን ምረቓን ግዜ ድማ ሰዓቱ ይኣክል።




# ሄኖክ ምሉእብርሃን

## …ክቲ ኩሉ ዓይነት ተቐዳዳማይ

ኣማኑኤል ኣልኣዛር

ቅድድም ብሽክለታ ከም ኣትለቲክስ ብውልቅኻ ትጎዮ ዓይነት ስፖርት እንተ ዝነብር፡ እዚ ሕጂ ንዕዘቦ ዘሎና ውጽኢት ተቐዳደምቲ ካልእ መልክዕ ምሓዘ። ኣብ ኣትለቲክስ ይኹን ዝበዝሑ ብውልቂ ውጽኢት ዝሕፈሶም ስፖርታዊ ፍጻመታት … ኣትለታት … ብልክዕ ሒዞሞ ዘለዉ ብቕዓት ክትፈርድ ኣጸጋሚ ኣይከውንን።

ቅድድም ብሽክለታ ግን ዝተፈልየ ኣሰራርሓ'ዩ ዘለዎ። ኣብ'ቶም ዓለምለኻዊ ደረጃ (World Tour) ዝዕቀኑ ውድድራት ሓንቲ ጋንታ 8 ተቐዳደምቲ ኣሰሊፋ፡ ነቶም 7 ኣብ ስራሕ ጸሚዳ በቲ ሓደ ንምዕዋት'ያ ስትራተጂ ትቕይስ። እቶም 7 ኣእጋሮም ዝህቡ ተቐዳደምቲ፡ ውጽኢቶም በቲ ዘገልገልዎ መቐዳድምቶም'ዩ ዝምዘን። ንስነፍልጠት ቅድድም ብሽግለታ ብዕሙቕ ዝበለ ምስ ዘይትርድኦ ውጽኢት'ቶም 7 ተቐዳደምቲ ኣብ ደረጃ ዘይምእታዎም ናይ ብቕዓት ሕቶ ክመስለካ ናይ ግድን ይኸውን።

ኤርትራዊ ተቐዳዳማይ ካዛኺስታናዊት ክለብ ኣስታና፡ ሄኖክ ምሉብርሃን፡ ናይ 2025 ንጥፈታቱ ምልስ ኢልና ምስ ንዕዘቦን ንትንትኖን፣ ጋንትኡ ካብ 1ይ ድቪዝዮን (World Tour) ናብ 2ይ ዲቨዚዮን ከይትምለስ ኣብ ዝነበራ ስግኣት ኣብ መሬት ኤስያን ኣፍሪቃን ኣብ ዝካየዱ ዙራት ጸወታ እንዳ ሰርዐት ነጥቢ ዝእክበላ መደባት እያ ብብዝሒ ሓንጺጻትሉ።

ኣብ ሓደ ዙር ክልተ ገጸ-ባህሪ ሒዙ ክቀዳደም ዘይጽገም ሄኖክ፣ ንብጫን ቀጠልያን ማልያታት ብማዕረ እናሃደነ ግዙፍ ነጥቢ ናብ ክለቡን ሃገሩን ኣታዊ ዝገበረሎም ውድድራት ውሑዳት ኣይነበሩን። ብ2025 ጥራይ 70 መዓልታት ኣብ ዝወሰዱ ውድድራት ተሳቲፉን 733 ነጥቢ UCI ድማ ንውልቁ፡ ክለቡን ሃገሩን ኣመዝጊቡ። ብመዓልታት ውድድር ጥራይ 10 ሽሕን 86 ኪሎ ሜተር ተጓዒዙ።

ሄኖክ፣ ኩሉ ዓይነት ብቕዓት ዘማልእ (All Rounded Rider) ተባሂሎም ካብ ዝግለጹ ውሑዳት ዝውንንዎ ፍሉይ ተውህቦ ዝተዓደለ ተቐዳዳማይ'ዩ። ኣብ'ቶም ውጹኣት ናይ ዓቐብ ዝኾኑ ከም ዙር ርዋንዳ ብ2023 ብጫ ማልያ ተዓዊቱ። ሎሚ ዓመት ድማ 2ይ ተርታ ሒዙ ወዲኡ። ኣብ'ቲ ዓበይቲ ሃገራት ኣህጉር ኤስያ... ቻይናን ጃፓንን ዘአንገድኦ ካልእ ባህሪ ዝነበሮ ቱር ማግኒፍሸንት ኲንግሃይን ቱር ክዩሽን ድማ ቀጠልያን ብጫን ክዕወት ብዝኸኣሎ ... ብማዕረ ቮላቺስታን ናይ GCን ተቐዳዳማይ የስምዮ።

ስሙያት ተቐዳደምቲ ካብ ዝተፈላለያ ጋንታታት ኣብ ምዕዳግ ትርከብን ንዕዉት ቀጠልያ ማልያ ዙር ፈረንሳ 2024 ብንያም ግርማይ'ውን ከተፈርም ድሌት ከም ዝጸንሓ ትግለጽን ኣስታና፡ ነቲ ናይ'ዛ ዓመት ንጥፈታቱ




ኣብ ቱር ክዩሹ (ጃፓን) ቀጠልያ ማልያ ወኒኑ ኣብ ብጫ ድማ 5ይ ተርታ ሒዙ ዝወድአ ሄኖክ፡ ተወሳኺ 2 ዓመት ኲንትራት ክትቅርበሉ ዓይና ኣይሓሰየትን። ክሳብ 2027 ኣብ ሑቕፉ ንኽጸንሕ ድማ ኣፈሪማቶ። ሄኖክ ኣብቲ ፌርምኡ ዘንበረሉ ስነ ስርዓት "ንሃገረይን ክለበይን ወኪለ ኣብ ዙር ፈረንሳ ክቕዳደም ክቱር ድላይ ኣሎኒ፣" ክብል፡ ንጋንትኡ መልእኽቲ ኣሕሊፉላ።

ኣብ ሓደ ቃለመጠይቕ ሄኖክ፣ "ስለምንታይ ኣብ ኤስያን ኣፍሪቃን ዓበይቲ ዓወታት እናተጎናጸፍካ ኣብ መሬት ኣውሮጳ ግን በንጻሩ ዝኸውን? ብጫን ቀጠልያን ማልያታት ተምጽኣላ ዘለኻ ጋንታ'ኸ ስለምንታይ ኣብ ዙር ፈረንሳ ዘየሳተፈትካ?" ዝብሉ ሕቶታት ቀሪቦምሉ ኣብ ዝሃቦ መልሲ፡-

"ኩሉ ናይ ጋንታ ስትራተጂ'ዩ። በዛ ዓመት ንድሕሪት ንኽይትምለስ ከቢድ ስግኣት ስለ ዘለዋ፡ ኣብቶም ኣብ ኤስያ ዝስርዑ ውድድራት ንዝርከቡ ነጥቢ ከምጽኣላ ዝኽእል ተቐዳዳማይ ኣነ ምኻነይ ኣሚና፡ ካብ ጌንኡ'ያ ንዓኣቶም ኣዳልያትኒ። ቱር ማግኒፍሰንት ኩንግሃይ ድማ ኣብ ተመሳሳሊ ጊዜ ዙር ፈረንሳ ስለ ዝካየድ ብናይ ጋንታ ውጥን እየ ዘይተሳተፍኩ። ከምቲ ዝመደቦቶ ድማ ብጫን ቀጠልያን ማልያ ኣምጺኤላ፣ ብዓቢኡ ካብቲ ውድድር ዝኣከብክዎ ነጥቢ ነቲ ኣፍሪህዋ ዝጸንሐ ንድሕሪት ምምላስ ክሕግዛ እዩ"፡ ኢሉ።

ሄኖክ ኣብ መሬት ኣውሮጳ ዓበይቲ ውድድራት ኣካይዱ'ዩ። ክልተ ጊዜ ኣብ ጂሮ ዲ ኢጣልያ (ግራንድ ቱር) ዘዊሩ። ኣብ ስሙያት ናይ ክላሲክ ጸወታታት ሚላኖ ሳንሬሞ ዝርከቦም'ውን ተወዳዲሩ። ኣብ መእተዊ ጽሑፍ ተጠቒሱ ከምዘሎ ኣብ ሓንቲ ጋንታ ትወሃቦ መምርሒ ንውጽኢትካ ይውስኖ'ዩ። ሄኖክ ኣብ'ቶም ኣብ









መሬት ኣውሮጳ ዘካየዶም ውድድራት ንመቀዳድምቱ ኣብ ምዕዋት ‘ተዘይኮይኑ፡ ከምቶም ኣብ ኣፍሪቃን ኤስያን ጋንትኡ መሪሑ ብቐዓት ብምርኣይ ዝተዓወቶም ኣይነበሩን።

ኲንትራቱ ኣብ ዘናውሓሉ ብዝሃቦ መግለጺ መሰረት፡ ኣብ 2026፡ ካብቲ ልዕሊ ኹሉም ውድድራት ቅድድም ብሽክለታ ዙር ፈረንሳ ጀሚሩ፡ ነብሱ ኣብ ዓበይቲ መድረኻት ንኽፍትና ተዳልዩ ከምዘሎ ንኣስታና ግልጺ ጌሩላ ይርከብ።

ወዲ 25 ዓመት ሄኖክ ምሉእብርሃን እቲ እንኮ ተቐዳዳማይ 3 ጊዜ ቻምፕዮን ኣፍሪቃ ንምኳን ዝበቐዐ እዩ። ኣብ ሓደ እዋን ንዘጋጠሞ ከቢድ ብድሆ ምፍራስ ደቡብ ኣፍሪቃዊት ጋንታ ኔክስት-ሃሽ ኲብካ ካብ 1ይ ናብ 3ይ ዲቪዝዮን ተመሊሱ ክጻወት ንዝተገደዶ ተጻዊሩ፡ ናብ ዎርልድ ቱር ድሕሪ ምምላሱ ክረኽቦ ብዝጸንሐ ሓያል ተመክሮን ኣብ ደረጃ 2.1ን 2-ፕሮን ዘመዝገቦ ዓወታትን ተደሚሩ ኣብ 2026 እቲ ካልእ ተቐዳዳማይ ንኤርትራ ኣብ ዎርልድ ቱር መድረኽ ከዐውት ብኣግኡ ቆጽሊ ተውድቑሉ እዩ።

## ኣብ ዙራት ዘመዝገቦ ዓወት ናይ ክብሪ ማልያታት...!

♦ 3 ጊዜ ቻምፕዮን ኣፍሪቃ (2022፡ 2023፡ 2024)

♦ 2 ጊዜ ዕዉት ብጫ ማልያ Tour of Magnificent Qinghai (2023፡ 2025)

♦ 1 ጊዜ ዕዉት ብጫ ማልያ ዙር ርዋንዳ (2023)

♦ 1 ጊዜ ዕዉት ቀጠልያ ማልያ Tour de Kyushu (2025)

♦ 2ይ ተርታ ኣብ ብጫ ማልያ Tour of Hainan (2024)




## ናይ መድረኽ ዓወታት ሄኖክ...!

♦ 3 መድረኽ ኣብ ዙር ርዋንዳ (2023፡ 2025)

♦ 2 መድረኽ ኣብ Tour of Qinghai Lake (2023፡ 2025)

♦ 1 መድረኽ ኣብ Tour de Kyushu (2025) ... ገለ ካብ ዓወታት ፕሮፌሽናል ተቐዳዳማይ ሄኖክ ምሉብርሃን እዮም።

2024፡ ኣብ ታሪኽ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራን ኣፍሪቃን ተዘኪራ ክትነብር’ያ። ምስ ሄኖክ ምሉእብርሃን ብመገዲ ክለብ ኣስቤኮ ኣቢሉ ናብ ፕሮፌሽናል ቅድድም ብሽክለታ ዝደየበ ብንያም ግርማይ፡ ኣብ ዙር ፈረንሳ 3 መድረኽ ተዓዊቱን ንቐጠልያ ማልያ ወኒንዋ ብዝወድኦን ኣብዚ ዓውዲ ሓድሽን ረዚንን ኣፍሪቃዊ ዓወት ሰኒዱ። ብንያም ን2025 ምስ ምድካም ባጀት ክለቡ ተኣሳሲሩ ብዘይ ናይ መድረኽ ዓወት እዩ ዘዚምዋ። ኢንተርማርሽ ርእሳ ክኢላ ከም ጋንታ ክትቅጽል ስለ ዘይከኣለት’ውን ምስ’ታ ብተመሳሳሊ ቍጠባዊ ጸገም ዝገጠማ ጓል ሃገራ ክለብ ሎቶ ተላፊና ሓንቲ ጋንታ ኮይና።

ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄርን




ናትናኤል ተስፋጽዮንን ኣብ ክለባቶም ሊድል ትረክን ሙቪስታርን ክወሃቦም ዝጸንሐ ተራ ብፍላይ ናይ ኣማኑኤል ነቶም ንሰለስቲኡ ቀጠልያ ማልያታት ግራንድ ቱር (ጂሮ ዲ.ኢጣልያ፡ ዙር ፈረንሳን ቮልታ ስጳኛን) ዝወነኑ ማድስ ፔደርሰንን ጆናታን ሚላንን ምዕዋት'ዩ፡ ዋና ስርሑ ጸኒሑ። ቀኣጽሪ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ኣብቲ ብ1ይ ዲቪዝዮን ዝውሰድ (World Tour) ኣብ 4 ምሕጻሩ ከይኣክል ብንያም ጥራይ ኣብቶም ዓበይቲ ውድድራት ንጋንትኡ ሓለቓ ጋንታ ብምዃን መሪሑ ክኣትዎ ብዝጸንሐ ን2025 ብዘይ ብዘይ ዓወት World Tour ንፋነዋ ኣለና።

2026 ግን ይውሓድ ይብዛሕ ዓወት ክንርእየላ ብተስፋ ክንጽበ ዝገብረና ምኽንያታት ክንጠቅስ ንኽእል፡-

1ይ/ ብንያም ግርማይ፡- ካብታ ምስ ሎቶ ተጸንቢራ ሓንቲ ጋንታ ትኸውን ሎቶ/ኢንተርማርሽ ክወጽእ ምዃኑ ብዝገለጸ ኣብ ዓባይ ክለብን ብሉጽ ምርሒት ዘለዋን ጋንታ ተጸንቢሩ ዝያዳ 2024 ብቕዓት ወኒኑ ክምለሳ ስለ ንጽበ። (መጽሔት ተሓቲማ ክሳብ ትዝርጋሕ ኣብ ምስግጋር ብንያም ናብ ካልእ ጋንታ ለውጢ ክመጽእ ከምዝኽእል ኣብ ግምት ይእቶ)

2ይ/ ሄኖክ ምሉብርሃን፡- በዚ ሓድሽ ክሳብ 2027 ኣብ ኣስታና ዘጽንሖ ኲንትራት ፈሪምዎ ዘሎ ኪንዮ ኣፍሪቃን ኤስያን ጋንትኡ መሪሑ ዓወታት ንከመዝግብ ዕድላት ክወሃቦ ብትጽበዮ።







3ይ/ ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር፡- እቲ ሱፐር-ዶሞስቲክ ክለቡ... ሊድል ትሬክ፣ ኣማኑኤል፡ ዝሓለፈ ዓመት ኲንትራቱ ከሐድስ ከሎ፡ ካብ ሓለፍቲ'ታ ጋንታ ሉኳ ጎርሲለና "ኣማኑኤል ክሳብ ሕጂ ጋንታና ንኽሕግዝን ከዐውትን ጥራይ ኢና ክንሓቶ ጸኒሕና፣ ኣብ ቀጻሊ ተስፋ ይገብር ንውልቁ ዓወታት ዘመዝግበሉ ውድድራት ክንሰርዓሉ" ኢልዎ ብዝነበረ መሰረት፡ 2026 ናይ'ቲ በዛ ዓመት ክለቡ 3 ቀጠልያ ማልያ ግራንድ ቱር ንኽትዕወት እግሩ ከይበቐቐ ዝሃቦ ምስኡ ክትከፍሎ ብትጽበያ።

4ይ/ ናትናኤል ተስፋጽዮን፡- ንዝሓለፈ 2 ዓመታት ማህረምቲ ንብቕዓቱ ብኣሉታ ጸልይዎ እንተ ዘይነብር፡ ምስ'ቲ ኣብ ምውዳእ'ዛ ዓመት ደጋጊሙ ኣብ ዓበይቲ ውድድራት ምስ TOP-10 ክውድእ ዝተራእየ... ሓንቲ ዓወት ኣይምሰኣነን ኢልካ ትተኣማመነሉ ተቐዳዳማይ እዩ። 2025 ኣብ ዙራትን ክላሲካትን 6 ጊዜ ምስ ላዕለዎት ተቐዳደምቲ ኣትዩ። 2-ፕሮ ኣብ ዝዕቀን ቤልጁም ዘአንገደቶ ዙር ዋሎኒ ኣብ ብጫ ማልያ 6ይ ተርታ ወዲኡ። ነዚ ዓይነት ውጽኢት ካብ ከቢድ ማህረምቲ ተመሊሱ እዩ ኣመዝጊብዎ።

# 2026፡ ዓበይቲ ኤርትራዊ ዓወታት ዝሕፈሰላ ዓመት ክትከውን ብሃንቀውታ ንጽበያ። ስለዚ እዩ...!

# ቅኒትና፡ ነጸብራቕ ክብርታትና!

## انْسجامُنا انعِكاسُ لِقِيمِنا

## Our Harmony, the Reflection of Our Values.

ቀዳማይ ቅነ ውዳበታት
ቀያሕቲ ዕምባባ ሃማመተኤ

ነሓሰ 2025
ከረን









